NATIONAL UNION OF ERITREAN YOUTH & STUDENTS

# መንእሰይ

መጽሔት ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተማሃሮን ኤርትራ

ሓምለ 2018
ሕታም 59

- “መግብታትና ዝያዳ እናኽጥበሱ ዝያዳ ንሕማም የቃልዑ”
  ውጽኢት ምርምር ዶክተር ኤደን ታረቀ

★ ዓወትና ፍረ ጽንዓትና

★ ዘይነጽፍ ዛራ - ሓይሊ

★ ምምእዛን ጸዓት መንእሰይ

★ ጩና ኣዳም . . . ፈውሲ ኣዳም

★ ክረምቲ ኣበይ ነሕልፎ?





- ትምህርቲ ኣብ ገዛ
  ኣስተምህሮ ብወ/ሮ ኣድያም ኣብርሃ

- ውጽኢት ናይ’ቲ ዝኸድክዎ ጉዕዞ’ዩ
  ድምጻዊ ቃልኣብ ተወልደመድህን

ክልተ ወርሓዊት መጽሔት
ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ

ሓምለ 2018 ቁ.59

መሸጢ ዋጋ ኣብ ኤርትራ ናቕፋ 10

ዋና ኣሰናዳኢ
መሰፍን ገብረሂወት

ዲዛይን ገበር
ከማል ዲኖ

ስእሊ
ሉል ኣውደዮቪዥዋል

ናብ'ዛ መጽሔት ክትሰዱዎ እትደልዩ ርእይቶ፡ ሓበሬታ፡ ኣበርክቶ፡ መአረምታ ወይ ሃናጺ ነቐፌታ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትልእኩልና ትኽእሉ፥

መጽሔት "መንእሰይ"
ቁ.ሳ.ጾ 1042
ቁ.ስልኪ 202592
ፋክስ 291-1- 125981

መርበብ ሓበሬታ ማሕበር
www.eriyouth.org

ዘርጋሒ መጽሔት
ቁ.ስልኪ 200454

መጽሔት መንእሰይ ብተወሳኺ ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.shabait.com ክትረኽብዋ ትኽእሉ።

# ትሕዝቶ

ቃል ኣሰናዳኢ 2
ደሃይ ማሕበር 3
- ፈስቲቫል ኣብ ሓድሽን ትስፉውን ሃዋህው
- መደባት ማእቶት ልምዓት መሬት
- ዑደት ናብ መደባት ልምዓት
ጉዳይ 10
- ዓወትና ፍረ ጽንዓትና
- ምምእዛን ጸዓት መንእሰይ
- ዘይነጽፍ ዛራ-ሓይሊ
ጸንሑት 17
- ምስ ዶክተር ኤደን ታረቀ
ሓሳባት 35
- ብዝሒ ዕድላት ዝፈጥሮ ሻቕሎት
- መጽሓፍ ዝረኸበ?
- መፍትሕ ሓባራዊ መረዳእታ
ዲያሪ
- ናይ ህይወት ህያብ
ሃበርም 35
- ብንያም ዑቕቡ
- ጨና ኣዳም... ፈውሲ ኣዳም
- ፍረ በለስ ከም ፈውሲ ሪሕ
ኣካዳሚ 39
- ክረምቲ ኣበይ ነሕልፎ?
ሕብረተሰብ 41
- ትምህርቲ ኣብ ገዛ
ባህልን ስነ-ጥበባትን 54
- ድምጻዊ ቃልኣብ ተወልደመድህን
- ሻሞት፡ መንነ ምቕጻልን ምቕጻይን
ሓጺር ዛንታ 55
- ወርቅነሽ
ኣኻዓየ 58
- መንእሰይ፡ ብዕራይ ሰኑይ
- ፍቕሪ ሳዋ
ተክኖሎጂ 58
መለሳ 62

# ቃል ኣሰናዳኢ

ናይ ሎሚ ዓመት ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት፡ ሳላ ዘይጽዓድ መኸተን ጽንዓትን መንእሰያት ኤርትራ ተጋሪዱ ኣብ ዘሎ ሓድሽን ትሰፉውን ሃዋህው እዩ ዝቕየድ ዘሎ። መንእሰይ ኤርትራ፡ ዝ. ፈስቲቫል'ዚ ን20 ዓመት መመላእታ ብጽንዓት ዝማከተሉ ፍትሒ. ናይ ምርግጋጽ ጉዳይ፡ መሊኡ ኣብ ዝተዓወተሉ፡ ዕዙዝ ኣጋጣሚ ኮይኑ እዩ ዝጽምብሎ ዘሎ። እዚ. ናይ ዓወት ሃዋህው'ዚ፡ ንፈስቲቫልና ዝያዳ ድምቀትን ርዝነትን ሂቡዎ ኣሎ።

መጻኢ. ኤርትራ ኣዝዩ ትሰፉውን ውሑስትን ዘለዎን እዩ። እዚ. ድማ፡ ብቐንዱ ጻማ ህርኩትና ህዝቢ.ን መንግስቲን ብሓፈሻ፡ ጻማ ናይ'ቶም ረብሓ ሃገር ቀድሚ ውልቃዊ ረብሓ ኣቐዲሞም፡ ንዓመታት ብዘተወፋይኑት ንልምዓት ሃገር ዘገልገሉ ንቑሓትን ጻዕራማትን መንእሰያት ናይ'ዚ. መድረኽ'ዚ. እዩ። ታሪኽና ታሪኽ ናይ'ዚ. መድረኽ'ዚ. መንእሰያት እምበኣር፡ ታሪኽ ምንጻፍ ድልዱልን ውሑስን መሰረት ንዞላቒ ቁጠባዊ ዕቤት ተባሂሉ ክግለጽ ዝከኣል እዩ።

መንእሰይ፡ ንውሱን ጸጋታት ሃገር ብሓያል ድሌት፡ ኒሕን ተወፋይነትን ኣረብሓሉ ሳላ ዝሰርሐ፡ ንቁጠባዊ፡ ባህላዊን ማሕበራዊን መቐደሮ ዝድርኽ ጥጡሕን ውሑስን መሰረት ክህንጽፍ በቒዕና ኣለና። መንእሰይ ንእወታዊ ለውጢ. ብዘለዎ ጽቡቕ ድልየትን ጥሙሕን ንሕብረተሰብ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ምዕባለን መቐደሮን ዘደይብ ጸዓት እዩ። ከንድ ዚ.ኾነ እዩ ድማ ፈስቲቫልና፡ "መንእሰይ፡ ጸዓት ዘላቒ ዕቤት" ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ቴማ፡ ንወሳ. ግደ መንእሰያት ኣብ ኩሉ መዳያት ብዘዘኻኽርን ዘቓቕሕን ዝተፈላለየ መሰናድኣታት ንጸንብሎ ዘሎና። ትሕዝቶ ናይ ዝበዝሐ ዓምድታት መጽሔት መንእሰይ ንቴማ ፈስቲቫል ዝትንትን ሓሳባት ሒዙ'ዩ ተዳልዩ ዘሎ።

ዶክተር ኤደን ታረቀ ኣብ'ቲ ናይ ፒኤችዲ ምርምራዊ መጽናዕታ፡ ብመሃዘታ ዘለለየቶ ርኽበት ብደረጃ ዓለም ጸላዊ ኾይኑ ኣሎ። ኣብ ዝበስል ብሕልፊ ድማ ኣብ ዝጥበስ ምግቢ. መንሸሮ ዘማዕበል "ኣክርይላማይድ" ዝተባህለ ኬሚካል ከም ዝፍጠር ብመጽናዕቲ ኣረጋጊጹ። መጽሔት መንእሰይ ኣብ ውልቃዊ ህይወታን ወጽኢት ምርምራዊ ስርሓን ዝተማህረትሉ ዓውዲ "ኑትሪሽን"ን ኣገደስቲ ነጥብታት ብምልዓል ዝተኻየደ ሰፊሕ ዕላል፡ ኣብ ዓምዲ ጸንሑት ቀሪቡ ኣሎ። ብውልቀ፡ ራሕያ ኣይተሃን ዲጋ'ውን ክሰራሕ ይከኣል'ዩ ካብ ዝብል ኒሕ፡ "ሱበዓን ክልተን ሽሕ ሜተር ክዩብ እትሕዝ ራህያ ሰሪሐ፡ ማይ ኣዋህሊለ፡ ሽሕን ሽዱሽተ ሚእትን ጉናጉዲ ከዒቱ ንገረብ ፍረታት ድሉዉ. ብምግባር ዕወት ሕርሻዊ ንጥፈት ምስ ዘቕየደ ሃብሮም ብንያም ዑቕባ ዘላሲ. ጽሑፍ'ውን ኣብ ዓምዲ ሃብርም ተዳልዩ ኣሎ።

ኣብ ጅንጆር ኣዳራሽ ዳዕሮ ሓብራዊ ዘተን ምስትምቓር ጥበባትን እናበራረየ ንልዕሊ. ሰለስተ ዓመት ወትሩ ሓሙስ ዝቐጸለ መደብ ኣሎ። ኣብዚ. ናይ እሂን-ምሂን ባይታ፡ ወ/ሮ ኣድያም ኣብርሃ፡ ትምህርቲ ኣብ ገዛ"Home Learning Environment: Birth to Five" ዝብል ኣስተምህሮ ብምኒያዚያ 2018 ኣቕሪባ ነይራ። ወለዲ. ኩይናም ዘለዉ. መንእሰያት ክጥቀምሉ ብምባል ከኣ፡ እቲ ሰፊሕ ኣስተምህሮ ተጸሚቑ ቀሪቡ ኣሎ። ምስ ሓደ ካብ'ቶም ከዋኽብቲ ድምጻውያን ናይ'ዚ. እዋን`ዚ. ድምጻዊ ቃልኣብ ተወልደመድህን ዝተኻየደ ዕላል'ውን ኣብ ልሙድ ቦታኡ ዓምዲ ባህልን ስነጥበባትን ተኣንጊዱ ኣሎ።

መጽሔት መንእሰይ ኣብ'ቶም ዝተረፉ ገጻታ'ውን ኣንበብታ የርወዩ እየም ዝበሉዎም ትምህርታውን ኣዘናጋዕን ዝተዛዘቐ ትሕዝቶታት ኣቕሪባ ስለዘላ፡ ኣንበብታ ክመሃሩላን ክዘናግዑላን ትጽቢት ኣዳለውታ እዩ። ሰናይ ቅንያት ፈስቲቫል!

## መንእሰይ ጸዓት ዘላቒ ዕብየት!

## ደሃይ ማሕበር

## ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት

# ኣብ ሓድሽን ትስፉውን ሃዋህው

8ይ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት ኤርትራ፡ “መንእሰይ ጸዓት ዘላቒ ዕብየት” ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ቴማ፡ ካብ 13-15 ሓምለ፡ ኣብ'ታ ንመንእሰያት ብትምህርቲ፡ ብሞያ፡ ብጥዑይ ስነምግባርን ክብርታትን መልሚላ ናብ ልምዓት ሃገር እተዋፍር ሳዋ ይካየድ ኣሎ።

ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል መንእሰያት ኤርትራ፡ ሳላ ዘይጽዓድ መኸተን ጽንዓትን መንእሰያት ኤርትራ ተጋሂዱ ኣብ ዘሎ ሓድሽን ትስፉውን ሃዋህው እዩ ዝካየድ ዘሎ። መንእሰይ ኤርትራ፡ ነዚ ፈስቲቫል'ዚ ን20 ዓመት መመላእታ ብጽንዓት ዝመከተሉ ፍትሒ ናይ ምርግጋጽ ጉዳይ፡ መሲኡ ኣብ ዝተዓወተሉ፡ ዕዙዝ ኣጋጣሚ እዩ ዝጸምብሎ ዘሎ። እዚ ናይ ዓወት ሃዋህው'ዚ ድማ፡ ንፈስቲቫልና ዝያዳ ድምቀትን ርዝነትን ሂብዎ ኣሎ።

ከምዝፍለጥ ኑቲ ብብዙሓት ዘይሕሰብን ዘይሕለምን ዝበረ ብኣፈጻጽማኡን ቅያታቱን እጹብ ድንቂ ዝኾነ ሓርነታዊ ተጋድሎና ዘዐወተ ቀዋሚ ረቛሒ፡ እቲ ካብ ማሕበራዊ ባህልን ልምድን ህዝብና ዝመንጨወ፡ ኣብ እዋን ቃልሲ ንሓድሕዱ ተመላሊኡ ዝማዕበለ ብሉጽ ሃገራዊ ባህሊን ክብርታትን እዩ። ኣብ ድቕድቕ ጸላም ፍቕሪ ሃገር ዘበርህ ልቢ፡ ንጸበባ ናብ ራህዋ ዝቕይር ሓድሕዳዊ ሓልዮትን ምድግጋፍን፡ እምነታት ፈተነ ብጽንዓቱ በንቀሩ ዘኮልጉል ተወፋይነት፡ ኣብ እዋን ወጥሪ ዝያዳ ዝስውድ ትብዓውነትን ርእሱ ምትእምማንን፡ ንህዝቢ ኤርትራ፡ ብዘኾነ ካልእ ክስገር ዘይክእል መስገደላት ሰጊሩ፡ ዘይክኣል ዝተባህለ ተጋድሎ ብሓያል ተጻዋርነትን ተወፋይነትን ክኢሉ፡ ብኣንጸባራቒ ዓወት ናጽነቱን ልኡላውነቱን ክጭብጥ ኣብቂዕዎ እዩ።

እዚ ባህሊን ክብርታትን'ዚ ድሕሪ ናጽነት እውን ብተረኽቢ ሕድሪ መንእሰይ ተወሪሱ፡ ከም ተኣምር ንናጽነት፡ ኣብ መኸተ ንልኡላውነትን ህንጸት ሃገርን እውን ደጊሙ ተኣምር ክሰርሕ ይርኢ ኣሎ። ክብርን ሞጎስን ኑቲ ኣብ ውሽጢ




ሃገርን ወጻኢን ዝርከብ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣውራ ድማ መንእሰያት መድረኽ ናጽነት፡ ኤርትራ ኻ እግራ ከይደልደለ ልኡላውነታ ንምቕላስ ዝተፈነወላ መጠኑ ሰፊሕ ወራራት ብተኣምራታዊ ጅግንነትን ጽንዓትን ናብ ማይ ቀይሩ፣ ብኩናትን ሕጊን ረቲዑ፣ ፍትሒ ንዕጸጸካ ዓሎቕ ንምንጋስ ዝተኣልመ ዓቕልኻ ዝፈታተን ማእሊያ ዘይብሉ ሸርሒታትን ውዲታትን በጣጢሱ፣ ንመድረኽ ኣይኩናት ኣይሰላም ብስራሕን ጻዕርን ናብ ረብሓኡ ቀይሩ፡ ኣብ መወዳእታ ኣብ መኸተ ፍትሒን ጉዕዞ ልምዓትን ተዓዊቱ ክትወጽእ ምኽኣሉ፡ ኑቲ ዘኹርዕ ታሪኻ መሊሱ ዘድምቕ ኣንጸባራቒ ታሪኽ ክትሰርሕ በቒዑ።



ከምዚ ኤርትራ ዝበጠማ ከቢድ ተጻብኦን ብድሆታትን ተጻዊሩ፡ ኣቓልቦኡ ከይተገዘወ፡ ብዓቕሊን ትዕግስቲን ሸግራቱ እናፈትሐ፡ ኣንፈቱ

ከየጥፍኡ ዝዓዓዘ ህዝቢን መንግስቲን እንተተረኺቡ ኣዝዩ ውሑድ እዩ ክኸውን ዝኽእል። ልዑል ጥምረትን ሓድነትን ብሉጽ ባህልን ክብርታትን ዘለዎ ሕብረተሰብ ጥራይ'ዩ ከምዚ ዓይነት ፈተነ ክሰግር ዓቕሚን ተጻዋርነትን ክህልዎ ዝኽእል። ዝኾነ ህዝብን ሃገርን ዝጽር ኣይኮነን። ህዝብን መንግስቲን ኤርትራ፣ ናብቲ ረዚን መስዋእቲ ዝተኸፍለሉ ሃገራዊ ዕላማን ራእይን ዘብጽሕ እንኮ መገዲ፣ ክንጽ ግዚያዊ ጽልግልግ ናብ ዝጸሃይ ሓቀኛ ብርሃን ዘማዕዱ፣ ክንጽ ግዚያዊ ጸገማት ናብ ዘሎ ነባሪ ራህዋ ዘቋምት፣ ንጹርን ቅኑዕን ፖለቲካዊ መስመር ጽኑዕ ምሓዝ ምኳኑ ብምእማን፣ ብዙሓት የዋሃት ኣየዋጽእን እዩ ዝበልዎ፣ ለኻዕቢ ዘይብሉ ተረር መገዲ ኪኽተል እዩ መሪጹ። እንሆ ድማ ምህርቲ ናይዚ ተረርን ቅኑዕን ኣካይዳ ብዋዕበ ክሕፈስ ንዕዘብ ኣለና። ኤርትራ፣ ብኩምራ ተጻብኦታትን ምትንኻላትን ተዳሂላ ወይ ርዒዳ ክብረታን ሓራ ፖለቲካዊ መስመራን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣይወደቐትን። ሳላዚ ጸንዓትዚ ከኣ ካብቲ ቅኑዕ ሓዲድ ንምንድልሃጻ ዝተገብረ ኩሉ ዓይነት ፈተነታት ሃደሽደሽ እናበለ ይፈርስ ኣሎ። ድሕሪ ቅሩብ ግዜ ድማ፣ ቅኑዕነትን ተዓዋትነትን ሃገራዊ መስመርና ኣጸቢቑ ኣብ ዘጉህድ ድልዱል ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ባይታ ክንዓልብ ምኳንና ንጹር እዩ። እቲ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ብዘተፈላለየ መገዲታት ክዓዝድ እንርእዮ ዘለና ናብ ረቡሓና ዘዘበለ ምዕባለታት ገለ ካብ ውሑድ መርኣያታቱ ጥራይ እዩ። እቲ ዝዓበየ መኽሰቡ ግና ምስ ግዜ ብኻዕበት እናተሓፍሰ ክኸይድ ምኳኑ ድማ ርጉጽ እዩ።


እዚ ተኸሲቱ ዘሎ ሓድሽን ትሰፉውን ሃዋህው፣ ብቐንዱ ውጽኢት፣ ልዑል ሃገራዊ ፍቕሪ ዝመጣምሩ ሓድነት፣ ጽንዓትን ተወፋይነትን ሃገራውያን መንእሰያት እዩ ክበሃል ይከኣል። ዝኢ ሃገራውነትዚ ኣብ ምፍጣር፣ እቶም ንባህሊ ሕብረተሰብ ዘቖሙ ክብርታት ወሳኒ ተራ ተጻዊቶም እዮም። ክብርታትና እምነትና ዓንዲ ማእከል ጥምረትናን ሓይልናን እዮም። ሃገርና፣ ንሓድነት ህዝቡ ዝቃለስ፣ ሃገራዊ ጉዳያት ብዕዙዝ ሱታፌኡ ዘዐውት፣ ብእኩብ ዝሓስብ፣ ምዕባለ ህዝቡን ሃገሩን ዝምነን ምእንቲ ሓቢራዊ ረቡሓ ዝወፈን መንእሰይ ስለዘለዋ እያ፣ ነቲ ብመሪር ዋጋ ዝጨበጦ ናጽነት ከየድፈረት ብልምዓት ረሺዱ ኣብ ገፅዞ ምርግጋጽ ቁጠባዊ ሓርነት ብዓወት እትምርሽ ዘላ።

ዕወትን ቀጻልነቱ ውሑስን ህዝቢ፣ እቲ ብዙሕ ዝቖጽሩ ወይ ዝፈ ባህርያዊ ጸጋ ዝውንን ዘይኮነ፣ እቲ ብሉጽ ፖለቲካዊ፣ ባህላዊን ማሕበራዊን ክብርታት ዝውንን እዩ። ወሰን ዝዓቐሙ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ዘይጽዓድ ሓይሊ ተቐይሩ፣ በይኑ ንርእሱ ሓያላን ሰዒሩ፣ ከቢድ ውዲታት ሰጊሩ፣ ህላወኡን ቀጻልነቱን ከም ህዝብን ሃገርን ከረጋግጽ ዘበቕዖ ብርቱዕ ዕጥቁ፣ ብሉጽ ባህሉን ክብርታቱን እዩ። ሓባራዊ ረቡሓ ዘቐድም፣ በይኑ ይጥዓመኒ ዝበል ኣተሓሳስባ ዝፍንፍን፣ ወጻዒን በደልን ዘይቅበል፣ ሓቂን ቅንዕናን ዘፍቅር፣ ንስለ ፍትሒ ምስያፍ ዘድንቕን ዘኽብርን ኤርትራዊ ባህሊ፣ እቲ ዕውታት ኮይንና ክንወጽእ ዘኽእለና ዘሎ ማሕበራዊ ክብርታት እዩ። ክብርታትና፣ መንነትና ዝፈጠሩን ህላወናን ቀጻልነትናን ዘውሕሱን ረቛሕቲ ኣጸዋሪትና እዮም። ክንዲ ዝኾኑ እዞም ብሉጻት ክብርታት ከይበረዙ፣ ከም ብሌን ዓይንና ክንሕብሕቦም፣ ክንዕቅቦም ከምዕብሎም ናይ ዘውትር ዕዮና እዩ። ከመይሲ ሕጂ እውን ከም ትማሊ ዋሕስ ህላወና ጥራይ ዘይኮነ፣ መርሓ ምዕባለና፣ ምንጪ ክብረትናን ስልጣንናን ንሳቶም እዮም።

ኤርትራዊ ሃገራዊ ክብርታት እምነትና፣ ናጽነት ንምምጻእ ኣብ ዝተፈጸመ ቅያን ጅግንነትን ተኣምር ሰሪሑ፣ ናብ ወለዶ ልምዓት ብምስጋር ገና ተኣምር ዝሰርሕ ዘሎ እዩ። ቀጻልነቱ ከረጋግጽ ከኣ እናሻዕ እናተኸልዐን እናተሓደሰን ክኸይድ የድልዮ። ምኽላዕን ምሕዳስን ጥራይ ዘይኮነ ብቐጻሊ ኣብ ቀልዑን መንእሰያትን እናሰረጸ ንክሰጋገር ብውጥን ሓያል ፖለቲካዊን ባህላዊን ስራሕ ክካየደሉ ይግባእ። ብሉጻት ክብርታት ሕብረተሰብና ኣዝዮም ብዙሓት እዮም። የግዳስ ብኣጋጣሚ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት፣ ካብቶም ብዙሓት ክብርታት፣ እቶም ንሃገራዊን ሕብረተሰብኣዊን ድሕነትን ዕብየትን ኣዝዮም ወሰንቲ ዝኾኑ ክብርታት፣ ደጊምካ ምዝኽኻርን ምጉላሑን ኣገዳሲ ይኸውን።

### ፍቕሪ ሃገር፦

እዚ ብቐዳማይ ደረጃ ዝስራዕ ሃገራዊ ክብርና እዩ። ርግጽ እዩ ፍቕሪ ሃገርን መንነትን ኣብ ኩሉ ወዲ ሰብ ዘሎ እዩ። ምኽንያቱ መበቈሉ፣ ተወሊዱ ዝዓበየሉ ቦታን ሕብረተሰብን ዘየፍቅር የልቦን። መበቈልካ ምፍታው ጥራይ ግን መግለጺ ፍቕሪ ሃገር ወይ ሃገራውነት ክኸውን ኣይክእልን። እቲ ፍቕሩ ሓላፍነት ብዘለዎም ንቕሓት ክስከም እንከሎ እዩ ሓደ ካብ ዓበይቲ ክብርታት



ዝኸውን፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ እዋን ቃልሲ፡ ኣዝዩ ዘኹርዕን ዝሕበኑሉን ታሪኽ ክፍጽም ዝኸኣለ፡ ድሕሪ ናጽነት እውን ልኡላውነቱ ንምድፋር ዘንቀደ ማጠነ ሰፊሕ ወራራት ሓምሺሹ፡ ኩሉ ዓይነት ሽርሒታት መኪቱ ኣብ ትስፉው ጎደና ዕቤት ክረግጽ ዝጠቕዐ፡ ብፍቕሪ ሃገርን ህዝቢን ዝሰደዱ፡ ካብ ውልቃዊ ዕላማታት ንላዕሊ ሃገራውን ህዝባውን ባህጊ ንምሟባጥ ዘንቀዱ ብሉጻትን ንቑሓትን መንእሰያት ስለዝረኸበ እዩ። መጻኢ ጉዕዞኡን ተስፉታቱን እናለምለመ ክኸይድ እንተኾይኑ ከኣ፡ እዚ ዘለዎን ክብሪ ተዓቂቡ፡ ናብ ንኣሽቱ እናተሰጋገረ ክቕጽል የድሊ።

### ሃገራዊ ስራት፦

ሃገራዊ ሓድነትን ስራትን ሓደ ካብቶም ብሉጻት ክብርታት ኤርትራዊ ሕብረተሰብ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ንኹሉ ከፋፋሊ ትሕተ ሃገራዊ ስምዒታት ሰጊሩ፡ ንጎልኣት ህዝብታት ኣፍሪቃ ክኸውን ዝኽእል ሰሙርን ስልጡንን ኣመለኻኽታ ከማዕብል ዝኸኣለ ንቑሕ ህዝቢ እዩ። ስእነት ሃገራዊ ስራት ክሳብ ክንደይ ንህላወ ሕብረተሰብ ዝፈታተን ዕንወት ከምዝኾነ ተሞኩሮ ብዙሓት ህዝብታት ክዝርዝር ይከኣል'ዩ። ስለዚ ድማ፡ ኤርትራዊ መንእሰይ፡ ማሕበራዊ ስራት ከም ብሌን ዓይኑ ብምሕላው፡ ጉጅላዊ ኣተሓሳስባን ኩሉ መልክዑት ኣድልዎን ብትሪ እናኸልከለ ወትሩ ንሃገራዊ ጥምረት ክሰርሕ ይግባእ።

### ፍትወት ሓቂ፡ ፍትሒን ማዕርነትን፦

ሓደ ካብ ዓበይቲ ክብርታት ሕብረተሰብና ፍትወት ሓቅን ፍትሒን ማዕርነትን እዩ። ከምዝፍለጥ፡ ፍትሒ እቲ ቀንዲ መጣምር ሕብረተሰብ እዩ። ጥምረት ደቂሰቡ ብፍትሒ እዩ ዝረጋገጽ። ፍትሒ ድማ መሰረቱ፡ ኣኽብሮት ሕጊን ሰላማዊ ርክብን ቅንዕናን ምዕሩይ ኣጠማምታን'ዩ። ፍትሒን ማዕርነትን ምስዝጥፋእ፡ ጥምረት እናዝለቐ ናብ ምብትታን እዩ ዝምርሕ። መንእሰይ እምበኣር፡ ኣገዳስነትን ወሰንነትን ናይዚ ብሉጽ ክብሪ'ዚ ብዕምቈት ተገንዚቡ፡ ፍትወት ሓቂ፡ ፍትሒን ማዕርነትን ባህሉ ገይሩ ክሉብሶ የድሊ። ብዘይ ፍትሒ፡ ምርግጋጽ ይኹን ብልጽግና ፍጹም ክመጽእ ከምዘይክእል ብምርዳእ፡ መንእሰይ ንማሕበራዊ ፍትሒ ምጥባቕ፡ ጸር ውጽዓት ወገናቱ ንምቅላል ብሓላፍነታዊ መንፈስ ምስራሕ፡ ኣድልዎ ጾታን ማሕበራዊ ቦታን ዘይብሉ ፍትሓውን ማዕርነታውን ኣጠማምታ ንምስፋን ምቅላስ መለለዩ ክብርታቱ ክኸውን ይግባእ።

### ርእሰምትእምማን፦

ርእሰ ምትእምማን ሓደ ካብ ጉሉሓት ክብርታት ኤርትራዊ ሕብረተሰብ እዩ። ብርሃጽካ ምንባር፡ ርእሰኻ ምኽኣል፡ ተመጽዋቲ ዘይምኳን፡ ብባህልኻን መንነትካን ምኹራዕ እቶም ቀንዲ መርኣያታት ናይዚ ክብሪ'ዚ እዮም። ብኣተሓሳስባ ይኹን ብዋጋ፡ ኣብ ኑብሰኻ ምትእምማን ኤርትራዊ ባህሊ እዩ። ኣብ ፖለቲካ፡ ካብ ኣምልኾ ናይ ግዳም ፍልስፍናታት ንላዕሊ ሃገራዊ ዕላማታትና ኢና እነቐድም፣ ኣብ ቁጠባ፡ ኣብ ውሽጣዊ ዓቕምና ምምርኳስን ንዕኡ ምምዕባልን ኢና እንመርጽ፣ ኣብ ባህሊ፡ ንገዛእ ባህላዊ ውርሻታትና ኢና እነድንቕ። ህዝቢ ኤርትራ ብህርኩትናኡን ጻዕረኛነቱን ዝልለ ህዝቢ እዩ። ፈታው ስራሕ ስለዝኾነ ድማ እዚ ክብሪ'ዚ መሰረት ተበላሓትን ደላዪ ሞያን ትምህርቲን ክኸውን ደሪኹዎ እዩ። ብስራሕን ትምህርቲን ብቕዓትካ ክብ ምባል፡ ኣብ ስራሕ ዘይምምራጽ፡ ጸገማትን ሕጽረታትን ብበልሓትን መሃዝነትን ምፍታሕ ሓደ ካብ ብሉጽ ክብርታት ሕብረተሰብና እዩ። ንስራሕን ትምህርቲን ዝተዓደለ ኣእምሮ ከኣ፡ ብዘይካ ክንዕበር'የ ምባልን ብሉጽ ሕልምታት ምሕላምን፡ ካልእ ሰንከፍ ሓሳባት ክሓስብ ኣይክእልን እዩ። እዚ ክብሪ'ዚ ብሕጂ እውን ብሓያል ፖለቲካውን ባህላውን ስራሕ ናብ መጻኢ ወለዶታት እናተሰጋገረ ክኸይድ የድሊ።

### ፈስቲቫል ድርዒ ክብርታትና

ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ምስጢር ናይ ትማልን ሎምን ቅያታት ህዝቢ ኤርትራ፡ እቲ ኣብ ነዊሕ መስርሕ እተሃንጸ ሓበራዊ ባህግን መረዳእታን ኣብኡ ዝሰረተ ሓያል ሃገራዊ ስራትን እዩ። ኣብ ቃልሲ ስለ ናጽነትን ምውሓስ ልኡላውነትን ተኣምር ዝሰርሐ፡ ሃገራዊ ጥምረትናን ስራትናን እዩ። ናይ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ዕማም መኸተን ህንጸት ሃገርን ብዓወት ክንክይዶ ዘኽኣለና እውን ንሱ እዩ። ነዚ ረቂቕ ሓይሊ'ዚ ዘኹስኩሱ ብዙሓት ረቛሒታት ኣብ እንጽብጸበሉ ድማ፡ ግደ ሃገራዊ ፈስቲቫላትና ጎሊሑ ኣብ መዘኑብ ዘሰፍር እዩ።


ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ፡ ኣብ ሜዳን ኣብ ወጻኢን ዝቐየድ ዝነበረ ሃገራዊ ፈስቲቫላት፡ ናህሪ ብረታዊ ተጋድሎ ብምስላጥ፡ ዕምሪ መግዛእቲ ኣብ ምሕጻር ዝተጻወቶ ተራ ብቐሊል ዝግመት ኣይነበረን። ፈስቲቫል መንእሰያት ኮነ ካልኦት ባህላዊ ፈስቲቫላት መድረኽ ናጽነት ድማ፡ ሓበራዊ ራእይ ብምድማቕ፡ ኩለንተናዊ ህንጸት ሃገር ኣብ ምድራኽን ግዳማዊ ተጻብኦታትን ሽርሒታትን ኣብ ምምካትን ኣበርክቶኦም ልዑል እዩ ነይሩ። ሃገራዊ ፈስቲቫላትና ንባህላውን ታሪኻውን ቅርሲታት ሃገርና ዘንጸባርቑ፡ ጽባቐ ባህላዊ ብዙሕነትና ኣጉሊሖ፡ ረብሓ ሓድሕዳዊ ምጽዋዋርን ጣዕሚ ሃገራዊ ስራትን ዝምህሩ፡ ንዜጋታት ምስ ባህልን ኣነባብራን መላእ ሕብረተሰብ ዘላልዩ፤ ሃገራዊ ስራትና ዘንጸባርቑ፡ ወረሲን ኣውራሲን ወለዶታት ኣራኺቡ፡ ታሪኽን ክብርታትን ዘሰጋግሩ፡ ሓሳባትን ምህዞታትን ዘበራብሩ፡ ኮታ ምስሊ ህርኩትን ሰሙርን ህዝቢ ዝኹልዕ መድረኽ እዩ።

ኣብ'ዚ ዘለናዮ ዘመን ዓውለማ፡ ኣብ ብዙሓት ሕብረተሰባት ዝርከቡ ሓደስቲ ወለዶታት ዚጋጥሞም ዘሎ ባህላዊ ቅልውላው ቀሊል ኣይኮነን። ንመን ይመስሉ? ኣበየናይ ባህላዊ ባይታ ኮይኖም ኣንፈቶም የገጽሩን ጉዕዞኦም ይቕልሱን ዓቢ ግድል ዝኾኖም መንእሰያት ውሑዳት ኣይኮኑን። ብኣንጻሩ፡ ኤርትራ፡ ብመንነቶም፡ ታሪኾም፡ ባህሎምን ቋንቋኦምን ምሒር ዝሕበኑን ዝኹርዑን መንእሰያት እትውንን ሃገር ምኳና፡ ዓቢ ጸጋን ውሕስነት መጻኢኣን እዩ። ፈስቲቫልና ድማ፡ መንእሰያት ካብ ዓይኒ-ማይ ባህሎም ከይርሕቁ ማእከል ስሕበት ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ ኣገዳሲ መድረኽ ምትእኽኻብ ኮይኑ ኣብቲ ሰሙር ኣመለኻኽታ ተወሳኺ ድርዒ እዩ።

# መደባት ማእቶት ልምዓት መሬት መሰረት ዘላቒ ዕብየት!

ሃማመተኤ መንእሰያት ኣብ ልምዓት ኣከባቢ ዘለዎም ንቕሓት ክዓቢን ኣብ ምዕቃብኑን ምክንኻኑን ግቡእ ኣበርክቶኦም ንኽገብሩን ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ክሰርሓሉ ጸኒሑ እዩ። ናይ ሎምዘበን ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት፡ ሰፊሕ ናይ ምዝላይን ምግራብን መደባት ማእቶት ኣጣሚሩ ደብዓል ምህላዉ፡ ካብቲ ናይ ዝሓለፈ ፍሉይ ይገብሮ። እዚ ሰፊሕ ናይ ምዝላይን ምግራብን ማእቶታዊ መደብ፡ ኣብ ምውሓስ ዘላቒ ዕብየት ሃገር ዓብዪ እጃም ክህልዎ ምኳኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እዚ ብኣጋጣሚ ፈስቲቫል ብፍሉይ ውዳበ ዝካየድ ዘሎ ማእቶታዊ መደብ እምበኣር፡ ካብቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝሰፍሐን ዝወርጸጸን ኮይኑ፡ ስሩዕ መደባት ተሰሪዕሉ ቀጻልነቱ ከም ዝውሕስ ንምግባር ማሕበር እጅገኡ ሰብሲቡ ተዳልዩሉ ኣሎ።

ንኣተግባብርኡ ዝምልከት ብኽልተ ገጻት ማለት ኣብ ኑብሲወከፍ ንኡስ ዞባ ካብ ገዛኦም እናተመላለሱ ዝሰርሕዎን ኣብ እዋን ክራማት ብመልክዕ ምዕስካር ዝካየድ ካብ ተመሃሮ፡ መንእሰያት ሰራሕተኛታትን ካብ ደገ ዝመጽኡ መንእሰያትን ዝሳተፍዎ መደብ ኮይኑ ክስረሓሉ እዩ። ሓፈሻዊ ዝተዓመ ስራሕን ገስጋሱን ዝምልከት ኣብ ዝቕጽል ሕታም መጽሔት መንእሰይ ክወጽእ እዩ። ንሕጂ ስለምንታይ እዩ ማሕበር ንማእቶታዊ መደብ ብልዑል ተገዳስነት ክሰርሓሉ ተበጊሱ ዘሎ፡ ኣብ ዘላቒ ዕብየት ሃገርከ




እንታይ እጃም ክህልዎ ይኽእል ኣብ ዝብል ዛዕባ ኣተኲርና ኣሎና።

መሬት፡ ዋላ'ኳ ሓባራዊ ሃብቲ ዓለም ይኹን፡ ሰባት ብልኡላዊ ዶባት ከፋፊሎም ስለ ዘመሓድሩዎ፡ ነፍሲወከፍ ሃገር ወይ ሕብረተሰብ ዝኸተሎዎ ምሕደራን ክንክንን መሬት ይፈላለ እዩ።

ገለ ሃገራት፡ ዕድሎት ጸጋ መሬተን ብዘተዛማዲ ርቡሕን እኹል ዝናብ ዝረኽባን ክኾውን ከሎ፡ ካልኦት ድማ ብኣንጻሩ ይኾውን። ብፍላይ ኣብዚ ክሊማ ዓለም ብቐጻሊ ዝለዋወጠሉ ዘሎ ዘመን፡ ሃገራት ንሓድሕደን እናተደጋገፋ እምበር፡ ብዘተናጸል ውሕስነት ርጉእ መሬት ከረጋግጻ ከም ዘይክእላ ተረጋጊጹ እዩ።

እተፈላለየ ዝጠንቁ ምድካይ መሬት (Land degradation)፡ ብደረጃ ዓለም ዓቢ ብድሆ ካብ ዝኾውን ነዊሕ ኣቑጺሩ እዩ። ብመሰረት ጸብጻባት ውዕል ሕቡራት ሃገራት ንምምካት ምድረበዳነት (United Nations Convention to Combat Desertification)፡ ብሰንኪ ምድካይ መሬትን ምስፍሕፋሕ ምድረበዳነትን፡ 1.9 ቢልዮን ሄክታር መሬት ከምኡ'ውን 1.5 ቢልዮን ህዝቢ ብኣሉታ ተጸልዩ ኣሎ። ዓመታዊ 12 ሚልዮን ሄክታር መሬት፡ ብሰንኪ ምድረበዳነት ካብ ጥቕሚ ወጻኢ ይኾውን ኣሎ። 50 ሚእታዊት ካብ መሬት ሕርሻ ዓለምና ድማ ብማእከላይ ደረጃ ወይ ብኸቢድ ይደኪ ኣሎ።

ኤርትራ'ውን ኣብቲ ብቐጻሊ ደርቂ ዝጽሎን ሓደጋ ምድረበዳነት ዘንጸላልዎን ከባቢ ዓለምና እተደኮነት ሃገር ከም ምኳና መጠን፡ ካብተን ኣብ ክንክንን ምሕደራን መሬት እምብዛ ክግደሳ ዘዋብኣን ሃገራት ዓለም ክትከውን ግድን እዩ።

ዝበዝሐ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሕርሻ ዝምርኮስ መነባብሮ ስለ ዝመርሕ፡ ክንክንን ግቡእ ኣጠቓቕማ መሬትን ዓንዲ ሕርሻዊ ምዕባለን ምርግጋጽ ውሕስነት ዘሎዎ መኣዛዊ መግብን ምኳኑ ርዱእ'ዩ። በዚ'ዩ ድማ መንግስቲ ኤርትራ፡ ንመሬት ማእከል ኩሉ ፖሊሲኡ ብምግባር፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስን ድኽነት ንምጥፋእን ዝሰርሕ ዘሎ።

ኣብ ሃገርና፡ ምዕሩይ

ኣጠቓቕማ መሬት ንምዕዋት ንኹሉ ሕብረተሰብ ብምንስጓስ ንምስራሑ ይሰርሓሉ ኣሎ። እዚ ስትራተጂ'ዚ፡ ኣዝዩ ርጉጽን ውጽኢታውን ኣወዳድባ ምኳኑ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ብደረጃ ዓለምን ኣብ ምምካት ምድካይ መሬት፡ ደርቅን ምድረበዳነትን ብግብሪ ዝተመስከረሉ እዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ'ዩ፡ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምግራብን፡ ካብ ቀዳሞት ስትራተጂ ኮይኑ ዝተሰርዐ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ናይ መስከረም ሓፈሻዊ 2015 ጉባኤኡ፡ 17 ዘላቒ ሽቶታት ልምዓት/ምዕባለን (Sustainable Development Goals) 169 ዒላማታትን (targets) ክሳብ 2030 ኣብ ተግባር ክውዕል ወሲኑ። ካብዘን 17 ሽቶታት፡ እታ መበል 15 ሽቶ፡ ንህይወት ኣብ መሬት እትምልከት እያ። እዚ ዝድለ ዘሎ ስራሓትን እቲ ንሕና እንኸተሎ ዘሎና መገድን ተማሳሳልን ተማላላእን ስለዝኾነ፡ ኤርትራ ነቲ መደብ ሓንጎፋይ ኢላ ብምቕባል ክትሰርሓሉ ጀሚራ። እዚ ሽቶ'ዚ 'ምድካይ መሬት ኣልቦ' 'Land Degradation Neutrality (LDN) ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ምድካይ መሬት፡ ሓደገኛነቱን ሳዕቤናቱን ንስድራቤትን ኮማትን ጥራይ ዘይኮነ፡ ንሰፊሕ ሕብረተሰብ ከይተረፈ፡ ሰላምን ርግኣትን ዝኸልእ ዓቢ ጉዳይ እዩ። እዚ ስለዝኾነ፡ መሬትና ካብ ምድካይ መሬት ምፍዋስን ሓመድን ማይን ምዕቃብን ቀዳምነት ናይ ቀዳምነታትና ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።

***

እዚ ኹሉ ክንጠቕሶ ዝጸናሕና ዝርዝራዊ ሓቅታት፡ ንሓፈሻዊ ኣፍልጦ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንሕና መንእሰያት እንመርሖን እንትግብሮን ማእቶታዊ ንጥፈታት፡ ኣገዳስነቱ ማዕረ ክንደይ ዓቢ ምኳኑን ብሓላፍነት ድማ ክንትግብሮ ከም ዝግብኣና ንምግንዛብ ኢና።

ቀጠባዊ ጸገም፡ ቀንዲ ብድሆ ዓለም ምኳኑ ርዱእ'ዩ። ሃገራት ድማ ዘለወን ተዛማዲ ብልጫታት ብምምዝማዝ፡ ቀጠባዊ ዕበየተን ከረጋግጻ ሓያል ጻዕሪ የካይዳ። ሃገርና ኤርትራ ድማ ብሓያል ተሳትፎ ኮም፡ ብቐንዱ ድማ ብተሳትፎ መንእሰያት፡ ኣብ ብርክት ዝበሉ ልምዓታዊ ማእቶታዊ ንጥፈታት ተጸሚዳ ትርከብ። ምህናጽ ከዘንቲ ማያት፡ ምፍዋስ ማይ-ኩዖታት ብመገዲ ምግራብ፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ምቛም ሕዛእትታትን ልዕሊ ዝኾነ ኻልእ ኣድህቦ ተዋሂቡዎም ይርከቡ።

ዛጊት ተግቢርናዮም ዘሎና ዓበይቲ ልምዓታዊ ፕሮጀክትታት ውጽኢቶም ተስፋ ዝህብ፡ ናይ ምትግባር ዓቕምና ድማ ዘመስከሩን እዮም። ብፍላይ ተኸዚኖም ዘለዉ ማያት፡ ኣንጺፎምዎ ዘለዉ ባይታ እምብዛ ዓቢ እዩ። ንዕኦም ኣብ ቀጥታዊ ልምዓታዊ መደባት ንምውዓሎምን ተራኦም ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ንምዕዛዝን ግና እቲ ዝዓበየ ተራ ናይ መንእሰያት እዩ። ብኸመይ?

እዞም ብዘመናዊ ኣገባብ ተሃኒጾም ዘለዉ ዲጋታት፡ ብዘመናዊ ኣገባብ ኣብ መዓላ እንተ ውዒሎም ጥራይ እዮም ጭቡጥ ውጽኢት ክህቡና። ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ድማ ልዕሊ ዝኾነ ኻልእ ኣካል፡ ንመንእሰይ ይቐርቦ። ካብ ምትካል ወይ ምዝርጋሕ ዘመናዊ ዕደላ ማይ ንሕርሻን ዝስተ ማይን ኣትሒዙካ፡ ምድልዳል መሬት፡ 'ኩለንተናዊ' ንጥፈታት ዘመናዊ ማሕረስ፡ ምእካብ ምህርቲ፡ ምኽዛንን ምምስራሕን መግቢ ወዘተ. 'ወሸለ ዝሰርሖ ረኺቡ' ዝብል ዕድላት ሸቐለት ተፈጢሩ ኣሎ።

ኩሉ'ዚ ዝጠቐስናዮ ንጥፈታት ግና ብቲ ንዘመናት ክንክተሎ ዝጸናሕና ያታዊ ኣገባባት ዘይኮነ፡ ቴክኖሎጂ ዝሰረቱ ዘመናዊ ኣገባብ እንተ ተኸቲልና ጥራይ'ዩ ግቡእ ውጽኢት ክህበና። ስለዚ፡ መንእሰያት ኣብ ቴክኖሎጂ ሓበሬታ ጥራይ ዘይኮነ ተጨቓጨቕም ክምህዙን ክሰንዑን ዘሎዎም፡ ንሃገርና ሕርሻዊ ምህዞታትን ሰንዓታትን ኣመና ከም ዘገድሳ ተረዲኦም፡ ኣብዚ ዓውዲ ብንጥፈት ክዋስኡ ምዝኽኻር እዋናዊ ጻውዒት እዩ።

ኣገዳስነት ካልኦት ዓውድታት ኣብ ቦታኡ እናሃለወ፡ ቀዳምነት መንግስትን ህዝብን ኤርትራ፡ ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መኣዛዊ መግቢ ስለዘሎ፡ መንእሰያት ኣብዚ ዓውዲ ዘሎዎም ኣፍልጦ ክበርኽ ግቡእ እዩ። ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ይኹን ካልኦት ምስ መንእሰያት ቅርበት ዘሎዎም ትካላት፡ መንእሰያት ንማእቶታዊ ንጥፈታት ኪንዮ ወቕታዊ ምትካል ገረብን ምስራሕ ዛላታትን ዝኸይድ ምኳኑ ከማእዝኑዎም ጽቡቕ እዩ።

ምኽንያቱ፡ ሃገራዊ ልምዓታዊ ቅኒትን ንጥፈታት መንእሰያትን ሰሚሩ ክጉዓዝ እንተኹይኑ፡ መንእሰያት፡ ኪንዮ ኣብ ልምዓታዊ ፕሮጀክትታት ዑደት ምኽያድን ኣብ ኣዝዩ ውሱን ዕምሮም ማእቶታዊ ንጥፈታት ምኽያድን፡ ንጡፍ ኣበርክቶ ክህሉዎም ይግባእ።

ኩሉ ዓይነት ሞያ ኣገልጋሊ ልምዓታዊ ንጥፈታት ክኸውን ከም ዝኽእል ብምግንዛብ፡ መንእሰያት ኣብዚ ንጥፈታት ዘሎና ሃጓፋት ብምግንዛብ፡ ንዕኡ ንምሽፋን ብዘሎዎም ሞያታትን ዝንባለታትን ክጽዕቱ ይግባእ።

"መንእሰይ፡ ጸዓት ዘላቒ ዕበየት!" ዝብል ቴማ ፈስቲቫል፡ ምስ ዓለማዊ ሽቶታት ዘላቒ ምዕባለ (Globoal Sustainable Development Goals)፡ ኣተኣሳሲርና እንተ ርኢናዮ፡ እተን ቀዳሞት ሽቶታት፡ ምጥፋእ ጥሜትን ድኽነትን እየን ዝብላ። ሃገርና ድማ ልዕሊ'ዘን ሽቶታት ዝሰራዕ ቀዳምነት ስለ ዘይብላ፡ መንእሰያት፡ ነዘን ሽቶታት እዚኣን ከይተግበርካ፡ ናብ ካልእ ምስጋር እዋናዊ ከም ዘይኮነ ተረዲኦም፡ ብሓቂ ጸዓት ዘላቒ ዕበየት ኮይንና ክሰርሑ ምዝኽኻሮም ኣገዳሲ እዩ።

ልምዓት መሬት፡ መሰረት ዘላቒ ዕበየት፥ መንእሰይ ድማ ጸዓት ናይዚ ዕበየት!

# ዑደት ናብ መደባት ልምዓት

ኣብ 2003 ንኸለን ኣብ ከባቢ ሰምሃር ዝርከብ ዓድታት ዝጸንበረ ዳህሳስ ተኻይዱ ነይሩ። ኣነ ድማ ሓንቲ ካብቶም ነቲ ዳህሳስ ዘካየዱ ጉጅለ እየ ነይረ። ኣብቲ እዋን ኣብ ከባቢ ጋሕቴላይ ዝነበራ ዓድታት ልቾን ማይን ዘይነበረን ጭው ዝበለ ገጠራት እየን ነይረን። ንባዕሉ እዚ ዓቢ ዲጋ ዝህነጸሉ ዘሎ ቦታ ብኸቦታት ዝተሸፈነ ጭው ዝበለ በረኻ እዩ ነይሩ። ሕጂ ግና ኩሉ ነገር ተቐይሩ። ኣብዚ ከባቢ ዘለዋ ዓድታት ዳርጋ ኩለን መሰረታዊ ጠለባት ተማሊኡለን፣ ከምኡ`ውን እዚ ጭው ዝበለ በረኻ ዝነበረ ንኽትኣምኖ ዘሸግር ዲጋ ይህነጸሉ ኣሎ። ብሓጺሩ ኣብ 2003 ነዚ ቦታ ክርእዮ ከለኹ ከምዚ ክኸውን እዩ ኢለ ሓሊመ ኣይፈልጥን እየ ኣረ።”

እዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ቃላት፣ ቃላት ናይ ኣስቴር ሰለሙን ዝተባህለት ኣብ ዩጋንዳ እትቕመጥ ኤርትራዊት ዜጋ እዩ። ኣስቴር ነዚ ስምዒት ዝቕስቅስ ዘረባ፣ ብሰንኪ`ቲ ኣብ ዑደታ ዘስተማቐረቶ ጽባቐን ዘይተጸበየቶ ለውጥን ኢያ ተዛሪባቶ።

ብዕለት 28 ከምኡ`ውን ዕለት 30 ወርሒ ግንቦት ካብ ወጻኢ ሃገር ዝመጹ ኤርትራውያን ናብ ዝተፈላለዩ ናይ ልምዓት መደባት ዑደት ኣካይዶም ነይሮም። እቲ ብሃማመተኤ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ዝተወደበ ናይ ክልተ መዓልታት ዑደት፣ ናብቶም እዋናውያንን ዓበይትን መደባት ልምዓት ኤርትራ ዘተኮረ እዩ ነይሩ። ኣብ ቀዳማይ መዓልቲ ዑደት ማለት ዕለት 28 ግንቦት፣ ብሓደሽ ህንጻ ኮሌጅ ማይነፍሒ (ኮሌጅ ኢንጂነሪንግ) ኣቢሎም ናብ ዲጋ መጠራ (ዲጋ ዓዲ-ሃሎ) ድሕሪ ምብጻሖም ቀጺሎም ድማ ናብቲ ተተኳሊ ጸዓት ማለት ሶላር ፕላንተሽን ኣብ ዓዲ ሃሎ ዝመደበሩ ቦታ እዮም ተንቀሳቒሶም። በቶም ዝምልከቶም ኣካላት ዝድልዮም መብርሂታት ምስ ተዋህቦም ድማ ደኺምና ከይበሉ ናብቶም ምስክር ጽንዓትን ሓቦን ኤርትራዊ መንእሰይ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ስርሓት ኣምርሑ።

ቡቲ ዘደንቕ ስርሓት ዲጋ መጠራን ህንጻ ኮሌጅ ምህንድስናን ዝተኸፍተ ሸውሃት ተሳተፍቲ`ቲ ዑደት ገና ከይተረጋግአ እንከሎ ናብ ዲጋ ላምዛ (ትሕቲ ዲጋ መጠራ፣ ጥቓ ከተማ ድባርዋ ተደኩና እትርከብ ዲጋ ኢያ) በጺሖም። እታ ኣብ መስርሕ ህንጸት እትርከብ ዲጋ ምስ ተዛዘመት ክሳብ 5 ሚልዮን ሜትሮ ኩብ ክትሕዝ ትጽቢት ከምዝተገበረላ ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ኣብቲ ኣጋጣሚ ገሊጾም። እቶም ተሳተፍቲ ዑደት፣ ኑቶም ኣብቲ መስርሕ ህንጸት ዝተዋፈሩ መንእሰያት ዘለዎም ፍቕሪ ብምስዓዖምን ናይ ሓባር ስእልታት ብምውሳድን እየም ክገልጽሎም ፈቲኖም።

ተሳተፍቲ ዑደት ቀጺሎም ናብቲ ኣብዚ እዋን እዚ ትካል ሕርሻዊ ምርምርን መፍረ ኩቡትን ኮይኑ ዘሎ ሓልሓለ እየም ተጓዒዞም። ኣብቲ ቦታ ዝርከብ ሕርሻዊ ንጥፈታትን ኩቡቲ ዝፈርያሉ ዘለዋ ቦታን እናተዛዋወሩ ተዓዚቦም። ነቲ ዝካየድ ዘሎ ገዚፍ ልምዓታዊ መደባት ድማ ብዘይ ተኣደነ ሕቶታት ብምምባር ዝያዳ ከስተማቕርዎ ፈቲኖም። ኣብቲ ቦታ ዝጸንሐ ክኢላ ኣብ መግለጺኡ፣ “ብተፈጥሮ መብዛሕትኡ ግዜ ኩቡቲ ኣብ ሓደ እዋን ሓደ ውሉድ እየን ዘፍርያ። እዘን ነፍርየን ዘለና ከባቢ 700 ዝኾና ኩቡቲ ግና ዳርጋ ኩለን ማንታ እየን ወሊደን። እዚ ድማ ኣብዚ ካይዶ ዘለና ጻዕሪ ባህሪ'ውን ይሕግዘና ከም ዘሎ እዩ ዘርእየና።” ብምባል ነቲ ተፈጥሮኣዊ ኣጋጣሚ ዘለዎ ተምሳጥ ገሊጹ።







ካብዚ ብምቕጻል ድማ ንዲጋ ምስላምን (ዲጋ ገርገራ) ኣብ ጎቦ ኢትዓብር ተደኩኑ ዝርከብ ዓበይቲ ናይ ማይ መኽዘንን ብምብጻሕ ናይ ቀዳማይ መዓልቲ ዑደቶም ዛዚሞም ንገዛኦም ተመሊሶም። ኣብቲ ኣጋጣሚ ንሓላፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ሃማመተኤ፣ ኣቶ ዳኒኤል እያሱ ብዛዕባ ዕላማን ኣብ ተሳተፍቲ ዑደት ዝፈጥሮ ጽልዋን ኣብ ዝተወከሰናሉ ኣጋጣሚ ከምዚ ብምባል እዩ መሊሱ። “ቀንዲ ዕላማ ናይ'ዚ ዑደት፣ እቶም ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝቦበሩ ዜጋታትና ምስ ሃገሮም ዘለዎም ቅርበት ዝያዳ ብባህልን ፍቕርን ንምእሳር እዩ ነይሩ። እዚ ድማ ታሪኻውያን ቦታታት ብምርኣይን ህሉው ልምዓታዊ ንጥፈታት ሃገር ብምስትማቓር ዝህነጽ ነገር እዩ። ነዚ ኢና ድማ ከም ዕላማ ሒዝና ተበጊስና።” ብምባል ገሊጹ።

እዚ ከም ክልሰ ሓሳብ ዘበገሶ ነገር ድማ ብልክዕ ኣብቲ ቀጺሉ ዝተወደበ ናይ ካልኣይ መዓልቲ ዑደት ብንግሁ እዩ ክንጸባረቕ ተራእዩ። ናብቲ ኣብ ዕለት 30 ዝተሰርዐ ካልኣይን ናይ መወዳእታን ዑደት ንምስትምቓር ብንግሁ እዮም ኣብ ቀጽሪ ሃማመተኤ ዝተረኽቡ። ካብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዝመጹ ዜጋታት ነንሕድሕዶም ተላልዮም ኩብቅዐ፣ ክማረቑን ክዋዘዩን ክትርኢ ከለኻ፣ እቲ ዝተኻየደ ዑደት ዝያዳ እቲ ምስ ሃገርካ ዝህልወካ ቅርበት ካብ ምዕባይ ሓሊፉ ሰቦት ነንሕድሕዶም

ኣብ ዝህልዎም ምቅርራብን ሓድሕድ ፍቕሪ ኣብ ምዕባይን ዝህልዎ ተራ ልዑል ምዃኑ ትግንዝቡ።

እቲ ብንግሆኡ ዝጀመረ ናይ ካልኣይ መዓልቲ ዑደት ቀንዲ ንዲጋ ጋሕቴላይ ዕላማ ዝገበረ እዩ ነይሩ። ተሳተፍቲ ዑደት ኑቲ ኣብ ጸርግያ ኣስመራ ባጽዕ ዝርከብ ዝተፈላለዩ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት እናተዓዘቡን እናሰኣሉን ኣብ ጎላጉል ጋሕቴላይ እዮም በጺሖም። ንእለት ኣብቲ ብርቱዕ ጸቐጥን ሃሩርን ዘለዎ ጎላጉል ጋሕቴላይ ምስ በጽሑ ብምሉእ ኣካላቶም ርሃጽ ወረር ወረር ክብል እዩ ተራእዩ። ኣውቶቡስ ካብ ከተማ ጋሕቴላይ ንጺጋም ምስ ተዓጽፈት ብዙሕ ከይከደት እያ ኣብቲ ገዚፍ ልምዓታዊ መደብት ዝሰላሰለሉ ዘሎ ዲጋ ጋሕቴላይ ዝበጽሐት። ካብ ኣውቶብስ ወሪድና ምስ ተዓዘብና ድማ ኣዝዮም ብዙሓት መንእሰያት ምስ ተፈጥሮኣዊ ብድሆ እናተቓለሱ ገሊኦም ማሽነሪ ዝመርሑ፣ ገሊኦም ኣእማን ዘማዓራርዩ ገሊኦም ተንዲኖታት ዝጠወዩ ኮታ ኣብ ብርቱዕ ስራሕ ተጸሚዶም ዝረኣናዮም።

እታ ኣብ ጥቓና ዝበረት ከበበ 16 ዓመት ትጉብር መንእሰይ በቲ ብርቱዕ ሃሩር እናላህለሀት "እዞም ዝሰርሑ ዘለዉ መንእሰያት፣ ኣብ ሰዓት ክንደይ ይኸፈሉ ይኾኑ፧" ብምባል ተወከሰትና። "ከም ዝመስለኒ ዋላ ሓንቲ ኣይክፈሉን እዮም፣ ፍቕሪ ሃገርን ሕድሪ ኣቦታቶምን እዩ ከም ዝሰርሑ ዝጉብሮም ዘሎ።" ብምባል ከረድኣ ፈቲንና። "ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ኣብዚ ቦታ ይትረፍ ክትሰርሕ ክትቕመጥ ከማን ኣዝዩ ከቢድ እዩ።" ብምባል ንጽንዓትን ተወፋይነትን ኤርትራውያን መንእሰያት ክትገልጾ ፈቲና።

በዘን ወዲ ከምዝን እናዕለልና ከለና ኑቲ ልምዓታዊ መደብ ክገልጸልና ዝተመደበ ኢንጅ. ዳኒኤል ብፍሕሽው ገጽ ተሰንዩ መጸና። ኣብ መግለጺኡ ድማ እቲ ዲጋ ብጠቕላላ ዝሕዞ ማይ ኣብ ካልኣይ ደረጃ፣ ብዙሓት ጻዕርን መጠን ፕሮጀክትን ግና ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ከም ዝሰረዕ ኣብሪሁ። እቲ ካብ ኣጻድፍ ኣስመራ ጀሚሩ ምክንኻን ወይ ህንጻት ዝቕየደሉ (መእለዩ ውሕጅት እናፈጠርካ ማለት እዩ) ዘሎ ዲጋ ምስ ተዛዘመ ልዕሊ 50 ሚልዮን መትሮ ኩብ ክሕዝ ትጽቢት ከም ዘሎ ኢንጅ.ዳኒኤል መብርሂ ሂቡ። ዲጋ ጋሕቴላይ ዘይከም ካልኦት ዝተሃንጻን ኣብ መስርሕ ህንጻት ዝርከብ ዲጋታትን ኣዝዩ ነዊሕ መፅጉቲ ዝተሃንጸ እዩ። እቲ መፅጉቲ ተባሂሉ ዝህጸ ዘሎ ቦታ ክሳብ 1.5 ኪሎ ሜትር ከምዝበጽሕ ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ይገልጹ። እቲ ዲጋ ብዝተኻእለ መጠን ብዓለማዊ መዐቀኒ ክህጸ ከም ዝተፈተነ ኣቶ ዳኒኤል ኣብ መግለጺኡ ሓቢሩ። ኣብ መወዳእታ ድማ ተሳተፍቲ ኑቲ ኩሉ ኣብ ውሽጦም ዝተኣከበ ሕቶታት ድሕሪ ምሕታት፣ ብመልሲ ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ዓጊቦም ኣንፈቶም ናብ ኣስመራ ብምቕናዕ ኣብ ግንባር ጊንዳዕ እዮም ተራእዮም።



ብዙዕባ ግንባር ጊንዳዕን ኑቲ ኣብኡ ዝተኻየደ መሪር ኩናትን ኣመልኪታ ንዓመት መመላእታ ኣብቲ መሪር ኩናት ዝተቓለሰት ተጋዳሊት ኤልሳ ኣብርሃ (ጓል ሽልን) ንተሳተፍቲ ናይቲ ዑደት ሰፊሕ መብርሂ ሂባ። ኣብቲ ኣጋጣሚ ዝውሕዝ ዝበረ ሕቶታት ንባህግን ፍቕሪ ሃገርን ናይቶም ተሳተፍቲ ዑደት ዘርኢ እዩ ነይሩ። ተጋዳሊት ኤልሳ ኣብ ከተማ ጊንዳዕ እያ ዓብያ "ኣብ ከበቢ ዓድኻ ክትዋጋእ እቲ ዝኸበደ እዩ። ምኽንያቱ እቲ እትሰዶ ብረት ንሓብትኻ፣ ሓውኻ፣ ኣዴኻ ከይረኽቦም እናተሰከፍካ ኢኻ ትሰዶ።" ብምባል ዝያዳ`ቲ ምረት ናይቲ ኩናት ስክፍታ ዝፈጥሮ ምረት ከምዝበረ`ውን ንእግረ መንገዳ ገሊጻ። ተጋዳሊት ኤልሳ ኣብ መግለጺኣ "ኣነ ሓደገይ ናጽነት እዩ" ምስ በለት ብዙሕ ተንካፊ ስምዒት ኣብ ነፍሲ ወከብ ተሳታፊ ተንጸባሪቑ እዩ። ኩሉ ኣብታ መግለጺ ዝተሳተፈ ሰብ ድማ ንኡብኡ "ኣን`ኽ እንታይ ኣበርኪተ፧" ዘይበለ የለን።

ድሕሪ`ዚ ምቁርን ምስ ሃገርካ ዘተኣሳስርን ዑደት ምስ ሓንቲ ካብ ሃገረ ሲዊዘርላንድ ዝመጸት ተሳታፊት ብዛዕባ ካብቲ ዝተኻየደ ዑደት ዝኸሰብዎ ነገር እንተልዩ ምስ ሓተትክዋ "ንሕናን ደቅናን ኣብ ደገ ስደተኛታት ኢና። ህሉው ኩነታት ናይ ሃገርና ብግቡእ ዘይንፈልጥ እንተ ኮይንና ድማ ኣብ ሃገርና`ውን ስደተኛታት ኢና። ኣብዚ ዑደት ድማ ምስ ሃገርና ዘለና ፍልጠት የዕቢና፣ ኣብ ልዕሊኣ ዘለና ፍቕሪ ገሊጽና ኢና። ስለዚ እዚ ዑደት ዋላ ኣብ ሃገርና ስደተኛታት ካብ ምዃን ኣድሒኑና እዩ። ኣብ ርእሲ`ቲ ንንሕድሕድና ዝፈጥሮ ፍቕርን ምምልላይን ማለተይ እዩ።" ብምባል ኣሕጽር ኣቢላ እያ መሊሳትልና።

ተራ እዚ ዑደት እዚ ኣብ ምህናጽ ምስሊ ሃገር ብዝምልከት ንኣቶ ዳኒኤል ኣብ ዝተወከስናሉ "ምስሊ ሃገር ብብዙሓት ነገራት ዝጽሎ እኳ እንተኾነ፣ ኑቲ ህሉው ምዕባለታት ሃገር ምርኣይ ግና ካብቶም ዝሓየሉ ምስሊ ሃገር ዝህንጹሎም ባእታታት እዩ። ስለዚ ከምዚ ዓይነት ዑደት ኑቲ ብኣልኦት ዝውሰድ ምስሊ ሃገር ኣብ ምድዋን ዘተኮረ ንጥፈታት ዝበድህ ኮይኑ እዩ ረኺበዮ። እቶም ተሳተፍቲ በቲ ዑደት ብልቢ እዮም ተመሲጦም። ካብ ተምሳጥ ተላዒሎም ድማ ንብዙሓት ሰባት ክሕብሩ ተራእዮም እዮም። ስለዚ ተራ ናይዚ ዑደት ኣወንታዊ ምዃኑ ብግብሪ ተንጸባሪቑ ማለት እዩ። ብተደጋጋሚ ሓድሽ ዑደት ወደብልና ዝበሉ እናበዝሑ ይመጹ ኣለዉ" ብምባል ክገልጾ ፈቲኑ።

ኣብ መወዳእታ ድማ ተሳተፍቲ ንዚያዳ ሌላ ናይ ምዝንጋዕ መደብ ብምሕንጻጽ ሰናይ ትምኒቶም ብምግላጽ ተፈላልዮም።

ሚከኤል በርሀ

ጉዳያት

# ዓወትና ፍረ ጽንዓትና

ብሓፈሻዊ ኣገላልጻ ዕላማን ቃልሲን ህዝብታት ፍትሓዊን ዘይፍትሓዊን ተባሂሉ ኣብ ክልተ ደምብ ክፈልካ ክርኣ ይከኣል እዩ። ኣንጻር ጭቆና፡ ምዝመዛ፡ መግዛእቲን ዝተፈላለየ በደላትን ዝካየድ ቃልሲ "ፍትሓዊ" ክበሃል እንከሎ፡ ብኣንጻሩ፡ ምልኪ፡ ምዝመዛ፡ ግብትናን ዓሎቕን ንምንጋስ ዝካየድ ቃልሲ፡ ዋላ'ኳ ቡዙሕ ተጣበቕቲ፡ ርትዓዊ ከምስሎ ዝኽእል መመኽነይታ ዝቐርበሉ እንተኾነ "ዘይፍትሓዊ" እዩ።

ተዓዋትነት ናይ ዝኾነ ቃልሲ ወይ ጉዳይ ፍትሓዊ ይኹን ዘይፍትሓዊ ዝውስኖ፡ ብቐዓት በዓል ጉዳይን እቲ ዝኽተሎ መስመር፡ ሜላን ኣገባብትን'ዩ። ዝኾነ ቃልሲ ፍትሓዊ ደዩ ዘይፍትሓዊ ብዘየገድስ ክዕወትን ዘይክዕወትን ይኽእል እዩ። ተዓዋትነቱ እቲ ዝኽተሎ ፖሊቲካዊን ወተሃደራዊን ካልእን ስትራተጂን ስልቲን ሜላታትን ከምኡ'ውን ቁጠባዊን ቴክኖሎጂያዊን ጸጋታት'ዩ ዝውስኖ። ፍትሓዊ ዕላማ ዘለዎ ቃልሲ፡ ብዝተፈላለየ ድኻማት ርሑቕ ከይከደ ክቕልዕ ወይ ክሰዓር ተኽእሎ ኣሎ። ብኣንጻሩ ድማ፡ ዘይፍትሓዊ ዕላማ ዝሓዘ ዓመጽቲን ገበትቲን ንድኻም ፍትሓዊ ቃልሲ ብምምዝማዝ ብብልጸት ስልቲን ሜላታትን ቁጠባዊን ቴክኖሎጂያዊን ጸብለልታ ክዕወቱ ይኽእሉ እዮም።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት፡ ኣብ ጽኑዕ ሕጋዊን ፍትሓዊን መስመር ረጊጹ፡ ከቢድ ፈተና ሰጊሩ፡ ፍትሒ ብምርግጋጽ፡ ብኣንጸባራቒ ዓወት ናብ ሓድሽ መድረኽ ኣብ ዝሰጋገረሉ መድረኽ ንርከብ ኣለና። ኣብዚ እንኣትዎ ዘለና ሓድሽን ትሰፋውን መድረኽ እምበኣር፡ ንታሪኽ ኤርትራን ኤርትራዊ ሃገራውነትን ንድሕሪት ተመሊስካ ብምድህሳስ፡ ነቲ ዝሓለፍናዮ ከቢድ ፈተናታት ክንሰግር ዘኽኣለና ዓቢ ረቛሒ ምንልሓሉ ኣገዳሲ ይኸውን።

ከምዝፍለጥ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዝኾነ ተጻባኢ ባህርይ ዘይብሉ፡ ብዘይካ ሓርነቱ፡ ግዝኣታዊ ሓድነቱን ሰብኣዊ ክብረቱን ምውሓስ ካልእ ዘይደሊ፡ ዘይናቱ ዘይብህግ ናቱ ዘይህብ ህዝቢ እዩ። እንተኾነ ብሰንኪ ዓይኒ ዝስሕብ ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣ ሃገሩን ጸጋታት መሬቱን ባሕሩን፡ ንዘመናት ኣብ ቀጻሊ ናይ ወራርን መኸተን ሃዋህው ክጽመድ ዝተገደደ ህዝቢ፡ ብምኳኑ፡ ታሪኹ ብርቂን ኣለዎ።

ኣብ ታሪኽ ማእከላይ ዘመን ናይዚ ዞባ'ዚ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ በዚ ናይ ሎሚ ኣህጉራዊ ዶባተን ከይቖማ፡ ህዝቢ ኤርትራ ጸጋታቱ ብምብህግ ብኹሉ ኩርናዓት፡ እንተላይ ካብ ስግር ባሕሪ ብምምጻእ ዝፈታተንዎ ዝነበሩ ወረርቲ እናመከተ ንስለ ሰብኣዊ መሰሉን ክብረቱን ዘካየዶ፡ ናይ "ኣይግዛእን!" ሓርበኛነት ሰውድን ዘሐለፎን ታሪኽ እዩ። ዘመን መግዛእቲ ምስ መጸ እውን፡ ምእንቲ መሰላቱ፡ ምስቲ ብሓይሊ ኣጽዋር ኣገዛዊ ጸብለል ዝነበሎም መግዛእታዊ ሰራዊት ጣልያን ገጢሞም ዝወደቑ፡ ዝተረሸኑን ዝተሓየሩን ኤርትራውያን ውሑዳት ኣይነበሩን። ኣብ እዋን ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ኣብ 1941፡ ጣልያንን ሰብ ኪዳኑን ምስ ተሳዕሩ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ መሰል ርእሰ ውሳኔኡ ንናጽነትን ልኡላውነትን ከረጋግጽ'ዩ ኣንቂዱ። ይኹን'ምበር በታ ሽዑ ዓብላሊት ዝነበረት ርእሰ ሓያል ኣመሪካ፡ "ናጽነት ኤርትራ ንስትራተጂያዊ ረብሓ ኣመሪካ ዘገልግል ኣይኮነን" ተባሂሉ ተኸሊፉ። እንተኾነ ህዝቢ ኤርትራ፡ በዚ ዕንቅፋት'ዚ ኣይተሰናበደን። ሰላማዊን ሕጋዊን ተቓውሞኡ ብሓይሊ ጭፍለቓ ንምጽዓዱ ኣብ ዝተሃቀነሉ 20 ዓመታት ከኣ፡ ኢዱ ከይሃበ፡ ንፍትሒ ጸዊዑ፡ ሰሚዒ እዝኒ ምስ ሰኣነ ከኣ፡ ብ1 መስከረም 1961 ሕጋዊ መሰሉ ብቕልጽሙ ንምርግጋጽ ዕጥቃዊ መኸተ ኣበጊሱ።

ህዝቢ ኤርትራ በቲ ውሑድ ዓቕሙ ሃገራዊን ሰብኣዊን ክብረቱ ንምርግጋጽ፡ እናተበራረዩ ምስ ዝመጹ ብዓቕሚ ኣዝዮም ጸብለል ዝበልዎ ዓለማውያን ሓይልታት ክገጥም እኳ እንተተገደደ፡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ክጭፍለቕን ክስዓርን ኣይከኣለን። ኣብቲ ህዝቢ ኤርትራ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘካይደሉ ዝነበረ ዘመን "ዝሐሉል ኩናት"፡ ካብ 1961 ጀሚርካ ክሳብ 1974 ኣመሪካን ሰብ ኪዳናን ከምኡ'ውን ካብ 1974 ክሳብ 1991 ሕብረት ሶቭየትን ሰብ ኪዳናን፡ ቡቡተራ፡ ግዚፍ መግዛእታዊ ወከል ሓይሊ ነዲቖም፡ ኣዚ ንእሽቶ ህዝቢን መሰላቱን ንምድሃኽ መጠነ-ሰፊሕ ወራራት ኣካይዶም እዮም። ህዝቢ ኤርትራ ግን ምእንቲ ሕጋዊ መሰላቱ ክም'ህ ከይበለ መኪቱ፡ ተዓዊቱ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ታሪኽ መሰል ህዝብታት ብርቂ ታሪኽ ሰሪሑ። ህዝቢ ኤርትራ፡ በዚ ጅግንነታዊ ናይ መኸተ ታሪኽ ሓሊፉ፡ መላእ መሬቱ ሓራ ድሕሪ ምውጻእ እውን እንተኾነ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ሕጊን መሰል ህዝብታትን ነቕ ዘይብል ፖለቲካዊ ባህሊን መትከልን ሰሪቱ እዩ። ድሕሪ'ቲ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ዝተጓናጸፎ ዓወት፡ ናጽነት ክእውጅ ሕጋዊ መሰሉ እኳ እንተነበረ፡ መሰል ናጽነቱን ልዑላውነቱን ብድምጺ ህዝቢ (ረፈረንዱም) ዕላዊ ብምግባር፡ ተወሳኺ ኣብነታዊ ታሪኽ ሰሪሑ።

ድሕሪ ናጽነት፡ ህዝቢ ኤርትራ፥ ነታ ነዊሕ ተጓዒዙ ብድግምትን መስዋእቲን ዝጨበጣ ሃገረ ሓርነትን ናጽነትን ኑቲ ወርሻ እትብቅዕ ካብ ዕብለላን ዝምታን ጽግዕተኛነትን ሓራ ዝኾነት፡ ሓቀኛ ናጻን ልዑላዊትን ስምርቲን ሃገር ክትከውን ኽህንጻታ እጅግኡ ሰበሰቡ ተበገሰ። የግዳስ ካብ ተጻብኦ ኣየዕረፈን። ናይ ታሪኽን ግዜን ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱን ልዑላውነቱን ዝተጓናጸፈሉ እዋን "ዝሑል ኩናት" ዝኽተመሉ መድረኽ እዩ ነይሩ። በዚ ድማ፡ "ምብራቓዊ ደምበ" ተሳዒሩ ስለዝተባህለ ሓይልታት ምዕራብ፡ ብእኦም ዝቕለስ ሓድሽ ዓለማዊ ስርዓት ንምፍጣር፡ ዘይከውንነታዊ ፖለሲታት ክኽተሉ ተራእዮም። በዚ ግጉይ ፖለሲታት'ዚ ኣብዚ ዝሓለፈ ልዕሊ ርብዒ ዘመን ኣብ ዝተፈላለየ ክፍሊታት ዓለም ዝተኸስተ ቅልውላዋት፡ ዝርገት፡ ህልቂትን ዕንወትን ማእለያ የብሉን። ኣብ ክሊ ናይዚ ፖለሲታት'ዚ ከኣ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዳግማይ ካብ ቅሉዕ ወራር ጀሚርካ ብዙሕ ግሁድን ስውርን ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ተጻብኦን ሸርሒታትን ክገጥም ተገዲዱ።

ኣብዚ ድሕሪ ናጽነት ዝመጸ ዳግማይ ናይ 20 ዓመት መኸተ እውን እንተኾነ፡ ህዝቢ ኤርትራ፥ ብገዚፍ ወራር፡ ብጻዕቂ ፖለቲካዊን ዲፕሎማሲያዊን ሸርሒታት፡ ምስይጣንን ታህዲዳትን ከይተሰናበደን ከይተዓገተን ንወለዶታት ብዘመስከሮ ጽንዓት፡ ኑቲ ምእንቲ ልዕልና ሕጊን ፍትሒን ዘቖጾ ቃልሲ መለሱ ዝኸፈሎ ዘሎ ታሪኽ ብምፍጻም ኑቲ ረዚን ታሪኹ ዝያዳ ደምቀት ወሲኹሉ ኣሎ።

ዕላማ ናይቲ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈነወ ቅሉዕ ወራርን ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊን ዲፕሎማሲያውን ተጻብኦታትን፡ ብዋጋ ሃብቲን ህይወትን ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ገሪፍካን ኣንበርኪኽካን ሓንቲ ትርጉም ህላወ ዘይብላ ብዝሰሉ ወከልቲ መንግስቲ እትመሓደር ሃገር ክውን ምግባር'ዩ ነይሩ። ዝ ናይ ርሑቕ ዕላማ መመሳመሲ ዝኾውን ሰቡብ ንምፍጣር ድማ "ባድመ ተወሪራትና" ዝብል ምኽንያት ተማሂዙ። ኣብቲ እዋን'ቲ ዝነበሩ መራሕቲ ኢትዮጵያን ናይ ግዳም ደረኽቶምን፡ ባድመ ብመሰረት መግዛእታዊ ውዕላት (1900፡ 1902፡ 1908) ኣካል ልኡላዊ ግዝኣት ኤርትራ ምዃና ኣዳዕዲያም ይፈልጡ ነይሮም እዮም። ብስሉጥነት ሓይሊ ሓቂ ደፊንካ፡ ኑቲ ብድሕሪ ውተሃደራዊ ወራር ዝተኸወለ ዝዓበየ ዛዕባ ናብ ጋህዲ ምቕያር ዝኽእል ስለዝመሰሎም ግን፡ ዝ ፈጠራዊ ክሲ'ዚ ምህዛም መጠነ ሰፊሕ ኩናት ኣካይዶም። እንተኾነ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ ዳግማይ ፈተነ እውን ኣይተኻእለን።

እቲ ዘሕዝን ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ዝ ብናይ ሓሶት ቁልዒ ዝጓሃረ ኩናት፡ ከቢድ ዋጋ ክኸፍልሉ ተገዲዶም እዮም። ህዝቢ ኤርትራ ወራር ስለዝመጾ፡ ንስለ ህላወኡ፥ ሰብኣዊ ክብረቱን ግዝኣታዊ ሓድነቱን ዝኸፈሎ ዋጋ ብምዃኑ፥ ዋላ እኳ ብዘይድሌቱ ተገዲዱ ዝኣተዎ እንተኾነ፡ እቲ ዝኸፈሎ መስዋእቲን ተጻዊሩ ዝሓለፎ ከቢድ ሳዕቤናቱን ግድን ክስዕሮ ዝነበሮ እዩ። በዚ ዓንዳሪ ኩናት'ዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ግን፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝኸሰሮ ሃብቲን ንዓመታት ዝወረዶ ቁጠባዊ ኣደራዕን እውን ብቐሊሉ ዝግመት ኣይኮነን።

ርግጽ'ዩ፡ ጸገም ዝምጽኡ የለን። ግን ከይደለኻዮ ክመጽእ እንከሎ፡ ስጊርካዮ ኣብ ምሕላፍ ዝጥረ ሓይሊን ብቕዓትን ኣሎ። ብድህሪታትን ሸርሒታትን መድረኽ ናጽነት ከኣ፡ ብኣንጻር ትጽቢትን ምህለላን ተጻባእቲ፡ ንኤርትራዊ ሃገራውነትን ፍትሓዊ ዕላማኡን ዝያዳ ኣድሚቑ፡ ንሃገራዊ መንፈስን ጥምረትን ህዝቢ ኤርትራ መለሱ ኣስዊድዎ ኣሎ።

## ወትሩ ዕዉታት እንኾኑ ምስጢር እንታይ'ዩ?

ህዝቢ ወይ ሕብረተሰብ ዝፈጥር ወሳኒን ረቂቕን ረቛሒ፡ ኣብ



ኣእምሮ ሰባት ዝሰርጽ ባህልን ክብርታትን እዩ። መሰረት ህላወ፡ ቀጻልነትን ምዕባለን ሕብረተሰብ ኣብ ዝኾነ እዋን፡ ሕብረተሰብ ክኹስኩሶ ዝኽእል ባህሊ እዩ።

ኣብ ግዜ ገድሊ. . . ገለ ተዋዘይቲ፡ "ኒሕ፡ ሓቦ፡ ስፈ-ምንካስ፡ ምጽማም" ዝብሉ መግለጺ ልዑል ተጻዋርነት ዝኾኑ ኣምራት፡ "ኣብ መዝገቡ-ቃላትና ጥራይ ዝርከቡ እዮም" ይብሉ ነይሮም። እዚ ዋዛ'ዚ፡ ካልኦት ህዝብታት ከምኡ ዓይነት ባህርይ የብሎምን ንምባል ኣይኮነን። የግዳስ ክቱር ምጽማም ከም ሓደ ክብሪ ናይ ወዲሰብ፡ ዝለዓለ ጥርዙ ኀሊሑ ዝተራእየሉ ኣብቲ ነዊሕን መሪርን ተጋድሎ ኤርትራውያን ንናጽነት ምዃኑ ንምምልካት እዩ። ብርግጽ ድማ ኣይተጋገነን። ምኽንያቱ ህዝቢ ኤርትራ፥

ኣብቲ ናጽነት ክደሊ ዘሕለፎ ነዊሕን ጽንኩርን እዋን፡ እንኮ ዋሕስን ዝተኣማመነሉን ጸጋ ሓይሊ ጽንዓቱን ምጽማሙን እዩ ነይሩ። ርግጽ እዩ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ሃገርን ህዝብን ህላወኡ ብምውሓስ፡ ስሙር ሃገር ንምህናጽ ዘብቅዖ ካልእ ዝተፈላለየ ብዙሕን ብሉጽን ሕብረተሰብኣዊ ክብርታት ኣለዎ። ልዑል ተጻዋርነትን ነቕ ዘይብል ጽንዓት ኣብ መስመርን ምጽማምን ግን ካብዞም ክብርታት እዚኣቶም ንሊሑ ዝጠቀስ እዩ። ኤርትራ ጽንዓትን ምሕር ተጻዋርነትን ህዝባ፡ ኣውራ ድማ መንእሰያታ እንተዘይህሉ፡ ብመንጽር ዝገጠማ ከቢድ ብድሆ፡ ከም ሃገር ክትሰርር ኣምበይ ምኸኣለትን።

ኣብ እዋን ገድሊ ንናጽነት ጥራይ ዘይኮነ ድሕሪ ናጽነት እውን ኣብዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ምስ ባህሊ ጽንዓትን ተጻዋርነትን ህዝቢ ኤርትራ ተራጺሞም ዝበርዑ ተጻብኦታት ጸብጺብካ ዘውድኡ ኣይኮኑን። ዝዓበየ መርኣያ ናይዞም ተጻብኦታት፡ እቲ ቅሉዕ ወተሃደራዊ ወራር'ዩ። የግዳስ፡ እቲ ዕንደራ፡ ኣብ ቅልጽም መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ሓቒቑ። እቲ ወራር ምስ ፈሸለ ድማ፡ ኑቲ ዝተፈጸመ ገበን ንምሕባእ፡ ድምጽና ንምዕባስን ኣእዳውና ቀዩድካ ናይ ርእሰ-ምክልኻል ጉልበትና ንምምካንን ማእለያ ዘይብሎም ሸርሒታት ሰዒቦም። ሃገር ሰብ ንምብዳም ብዝተወደበ ኣገባብ፡ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ክፍጸም ዝጸንሐ ናይ ፍልሰት ገበናት፡ ዲፕሎማስያዊ ተነጽሎ ንምስጉዳድ፡ ባህላዊን ማሕበራዊን ብረዛ ንምንጋስ፡ ምስሊ ሃገርን መንግስቲን ደዊንካ ንምስይጣን ዝተኻየደ ስነኣእምሮኣዊ ኲናት፡ ኩሉ ዕላማኡ፡ ኑቲ ብዓረርን ሓዊን ዘይተኻእለ ጽንዓትን ተጻዋርነትን ህዝቢ ኤርትራ ምልሕላሕን ምጽዓድን እዩ ነይሩ። ሃገርን ህዝብን ብድኻትን ዓጸቦን ቁጠባዊ ሕሰምን ተሸጊሩ ምእንቲ ክሳቐን ኪነዓብን ከሰደድን ካብ ዓበይቲ ልምዓታዊ ወፍርታት ምዕንቃጽ ጀሚርካ፡ ክሳብቲ ኣብ ወጻኢ ርሒቑ ዝነብር ዘሎ ዜጋ ንቤተሰቡ ዝሕውሎ ገንዘብ ንምሕናቕ ክካየድ ዝጸንሐ ሸርሒታት ድማ፡ ዕላማኡ፡ ዓቕሚ ከይኣሰሰን ምሕንኳል'ዩ ነይሩ። የግዳስ ጽንዓትን ምጽማምን ህዝቢ ኤርትራ ክንጽ'ዚ ኩሉ ብድሆታት ዝበረኸ ኮይኑ ተረኺቡ።

ዘይጽዓድ መንፈስ፡ ጽንዓት ኣብ መስመርን ልዑል ጸሮትን እምበኣር ዓንዲ ማእከል ሃገራዊ ክብርታትና እዩ እንተተባህለ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ሃገራዊ ፍቕርኻ ብግብሪ ንምርኣይ ዝጠልቦ ተጻዋርነት ኣሎ። ጅግንነት፡ መዓንጣን ድፍረትን ጥራይ ዘይኮነ ልዑል ተጻዋርነት ይሓትት። ስእነት፡ ሕሱም ጥሜት፡ ጽምኢ፡ ከቢድ ዕርቃን ወዘተ. ምጽዋር እቲ ዝዓበየ መግለጺ ናይ ጅግንነትን ትብዓትን እዩ። ንስለ ሓቂን ፍትሒን ነግ ፈረግ ከይበልካ ጸኒዕካ ደው ምባል ብዘይ ተጻዋርነት ዝከኣል ዕማም ኣይኮነን። ልምዓት እውን ከም ዕላማ፡ ጸገማትን ብድሆታትን ተጻሚምካ ከይሓለፍካ ክበጽሕ ዝኽእል ኣይኮነን። እቲ ንኹሉ ብድሆታት ኣሸጊሩ ብተደጋጋሚ ንዓወት ዘብቅዓና ዘሎ ክቡሪ እምበኣር ብቐንዱ እዚ ነቕ ዘይብል ጽንዓት ኣብ መስመርን ልዑል ተጻዋርነትን እዩ።

ብዘኾነ ዓይነት ዕንቅፋት ከይተረበሽካ፡ ብጽንዓትን ተጻዋርነትን ኣብ መስመርካ ጸኒዕካ ምኻድን ምዕዋትን ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ነዊሕ ቃልሱ ዝተሞኩረሉን ዝመለኾን ገዕዘ እዩ። ኣብዚ ዝሓለፈ 20 ዓመታት ዝተራእየ ተጻብኦታት ማህሰይቲ ኣየወርደልናን እኳ እንተዘይተባህለ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ግን ካብ መስመሩን እምነቱን ሹብረኽ ኣየበሎን። ጀሆ ክሕዞን ካብ ስራሕን ግስጋሰን ክበኩሮን እውን ኣይከኣለን።

ዘለናዮ መድረኽ እምበኣር ምህርቲ ጽንዓትናን ተጻዋርነትናን ዝሕፈሰሉ መድረኽ እዩ። ሳላ ኣብ ሕጋዊ መርገጺና ዝጸናዕናን ዝተጸመምናን ኣብ ኣዝዩ ዘተኣማምን ውሑስ ባይታ ክንረግጽ በቒዕና ኣለና። ሰፊሕ ዕድላትን ረብሓታትን ድማ ኣብ ቅድመና ተገቲሩ ኣሎ። ቅሩብ ሰገምና ኣብቲ እንበህን ኣጸደ ራህዋን ምዕባለን ክሳብ እንጽርፍ ድማ እዚ ዘሓብን ክብሪ'ዚ ምሳና ክንዓዝ የድሊ። ንሱ እንተጎዲሉ ኣሳልጦ ስለዘይርከብ፡ ብፍላይ እዚ ዘለናዮ ዘመነ ዓውለማ፡ ንዘመናት ዝጸንሐ ክብርታት ሕብረተሰብ እናፍሓቐ፡ ዘይከውንነታዊ ባህግን ህርፋንን ብምሕዳር ዓቕሊ ዘጽብብ፡ ሰደት ዘናፍቕ፡ ፖለቲካውን ባህላውን መርዝታት ዝዝርግሓሉ እዋን እዩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ዓለማዊ ኩነት፡ ናብቲ ዓቢይ ዕላማ ከይተቋምት ኣቓልቦኻ ዝኽዝዕ መስደዒታት ብዙሕ እዩ። ስለዚ ሃገራዊ ራእይን ዕላማን ክሰምር፡ ነዚ ፖለቲካውን ባህላውን መርዚ'ዚ ብንቕሓት ምምካቱ ኒሕ መላእ ሕብረተሰብ፡ ኣውራ ድማ ኒሕ መንእሰያት ክኸውን ይግባእ።



# ምምእዛን ጸዓት መንእሰይ

ኣልኣሚን ሓምድ

ጸዓት ወትሩ ህያው እዩ። ግኡዝ ስለ ዘይኮነ ግን ህላዊኡ ብኣካል ክንድህስሶ ኣይንኽእልን። ብኣካል ዘይድህሰስ ምኳኑ ድማ ምቁጽጻሩን ምምእዛኑን ኣጸጋሚ ይኸውን። ብዛዕባ ጸዓት ክዝረብ ከሎ ሙብዛሕትኡ ግዜ ብዛዕባ እቲ ብሕጊ ፊዚክስ ዝምራሕ ኣብ ነገራዊ ዓለም ዘሎ ጸዓት ኢና ንዛረብ። ጸዓት ማሕበራዊ ጎድኒ ከም ዘለዎ ይጽንጋዕ እዩ። ብዛዕባ ጸዓት መንእሰይ ክንዛረብ ከሎና እምበኣር፡ ብዛዕባ እቲ ብሕጊ ፊዚክስ ክግለጽ ዝኽእል ምስ ጉልበትን ሓይልን ዝተሓሓዝ ጸዓት ጥራይ ማለት ከም ዘይኮነ ምዝካር የድሊ። ጸዓት መንእሰይ ብቐንዱ ናይ ሓሳባት ሓይሊ እዩ። መንእሰይ ማሕበረዊ ጉጅለ ስለዝኾነ ድማ፡ ጸዓት መንእሰይ ማሕበራዊ ሓይሊ እዩ። ብሓፈሻኡ ንጸዓት ምቁጽጻር ኣጸጋሚ እንተ ኾይኑ፡ ንማሕበራዊ ጸዓት ምቁጽጻርን ምምእዛንን ዝያዳ ዘጸግም እዩ።

መንእሰይ ንጸዓቱ ከም ማሕበራዊ ሓይሊ ክቆጻጸሮን ኣብ ቅኑዕ መዓላ ከውዕሎን ዝኽእለሉ ሜላ ስምረት ጥራይ እዩ። ስምረት ኣብ ውዳቤ ብምጥርናፍ ክኸውን ይኽእል ወይ'ውን ኣብ ሓደ ውዳቤ ከይተጠርነፍካ ብሓሳብ ምስማር ክኸውን ይኽእል። ስምረት ንኽህሉ ድማ ዕላማ ክህሉ ኣለዎ። ከም ማሕበራዊ ጉጅለን ከም ውልቀሰባትን ዕላማና ኣብ ህይወት ብሩህ ምስ ዘይከውን ጸዓትና ኣብ ጓል መገዲ ክባኽን ወይ ድማ ናብ ኣዕናዊ ሓይሊ ተለዊጡ ኣሉታዊ ጽልዋ ክፈጥር ይኽእል።

ጸዓት መንእሰይ ኣብ ኩሎም ማሕበራዊ ውዳቤታት እቲ ወሳኒ ሓይሊ ስለ ዝኾነ፡ መንእሰይ ጽዓቱ ከማእዝን እንተ ዘይክኢሉ ሕብረተሰብ ንቕድሚት ክስጉም ፍጹም ኣይክእልን። ኣብታ ዝነኣሰት ኣሃድኡ እንብላ ስድራቤት መንእሰይ ዕላማኡ ኣለልዩ ብሓሳብን ብግብርን እንተ ዘይጽዒቱ እታ ስድራ ጉህይትን ድራር ዕለታ ዘጸግማን ትኸውን። ኣብ ኮም፡ መንእሰያት ብሓሳብ ሰሚሮም ጸዓቶም ምስ ዘየሕብሩ እቲ ቀሊል ኮይኑ ዝስመዓና ዳስ መርዓን ሐዘንን ምትካል ኣጸጋሚ ምኾነ። ዓድታት ጸዓት መንእሰይ ከማእዝና እንተ ዘይክኢለን ግራውቲ ይቓድር፡ ህድሞታት ድማ ሰኣን ዝድብድቦ ብላሕኹ ይጥስጠሳ። ሞያውያን ማሕበራት ጸዓት መንእሰይ ከማእዝና እንተ ዘይክኢለን ኣረጋውያን ከዕልሉ ዝተኣኸኸቡለን መኣድታት ዘረባ ኮይነን ምተረፋ። ብሃገር ደረጃ'ውን መንእሰይ ጽዓቱ ከማእዝን እንተ ዘይክኢሉ፡ ወይ መንግስታት ቦኽቢኾም ገዛእ ዜጋቶም ይጭቁኑ ወይ ድማ ህዝቢ ተበታቲኑ ንሕድሕዱ ይዋዳእ። ኮታስ ኣብ ሕብረተሰብ ጸዓት መንእሰይ ከጥፍእን ክልምዕን ዝኽእል ወሳኒ ሓይሊ ብምኳኑ፡ ክምእዘን ምስ ዘይክእል ወይ ከም ውሕጅ ለኪሙካ ይጠፍእ ወይ ከም ትኪ ኣንፈትካ እጥፊኡ ዕንይንይ የብለካ።

እሞ ኸ እዚ ውሳኒ ጸዓት'ዚ ብኸመይ ይምእዘን? ጸዓት መንእሰይ ናይ ምምእዛን ሓላፍነት ንስድራቤት፡ ንኮማት፡ ንማሕበራት ንመንግስታት እዩ ዝምልከት ብምባል መራሒ ኣካል ምስ እነቋምት ውጽኢታዊ ዘይክኸውን ይኽእል። ጸዓት መንእሰይ ናይ ዋናታቱ ብምኳኑ መንእሰይ ባዕሉ ከማእዝኖን ኣብ ዝግባእ



ከውዕሎን ክሓስብን ክቃለስን የድሊ። ስድራቤት ኣብ ዕድመ ብጽሕና ክሳብ ንበጽሕ ተሸናኺና ምስ ኣዕበየትና ተመሊሳ እያ ካባና ትጽበ። ኮማት ኣባና እዮም ዝምርኩሱ፡ ማሕበራትን መንግስታትን'ውን ከምኡ። ተራ ናይ'ዞም ኣሃዱታት እዚኣቶም ኣንፈት ምሃብን ምድጋፍን እምበር፡ ከም ገመል ሕሳል ኣሲሮም ክውጥጡና ክንጽበ ኣይግባእን። ነፍስወከፍና ግዴኡ ኣብ ህይወት ተረዲኡ ዕላማኡ ኣነጺሩ ክጽዕት የድሊ። ኣብ ምህሮ ክንዕወት፡ ጥዕናና ክንሕሉ፡ ሃብቲ ክነኻዕብት፡ እንብህን ናብራ ክንነብር፡ ናብ ኑሓልሞ ሸቶ ክንበጽሕ ብውልቂ ደረጃ ጸዓትና ክነማእዝን ኣሎና። ድምር ናይ'ቲ ብብውልቅና እንጽዕቶ ናብ ናይ ሓባር ሓይሊ ተለዊጡ እዩ ፍረ ዝህብ።

ውልቃዊ ጻዕሪ ሓባራዊ ረብሓ ከም ዝፈጥር ግን ከም ውሁብ ክውሰድ የብሉን። ውልቀ ጻዕሪ ናብ ማሕበራዊ ሓይሊ ክልወጥ ዝኽእል ናይ ሓሳባት ስምረት ምስ ዝህሉ እዩ። ወድሰብ ማሕበራዊ ፍጥረት ስለ ዝኾነ፡ ውልቃዊ ጻዕሪ ንማሕበራዊ ዕብየት ማለት ንዕብየት ስድራቤት፡ ንዕብየት ኮም፡ ንዕብየት ሕብረተሰብን ሃገርን ምስ ዘይምእዘን ትርጉም የሉን። ህይወት ደቂ ሰብ ከም ህይወት ደቂ ዛግራ ኣይኮነን፡ ዓዓቢኻ ንበይንኻ ክትነፍር ዝፈቅድ ህይወት ኣይኮነን። ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ናይ ዓለምና ዓብላሊ ፍልስፍና ንውልቃዊ ጻዕሪ ጥምዙዝ ትርጉም ስለ ዘልበሶ፡ ዕብየት ማለት ብተናጸል ዝዕቀን ንክባቢኻ ጸማም እዝኒ ሂብካ ንበይንኻ ከም ምትያይ መሲሉ ኣብ ዝግለጸሉ መድረኽ ኢና ንነብር ዘለና። እዚ ድማ ንውልቃዊ ጻዕሪ ደቂ ሰባት ግዳይ ዕዳጋን ርስማልን ገይርዎ ይርከብ። ንውልቅኻ ክተኻዕብት ስለ ዘለካ ብውልቅኻ ስራሕ ትቐጸር'ሞ ብውልቅኻ ድማ ትባረር። ንውልቅኻ ትበልዕ ብውልቅኻ ትሓምም። ብውልቅኻ ክትድሰት ትፍትን እሞ ብውልቅኻ ትጉህይ፡ ትጭነቕ። ብብውልቅኻ ትሕምብስ'ሞ ብሓባር ድማ ትግፋዕ። እዚ ግጉይ ኣመለኻኽታ ኣብ ውልቃዊ ጻዕሪ ዝፈጥሮ ኵነታት እዩ። ኣብ ስምረት ሓሳባት ዝተሃንጸ ተመሳላእነት ምስ ዘይህሉ ውልቃዊ ጻዕሪ ትርጉም የብሉን።

ውልቃዊ ጻዕሪ መንእሰይ ብሓደ ካብ ውልቂ ዝሓልፍ ናይ ሓሳብ ስምረት እንተ ዘይተማእዚኑ ኮንቱ እዩ። ዓውዲ ንምጽራይ እንጥቀመሉ ማእዶ ጠሚርና ምስ ንኣስሮ እዩ ጠቓሚ ዝህብ እምበር፡ ብተናጸልሲ ሳዕሪ እዩ። ሳዕሪ ብዘይጠማሪ ማእዶ ሓሰር ከጽሪ ዘይኮነስ ንባዕሉ ከተጽርዮ ዝጽበ ገፊፍ እዩ ዝኸውን። ጸዓት መንእሰይ'ውን ብሓሳብ ማእዶ ጌርና እንተ ዘይጠሚርናዮ ምጽራት ዘጸገም ገፊጥ-መፊጥ እዩ ዝኹምር። ናይ ሎሚ ወለዶ መንእሰይ ዝኑብሮ ዘሎ መድረኽ ድማ ገፊጥ መፈጡ ብዙሕ እዩ።

ጸዓትና ኣማእዚንና ብውልቅና ከይንዕወትን ዓወትና ናብ ማሕበራዊ ሓይሊ ተለዊጡ ሕብረተሰብና ከይነሰልጥንን ዘለና ብድሆ ሓያል እዩ። ነዚ ብድሆ እዚ ብልክዕ ክትርዳእ ምፍታን ድማ ኣብቲ ጸዓትና ናይ ምምእዛን መስርሕ ቀንድን ቀዳማይን ስጉምቲ ክኸውን የድሊ። ብድሆና ክልተ መልክዕ ኣለዎ። እቲ ቀዳማይ ኣብ ምምዕባል ኣብ እትርከብ ድሕረት፡ ድንቁርናን ድኽነትን ትቃለስ ናይ ዘላ፡ ድሩት ቁጠባዊ፡ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ሓይሊ ናይ ዘለዋ ሃገር ዜጋታት ምዃንና እዩ። እቲ ካልኣይ ድማ ዓለማዊ ብድሆ እዩ። ኣህጉራዊ መድረኽ ኑቶም ኣብ ከም ሃገርና ዝመስለ ሃገራት ዝነበሩ ሰባትን ኑቶም ኣብ ጽጉባት ቁጠባዊ፡ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ሓይሊ ዘለወን ሃገራት ዝነበሩ ሰባትን ኣብ ዘይፍትሓዊ ውድድር ዘእቱ ብምዃኑ፡ ነቲ ከም መንእሰያት ጸዓትና ናይ ምምእዛን መስርሕ የወሳብሮ። እዚ ክልቲኡ ብሆታት ድማ ካብ ክብደቱ ዝተላዕለ ኢድካ ናብ ምሃብን ካብ ክዉንነት ናብ ምህዳምን የድህበልና እሞ፡ ጸዓትና ተዘሪዩ ከም ዝተርፍ ይገብሮ።

እንነብረሉ ዘለና ውሁብ ኵነታት ብልክዕ ምስ ንርዳእ፡ ቀዳምነታትና ኣለሊና ጸዓትና ናብ ቀዳምነታትና ከነማእዝን ንኽእል። ስለዚ ጸዓትና ኣብ ምምእዛን እቲ ቀዳማይ ስጉምቲ ምስ ክዉንነትካ ምትዕራቕ እዩ። ኣብ መንነ ባህግን ተኽእሎን ዘሎ ፍልልይ ብልክዕ ምርዳእ ጸዓትና ኣብ ምምእዛን ወሳኒ እዩ። ናብ እትብህጎ ክትበጽሕ ሕጂ ዘለኻዮ ኵነታት ምፍላጥ የድሊ። ንሎሚ ከይሰዓርካ ጽባሕ እትብህጎ ክትረክብ ከምዘይከኣል፡ ኣደልዲልካ ብምርጋጽ እምበር፡ ነጢርካ ዝብጻሕ ውሕስነት ከም ዘይብሉ ክንኣምን የድልየና። ናህርን ህንጡይነት ሓደ ኣይኮኑን። ውሁብ ኵነታትና ናህርን ቀልጣፈን ከም ዝሓትት፡ ዓጸፋ ክንሰርሕ ዝያዳ ክንጽዕት ከም ዘለና ምርዳእን ብህንጡይነት ግዳይ ዘይክዉነታዊ ባህግታት ምዃንን ሓደ ኣይኮነን።

ብድሆታትና ምስ ደረጃ ዕብየት ሃገርናን ስልጣነ ሕብረተሰብናን ዝተሓሓዙ ካብ ኮነ፡ እቲ ብብውልቅና እንገብሮ ጻዕሪ ኣብ ሓደ ዕብየት ሃገርን ስልጣነ ሕብረተሰብን ንምርግጋጽ ዝኽእል ሓሳባት ክሰምር የድሊ ማለት እዩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ንሓባራዊ ረብሓ ዝሕሉ ሓሳባት ክንሰምር እንተ ክኢልና ድማ፡ ንኹሎም ውልቃዊ ዕብየትና ክዕንቅጹ ዝኽእሉ ማሕለኻታት ብሓባር ከም ማሕበራዊ ሓይሊ ሰጊርና ክንስዕሮም ክንክእል ኢና። ስለዚ ጸዓትና ከም መንእሰያት ወትሩ ህያው ምዃኑ ተረዲእና፡ ህላዊኡ ተጨባጢ ውጽኢት ንኽህልዎ፡ ኩሉ እቲ ብብውልቂ እንጽዕቶ ኣብ ሓደ ሓባራዊ ረብሓ ዝረጋግጽ ሓሳብ ነስምሮ።

# ዘይነጽፍ ዛራ–ሓይሊ

ተስፋኣለም ገብረስላሴ (ጫሬ)

ዛዕባ መንእሰይ ናይ ወትሩን ዘይቋርጽን ዛራ ኣርእስቲ እዩ። ብዙሕ እዋንን ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣምን “መን እዩ መንእሰይ? መን ኢያ እታ መንእሰይ? ከመይ ዝበለ ወይ ዝበለት ኢያ መንእሰይ ትበሃል? ብዕድመ፡ ኣካላዊ ጥንካረን ብቕዓትን ደዩ ዝዕቀን ወይ ብኣተሓሳስባን ኣፍራይነትን?” ዝበሉ ሓተትቲ ኑቲ ኣርእስታት ይትንትኑ። እዝን ነዝን ዝመስል ናይ ምጉት ሓሳባት ብተደጋጋሚ ክልዓል ንበር እዩ። ማእከል ነፍሲወከፍ ኣርእስቲ መንእሰይ ስለዝኾነ። እቲ ምኽንያት ኣብ ምልክት ሕቶ ዝኣትወ ኣይኮነን። መንእሰይ ኢልካ ኩሉ ቅጽላት ክስዕብ ስለ ዝኽእል። እቲ ቀንዲ ጉዳይ፡ “ኣምር መንእሰይ፡ ኣብ ጻዕዳ ወረቐት ተቐሊሙ ዝዘርፍ ሓሳባት ዘይኮነ ኣብ ባይታን ብግብርን ከመይ ይትርጎም?” ዝብል ሕቶ ክምለስ ይግባእ። መንእሰይ ናይ ኩሉ ማሕበረ ቁጠባውን ስነኣእምሮኣውን መዳይ ህይወት ምንጪ ሓይሊ እዩ። ዋኒ ሓይሊ ወይ ጸዓት ተመጣጢ ትርጉም ዝሕዝ እንተኾነ፡ ብንጹርን ቀሊልን መግለጺ፡ ‘ናይ ምሕሳብን ምትግባርን ልዑል ዓቕሚ’ ብምባል ክሓጽር ይኽእል። ምልኣት ሓይሊ ዘውንን ናብ ምሉእነት ይሰጋገር።

ምሉእነት መንእሰይ፡ ብልዑል ደረጃ መንበሮ ዝገልጽዎ ሰባት ውሑዳት ኣይኮኑን። “ናብ ብሉጽነት ዝድርኽ ሓቅታት፡ ጸቢቕ ባህሊ ስራሕን ስነምግባርን ዘይቋርጽን ዘይሰዓርን ጠባያትን ዘውንን እዩ እቲ ብቑዕ መንእሰይ” ዝበሉ’ውን ኣይተሳእኑን። ልዑል ሓይሊ ናብ ጥርዚ ብቕዓት ክደፍእ ከም ዝኽእል ዝኣምኑ ኢዮም ዝበዝሑ እዮም። “ምሉእነት መስርሕ እዩ፡ ብተመክሮ ዝበጽሕ፡ ካብ ምሕሳብ፡ ምፍታን ምግጋይ ምድጋምን ምእራምን ወይ ብግብራዊ ስራሕ ዝፍጠር ብቕዓት እዩ” ዝበሉ’ውን ሓያሎይ እዮም። ነዚ መረዳእታ ዘቕርብዎ ኣብነት ልምምድ ሓደ ኣትሌት እዩ። ኣትሌት ዝኸይዶ ቀጻልን ሓያልን ልምምድ፡ ብስፖርት ናብ ዝለዓለ ደረጃ ብቕዓት ንምብጻሕ ዝሕግዞ ዓቕሚ ንምድላብ እዩ። በቲ ካልእ ሸነኽ፡ “ፍጹምነት ወይ ምሉእነት፡ እቲ ብዝተረረ ጫፍ ተፈቲኑ ዝሓለፍን ሓያልነቱ ዘረጋገጸን ሓያል ተመክሮ እዩ”ዝበሉ’ውን ውሑዳት ኣይኮኑን።

መንእሰይ፡ እቲ ናጻ ናይ ምሕሳብ ዓቕምን ናይ ምትግባር ሓይልን ዘውንን ክሊ ዕድመ ምኳኑ ዝተፈልጠ እዩ። እቲ ናይ ንእሽቶ ዕድመ ሰጊሩ ብተመክሮ ህይወት ዝበሰለ ሰብ፡ ኣብ መእዲ ስራሕ ዝህልዎ ኣጠማምታ ሓድሽ ኣይኮነን። ንሓድሽ ርኽበትን ሓድሽ መገድን ንኽፍትን እምብዛ ኣይብህግን። ጌጋ ከይርከቦ ድኣ እምበር ካብ ጌጋኡ ዝምሃረሉ ግዜ ከም ዝሓለፈ እዩ ዝርድኦ። በንጻሩ፡ እቲ ወናኒ ጸዓት ዝኾነ መንእሰይ፡ ኑቲ ዝጸንሐ ኣካይዳ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክሰጋገር ይሕልን። ንሓሳቡ ክውን ክቕይር ይጽዕት። ጸዓቱ ፍረ ክረኽበሉ ይርኢ። ናይ ምዕባለን ለውጥን መገዲ መላእ ሕብረተሰብ ኣብ መንእሰይ ይኸውን።

እቲ ብዙሕ ክሰርሕ ትጽቢት ዝግበረሉ መንእሰይ፡ ኣብ ዕድመኡ፡ ብሳይንስ፡ ፖለቲካ ቁጠባን ኪነ ጥበባን ካልኦት ዓውድታት ጉሉሕ ተግባራት ክፍጽም’ውን እምነትን ተስፋን ኣሎዎ። ናብ ዝለዓለ ደረጃ መራሕነት ክበጽሕ’ውን ወርቃዊ ዕድል ከም ዘሎዎ ብቐጥታን ብዘዘዋዋርን ይንገሮ። ካብዚ ዝሰገረ’ውን በይኑ እወታዊ ጥቕስታት ይውሕዘሉ።

“መንእሰይ፡ ተሰካሚ ሕድሪ፡ ተካኢ ወለዶን ድልድል ሕሉፍን መጻኢን እዩ።” ዝብል ከቢድ ሓላፍነት ዘሰክም ስያመ ይወሃቦ። እዝን ነዝን ዝመስል ሓረጋት ብዙሕ እዋን ክደጋገም ይስማዕ። ብርግጽ’ውን እቲ ሓቂ ንሱ እዩ፡ ባህርያውን መስርሕን ስለዝኾነ።

“እቲ ነዚ ከቢድ ሓሳባት ስጋ ዘልብሶን ብግብሪ ዝትርጎሞን መንእሰይ ከመይ ዝበለ እዩ? እንታይ ዓይነት ወፍሪ ህንጻት ኣእምሮ ዝተገበረሉ መንእሰይ እዩ ናይ ብሓቂ ተካእን ቀሳስን ዝኾነ? ስለ ባህርያዊ መስርሕ ሰንሰለት ክልቕብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብኹልንትናኡ ብቑዕ መንእሰይ ብኸመይ እዩ ዝፍጠር?” ዝበሉ ሕቶታት ክስዕቡ ንበር እዩ።

ሰድራቤት ምስልን ኣብራቕን ጥራይ ዘይኮነ መደብር ፊልሲ ናይ መጻኢ ልምዓት መንእሰይ ምዃኖም ኣይከሓድን። ቅርጺ ኣእምሮ መንእሰይ ካብ ቁልዕነቱ እዩ ዝነድቕ። መሰረቱ ድልዱል፡ ጉንዱን ጨንፈሩን ልሙዕን ፍርያምን ክኸውን ዝኽእል፡ እቲ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቤት ዝቕየድ ኩሉኹሉ፡ ቅድሚ ኩሉ ይሰርሖ። ምሕብር ናብራን ሰድራቤታዊ ፍቕርን እትውንን ግዜ፡ ኣብ ምህናጽ ብኹልንትናኡ ብቑዕ ዝኾነ መንእሰይ ዝህልዋ ግደ ዓቢ ከም ዝኾነ ይእመን። እቲ ኣቦታ ቤት ዝዕለሉ፡ ዝምክር ዝህንጽ ብዓበኡ ብዝተፈላለየ ኣብነት ዝሰጋገር ብሉጽ ክብርታት፡ ንመንእሰይ ብዝዋግኢ ሰረት ጸቢቕ ህንጻ ክትሕዞ ይኽእል። በንጻሩ፡ ስኢትን ፍቕርን ሰላምን ርግኣትን ብዓበኡ ኣሉታዊ ዝምድና ዘለዋ ሰድራ፡ ዝሰረቶ ህንጻ’ውን ኣሉታ ከም ዝኸውን ይግመት። እቲ ፊልሲ ጸቢቕ ክበቍልን ክጩብጩን ናይ ወላዲ ተራ ዕዙዝ

እዩ፡፡ ወላዲ፡ ናይ ሰጋን መንፈስን እዩ፡፡

ከቢ. እቲ ኣብ መሰረት ዝወሰኽናን ኣብ ቅርጺ ኣእምሮ መንእሰይ ወሳኒ ግደ ዝህልዎን ድልድል ምኳኑ እዩ ዝፍለጥ፡፡ መንእሰይ ብኣካልን ኣእምሮን ክህጽሉ ዝኽእል ማእከል ካብ ገዛኡ ናብ ከባቢኡ ይቐጽል፡፡ በቲ ልክዕ መሳልልን ኣብ ግቡእ ግዜኑ ንኹሉ ደረጃ ዕቤት ክሓልፍ፡ ናይ ዓርከ መዛና ጽልዋ ኣብ ቦታኡ ኮይኑ፡ መንእሰይ ክዘናግዖ፡ ክምሃሮ፡ ክምኩሮ፡ ክበዝሕን ናይ ምህዞ ባይታ ክረኽብሉ ዝኽእል ማእከላት ክህልዋ ግቡእ ይኸውን፡፡ ኣብቲ ማእከላት ንቕሓትን ብስለትን ኣእምሮ ከውንን ብዓበኡ ተመሊሱ ብዘይደግሞም ጌጋታት ተማሂሩ ናይ መጻኢ ሕቶታት ክምልስ ሓላፍነት ይሰከም፡፡ መጻኢኡ ካብ ዝሓሸ ናብ ዝበለጸ ከሰጋግሮ ዝኽእል ሰንቂ ፍልጠት ይቋጽር፡፡ ንመንእሰይ ምቹእ ዝኸውን ማእከላት ምስቲ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝሰንቆ ኣካዳሚያዊ ፍልጠትን በበይኑ ዓይነት ዕድላትን ንኣተሓሳስብኡ ዝድርዕ ኣተሓሳስባታት ዝቕስመሉ ትካል እዩ፡፡ ናይ ኣብያተ ትምህርቲ ህንጻት ኣእምሮ፡ ካብ ኩሎም መማህራንን ኣባይቲ ዝተፈላለዩ ንጥፈታትን ስለ ዝቐስም፡ ቤት ትምህርቲ እታ ኣብ መጻኢ ህይወትን ዕድልን መንእሰይ ወሳኒ ተራ ዝህልዋ ማእከል ትቐየር፡፡

ኣብ ማእከል መንእሰያት በበይኑ ዓይነት ባይታታት ምጥጣሕ፡ እኩብ ፍልጠትን ክእለትን ኪወንን የኽእል፡፡ ተዛማዲ ዕድመን ደረጃን ክፉት ናይ ምብህሃልን ተመክሮ ናይ ምክፋልን ባብ ስለ ዝፍጥር፡ ርእሰ ተኣማንነት፡ ተኻኣኣልነት፡ ተጻዋርነት፡ ናይ ምምዝዛንን ኣሰፋሕካ ናይ ምርኣይ ዓቕምን ከዕብዩ ይኽእል፡፡ ጉዳያት ንምርዳእ፡ ንምግምዛብ፡ ምስትምቓር፡ ናይ ምትንታን ምትንባይን ተመክሮ የቕስም፡፡ ኣብቲ ማእከላት እቲ ሓፈሻዊ ፍልጠት መንእሰይ ይዓብዩ፡ ብቐንዱ ድማ ተመክሮ ካብ ርእሰ ምኽኣል ዝጠለስ መሪ ተራ ንምውናን የኽእል፡፡ ሰፊድ ናይ ብዙሓት ኣብዚታውያን መንእሰያትን ኣብዚታውያን ሃገራት ምስ እንግምግም ኑቲ ሓቂ ዘድምቕ ተመክሮታት ኢና ንረክብ፡፡

ሰጥር ባሕሪ ከይከድና፡ ታሪኽ ኤርትራ ኣብ ዝጥቀስሉ ታሪኽ መንእሰያት ቅድሚ ኩሉ እዩ ደጸንሕ፡፡ ብደረጃ ኣበርክቶ፡ መሪሕ ተራን ትግባረን ምስ ዝስፈርውን እቲ ሚዛን መንእሰይ ልዑል ይኸውን፡፡ ኣብ ካልኦት ሃገራት'ውን እንተርኸና ተመሳሳሊ እዩ፡፡ ሓላፍነት ወለዶ ክቕበል ምእንቲ ግን ብንቕሓትን ፍልጠትን ክህዝሉ ይግባእ፡፡

መንእሰይ፡ ንኹሉ ዘጓንፎን ኪጓንፎ ዝኽእል መሰናኽላት ዝሰግር ብፍልጠትን ንቕሓትን ብዝተጠርየ ሓይሊ እዩ፡፡ ሓይሊ መንእሰይ ቅድም ቀዳድም ብናይ ገዛእ ርእሱ ቅሩብነት እዩ ዝረጋገጽ፡፡ ከምቲ መሰትያት ብርሃን ተቐቢሉ ከመሓላልፍ ዝኽእል፡ መንእሰይ'ውን ፍልጠት ቀሲሙ ፍልጠት ከሰጋግር ከም ዝኽእል ክኣምን ኣለዎ፡

ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ካብ 424 ክሳብ 348 ዝበረ ግሪኻዊ ፈላስፋ፡ ናይ ሕሳብ ሊቃን ናይ ሶቅራጦስ ተማሃራይን ዝበረ ፕላቶ፡ "ዘይምፍላጥ ናይ ኩሉ ሕማቕ ነገራት ሰርን ጨንፈርን እዩ" ይብል እሞ፡ "ገዛእ ርእስኻ ካብ ዘይምፍላጥ ዝፍጠር ናይ ህይወት ኣድማዕ ወጺእካ ብናይ ፍልጠት ብርሃን ክትምራሕ ኣይከኣልን፡፡" ብዝብል ሓሳብ መረዳእታ ፍልጠት ይገልጽ፡፡ ዝኢ ሕቶ ናብ መንእሰይ ዝድረብ ዝኾነ እቲ ማእከል ንሱ ስለ ዝኾነ እዩ፡፡ መንእሰይ ብህንጸት ሓሳባት ኣእምሮ ምስዝሕይል ኣብ ዝኾነ እዋንን ግዜን ብዝኾነ ማዕበልን ንፋስን ክርበሽ ኣይከኣልን፡፡ ወሸጣዊ ሓይሊ ልዕሊ ኑቲ ብዋጋም ዝፍጠር ሓይሊ ስለ ዝስዕር፡፡ ብፍልጠት እዩ ኩሉ ናብ ልምዓት ዝቕየር፡፡ ሓሳባት ብዋዕበሪ እዮም ተጨቢጦቲ ዝልወጡ፡፡

መንእሰይ ብፍልጠት ዝተደገፈ ጸዕሪ ምስ ዝገብር ወይ ምስ ዘካይድ፡ ተስፋን እምነትን'ውን ምስ ዝህልዎ ዓወት ካብ ምጉንጻፍ ዝዓግቶ ሓይሊ ኣይህልውን፡፡ ፍልጠት፡ ፍጹም ድሌት፡ ክእለትን ጻዕርን ፍጹም ዓወት ክፈጥሩ ዝኽእሉ ክብርታት እዮም፡፡ እዚ ይኹን እቲ ግን ፍልጠት ወይ ንቕሓት እንታይ ማለት እዩ? ምስ ሓይሊ እንታይ ምትእስሳር ኣለዎ?

ካብ ጥንታውያን ፈላስፋታት ክሳብ እዚ እዋን እዚ ዘለው ተመራመርቲ ዝተፈላለየ ትርጉም መግለጺን ፍልጠት እዮም ዘቕርቡ፡፡ እቲ ካብ 551 ክሳብ 479 ዓ.ም ዝበረ ፈላስፋ፡ መምህር፡ ናይ ፖለቲካ ሰብ ቻይናዊ ኮንፈሽየስ "ፍልጠት፡ ኑቲ ዝፈለጥካዮ ኣጸኒዕካ ክትሓዞን ንሓደ ነገር ምስ ዘይትፈልጦ ከኣ ከም ዘይትፈልጦ ተረዲእካ ክትፈልጥ ምጽዓር ማለት እዩ" ዝብል እምነት ነበሮ፡፡ ሓላፍነት መንእሰይ ወለዶ ብርሃን ፍልጠት ተቐቢሉ ከመሓላልፍ ወይ ኑቲ ዀብራቕ ከቡልሓ እንተድኣ ኮይኑ፡ ንፍልጠት ክጠምዋን ክጸምኦን ካብኡ ሓሊፉ ንፍልጠት ክደልዩ ይግባእ፡፡ ናይ በይኑ ዕማም ግን ኣይኮነን ካብታ ሰሩ ብርሃን ዝኾነ ገዛ፡ ኣከባቢ፡ ቤት ትምህርትን ከሎኛትን ብዓበኡ ማሕበራትን ትካላት መንግስትን ባይታ ከጣጥሓሉ ይግባእ፡፡ ብድሕሪዚ "መን እዩ? ካበይ መጺኡ? እንታይ ይሰርሕ ኣሎ? ናበይ እዩ ኣንፈቱ? ሕብረተሰብ ካብኡ እንታይ ይጸበ? ዛጊት እንታይ ሕቶታት መሊሱ? እንታይ ከ ክምልስ ይጸበዮ?" እናሓተተ በቲ ዝዋሞቓ ሓይሊ ክምልስ ይኽእል፡፡

ፍልጠት ዝነደሎ ዓቢ ናይ ስራሕ ድሌትን ባህግን ግዳይ ብዙሕ ነገራት እዩ ዝኸውን፡ ብስምዒት ዝምራሕ ሰብ ናይ ምናልባትነት ዓወቱ ትሑት እዩ ዝኸውን፡፡ ኣይዛክ ዩዶቪች ኣሲሞቭ፡ ካብ 1920 ክሳብ 1992 ዝበረ ምሁር ስነ ህይወታዊ ቀመምን ጸሓፍን እዩ፡፡ " ፍልጠት ናብ ኩሉ ዘሰግረና ኣፍደገ ወይ መፍትሕ እዩ፡፡ ሸግር ኣብ ዘጋንፍሩና ኽፈትሑልና ዝኽእሉ ክንረክብ ፍልጠት የድልየና፡፡ ፍልጠትና ክእለትን ብዝዮዮእ ክንጥቀመሉ እንተዘይክኢልና'ውን ገዛእ ርእስና ኢና ናብ ጸለም ንመርሓ" ዝብል ምኽሪ ኔሩዎ፡፡ ብመሰረት መረዳእታ ኣሲሞቭ፡ ፍልጠት ግብሪ እንተዘይኣሰነዮዎ በይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን፡፡ ደማሪኻን ኣጉዳልካን ምንጪ ኩሉ ዕቤትን ምዕባለን ብሓይሊ መንእሰይ ስለ ዝረጋገጽ፡ ኑቲ ሓይሊ ንምፍጣርን ምምዕባልን ተራ ናይ መላእ ሕብረተሰብ ወሳኒ እዩ፡፡ ሓላፍነቱ ብዋዕበሪ ክትርጎም ሓላፍነት ጥራይ ምስካም ዘይኮነ ማእከል ሓይሊ ዝኾነ ፍልጠትን ክእለትን ምዕጣቕ ልዕሊ ኩሉ ይሰርሑ፡፡

ጸንሖት

# ዕላል ምስ ዶክተር ኤደን ታረቀ

## “ምግቢ ዝያዳ እናኸጥበስ ዝያዳ ንሕማም የቃልዕ”

ውጽኢት ምርምር

ዶክተር ኤደን ታረቀ፡ ካብ ወለዳ መምህር ታረቀ ተወልደን መምህር ወይኒ እምባየን ኣብ ኣስመራ ተወሊዳ። ዝበዝሐ ናይ ቁልዕነት ዕድሚኣን ናይ ማእከላይ ደረጃ ናይ ትምህርቲ ግዜኣን ኣብ ደቀምሓረ ኣሕሊፋ። ካብ እግሪ ተኸሊ ኣትሒዛ ፍልይ ዝበለ ብልሒ ኣእምሮ ዝነበራ ኤደን፡ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ቤት ትምህርቲ ልኡል መኮንን (ናይ ሕጂ ኣስመራ ሓፈሻዊ)፡ ሰለስተ ዓመት ኣብ ስዋዚላንድ፡ ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርታ ክሳዕ ፒኤችዲ ድማ ኣብ ስዊድን ዩኒቨርስቲ ስቶኮልም ተማሂራ። ድሕሪኡ ዝተማረትሉ ዓውዲ ብስራሕ ንምርግጋጽ ኣብ ኣመሪካ ንልዕሊ ሓሙሽተ ዓመት ሰሪሓትሉ።

ዶክተር ኤደን ኣብቲ ዘካየደቶ ምርምራዊ መጽናዕቲ፡ ንዓለም ተኸዊልዋ ዝጸንሐ ርኽበት ኣለልያ። ኣብ ዝበስል ብሕልፊ ድማ ኣብ ዝጥበስ ምግቢ መንሽሮ ዘማዕብል “ኣክርይላማይድ” ዝተባህለ ከሚካል ከም ዝፍጠር ብመጽናዕቲ ኣረጋጊጻ። እዚ ብሕልፊ ኣብ’ቶም ዝተጠብሰ ድንሽ (ፍረንች ፍራይስ፡ ቺፕስ) ዝሸጡ ኩባንያታት ብዙሕ ነውጺ ፈጢሩ። መጽሔት መንእሰይ ኣብ ውልቃዊ ህይወታን ውጽኢት ምርምራዊ ስርሓን ካልእ ምስ ዝተማህረትሉ ዓውደ ትምህርቲ “ንዩትሪሽን” ምትእስሳር ዘለዎም፡ ኣብ መዓልታዊ መነባብሮና ድማ እምብዛ ዘገድሱና ነጥብታት ብምልዓል ሰፊሕ ዕላል ኣካይዳ ኣላ።

**• ዝበዝሐ ዕላልና ኣብቲ ንPHD ምርምራዊ መጽናዕቲ ዘካየድክሉ ዓውዲ እዩ ክኸውን። ከም መጀመሪ ክኾና ምስ ኣበሸኺ ክተላልይና።**

ክልቲኦም ወለደይ መምህራን እዮም ነይሮም፤ ብስራሕ ናብ ደቀምሓረ ስለዝተመደቡ፡ ብቑልዓይ ከለኹ ናብ ደቀምሓረ



ኬድና። እቲ ዝበለጸ ክፋል ህይወተይ ኣብ ደቀምሓረ’የ ኣሕሊፈ ክብል እኽእል። ስድራይ ዋላ’ውን ብገንዘብ ሃብታማት ኣይንበሩ፣ ጓል ሃብታም ተሰሚዑኒ ንኸየጸቢ፡ ዓይነታዊ ኣተዓባብያ ከዕብዩኒ እኹል ዓቕሚ ነይርዎም እዩ። ክልቲኦም ወለደይ ኣብ ትምህርቲ ክዕወት ጸልዮምኒ እዮም። ባባ ናይ ታሪኽ መምህር’ዩ ነይሩ፣ ኣብ ኩሉ ምዕባለ ህይወተይ ከኣ ዓቢ ድርኺት ፈጢሩ እዩ። እዝክረኒ፡ ቆልዑ ከለና ኣብ ገዛና ዝኾነ ሞቕሽሽ ክትረክብ እንተኾይንካ፡ ቅድም ክትሰርሕ ኣለካ ዝብል መትከል ነይርዎ። ብመጠን እቲ ዝሰራሕካዮ ድማ ዓስበኻ ትረክብ። ዕላማኡ ኣብ ገዛና ፍቕሪ ስራሕ ከም ዝሰርጽ ንምግባር’ዩ ነይሩ። ሕጂ ንድሕሪት ተመሊሰ ክርእዮ ከለኹ፣ ኣዝዩ ሓጊዙና እዩ ንሱ። ልዑል ፍቕሪ ሃገር ስለዝነበሮ ድማ፡ ጸቡቕ መንቋሕቋሒታ ዝነበሮም ተመሃሮኡ፣ ናብ ሜዳ ክኸዱ ክርኢ እንከሎ፡ “ተመሃሮይ ናብ ሜዳ ኪዶም ምስ ኣሕዋቶም ይጽንበሩ ኣለው። ኩሎም ብሩህ መጻኢ ዘለዎም ሃብርም’የም። ገሊኦም ክምለሱ’የም፡ ገሊኦም ከኣ ንሃገሮም በጃ ክኾኑ’የም። ንስኻትኩም’ውን ናታቶም ኣበርክቶ ተኸቲልኩም፡ ኣብ ትምህርትኹም ነፊዕኩም ንሃገርኩም ክትተኽኡ እዩ ትምኒተይ” ክብለና እዝክረኒ። ኣብ ጾታዊ ማዕርነት’ውን ግብራዊ እምነትን ኣተሓሳስባን ነይርዎ፤ ብዓብይ ኸኣ ይሰርሓሉ ነይሩ። ኣቦይ፣ ንዓይ ካብ እዋን ቁልዕነተይ ኣትሒዙ፡ ነብሰ-ምትእምማን ክህልወኒ ይኹስኩሰኒ ነይሩ። ትምህርተይ ከይወዳእኩ ናብ መርዓን

ውላድን ከይኣቱ፥ ተማሂረ ኑበሰይ ክጠቅም፡ ሃገረይ ክጠቅም፡ ንሃገረይ ከገልግል ቀጺሊ ይምዕደኒ ምንባሩ እዝክር። እዚ ኸኣ፥ ኣብ ትምህርተይ ክፍዕን ዓብዪ ሕልሚ ኩሓልምን ሓጊዙኒ። ንርእሰይ ጥራሕ ዘይኮነ፥ ተማሂረ ንሃገረይ ገለ ፍሉይ ነገር ብምግባር መብጽዓ ጣብ ክፍጽም ከም ዘለኒ ኑበሰይ ኣእሚኑ።

- **ኩነታት ትምህርቲ**

ትምህርቲ ጓል ሓሙሽተ ዓመት ምስ ኮንኩ እየ ጀሚረያ። ቅድሚ ቐትሪ ቀዳማይ ክፍሊ እናተመሃርኩ፥ ድሕሪ ቀትሪ ድማ ማማ ክትምህር ናብ ስራሕ ክትወፍር ከላ ሒዛትኒ ትኸይድ ነይራ። ኣብ'ቲ ቤት ትምህርቲ ምስ ካልኣይ ክፍሊ ትምህር ዝነበረት መሓዝኣ መምህር ትሓድገኒ ነይራ፤ ኣብኡ እናተጸናጸንኩ ኑቲ ትምህሮ ዝነበረት እከታተል ነይረ። ሓደ እዋን ኑቶም ተመሃሮኣ መርመራ ክተግብሮም፡ ወረቐት ኩተዙረሎም ስለዝረኣኸዋ፡ “ንዓይ'ውን ሃብኒ” እብላ። ትሀበኒ። ክትሀበኒ እንከላ፥ ቁምነገር ክጉበረሉ ዘይኮነ ዋላ ኩሓናጥጠሉ ኢላ'ያ። ብጽፈት መልሲ ኣዳልየ ሂበያ። ጸቡቕ ነጥቢ ስለዘምጻእኩ፥ ኑቶም ቤት ትምህርቲ ኣረዲኦ ውጽኢት ነጥበይ ከይዓመጹት ናብ ሳልሳይ ክፍሊ ከም ዝሓልፍ ገራትኒ። ኣብ ሓሙሻይ ክፍሊ ከለኹ ኸኣ ንሻድሻይ ክፍሊ ትመሃር ዝነበረት ናይ ጀነራል ምድላዋት ክትጉበር ከላ ሰድራይ ከረድኣ ምስ ረኣዩኒ፥ ዓቕመይ ርእየም ናይ 6ይ ክፍሊ ጀነራል ክጉበር ሓቲዮምኒ፥ ተፈቲኑ ናብ ሻብዓይ ክፍሊ ሓሊፈ። ክሳዕ 8ይ ክፍሊ ኣብኡ ተማሂረ። ጀነራል ገይረ፥ ጸቡቕ ነጥቢ ኣምጺአ ናብ ኣስመራ መጺአ። ኣብ ልኡል መኮንን (ናይ ሕጂ ኣስመራ ሓፈሻዊ) ናይ 2ይ ደረጃ ትምህርተይ ተማሂረ።

- **ኣብ ትምህርቲ ከመይ ኔርኪ?**

- ክገርመካ ዝግባእ መንፍዓት ኣይነበረንን። ዝተሓዋወሰ እዩ ነይሩ። ወለደይን መምህራነይን ይገርሞም ነይሩ። ክደፍኖ ኣለዊ ኢለ እንተሓሰብ፥ እደፍኖ ነይረ። ገለ እዋን ድማ ኣመና ኣንቈልቊል ነይረ። መምህራነይ የተሓሳስቦም ነይሩ። ሚእቲ ካብ ሚእቲ ከምጽእ ይጸንሕ እሞ፡ ሃንደበት ድማ ናብ ትሕቲ መሕለፊ እወርድ።

- **ካብ ምንታይ ይመስለኪ?**

- ኣብ ሕጂ ኾይነ ክርእዮ እንከለኹ፥ ካብ ክቱር ርእሱ ምትእምማን (Over Confidence) ዝመጽእ ዘይተገዳስነት ወይ ሸለልትነት ኮይኑ እዩ ዝስመዓኒ። ዝኾነ ነገር ልዕሊ ዓቕን እንተኸይዱ ሃሳዪ ክኸውን ይኽእል እዩ።

- **ንቑጽል ዶክተር**

- ሽዑ እዋን ደርግ ስለዝነበረ፥ ኣብ ናይ ጉዘውትና ቀበሌ፥ ኪኖት ከእትወኒ ደልየም። ኣብጽዮም። “እንታይ ኴንኪ?” ኢሎም ምስ ሓተቱኒ፥ “መጥቃዒት ኣይተገበሩን” ኢለዮም። ኑዘ ዘረባይ ኣይፈተውዋን። እዚ ኸኣ ኣብ ወለደይን ኣብ'ቶም ኣባይ ዝግደሱን ስክፍታ ኣሕዲሩ። ሓደ እዋን ይዝከረኒ፥ ሓደ ካድር፥ (ሕጂ ተመሊሱ ክሕሰቦ ከለኹ ናይ ከተማ ተጋዳላይ ከይኮነ ኣይተርፍን) ናብ ቀበሌ መጺኡ፥ ኣብ ዝነበረ ኣኼባ፥ ኪኖት ኣይኣቱን ዝበለት መን'ያ ክበል ይሓትት። ኣነ ኸኣ ብድፍረት “ኣነ” ምስ በልክዎ፡ ንምንታይ ኢሉ ሓቲቱኒ። ደጊመ መጥቃዒት ከም ዘይኮንኩ ምስ ሓበርክዎ፡ ፍሽኽ ኢሉ ኣብ'ቲ ቀጽሪ ናይ'ቲ ቀበሌ ኣሕምልቲ ክኸሰኽስ ብጥብቂ ክሕዙኒ ከም መቕጽዕቲ ፈሪዱ ኣኼባ ዓጺዉ። ምስ ወጻእና ኸኣ ተጸብዩ ከምኡ ከም ዘይበሃል መኺሩ ኣፋንዩኒ። ሰድራይ ብኸነታተይ ተሰኪፎም፡ ምስ ንሰደት ዝኸዱ ዝነበሩ መቕርባት ኣሰንዮም ንሰደት ኣፋንዮምኒ።

ክብገስ ከለኹ፥ ጣቢ “ኣብ ውሳኔኺ ስለዘይጠራጠር፥ ኣብ ኩሉ ጉዕዞኺ ኣብ ውሳኔኺ ጽንዒ። ኣብ ርእሲኡ ኣብ ዝኸድክዮ ዓዲ ቅድም ቀዳድም ኣብ ትምህርቲ ተገደሲ። ገንዘብ ምውህላል ከኣ ኣይትዘንግዒ” ኢሉ ተላቢዩኒ። ኑቲ ናይ ትምህርቲ ለበዋኡ ተግቢረያ። ኣብ ምውህላል ገንዘብ ግን ኣይነፋዕኩን።


ብዘኾነ ናብ ሱዳን ከይደ፥ እቲ ጣብ ንዓይ ሓሳቡለይ ዝነበረ ናይ ትምህርቲ ዕድል ስለዘይሰለጠኒ፥ ትሽዓተ ወርሒ ጸኒሐ፥ ወደሞይ ናብ ስዋዚላንድ ወሲዱ፥ ከም ወላዲ ኮይኑ፥ ናይ ትምህርቲ ዕድል ከፈቱለይ። ሰለስተ ዓመት ኣብኡ ተማሂረ።

- **ኣብ ስዋዚላንድኺ ትምህርቲ ከመይ ነይሩ?**

- ህዝቢ ስዋዚላንድ ተቐባሊ ጋሻ እዩ። ከም ስደተኛ ስለዝፈለጡኒ፥ ብርህራሀ ይሕዙኒ ነይሮም። እታ ናይ ኣስመራ ባህርዩ ናይ ትምህርቲ ንገለ እዋን ሰዒባትኒ እያ። ሓደ እዋን ኣብ መርመራ፥ ኑተን ቀለልቲ ሕቶታት ነጢረ፥ ነታ ናይ መወዳእታ ብርትዕቲ ሕቶ ጥራሕ መሊሰያ። ንሳ ንበይና ሓሙሽተ ነጥቢ ነይርዋ። መምህረይ፥ ነታ ብርትዕቲ በይነይ ምምላሰይ ርእዩ ኣድኒቑኒ። ይኹን'ምበር ኑቶም ቀለልቲ ሕቶታት ከይመለስኩ ምትራፈይ ከኣ ሸለልትነተይ ኣሕሪቑዎ። ናብ ቦታኡ ጸዊዑ ክገንሓኒ እዝከረኒ። “እዚ ኣካይዳኺ ኣብ ዙብጽሓኪ የብሉን፥ ድሕሪ ሕጂ እንተጌብርኪ እዩ ዝሕሸኪ” ኢሉኒ። ኮታስ ዘይምግዳስ ነይሩ፥ ኣብ ገለ ድማ እዚ ክትገብሮ ዘይትኽእል ፍሉይ ክእለት ዲኻ ክትብሎ ፍልጠት ነይሩኒ።

- **ቀጺሉ**

- ናይ ትምህርቲ ኣተሓሕዛይ ከይተመሓየሸ፥ ተመርዐየ። ናብ ስዊድን ከይደ ቦኽሪ ውላደይ ሓቒፈ። ሽዑ ብዋዜይ እጻወት ከም ዝነበርኩ ጸቡቕ ገይሩ ተረዲኡኒ። ትምህርቲ ብመሰረት ለበዋ ኣቦይ ብዘይገዳስነት ጸቡቕ ገይረ ክሕዞ ከም ዘለኒ ተገንዘብ። ዝነበረኒ ውጥናትን ዘቃጻልክዎ ግዜን ዘኪረ፥ ብጠኺያት ክንኸባኸብ እዝከረኒ። “እንታይ ኴንኪ ትብኽዩ ኣለኺ?” ምስ ተበሃልኩ፥ “ዝሓሰብክዎ ከይገበርኩ፥ ኣረገ” እብሎም ነይረ። “እንታይ እርጋኑ? ተጸሊልኪ ኢኺ መስለኒ፥ ዕድመኺ ብምግንካ ዘየልዓልክሉስ ድማ ኸኣ እርጋን” ኢሎምኒ፤ ሓቀም'የም። ኣነ ኣረገ ዝበሎ ዝነበርኩ፥ ኑቲ ዝነበርክዎ




ከኅታት ኣብ ግምት ኣእትየ እየ። ቈልዓ ኣላትኒ፡ ንዕኣ እግሪ ከትክል ክንደዚ ዓመት፡ ቛንቛ ክመሃር ክንደዚ ዓመት፡ ዩኒቨርስቲ ኣትየ ትምህርተይ ክውድእ ክንደዚ ዓመት ኢለ ምስ ጸብጺበክዎ ዓቕሊ ስለዘጽብበኩ'ዩ። ቀስ ኢለ ሓሰብ ግና ንጓለይ ናይ ኣደኑት ከየጉደልኩ ምስ ደቀሰት እናጸናዕኩ ትምህርተይ ክገብር ሓሊነ፤ ከምኡ ከኣ ገይረ።

- **ንቐጽል ዶክተር**

- ኣብ ስዊድን ምስ ኣተኹ፡ ቅድም ሕርሻ ክመሃር እዩ ነይሩ ድልየተይ። ሽዑ ኣብ ኢትዮጵያ ብምሉእ ዓለም ዝቃላሕ ዝከበረ ደርቅን ጥሜትን ጊዜ ስለዝከበረ፡ ጥሜት ካብ ዓለም ከጥፍእ ሓሊመ። ንትግበረኡ ክሰርሓሉ ብምትእምማን ተበጊሰ። እብለካስ፡ ሕልመይ ክትግበሮ ዘኽእል ምኽንያይ ኣሚነ ተበጊሰ። ቈልዓ ስለዝከበረትኒ፡ እቲ ናይ ሕርሻ ኮለጅ ድማ ካብ'ቲ ዝበርክዎ ኣዝዩ ርሑቕ ስለዝከበረ ግዱ፡ ሕርሻ ካብ ሓንጎለይ ከውጽኦ ተገዲደ።

- **እንታይ ደኣ ገበርኪ?**

- እቲ ገለ ፍሉይ ነገር ንዓለም ከበርክት ዝከበረኒ ሕልሚ ካብ ሓንጎለይ ኣየውጻእክዎን። ናብ ሕርሻ ዝቐረበ፡ ብዛዕባ መኣዛታት ምግቢ (nutrition) ክጸንዕ ዝሓሸ ኮይኑ ረኺበዮ። ኣብ ስዊድን ብዛዕባ "ኑትሪሽን" ክትመሃር ከሎኻ፡ እቲ ዝበዝሐ ክፋል ናቱ ኬሚስትሪ እዩ። ቅድሚኡ ዳርጋ ሰለስተ ዓመት ብዛዕባ "food chemistry" ምስ ተመሃርኩ፡ ድሕሪኡ ኢኻ ብዛዕባ "ኑትሪሽን" ትመሃር። ብዘኾነ ብኑትሪሽናል ኬሚስትሪ (nutritional chemistry) ተመሪቐ።

- **ትምህርቲ ከመይ ነይሩ?**

- ኣብቲ ኣነ ዝመሃረሉ ዝከበርኩ፡ ምሳይ ዝመሃሩ ጸለምቲ ኣይነበሩን። በይነይ እየ ነይረ። ንመጀመርታ ግዜ ናይ ዘርኢ ኣድልዎ ክግበረለይ ኣስተብሂለ። ቅድሚኡ ከምኡ ዓይነት ተሞኩሮ ኣይጸንሓንን። ብወለደይ፡ ብመምህራነይን መማህርተይን ክብረት እናተዋህበኒ እየ ዓቢየ። ኣብ ስዊድን ግና ብዙሕ ኣድልዎ እዩ ዝግበረልካ። ተማሂረ ሃገረይ ከገልግል ዝብል ዕላማ ስለዝከበረኒ፡ እቲ ዝከበረ ኣድልዎ ካብ ሕልመይ ኣየኽናደበንን።

- **ናብ ናይ PHD ትምህርቲኺ ከንኣቱ**

- ብ1993 ኣብ ዩኒቨርስቲ ስቶኮልም፡ ኣብ ዓውዲ ከባቢያዊ ኬሚስትሪ (Environmental Chemistry) ናይ PHD ትምህርተይ ጀሚረ። ምርምር ከም ዝጀመርኩ ንባባ ምስ ነገርክዎ፡ እሞ "ኖብል ፕራይዝ" ክትወስዲ ከለኺ፡ ክዳውንቲ ክሓርን ከሰፍን ከየደናገየኪ፡ ሕጂ ክጅምሮ ክብል ሕልመይ ናብ ዝዓበየ ጸፍሒ ከበጽሕ ብዋዛ ተላቢዩኒ። ብዘኾነ መጽናዕተይ ብዛዕባ መንሽሮ ዘስዕቡ ንጥረነገራት (carcinogens: endogenous isoprene and oxiranes, dietary-acrylamide) ናይ PHD መጽናዕታዊ ምርምረይ ድማ ኣብ Oak Ridge Institute for Science and Education, Food and Drug Administration / National Center for toxicological Research ኣካይደ። ህይወት ግን ሓንሳብ ሓንሳብ ናብ ድላዩ ስለዝመርሓካ፡ ባባ ብ1998 ካብ ዓለም ብሞት ተፈልዩ። ኣብ ዕላማይ ከኣ ዳርጋ ሃሲያ ክገብር ጀሚሩ። ኣብ ኤርትራ መጺኣ ሽዱሽተ ወርሒ ኮፍ ምስ በልኩ፡ ማማ፡ ምስ ዝሞተ ከም ዘይምውት፡ ትምህርተይ ክቕጽሎ ከም ዘለኒ ኣተዓብዒትኒ። ምርምረይ ከኣ ቀጺለዮ።

- **ናብ'ቲ ዘተዳድክዮ ምርምር ክንኣቱ ዶክተር**

- መጀመርታ ከም ተሓጋጋዚት ናይ'ቲ ቤተ-ምርምር (ላቦራቶሪ) ኮይነ እሰርሕ ነይረ። ኣብኡ ብዙሕ ናይ ምርምር ፈተነታት እገብር ነይረ። ሽዑ ፕሮፌሰረይ ከኅታተይ ርእዩ፡ "ነቲ ምርምራዊ ስራሕ ትዓምሞ ካብ ሃለኺ፡ ናይ ገዛእ ርእስኺ ቀመማዊ ምርምር (Chemical research) ክትገብሪ ኢኺ።" ኢሉኒ። ተቐቢለዮ። እቲ ምርምር ክጅምሮ ከለኹ፡ እቲ ስራሕ ቀሊል ኣይነበረን። ኣብ ርእሲኡ ወላድ ነይረትኒ። ኣብ ዓወት ክበጽሕ ክቱር ሕልሚ ስለዝከበረኒ ግና ቀጺለዮ።

ብዘኾነ ነቲ ምርምራዊ መጽናዕተይ ኣብቲ ኢንስቲትዩሽን ኮይነ ጀሚረዮ። ሐ.ዘዮም ዝከበርኩ ፕሮጀክትታት፡ ኣብ ከባቢና ካብ ንበልዖም፡ ንስትዮም ክስተንፍሶም ጠንቂ መንሽሮ ዝኾኑ (carcinogens) ኬሚካል ምልላይ እዩ ነይሩ። ብፍላይ ከኣ ምግቢ ክሑበስሎ ከሎና ዝፍጠሩ ንመንሽሮ ኪቃልዑና ዝኽእሉ ኬሚካላት ክጸንዕ ጀሚረ። ንኣናጹ ዝበሰለን ዘይበሰለን ምግቢ ብምሃብ ኣብ ደሞም ዘሎ ኬሚካላት ኣጽኒዕ ነይረ።

ኣብ ሞንጎ ምርምረይ፡ ኣብ ስዊድን ሓደ ሓደጋ ኣጋጢሙ። ኣክርይላማይድ (Acrylamide) ዝበሃል ኬሚካል፡ ፕላስቲክ ንምስራሕ ዝጥቀምሉ ቀመም ቢንቶ ክገብሩ እንክለዉ'ውን ከም መጣበቒ ይጥቀምሉ እዮም። ነቲ ኬሚካል ኣብ በዓል ቻይና ከም ማስርሒ ፕላስቲክ እዮም ዝጥቀምሉ። ፕላስቲክ ምስ ተሰርሓሉ ዝጋገን ጸገም የብሉን፤ እቲ ሕሩፋጩ'ዩ ጸገም። እቶም ሰራሕተኛታት ካብ'ቲ ሐርጭ ብመልክዕ ዶሮና ናብ ሰብኦም እንተኣትዩ ክሳዕ ይለምሱ ስለዝከበሩ፡ ማዕረማዕሪኡ ቀንዲ ጠንቂ መንሽሮ ምኻኑ ተረጋጊጹ ጸኒሑ'ዩ።

* ቀጸሊ

ቢንቶ ክሰርሑ እንክለው፡ እቲ ናይ ማይ ዓቐንን ናይ'ቲ ኬሚካል ዓቐንን ስለዘይተጋጠመ፡ እቲ ኬሚካል ጸሪሩ ናብ ባሕሪ ኣትዩ። ናብ ባሕሪ ምስ ኣተወ ብዙሓት እንስሳታት ባሕሪ ለሚሰም፡ ብዙሃት ዓሳታት ሞይቶም። ኣብ'ቲ እዋን እቲ፡ እቲ ኣነ ዝሰርሕሉ ኢንስቲትዩት መጽናዕቲ ክካይዱሉ ተሓቲቱ። ሓደ ሚላ ምሂዙ ብዝዕባ'ቶም እንስሳታት መጽናዕቲ ክካይድ ንዓይ ተዋሂቡኒ።

ኑቲ ዝመሃዘክዎ ሚላ ተጠቒመ መጽናዕተይ እናካየድኩ ሓደ ምልክት እርኢ። ኣብ'ቶም ምስ ሰቦት ለጊቦም ዝኑብሩ እንስሳታት ከም በዓል ድሙ፡ ከልቢ፡ ኣንጭዋ፡ ማንቲለ ገዛ ወዘተ ኣብ ደሞም ናይ acrylamide ምልክት እርእየሎም፤ ኣብቶም ካብ ሰብ ርሒቖም ዝነብሩ እንስሳታት ግና እዚ ኬሚካል ኣይነበሮምን። እዚ ኑቲ ሐደሮ ዝሰርክኩ መጽናዕቲ ዝድርዕ ሓበሬታ ረኺበሉ። ስለዚ ምስ ሱብ ምቅራብም፡ እቲ ጠንቂ ኣብ ኣገባብ ኣብሳስላ ምግቢ ምዃኑ ኣስተብሂለ። ምኽንያቱ ሰቦት ካብ ካልኦት እንስሳታት ዝፈልየና ነገር ኣብሲልና ንምግብ ምዃንና እዩ። ደም ካብ'ተን ዘጽንዐን ዝሰርክኩ ኣናጹ ምስ መርመርኩ፡ ከምቲ ዝሓሰብክዎ፡ ኣብ'ተን ዝተጠበሰ ምግቢ ዝበልዓ ኣናጹ እቲ ኬሚካል ጸኒሑኒ፤ ኣብ'ተን ዘይተጠበሰ ዝበልዓ ግና እቲ ኬሚካል ዳርጋ ኣይጸንሓንን። እቲ ኬሚካል ፍሉጥ ጠንቂ መንሽሮን ኒውሮቶክሲንን (neurotoxin) ምዃኑ ስለዝፍለጥ፡ ኣብ ኣተሓሕዛኡ ኣዝዩ ልዑል ጥንቃቐ እናተገብረሉ ብጽኑዕ ሓለዋ እዩ ዝስራሓሉ።

ስለዚ እዚ ርኽበት ብዓለም ዓቢ ኣተኩሮ ረኺቡ። ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ዓለም ኣብ መዓልታዊ ምግብና ከም ዝርከብ ምስ ኣቃልዕኩ፡ እቲ ውጽኢት ንናይ ዓለም ሳይንቲስት ኣናዊጹ፡ ብዓለም ከኣ ዓብዪ ኣተኩሮ ረኺቡ። ቀጺለ ኣበየናይ ዓይነት ምግቢ ከም ዝርከብ መጽናዕቲ ኣካይደ። ኣብ ዝበሰለ ምግቢ ብፍላይ ከኣ ኣብ ዝተጠበሰ ድንሽ ከም ዝርከብ ኣለልየ።

- **ንቐጽል ዶክተር**

- ስለዚ ዝተጠበሰ ድንሽ ወይ እዚ ብልምዳዊ ኣጸዋውዓ “ፍረንች ፍራይስ” ዝበሃል፡ ንመንሽሮ ከቃልዕና ዝኽእል ኬሚካል ከም ዘለዎ ኣብቲ መጽናዕተይ ረኺበ። ፍረንች ፍራይስ ይኹን እዚ “ቺፕስ” ንበሎ ኣብ ምዕራባውያን ሃገራት ኣዝዩ ዝውቱር ኮይኑ'ዩ ጸኒሑ። ኣብኡ፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ወለዲ ንደቆም ጠዓሞት ዝተጠበሰ ድንሽ ይኹን ፍረንች ፍራይስ ወይ ቺፕስ ስለዝሁብዎም፡ ፍረንች ፍራይስን ቺፕስን ዘዳልዋ ትካላት ኣብ ቅልውላው ኣትየን። ክሳብ ሎሚ ኸኣ ኣብ ምሉእ ዓለም ዘለዋ ኣካዳምያዊ፡ ግላዊ፡ መንግስታዊ ትካላት



ቡቲ ዝጀመርክዎ መጽናዕቲ ዝተበግሰ መርሓ ጎደና መጽናዕቲ ከፊተን ይርከባ።

- **እንታይ ትብሊ! ጥቡስ ድንሽ ኣብ ዓድና ዛጊት ዝውቱር ዓይነት ምግቢ'ዩ ዘሎ። ብሕልፊ ኣብ ውራያት ሓደ ካብቲ ዘይተርፍ ተወሳኺ ዓይነት ምግቢ'ዩ።**

- ስለምንታይ ተኣታትዩ ኣዝዩ ዘገርም እዩ። ኣብ ዓድና ምትእትታዉን ምቅጻሉን ኣዝዩ ካብ ዘተሓሳስቡ እዩ። ጥቡሲ ድንሽ ጥራይ ዘይኮነ ብዘይቲ ዝጥበስ ምግቢ ከምኡ'ውን ነዊሕ ግዜ ኣብ ሓዊ ዝጸንሕ ምግቢ ንጥዕናና ጠንቂ ንዘኸትሉ ኬሚካላት ከቃልዓና ስለዝኽእል ክንጥንቀቐሉ ዝግባእ'ዩ። ብዝተኻእለ መጠን ልልው ልልው ኣብልካ ምብሳል ወይ ምጥጣቕ ዝሓሸ ኣማራጺ እዩ። ኣብኡ፡ ጸብሒ ክንሰርሕ ከሎና፡ ሽጉርቲ ክሳዕ ናብ በናዊ ሕብሪ ዝቕየር ብዘይቲ እንተጠበስናዮ ተመሳሳሊ ሳዕቤን ክህልዎ ዝኽእል ምዃኑ ፍሉጥ'ዩ። ዋላ'ውን ድሕርኡ ብማይ እንተሰሰንናዮ፡ ኑቲ ኬሚካል ኣይተጥፍኣን ኢኹ። ስለዚ ኣብሳስላና ካብ ኣብ ምጥባስ ኣብ ምጥጣቕ ገጽና እንተኣዘዝናዮ ዝሓሸ ኣማራጺ እዩ።

- **ኣብ ጉዳይ ምብሳል ዘሎኪ መጠቓለሊ ሓሳብ**

- ምብሳል ኣብ ሂወትና ዝጻወቶ እወንታዊ ተራ ኣቕሊልካ ዝረአ ኣይኮነን። ምግብና ክንብስል ንግደደሉ ምኽንያት ደቀቕቲ ታህዋሲያን ንምቕታል'ዩ። ድሱትና ወይ ጻሕልና ማይ ክሳዕ ዝሃለዎ ጸገም የብሉን። እቲ ጸገም ዝመጽእ ብዘይ ማይ ብዘይቲ ጊርካ ኣብ ዝቅሎ ወይ ዝጥበስ ነገራት እዩ። እዚ ክዝዘውትሮ ዘይብልና እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ምጥባስ እቲ ሙቐት (temperature) ናብ ዝለዓለ ደረጃ ስለዝድይብ፡ ንሕማም ከቃልዑና ዝኽእሉ ኬሚካል ከማዕበል ልዑል ተኽእሎ ኣሎ።

ካልእ ኣብ ምብሳል ዘሎ ዝዓበየ ጸገም፡ ካብ'ቶም ንሱበኦትና ኣዝዮም ኣገደስቲ ዝኾኑ መኣዛታት ምግቢ (ከም በዓል ቫይታሚን ቢ፡ ቫይታሚን ሲ ወዘተ) ሓዊ ኣይጸወሩን ስለዝኾኑ፡ ብሰንኪ ምብሳል ንኸስሮም ምዃንና'ዩ። ብተወሳኺ መኣዛታት ምግቢ ኣብ ስብሒታት ዝሓቑ'ለው፡ ኣብ ማይ ዝሓቑ'ውን ኣለው። እቶም ኣብ ማይ ዝሓቑ መኣዛታት፡ ኑቲ ዘብሰልናሉ ማይ ዞቕቒና እንተጉሓፍናዮ፡ ኑቲ ቀቀንዱ ንኸስሮ ኣሎና ማለት'ዩ። ስለዚ ንሱበኦትና ጠቓሚ ክኸውን ስለዝኽእል፡ መረቕ ወይ ዝቋቖ ናይ ዝበሰለ ምግቢ ክንጉሕፎ የብልናን፤ ብሕልፊ ድማ ናይ ኣሕምልቲ እንተኾይኑ። ኣብ ከባቢና ብዝተፈላለዩ ታህዋሲያን ክንጥቃዕ ስለንኽእል ምብሳል ኣገዳሲ እዩ ግና ብምጡን ዓቐን ክኸውን ኣለዎ።

- **ብዛዕባ ኣመጋግባ**

- ቅድም ቀዳድም ዝተመጣጠነ ክኸውን ኣለዎ። ኣካላትና ብምጡን ዓቐን ናይ ኩሉ ዓይነታት ምግቢ የድልየ እዩ። ካርቦሃይድረይት፡ ስብሒ፡ ፕሮቲን፡ ማይ፡ ማዕድናት፡ ቫይታሚናት የድልየ እዩ። ነዚ

ኹሉ ሚዛናዊ ዝኾነ ምግቢ ክንበልዕ፡ ኣሕምልቲ፡ ፍሩታታትን እናኣቃየርና ቀጺሉ ምስ እንወስድ እዩ። 80 ሚእታዊት ዝይተመሓላለፍቲ ሕማማት ከም በዓል መንሽሮ፡ ሽኮርያ፡ ወይጦን ካልእን ብቐጥታ ኣመጋግባ ክንከላኸሎም ንኽእል ኢና። ኤርትራ ኣብ መድረኽ ምክልኻል ትርከብ ሃገር'ያ። ልክዕ ከም'ቶም ንበዓል ዓሶን ኤችኣይቪን ሻማሻማ ኢልና ዝተኸላኸልናዮም፡ ነቶም ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት'ውን ቅኑዕ ኣመጋግባ ብምዝውታር ክንከላኸሎም የድልየና እዩ።

**• ኣብ ምግቢ ክንገብሮ ዝግባእ ጥንቃቐ**

- ምግቢ ምስ ተዳለወ ንኽንደይ ሰዓታት ወይ መዓልቲ ይጸንሕ ክጽናዕ ዘለዎ'ዩ። ብሕልፊ እዚ ኣብ 'ኮንተይነር' ተጻዒኑ ካብ ደገ ዝመጽእ ዕሹግ ምግቢ ብፍሉይ ክንጥንቀቐሉ ዘሎና'ዩ። ዋላ'ውን ዝወድቀሉ መዓልቲ (expire date) ይጸሓፈሉ እንተኾነ፡ ኣኻሊ ኣይኮነን ዝብል እምነት'ዩ ዘሎኒ። ምኽንያቱ እቲ ዝተጻሕፈሉ ኣብ ምንታይ ዋዒ እንተተቐሚጡ'ዩ ንኽንደይ ንውሓት ግዜ ዝጸንሕ ዘይተጸንዐ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኣዋርሕ ኣብ ጸሓይ ኣብ ኮንተይነር ተደርብዩ ይጸንሕ፡ እንዳ ድኳን ይኣቱ፡ ዝእካ ትጥቀመሉ፡ ትበልዖ - ኣሰካፊ እዩ።

ብወገነይ ምርጫና ኣብ ምህርትና ክኸውን ዝሓሸ'ዩ ዝብል እምነት'ዩ ዘሎኒ። ብልጫታት ሕርሻዊ ምህርትና ክነስተማቕሮን ብልጫኡ ክንፈልጦን ከድልየና እዩ። ዘቤታዊ ምህርትና እንተኣዕቢናን ብዝተገዳስነት እንተሰሪሕናሉን ንዕኡ ዘርኽብ የለን።

**• እዚ ዝገለጽክዮ ከምኡ ኣብ ባሕቲ ከመይ እዩ?**

- ብብዝሒ እንተኣዘውቲርናዮ ወይ እንተበዚሑ ብውሑድ ዓቐን ይሰኣኖ'ዩ ኣይብልን'የ። ናይ'ዚ መፍትሒ፡ ዓይነት ምግብና መዓልታዊ ክፈላለ ዝሓሸ'ዩ። ዓይነት ሓርጭ ዝተፈላለየ ኣእካል ከም ስርናይ፡ ስገም፡ ዓለስ፡ ማሽላ፡ ዕፉኝ ብልቱግ እናኣቐያየርና ክንጥቀም ምሓሸ እብል። እቶም ሰራሕቲ ወይ ቀረብቲ ባኒ'ውን ክሓስቡሉ ዘለዎም እዩ። ባኒ ስገም እኳ እርኢ እየ ኣብ ገለ ድኳናት፡ ጽቡቕ ልምዲ'ዩ። እቶም ካልኦት ኣእካል'ውን ብተመሳሳሊ ናብ ባኒ ቀይርና ክንምገቦም እንታይ የጽግም!

**• ፊኖ፡ ሽኮር ክዝውትርም ዘይብልና ምኽንያቶም ዝገልጹ መጽናዕትታት ኣንቢበ ኣለኹ። ንመጻኢደዊ ተባሂሉ ሕማማት ዘማዕብል ኣሎክሲን ዝበሃል ቀመም ይኣትዎ'ዩ እውን ይበሃል'ዩ። ብዛዕባ'ዚ እንታይ ትብሊ?**

- ይኣትዎ'ዩ ኣይኣትዎን'ዩ ቅድሚ ምባለይ፡ ብዛዕባ ኣሎክሲን ኩበርሃልካ፡ ኣሎክሲን ቀልጢፉ ሽኮርያ ዘማዕብል ከምኡ እዩ። ብዛዕባ ሽኮርያ ኩተጸንዕ እንተደሊኻ፡ ኣናጹ ወይ ካልኦት ናይ ላቦራቶሪ እንስሳታት ኣሎክሲን ክትህበን ትኽእል ኢኻ፡ ቀልጢፉ'ያ ሽኮርያ ዘማዕብል። ናብ ሕቶኻ ክምለስ፡ ፊኖ ይኹን ሽኮር እዚ ቀመም ይኣትዎ ደዩ ኣይኣትዎን ኣብ ሚድያ ዝበዓብክዎ እምበር ዝገበርክዎ መጽናዕቲ የለን። እቲ ዋና ነገር ዝበሎ ኣኔ ፊኖ፡ ሽኮር፡ ጠስሚ፡ ጨው፡ ኩሉ ግዜ ጠንቂ ሕማም ምኳኑ ክንፈልጥ ይግባእ። ብፍላይ ከኣ ተማስሪሑ ኣብ ዝቐርበልና ነገር ርግጸኛታት ክንከውን ስለዘይንኽእል፡ ክንጥንቀቐሉ ከም ዘለና'ዩ። ኣብኡት፡ ካብ ብፊኖ ብስርናይ ዝስራሕ ባኒ ተመራጺ'ዩ ንጥዕና። ምኽንያቱ ስርናይ እቲ ንዓና ዘገድስ ነገር ኣጠቓሊልዎ ኣሎ። ኑቲ ናቱ ኣካላት ገፊፍካ ክትበልዕ ከለኻ፡ ብዙሕ ይጎድለካ ምኳኑ ፍሉጥ'ዩ። ኣካልና፡ ንምብሉኡ ኑቲ ክፋል ናይ ስርናይ ከሕቅቕ እዩ ተፈጢሩ። ስለዚ ኣብቲ ቅራፍ ዘሎ ረብሓታት ኣልጊስካ ናብ ፊኖ ቀይርካ ምብልዑ ኣይውሓጠለይን እዩ። ኣእካልና ከም'ቲ ዘለውዎ ኣገደስቲ እዮም ኣብ ጥዕናና። ፊኖ ድሒሩ ዝመጸ ባዕዳዊ ኣመጋግባ እዩ። ናጻ ኴንና ክንበልዕ እንተኼንና፡ ዋላ ካብቲ ባዕዳዊ ኣመጋግባ እውን ናጻ ክንከውን ኣሎና። ንጥዕናና ዝሰማማዕ ባህልን ልምድን ኣመጋግባ እዩ ጸኒሑና። ንዕኡ ዝውትር፡ ናብኡ ንመለስ እዩ ለበዋይ። ናይ ሽኮር እውን ተመሳሳሊ'ዩ። ዝተማስርሐ ሽኮር እዩ ዝቐርበልና ዘሎ።

**• ብዛዕባ ካብ ደገ ዝመጽእ ዘርኢ ኣእካል**

- ኣነ ኣዚ መብቖሉ ናይ ዓድና ዝኾነ ኣእካል ክንደፍኣሉ ምደለኹ። ምኽንያቱ ዝተማስርሐ ኣይኮነን። ኣብ ናይ ዓለም ዕዳጋ እንተኣቲና ናቱ ሳዕቤን ኣለዎ። መታን ብዙሕን ፍሩይን ክጥቀል፡ ጸህያይ ዘይፈቱ ክኸውን ተባሂሉ፡ ኣእካል'ውን ይምስራሕ (modified ይኸውን) እዩ። ኣብ ሃገርና genetically modified food ክልኩል እዩ። ይኹን'ምበር፡ ክዓብዩልና ክጽብቑልና ኢልካ ዝመጽእ ዘርእታት ኣሎ።



ንናትና ዘርኢ ካብ ደገ ኣምጺእካ ምትካእ ቅቡል ኮይኑ ኣይስመዓንን። እዚ ክበል ከለኹ ዘርኢ ፍጹም ኣይነምጽእ ወይ ኣይነዳቕል ማለተይ ዘይኮነስ፡ ናትና ዘርእታት እናዓቀብና ክኸውን ኣለዎ እየ ዝብል ዘለኹ። ምኽንያቱ እቲ ናይ ዓድና ዘርእታት ምስ መሬት ዓድና ይኹን ምስ ጥዕናና ስለዝቃዶ። ዋላ ኣብ እዋን ለውጢ ክሊማ'ውን ተጻዋሪ ባህርዩ ክህልዎ ይኽእል እዩ፤ ምኽንያቱ ምስ ናይ ዓድና ኩነታት ዝሰማማዕ ኮይኑ'ዩ ንመዋእል ቀጺሉ።

**• ጉዳይ ፍሩታታት**



- ፍሩታ ክንበል ከሎና ኣብ'ቶም ብቐረባ እንረኽቦም፡ ኣብ በዓል ኣራንሺ፣ ባናና፣ ፓፓዮ፣ ዘይቲቡን ኢና እንተኩር። ኣገዚዩ ብዙሕ ዓይነት ፍሩታታት መሮር ኣለዉና። ኣብኡ'ቲ፥ ኣነ ብተገዳስነት ዘጽናዕክዎ ዓይነት ፍሩታ፡ ናይ ዱማ ኣሎ። ናይ ገረብ ዱማ ፍሩታ ብደረጃ ዓለም ልዑል ቁላሕታ ዝረከበሉ ዘሎ'ዩ። ገረብ ዱማ ኣብ ሃገርና ዝርከብ ክሱ ዝዀነ ቁላሕታ ከይገበርናሉ ኢና ጸኒሕና። ዝዓበየ ጸገምና ኣብ ናይ ዕዳጋ ኑተኩር ምህላውና እዩ። ዋላ ኣብ ገጠር ዝርከቡ ዜጋታት ብዙሕ ኣፍልጦን ኣማራጺታትን ብዛዕባ ፍሩታታት መሮር እናሃለዎም በዚ ናይ ከተማ ይጽለዉ ኣለዉ። ፍረታትና፡ ኣሕምልትና ብዘየገድስ ንፈትሾም፡፡ ፈውስና ኣብ ኢድና'ዩ ዘሎ።

**• ብዛዕባ በለስ ፍሉይ ሓበሬታ እንተሃልዩኺ፣ ክረምቲ ኸአ ስለዝኾነ።**

- በለስ ወቕታዊ ፍሩታ እዩ። ብኣገባብ ተማሲራሑ ዓመት ምሉእ ክንመገቦ ምኽኣልና። በለስ መጽናዕቲ እናተገበረሉ፥ ኣብዚዖም ክንጠቓቐሶም ዝጸናሕና ሕማማት ዝህልዎ እወንታዊ ተራ እንታይ ምዃኑ ብጮብጥ ምፈለጥናዮ። እቲ ናይ ፍሩታ እወንታዊ ባህሪኡ ኣብ ባታኡ እናሃለወ ማለተይ እዩ።

**• ብዛዕባ ቀጠልያ ኣሕምልቲ**

- ምስ ዓበይቲ ሰድራና ክንዛረብ ከሎና፡ ኣገዚዩ ብዙሕ ኣሕምልቲ እዩ ዘሎ'ና። እዚዖም ናይ ሕጂ ወለዶ፥ ኑቶም ኣብ ዕዳጋ ዝቐርቡልና፡ ከም በዓል ቁስጣ፣ ኣድሪ፣ ስፒናቺ፡ ፐርሰሚሎ፡ ሱዬና፡ ካውሎ ኢና ንፈልጥ። ብልምዲ ሓምሊ ምድሪ ኢልና ንጽውዖም'ውን ኣለው፣ ከም በዓል ሓምሊ ጊደበሉ፥ ሓምሊ ኣድጊ፣ ሓምሊ ዓለም፡ ሓምሊ ልሕቲት፡ ሓምሊ ብርናሆ ወዘተ ዝበሃሉ ኣለዉ። ንጥዕናና ኣገዚዮም ኣገደስቲ ምዃኖም ፍሉጥ እዩ። ገሊኦም ምርር ዝበለ ፍሉይ መቐረት ዘለዎም እዮም። ብኣምሆ ኣብ ገለ ቦታ ኺይደሰ፥ ሓደ መንእሰይ ኑቲ ኣገዳሲ ዓይነት ሓምሊ ከም ጸህያይ ምሕዩ ክድርብዮ ጸኒሑኒ። "ኣንታ እዚ ትምሕዎ ዘሎ'ኻ ይብሳዕ'ዩ፤ እኳ ደኣ ኣገዚዩ ጠቓሚ" ምስ በልክዎ ዝሃበኒ መልሲ፥ "ቀደም ኣቦታትና እዮም ዝበልዕዎ ነይሮም እምበር፡ ንሕናስ ኣይንበልዖን ኢና" ኢሉኒ። ሓይልና ኣብቲ ንዕዳጋ ዝቐርብ ዓይነታት ጥራሕ ኑተኩር ምህላውና እዩ እቲ ጸገም ዝኾነ'ውን ዘሎ።

**• ኣሕምልቲ ብመልክዕ ጸማቕ ክንሰትዮ ዝመኽሩ መጽናዕትታት ኣለዉ.**

- ሓቂ'ዩ። ብመልክዕ ጸማቕ ክንበልዖ እንኽለና፡ እቶም ኣብኦም ዘለዉ መኣዛታት ከም ዘለዎም ስለእንረኽቦም ምስ ፍሩታ ሓዊስካ ኸኣ ጥዑም ስለዝኾነ፥ ከም ጸማቕ ክንሰትዮ ዝተባብዕ'ዩ። እኽሊ ብሸዊቱ እንክሎ'ውን ከም ጸማቕ ክትሰትዮ ንጥዕና ጸቡ'ቕ'ዩ።

ብተወሳኺ ኣሕምልቲ ኣንቂጽካ፥ ጎዲእካ ኣብ ምግቢ ተሓዊሱ እውን ክብላዕ ይኽእል'ዩ። ቁጽሊ ሞሪንጋ ንኣብነት ብዙሕ መኣዛታት ስለዘለዎ ኣንቂጽካ፥ ደቂቕካ ምስ ምግቢ ሓዊስካ ክትበልዖ ትኽእል ኢኻ። ኑቲ ጠቓሚ ነገር ብዘጥዕመካ ኣገባብ ከመይ ትወስዶ'ዩ እቲ ቁምነገር ናይዚ።

**• ማይ ሓደ ካብ'ቶም መሰረታዊ ዘድልዩና ስለዝኾነ፥ ብዛዕባኡ ገለ መብርሂ ክትህቡና**

- ማይ ኣብ ጥዕናና ኣገዚዩ ኣገዳሲ እዩ። ንጥዕናና ጠቓሚ ክንሱ ግን እቲ ዝዋቦኣ ጽሬት እንተዘይብሉ ጠንቂ ጥዕና ክኸውን ከኣ ይኽእል'ዩ። እቲ ንጥዕናና ጠንቂ ክኸውን ዝኽእል፥ ሓደ ኣብኡ ክርከቡ ዘይብሎም ህዋሳትን ኬሚካላትን እዮም። ኣብኡ'ቲ መትሓዚ ናይ'ዚ ቀራብካሊይ ዘለኻ ማይ "በስፌኖል ኤ" (bisphenol a) ዝበሃል ኬሚካል ኣሎዎ። እቲ ኬሚካል ብረስኒ ደዩ ብሓያል መቐት ናብ'ቲ ማይ ክልሐኽ ይኽእል እዩ። ድሕሪኡ ኑቲ ማይ ዋላ ኣብ ፍሪጅ ኣቐሚጥካዮ ዋላ ኣፍሊሕካዮ ኑቲ ኬሚካል ከተጥፍኦ ኣይትኽእልን ኢኻ። እዚ በስፌኖል ኤ ዝበሃል ኬሚካል ከኣ ሓደ ካብ ጠንቅታት መንሽሮ እዩ። (እናሰተኹ ኸኣ'የ ከምኡ ዝብለካ ዘለኹ - ሰሓቕ)

ብዛዕባ ማይ ካብ ከባቢና'ውን ክንመሃር ኣገዳሲ'ዩ። ሱዳን ንኣብነት እንተወሰድና፡ ኣብ ኣፍደገኦም ዕትሮ ይገብሩ'ዮም። ሰባት ካብኡ እናቐድሑ ይሰትዩ። እቲ ዘሰክፍ ጉዳይ ህዋሳት እንደዩ ክኸውን ዝኽእል፥ እቲ ዕትሮ ኑቶም ህዋሳት ኣብ'ቲ ጭቃ ይሕዞም ምዃኑ ዝገልጽ መጽናዕትታት ኣለዉ። ንሕና'ውን መጽናዕቲታት ምገበርና።

ብሕልፊ እዚ ኣብ ፕላስቲክ ተዓሺጉ፥ ካብ ርሑቕ ጸሓይን መቐትን ሃሪምዎ ዝመጽእ ማይ ሓደገኛ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ዝኸፋ ዝስተ ነገር ማለተይ እዩ። ልስሉስ መስተ ከይተረፈ በዚ ፕላስቲክ ተዓሺጉ ካብ ሱዳን ይኣቱ ነይሩ'ዩ።

**• ካልእ መትሓዚኺ፥ ብዛዕባ ጥርሙዝ ንኣብነት እንታይ ትብሊ? ኣብ ታኒካ ተዓሺጉ ዝቐርብ ምግብን ፈሳስንከ?**

- ክሳብ ሕጂ ካብ ጥርሙዝ ልሒኹ ኣብ ማይ ዝተረኽበ ጠንቂ ጥዕና ክኸውን ዝኽእል ኬሚካል ዝፈልጦ የለን። ስለዚ ዝሓሸ ኣማራጺ ኮይኑ እስመዓኒ።

ኣብ ታኒካ እንተመጺእና፡ እቲ ታኒካ ከይምርት ተባዚሉ ብውሽጢ ዝለኽይዎ ኬሚካል ኣሎ። እቲ ታኒካ ስብሒ ዘለዎ ወይ መጺጽ ምግቢ ምስ ዝኸውን እቲ ኬሚካል ናብ'ቲ ምግቢ ክልሐኽ ይኽእል እሞ፡

ንጥዕና ጠንቂ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ብዙሮኻእለ ዘይተዓሸገ ምግቢ ምዝውታር ዝሓሸ ምኽኑ ፍሉጥ'ዩ።

**• ዘይቲ'ውን ብዓይነታት ይፈላለ እዩ።**

- ብዙዕባ ዘይቲ ብዙሕ ይጽሓፍን ይብሃልን እዩ። ኣብዑት ሓደ እዋን ብዙዕባ ዘይቲ "ፓልም ኣይል" ከጸንዕ ዕዮ ግዛ ተዋሂቡ ነይሩ። ብዙዕባኡ ኣብ ሳዋንሳዊ ጽሑፋት ክግምግም ከለኹ፡ ኣብዑት፡ ኣፍሪይቲ ዘይቲ ፓልም ንናቶም ኣድኒቆም ንዘይቲ ሳዓ ይነቕፉ፡፡ እቶም ኣፍሪይቲ ዘይቲ ሳዓ'ውን ብተመሳሳሊ። ኣየናይ ከም ዝሓይሸ ክንፈልጦ እንተኾይንና ብዙዕባኡ ኣብ ሃገርና መጽናዕቲ ክንገብር ይግባእ። ብወገይ ዝሓሸ ዝበሎ ዘይቲ ሰምሰም እዩ። ኣብ ዓድና ብቐሊሉ ክፍርዮ ስለዝኽእል፡ ብዕቱብ ክንሰርሓሉ ምደለኹ፡፡

**• ዘይቲ ኣሊቭ ብጽቡቕ ይግለጽ'ዩ።**

- ሓቂ'ዩ። ዘይቲ ኣሊቭ ኣብ ጥዕና ዘለዎ እወንታዊ ተራ ብኣብ ካልእ ሃገራት ዝተገብረ መጽናዕቲ ዝተሰነየ እዩ፡፡ ይኹን'ምበር ኣብ ሃገርና ምስ ዘይቲ ሰምሰም ከየወዳደርና፡ ብልጫኡ ክረጋገጽ ዝኽእል ኣይኮነን። ብሓፈሻኡ ግና ከም ጽቡቕ እዩ ዝግለጽን ዝፍለጥን።

**• ካልእ ጠንቂ መንሽሮ**

- ምትካኽ ሽጋራ ቀንዲ ጠንቂ መንሽሮ እዩ፡፡ ብስታትስቲካዊ ጸብጻብ 25 ሚእታዊት ካብ ኣትካኽቲ ሽጋራ ብመንሽሮ ዝተጠቕዑ እዮም። ሓደ ካብ ኣርባዕተ ማለት'ዩ፡፡ እዚ ክብለካ ከለኹ፡ እቶም ካልኦት'ውን ምሉእ ብምሉእ ጥዑያት'ዮም ማለተይ ኣይኮንኩን። ካልእ ከኣ ኣልኮላዊ መስተ'ዩ፡፡ ኣልኮላዊ መስተ ንመንሽሮን ካልእ ሕማማትን የቃልዕና'ዩ፡፡

**• ቀጻሊ ንጥቀመሉ ስለዘሎና፡ ኣብ ጉዳይ ሻሂ ዘሎኪ ርእይቶ**

- ብዙሕ ስለ እንሰትዮ፡ ሻሂ ሕጂ ኣንቲኦክሲዳንትስ (antioxidants) ዝበሃሉ ካብ ሕማም ክከላኸሉልና ዝኽእሉ ኬሚካላት ኣለዎ፡፡ እዚኦም ንኣካላትና ጠቓምቲ እዮም፡፡ እቲ ጸገም ዘሎ



ግን ሙብዛሕትና ሻሂ ምስ ሽኮር ኢና ንሰትዮ፡፡ ስለዚ ክንዲ'ቲ እንሰትዮ ሽኮር ክንድኡ ሃሲያ ኸኣ የምጽኣልና'ዩ። ብዘይ ሽኮር ወይ ስሚዊ ሽኮር ጌርና ክንሰትዮ ዝሓሸ'ዩ። ሻሂ ሓድሓደ ማዕድናት (minerals) ጠርኒፉ ስለ ዝሓይድ'ውን ከም በዓል ኣይረንን ካልኦትን ዝኣመሰሉ ካብ ኣካላትና ከጉድልዎም ይኽእሉ'ዮም ዝብል ውጽኢት ሳይንሳዊ ምርምር ኣሎ፡፡ ኣብ ንቡር ኩነታት ጥዕና ንዘሎ ሰብ ብዙሕ ጸገም የብሉን። ኣብ ሰንኮፍ ኩነታት ጥዕና ወይ ኣብ ዓጸቦ ንዘሎ ሰብ ግና ከጥቅዮ ይኽእል እዩ። ኣነ ኣብ ሻሂ ካብ ጉድኣቱ ረብሓኡ እየ ዝርኢ፡፡ ምኽንያቱ ብዙሕ ኣንቲኦክሲዳንትስ ስለዘለዎ ንኣካላትና ይጠቕምዎ እዮም፡፡ ብሓፈሻኡ ሻሂ ብዓቐን እንተወሲድካዮ ሃሲያ የብሉን። ናይ ዓቐን ሕቶ'ዩ። ማይ'ውን እኮ ኣመና እንተበዚሑ መርዚ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ካልእ ዓይነት ቀጠፍ ክንቀያይር ጽቡቕ'ዩ። ንሻሂ ብበዓል ከርከደ፡ ቐሽር፡ ሞሬንጋ ወዘተ ክንትክኦ እውን ጽቡቕ'ዩ።

**• ቡንከ?**

- ዝተሓዋወሰ ሓበሬታ እዩ ዘሎ። ገለ ተመራመርቲ ቡን እዝን እዝን ጠቐምታት ኣለዎ ኢሎም ይጽሕፉ። ገለ ድማ ጠንቂ ሕማም ይኸውን እዩ የሕምም'ዩ ዝብሉ ኣለው፡፡ ኣነ ዝበሎ ናይ ዓቐን ጉዳይ እዩ። ከንደይ ትሰቲ፡ ኣብ ምንታይ ኩነታት ትሰቲ እዩ። ኣብ ርእሲኡ ኸኣ ኣብ ሻሂ ይኹን ቡን ሽኮር ተብዚሕ እንተኾንካ፡ እቲ ጉዳይ ብዙዕባ ሻሂ ወይ ቡን ዘይኮነ ብዙዕባ ሽኮር እዩ ዝኸውን። ሽኮር እንተበዚሑ ሃሳዪ እዩ ብርግጽ።

**• ከም በዓል ኮካ፡ ፋንታ ዝኣመሰሉ ልስሉስ መስተ ዘይተኣደነ ሽኮር ይኣትዎም ምኽኑ እዩ ዝግለጽ። ርእይቶኺ**

• ብመንጽር ጥዕና ክንርእዮ እንተኾይንና፡ ልስሉስ መስተ ምሉእ ብምሉእ ክውገዝ ዘለዎ እዩ። ብዘይካ ሃሲያ እዚ ረብሓ ኣለዎ ኢልካ ትገልጾ የብሉን፡፡ ምንም ረብሓ ዘይብሉ ነገር ከኣ እንታይ ክዕበሰልካ ኢኻ እሞ ክትሰትዮ፡፡ ኮካ ኮላ ንኣብዑት ብምንታይ ይቃመም ኣይንፈልጦን ኢና፡፡ ምስጢር ናይቲ ቀመም ብዘይካ እቶም ዝሰርሕዎ ንዓለም እውን ግሉጽ ኣይኮነን፡ ንኛ'ውን ግሉጽ ከይኮነ ክቕጽል እዮም ዝደልይዎ፡፡ ስለዚ ኣስተርሒና ቀሲንና ክንሰትዮ ንኽእል ነገርዩ ዓይነት ጸማቑ እናሃለወና፡ ስለምንታይ ዘይንፈልጦ መስተ ሰቲና ነብስና ኣብ ፈተነ ነእቱ፡፡

**• ለሚን ኣብ ብዙሕ ነገራት የእቲና ንጥቀመሉ ኢና። ከመይ ትርእይዮ?**

- ለሚን ሓያል ዝኾነ ናይ ቫይታሚን C ትሕዝቶ ኣለዎ፡፡ ንኣብዑት፡ ኣብ ማይ የእቲና ቆጺሊ ክንሰትዮ ከለና፡ ንሰንና ክብሕሾ ይኽእል እዩ። ሕጂ ኩሉ ናይ ዓቐን ጉዳይ እዩ። ማይ ክንሰቲ ከለና ጽሩይ ማይ ንስተ፡፡ ነታ ለሚን ከኣ በሊዕና ማይ ጽሩይ ጌርና ንገጽግጻ። ሕጂ እታ ለሚን ዘይኮነትሲ እታ ቆጺሊ ኪይተገጽገጸት ኣብ ሰንና ትጸንሕ እያ ጉድኣት ተምጽእ ዘላ ማለት እዩ።

**• ብዙሓት ሰባት ንኣረቒ ምስ ምቕያር ንፋስ "ኮንትሮ ኣርያ" እናበሉ ከም ፈውሲ ይወስድዎ እዮም**

- ኣረቒ ኣልኮላዊ መስተ እዩ። ኣነ ከም ንዩትሪሽኒስት ንኣልኮላዊ መስተ ከምዚ ረብሓ ኣለዎ ኢለ ክዛረብ ኣይክእልን እየ።

**• እዞም ኣብ ኣብያተ ቁርሲ ንጥቀመሉም ከም በዓል ሳንድዊች ምስ ጥዕና ብምትእስሳር ከመይ ትርእዮም?**

- ጸቡቕ ኣዘኪርካኒ። ሓደ ኣገዳሲ ዘሰክፈኒ ኣሎ፣ ኣብ ዓድና "ፋስትፉድ" ኢልካ ኣብ ኣፍደገ ምጽሓፍ ከም ጸቡቕ እዩ ዝቑጸር። ፋስት ፉድ ምስ ሕማማት ከም ዝተሓሓዝ እዩ ዝፍለጥ። እቲ ዝገርመካ፣ ኣብ ዓድና ኣብ ፋስት ፉድ ዝኣከዞ ምግቢ፣ ክሳዕ ዝመጸካ ልዕሊ ፍርቂ ሰዓት ኢኻ ትጽበ። ስለዚ ብጸቡቕ ክሸጉካ ንተቐርቦ ምግቢ ፋስት ፉድ ኢልካ ክትጥቅዓሉ ሚዛን ምግብ ምጉዳል እዩ።

**• እንታይ እዩ እቲ ጠንቂ?**

- እዚ ናይ ፋስት ፉድ ዝበሃል ነገር ዝጽለኣሉ ምኽንያት፣ ዘይቲ ምሉእ መዓልቲ ክቕሎ ይውዕል፣ እቲ መቕለዊኡ ረሲኑ ይውዕል፣ ኣብኡ እናኣለኽካ ዝዳሎ ምግቢ ድማ ንጥዕና ጸቡቕ ኣይኮነን። ኣብ'ቲ ዝሬልሐ ዘይቲ፣ ድንሽ፣ ሲጋን ካልእን ኣብኡ ክጥበስ ይውዕል እሞ ጠንቂ ሕማም ይኸውን።

**• ፋስትፉድ ክኸና ዘለዎ በሊ ንገርና**

- ኣብ ኣሰራርሓ ምግቢ ኣብ ዝግበር ጥንቃቐ እዩ ዝምርኮሰ። ከም ስሙ ቅልጡፍ ክኸውን ከኣ ይግባእ። እቲ ኣገባብ ኣሰራርሓ'ውን ከም ናይ ንቡር ክኸውን ኣለዎ።

**• ምግቢ ኣብ ፍሪጅ ምዕቃብ ከመይ ይረአ? ገለ ሰባት ንመዓልታት ዝኸናም ጸብሒ ሰሪሖም ኣብ ፍሪጅ ኣቐሚጦም እናዝዩ ኣውፂዮም ዝጥቀሙ ኣለው።**

- ከምቲ ክብለካ ዝጸናሕኩ እዩ። ኩሉ ግዜ ሓድሽ ምግቢ (fresh food) ዝመስልዎ የለን። እቲ ቀንዲ ጸገም ዝኸውን ዘሎ እቲ ጸብሒ ንኽሰራሕ ዝወሰዶ ግዜን ጻዕርን ኣገባብ ኣሰራርሓን እዩ። ብደቃይቕ ሰሪሕካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ቅድም ሽጉርቲ ብዘይቲ ይቑሎ፣ ደሓር በርበረ፣ ጸኒሕካ ሲጋ፣ ደሓር ገለ እናበለ ነዊሕ መስርሕ ሓሊፉ እዩ ናብ ፍሪጅ ዝኣቱ። ገለ ምግቢ ንቐሩብ መዓልትታት ክጸንሕ ከሎ ገለ ኸኣ ንነውሕ ዝበለ ክጸንሕ ይኽእል። ክንርስዖ ዘይብልና ግና ዋላ ኣብ ፍሪጅ ዝተዓቀበ ምግቢ ናቱ "chemical reaction" ይገብር ምኳኑ እዩ።

ኣብ'ዚ እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ ዝኸውን ኒታ መዓልቲ ትኸውን ቀልጢፍካ ዝስራሕ ምግቢ ንጥዕና'ውን ዝሓሸ'ዩ። ምቕላው፣ ምጥባስ ናይ ጉዳእ ርእሱ ሳዕቤናት የኸትል ምኳኑ ኸኣ ኣብ ድንሽ እውን ብመጽናዕቲ ኣረጋጊጸዮ እየ።

**• ናብ ጉዕዞ ስራሕኪ ክንምለስ ዶክተር። ድሕሪ ናይ PHD መጽናዕትኺ ናበይ ኣብልኪ**

- ናይ PHD መጽናዕተይ ክውድእ ኣብ ዝቐርበሉ ዝበርኩ እዋን፣ ዘፍቅሮ ኣቦ ንእሽቶ ኃሊዩ ብሞት ተፈልዩኒ። በዚ መሪር ሓዘን ከይተዓንቀፍኩ ፒኤችደይ ወዲአ። ናይ ዶክትረይ መዓርግ ምስ ረኸብኩ ኸኣ ኑብሲይ ከም ተመራማሪት ከረጋግጽ፣ "post doctoral research" ኣብ ኣመሪካ ኣብ Food and Drug Administration (FDA) ኣብ ዝበሃል ንሓሙሽተ ዓመት ሰሪሐ።



**• ድሕሪኡኸ?**

- ናብ ስዊድን ተመሊሰ፣ ሉንድ ኣብ እትብሃል ከተማ ንገለ ሽዱሽተ ዓመት ዝኸውን መጽናዕቲ ኣካይደን ሰሪሐን። ኣብ ሉንድ ብዛዕባ ኣብ ምግቢና ዝርከቡ ንሽኮርያ ከቃልዑና ዝኽእሉ ኬሚካላት መጽናዕቲ ኣካይደ። ብተወሳኺ ንሽኮርያ ይኹን ካልኦት ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ክከላኸሉ ዝኽእሉ ኣብ ምግቢ ኣብ ዝርከቡ ቀመማት መጽናዕትታት የካይድ ነይረ። ድሕሪኡ ከሉ'ቲ ክመሃርን ክምኩርን ዝኽእል ነገር ምስ ወዳእኩ፣ እቲ ዝተረፈ ኣብ ዓደይ ኮይነ መጽናዕቲ ክገብር ወሲነ ናብ'ዚ መጺአ።

**• ድሕሪት ደኣ ከይመልሰኪ እምበር፣ ካብ ወጽኢት መጽናዕትኺ ብዛዕባ ቀመማት ገለ ክትብልና**

- ሓደ ካብቲ ዝገበርክዎ መጽናዕትታት ቀመማት በቢይኖምን ተሓዊሶምን ዝዀም ንሕማም ሽኮር ዘቃልዑና ኬሚካላት ብኸመይ ይጸልዎም ዝብል መጽናዕቲ ነይሩ። ኣብኦት፣ ቀመማት ገሊኦም ጸረ-ሽኮርያ (anti diabetics)፣ ገሊኦም ጸረ ነድሪ (anti inflammatory)፣ ገለ ድማ ጸረ ኦክሲዳንት (anti oxidant) እዮም። ካብ'ዞም ሰለስተ ሓሓደ ክሕውሰ ከለኹ እቲ ጽልዋ ዝበለጸ ኮይኑ ረኺበዮ። እዚ ኸኣ ኣብ መጻኢ ብዛዕባ ብልምዲ ሽውዓተ ቀመማት ኢልና ንጽውዖም ሕውስዋስ ቀመማት ክሓስበን ከጽንዕን ይድርኸኒ።

**• ኣብ ዓድና ተካይደዮ ዘሎኺ መጽናዕቲ**

- መጽናዕቲታት ከቢጋገስ እፍትን ኣለኹ። ዓዲ ክለምድ ቃልሲ ኣካይድ ኣለኹ (ፍሽኽታ)። ሃብታም ናይ ኣመጋግባ ባህልን ልምድን ጸኒሑና እዩ። ኣብ ትሽዓተኡ ብዙራትና ትሽዓተ ዝተፈላለየ ኣገባብ ኣመጋግባ ኣለና።

ኣብ ሓድሕድና ክንመሃረሉ ንኽእል ብዙሕ ኣሎ። እዚ ክጽናዕን ክስፋሕን ክኽእል ስለዘለዎ፡ ሓደ ካብ ዕላማታተይ እዩ። ካልኣይ መብዛሕትኦን ሃገራት ናይ ነፍሲወከፍ ዝርዝር ትሕዝቶ ምግቢ ኣብ ሰሌዳ ኣስፊረናኦ ኣለዋ። ኣብኡ፥ ዓ'ተር እንተወሲድና፡ ክንደ'ዚ ፕሮቲን፡ ክንደ'ዚ ካርቦሃይድረይት፡ ክንደ'ዚ ስብሒ፡ ክንደ'ዚ ቫይታሚን … ኢለን ናይ ጉዳእ ርእሰን ሰሌዳ ይገብራ'የን። ኣነ'ውን ነዚ ኣብ ሃገርና እነዘውትሮም ምግብታት ብመጽናዕቲ ኣብ ሰሌዳ ንምስፋር ክሰርሕ እየ ዕላማይ። እዚ እንተገርና፡ ኣብ ሃገርና ዝርከቡ ንሕማማት ክከላኸሉልና ዝኽእሉ ምግብታት ይኹኑ ቀመማት ብመጽናዕቲ ዝተሰነየ መገዲ ክለሊ ንኽእል። ሕማም ሽኮርያ ይኹን ካልእ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ክንከላኸል የኽእለና። በዚ ኢጋጣሚ ከምዚ ዝኣመሰለ መጽናዕቲ ንኸካይድ ዝምልከቶ ኣካል ዝኾነ ምትሕብባር ክገብረለይ ተስፋ 'ገብር።

- **ሕጂ ኣበይ ትሰርሒ ኣሎኺ?**

- ኣብ ኣስመራ ኮሌጅ ጥዕና፡ ኑትሪሽን (Nutrition) እምህር ኣሎኹ።

- **ተመሃሮኺ ከመይ ረኺብኪዮም?**

- ንፉዓት'ዮም። ድሌት ኣለዎም። ብዙሓት ከኣ ብሉጻት ኣለዉ።

- **ናይ ሎሚዘበን ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት፡ "መንእሰይ ጸዓት ዘላቒ ዕብየት" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ'ዩ ክበዓል። ጸዓት ናይ'ቲ ኣብ ወጻኢ ዝነብር ዜጋ ብሕልፊ ድማ ናይ መንእሰይ ኣብ ዘላቒ ዕብየት ሃገር ከመይ ምገልጸክዮ?**

- ሓያል ዓቕምታት እዩ ዘሎ ኣብ ደገ፡ ብዜጋታት ዝተኻየዱ ብዙሓት መጽናዕትታትን ምርምራትን ኣለዉ። ኣብ ነገብይኑ ዓውዲ ብዙሕ ክእለትን ሞያን ዘጥረዩ ብርኽት ዝበሉ ምሁራት ኣለዉና። ብትምህርቲ ብዙሓት ማዕርጋታተይ ኣለዉ፡ ብዙሓት ኢያታተይ ከኣ ኣለዉ። እቲ ትምህርቲ፡ እቲ ፍልጠት፡ እቲ ዓቕሚ ኣብዚ መጺኦም ክሰርሑሉ ስለዐ ኣለዎ። ኩሎም ጠቕላሎም ናብ ዓደም ብምምጻእ ዓቕሞምን ክእለቶምን ከውፍዩ ኩሉ ዝበሃን እዩ። ጠቕላሎም ክመጹ ዘይክእሉ 'ኳ ዋላ ንውሱን ግዜ እናመጹ፡ ፍልጦቶምን ክእለቶምን ኣካፊሎም ክምለሱ ይኽእሉ'ዮም። ኮታስ ናብቲ ንበህን ዘላቒ ዕብየት ክንውንጨፍ፡ እዛ ሃገር ዓቕሚ ዜጋታታ የድልያ ምኳኑ ፍሉጥ እዩ።

ኣነ ድሮ ክልተ ዓመት ኣብ'ዚ ተቐሚጠ ኣሎኹ። እቲ ባይታ ኣብ'ዚ ዘሎ እሩፍጦ እዩ፡ እቲ ኣብ ደገ ዘሎ ድማ እሩፍጦ እዩ። ትጸቢታት ናይ'ቲ ኣብ ደገ ዘሎን ናይ'ቲ ኣብዚ ዘሎን'ውን ብመጠኑ እሩፍጦ እዩ። ስለዚ ሓደ ካብ'ቲ ክሰርሓሉ ዝደልዮ ነገር እዩ። ዘይተኣደነ ፍልጠት እዩ ዘሎና - ኣብ መንእሰያት ይኹን ኣብ ዓበይቲ፡ ኣብ ኩሉ ናይ ዕድመ ደረጃ ሆስፒታላት፡ ኮሌጃት፡ ተክኖሎጂ ሓብሬታን ሰርሓት ምህንድስናን ዘካይዱን ዝመርሑን ሰብ ሞያ ኣለዉና። ባይታ ወይ ድንድል ምፍጣር ጥራሕ'ዩ ዘድሊ።

- **ከመይ?**

- ብዙሓት ኣበርክቶም ክምለሱ ዝደልዩ እሩፍጥ እዩ። ናብዚ መጺኦም ብኸመይ ክበርክቱ ይኽእሉ፡ እንታይ ክገብሩ ይኽእሉ ዘይፈልጡ ኣለዉ። ዝወጽሉን ዝኣትወሉን ንጹር መስጋገሪ ድንድል ክስረሓሎም ከድሊ እዩ። ሰሙን፡ ወርሒ፡ 6 ወርሒ፡ ዓመት ወይ ልዕሊኡ ክጸንሑ ንዝደልዩ ከም ድልየቶም ንጹር መኣዲ ስራሕ ክዳለወሎም ኣለዎ።

- **ኣብ ደገ ንዘለዉ መንእሰያት ብፍሉይ ተመሓላለፍዮ መልእኽቲ እንተሃልዩ**

- ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ መንእሰያት ኣብ ብዙሕ ከፋፊለ ክርእዮም ምደለኹ። ኣብኡ ተወሊዶም ዝዓበዩ፡ ነዊሕ ዝገበሩ፡ ኣብዚ ቀረባ እዋን ዝኸዱ ሓደስቲ'ውን ኣለዉ። ድሕረባይታኦም'ውን ዝተፈላለየ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ዝኾጥሞም ብድሆታት ከኣ ብእኡ መንጸር ዝተፈላለየ እዩ። ኣብኡ ናይ'ቶም ኣብኡ ዝውለዱ ቁልዑ ክሳዕ ሸሞንተ፡ ትሸዓተ ወይ ዓሰርተ ዓመት ዝገብሩ ከም ኣካል ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ኮይኖም ይዓብዩ እሞ፡ ድሕሪኡ እቲ ምንጻል ይመጾም። ዘይተጸበይዎ ይኾኖም፡ ዓቢ ሃሲያታት ከኣ የውርደሎም። እቲ "ስስተም" ብሓፈሽኡ ኣቡኡ ኼድና ኑብስና ክንክእል፡ መራሕቲ ክንከውን፡ ብፍልጠት ማዕረኦም ክንከውን ወይ ክንዕብልሎም ዘይኮነ ኑቲ ዝደልይዎ ስራሕ ክንዓምሎም እዮም ኣብ ዓደም ክንቅመጥ ዝፈቕዱልና፡ ወይ ዝወሰዱና። እቲ ህጻን ካብ ዝውለድ ኣትሒዙ ናብ'ቲ እቲ መንግስቲ ዝደልዮ ዓይነት ሰራሓት ንኽዋፈር እዩ ዝሰናኸሉ። እቲ ህጻን ናቱ ሓሳባት፡ ናቱ ባህግን ዕላማን ባህግታትን ምስ ዝህልዎ፡ እቲ ስርዓት ብረቂቕ መገዲ ይዕንቅጾ። እዚ ኣብ'ቲ መጀመርታ ዋላ እናፆም ወላዲ ብግቡእ ኣይግንዘቦምን እዮም። ደሓር እዩ እቲ ምውቓዕ ዝመጽእ። ሕልምታቶም ምጭባጥ ይስእኑ፡ ከበርክቱ ዝኽእሉ ኮይኑ ኣይሰምዖምን። ኑቲ ዝደልይዎ ኪይበጽሕዎ ሕልናኦም የዕርብ። ግና ዕድሎም ካብ ህጻንነቶም ኣትሒዙ ይቑጽዮም። ኣይክእልን እዩ፡ ኣብ ዝበጽሖ የብሎይን፡ ዝጸዓርኩ ተጸዓርኩ ትርጉም የብሉን ክብል እንተድኣ ጀሚሩ ሓደ ወዲ ወይ ጓል 10 ዓመት፡ ድሕሪኡ ኣብ ቁምነገር ክበጽሕ የጸግሞ እዩ። እዚ ንብዙሕ ኣብ ወጻኢ ዝነብር መንእሰይ ኣጋጢምዎ ዘሎ ጸገም እዩ።

እዚ ሓድሽ ዝመጸ መንእሰይ እቲ መንነት ምሉእ ኣለዎ። መን ምዃኑ፡ ሃገር ከም ዘለዎ ፈሊጡ እዩ ዝመጸ። ንዕኦም ክማስል ኢሉ ኣይኮነን ዝመጸ። ብኣንጻሩ ግን እቲ ባህሊ፡ እቲ ልምዲ፡ እቲ ኣነባብራ፡ እቲ ርቀት ናይ ሕልሞም ከየማልኡ ዝዕንቅፍ ሓይሊ ስለዘይፈልጥዎ ንዕኦም ከኣ ካልእ ዓይነት ብድሆታት ኣለዎም። ስለዚ ክልቲኦም ነገብይኑ ብድሆታት ኣለዎም።

ኣብ ከምዚ ኩነታት፡ መንእሰያት ኣብ ማሕበራቶም፡ ማሕበር ደቀንስትዮ፡ መንእሰያት ህግደፍ (YPFDJ) ተወዲቦም ክኸዱ ኸለዉ፡ ኣብ ውዳበታት ናይ ማሕበረ ኮም ዝለዓለ ርእሰ ምትእምማን ይህልዎም። ሃገር

ከም ዘለዎም ጸግዒ ከም ዘለዎም ይፈልጡ፥፡ እቲ ዝገጥሞም ዘሎ ብድሆታት ድማ ንዓታቶም ዓጋቲ ከም ዘይኮነ ጸባሕ ንግሆ ንዕኡ ሰጊሮም ዝበጽሕዎ ሃገር ከም ዘለዎም ይፈልጡ፥፡ ምስ ፈለጡ ኸኣ እቶም ዝሓየሉ ሕብረተሰብ ይኾኑ ማለት እዩ፡፡

ንኣብነት፥ ኣብ መንእሰያት ህግደፍ ዝተወደቡ መንእሰያት፡ ኣገዳሲ ብሱላትን ንቑሓትን እዮም፡፡ ምስ መራሕቲ ዓለምን ሃገራትን ፊትንፊት ገጢሞም ብዛዕባ ሃገሮም ክዛረቡን ክማጉቱን ዝዓጉዮም የለን፡፡ ኣብ መንእሰያት ህግደፍ ዝተወደበን ዘይተወደበን መንእሰይ ቀልጢፍካ ኢኻ ትፈልጦ፡፡ ንምንታይ ኣፍልቡ ነፊሑ እዩ ዝሸይድ እቲ ዝተወደበ፡፡ ስለዚ እቲ ውዳብ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ እዩ፤ ሓያል ሃገራውነት ኣሰሪጹ እዩ ኣብ ደገ፡፡ ውዳብ ሓይሊ ስለዝኾነ ውዳባታትና ክሕይል ክነሰርሓሉ ይግባእ፡፡

**• ኣበይቲ ሓደሽ ዝኸዱ መንእሰይ ዘጋጥም ብድሆታትን መፍትሒኡን?**

-ክገርመካ ኣብኣቶም ዘጋጥም ብድሆታት ኣዝዩ ዝተረራቐቐን ሓደገኛን እዩ፡፡ ኣብዚ ዓድና ሓደ ሰብ ክጸርፈካ 'ተኾይኑ ኣብ ገጽካ እዩ ዝጸርፈካ፥ መን እዩ ዝጸረፈካ ወይ ዝፅንቀፈካ ዘሎ ትፈልጦ ኢኻ፡፡ ኣብኡ ግን እቲ ርቀት ናይ'ቲ ዕንቅፋትት ክትርድኦ ስለዘይትኽእል፡ ብዙሓት ኣብ ብዙሕ ሕማማትታትን ጸገማትን እዮም ዝወድቁ፡፡ ከየስተብሃልካ ናብ ብዙሕ ሕማቕ ነገራት ክወድቁ ኢኻ ትርእዮም፡፡ ስለዚ እቲ ፍታሕ ተቐላጢፎም ኣብ ሃገራዊ ውዳባታት ክሕቈፉ እዩ ዝዕምዶም፡፡

ብዘየዀ ክብረት ኣብ ዓድኻ'ዩ፡፡ ዘይዓድኻ ዓድኻ ኣይኮነን፡፡ ዊዕልካ ሓዲርካ ናብ ዓድኻ ምምላስ እውን ስለዘይተርፍ፥ ኣኻልና ኣብኡ ልብና ግን ኣብ ኤርትራ ክኸውን ይግባእ፡፡ እዚ ዘሎ ሃዋህው ከኣ ናብ ዓድኻ'ዩ ዘብለካ፡፡ ኩላትና ሓቢርና ሃገርና ነማዕብል፡፡

**• ኣገዳስነት ራእዩ ወይ ሕልሚ ኣብ መንእሰያት**

- ብሓፈሻኡ መንእሰይ ሕልሚ ክህልዎ ክኽእል ኣለዎ፡፡ ሕልሚ ዘይብሉ መንእሰይን ብዘይ መራሒ ኣብ ባሕሪ ተንሳፍፍ መርከብን ሓደ'ዮም፡፡ ኣብ ህይወት ዝኾነ ሰብ ይዕበ ይንኣስ ሕልምን ዕላማን ክህልዎ ክኽእል ኣለዎ፡፡ ኣብዚ ዓድና ንዝኾነ ቈልዓ ክረኽብ ከለኻ፥ "እንታይ ክትከውን ትደሊ?" መጀመርታ ዝሓቶ ሕቶ እያ፡፡ ናይ ብሓቂ ዘሐጉስ መልሲ እየ ዝረኽብ፡፡ ዝኾነ ቈልዓ እታ ክኾና ዝደሊ መምህር ደዩ፡ ሓረስታይ ደዩ፡ ዶክተር ደዩ፡ ኢንጂነር ደዩ ብትብዓት ይብሎ፡፡ ክትፍትን ትኽእል ኢኻ፥ ንዝኾነ ቈልዓ ሓቲትካዮ፡ ዝበሎ ራእዩ ኣለዎ፡፡ ለንቋካ ንሓንቲ ቈልዓ እንታይ ክትከውን ከም እትደሊ ሓቲተያ፥ "ኣነ ዶክተር እየ ዝኸውን" ኢላትኒ፡፡ "ናይ ምንታይ ዶክተር?" ኢለያ፡፡ "ኣሎ ደዩ ብዙሕ ዶክተር?" ኢላትኒ፡፡ እወ ናይ ዓይኒ ኣሎ፡ ናይ ካብ ክሳድ ንላዕሊ ኣሎ፡ ናይ ሓንጎል ኣሎ፡ ናይ ሰኒ ኣሎ፡ ናይ ተመራማራይ ዶክተር ኣሎ፡ ካልእ'ውን ብዙሕ ኣሎ ምስ በልክዋ፥ "ኣሃ! ኣነ እቲ ዝበለጸ ዓይነት ዶክተር እየ ክኸውን ዝደሊ." ኢላትኒ፡፡ ኣብ ደገ ንዝቐመጥ ቈልዓ ወይ መንእሰይ እንታይ ክትከውን ትደሊ እንተኢልካዮ፡ "እንድዒ? . . . ተኾይኑለይ ... ምናልባሽ ... ተጥዒሙ እናበለ እዩ ዝምልስ፡፡ እቲ ዕንቅፋታት ጥራይ እዩ ዝረኣዮ ዘሎ፡፡ ሕጂ ኣብ ሕብረተሰብና ኑዮም ቈልዑ ክሓልሙ ከተባብዖም ኣለና፡፡ ዝኾነ ሰብ ራእይን ዕላማን ክህልዎ ኣለዎ፡፡ ናይ ቀረባን ናይ ርሑቕን ሕልሚ ዘይብሉ ሰብ ብምትእምማን ክጓዓዝ ኣይክእልን እዩ፡፡

**• ዝበርሃኺ ባህርዩ**

- እወንታዊ ኣተሓሳስባ፡፡ ክበጽሖ'ዩ ይኽእል'ዩ ዝብል ሰብ ንዓይ መሓዛይ እዩ፡፡

**• ተራ ኤርትራዊ መንእሰይ ኣብ ቅልጡፍን ዘላቒን ዕበየት**

- ኣብዚ ምስ ብዙሓት መንእሰያት ክራኸብ ዕድል ረኺበ እዩ፡፡ ካብ ኮሌጅ ናብ ኮሌጅ እናዞርኩ "inventory" እገብር ነይረ፡፡ ናይ ብሓቂ ኣዝዩ ዘይተካ ሓያል መንእሰይ እዩ ዘለዋ እዛ ሃገር፡፡ እዚ መንእሰይ'ዚ ኣብዚ እዋን መንእሰይ ምዃኑ ኣዝዩ የቐንእኒ እዩ፡፡ ምኽንያቱ ብዙሕ ዕድላት እዩ ኣብ ቅድሚኡ ተገቲሩ ዘሎ፡፡ ብዙሕ ነገር ክገብረሉ ዝኽእል ዕድላት ኣለዎ፡ ባይታ ኣለዎ፡፡ ትውለድ፡ ትምሮ፡ ትሁብትም ወይ ትደክ፤ ትመውት፡ እዚ ኣብ ዝጠዘሐ ዓለም ዘሎ ሰብ ዝገብሮ ተራ ህይወት እዩ፡፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ መንእሰይ ግን ንዝልኣለም ዝኸውን ለውጢ ንኽፀምጽእ ጸዓቱ ዘውፈ ዘሎ'ዩ፡፡ እዚ ናይ ሕጂ ወለዶ ዝገብሮ ዘሎ ጻዕሪ፥ ሽቶኡ ምስ ወቕዑ ብድሕሪኡ ዝመጽእ ዘሎ መንእሰይ ክንድኡ ጻዕሪ ኣይክድልየን እዩ፡፡ ብእኡ መንገድ ከኣ ክንድኡ ኣይክበዘሕን እዩ፡፡ ስለዚ እዚ መንእሰይ'ዚ ኣብ ታሪኽ ናይ ኤርትራ ሓደ ዘይሃስስ ኣሰር ወይ ሓደ ኪታም ኣቐሚጡ ዘሎ መንእሰይ እዩ፡፡ እዚ ኣነ ከም ጺጋ እርእዮ፡፡ ኣኑ ዋላ'ውን ሽሕ ግዜ መንእሰይ ኣይኹን፥ ትዕበ ትንኣስ እታ ብዓቕመይ ክገብራ ዝኽእል ገደረ፡ ገለ መቐይሮ ክገብር እጽዕር፡፡ ስለዚ፡ ዝዓቕምኻ 'ተበርክት እንተኼንካ፡ ኣብ ሓባራዊ ስራሕ ትጽመድ እንተኼንካ ካብዚ ዝዓቢ ጺጋ የለን፡፡ ገለ ስንብራት ወይ ኣሰር ገዲፍካ ትኸይድ ስለዘለኻ፡ ትንበር ኣለኻ ማለት እዩ፡፡ ስለዚ ነዚ ናይ ሕጂ ወለዶ መንእሰይ ኣዝዩ ዕድለኛ እዩ እየ ዝብሎ፡፡

**• ብዛዕባ ዘሎናዮ ትሰፉው ኩነታት**

- ንዘይተጸዓዲ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ የሣና ክብሎ እደሊ፡፡ ምኽንያቱ ወተሃደራዊ ውግእ ሰዒሩ፥ ቁጠባውን ስነእእምሮኣውን ኩናት በዲሁ፡ ኣብ ዲፕሎማስያዊ ስራሕ ኣብቲ ንዓመታት ክጽዕረሉ ዝጸንሐ፥ ሰላም ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝብል ዕላማ ኑዮም ተጻቢኦቱ ዝበሩ'ውን ከይተረፈ፡ ስለዝርዓምም፡ ሕጂ'ውን የሣና ንጽኑዕ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ እብል፡፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ኸኣ እንቋዕ ሓጎሰኩም፡ ምሉእ ይግበሮ እብል፡፡ ጎረባብትና ይኹኑ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ'ውን ኣሰር መንግስቲ ኤርትራ ተኸቲሎም፡ ናጻ ፖሊቲካዊ መስመር ሓዚም ንክኣሹቱ ምትኽትታኣት ሽለል ኢሎም ንሰላም ክጽዕሩ ተስፋ 'ገብር፡፡

**• ብመጨረሻ ወዲእ'ለኹ ዶክተር፡፡**

- እንታይ ገዲፍኻ፡፡ የቐንየለይ ጥራሕ፡፡

መሰፍን ጉብረሂወት

## ሓሳባት

# ስለ ዝኾንናዶ፡ ስለ ዝተባህልና!?

ኤርምያስ ሰሎሞን

መንእሰይ ክኾናን ክገብሮን ዝግብኦ መን ይነግሮ? ንመንእሰይ ዘሎዎ ዕቑር ጸዓትከ መን ይሕብሮ!?

መንእሲያት ክኾኑዎን ክገብሮን ዝግብኦና ካብ 'እንመዓድ' ኣብ ገለኡ'ውን መዘኻኸሪታት ካብ ዝጠዘሓና ብዙሕ ዓመታት ሓሊፉ ኣሎ። ንመንእሰይ ማዕዳ እንተ ኣብዚሕካሉ፡ ኣብ ተግባራቱ ስክፍታ ከም ዘሎካ ዘመልክት እዩ።

መንእሰይ ንኸይጋገ ኣመና ተጠንቀቕ እንተ'ኼንካ፡ ንኸይመሃር ኢኻ ትዓግቶ ዘሎኻ። ክኸዶ ዝግብኦ መገዲ ብቐጻሊ ትሕብሮ እንተ'ኼንካ እውን ናቱ መገዲ ንኸይፈጥር ተሸግሮ ኣሎኻ ማለት'ዩ እንተበልና ምግናን ኣይኮነን።

ብሓጺሩ፡ መንእሰይ ዝጉዓዝ ጥራይ ዘይኮኑ ባዕሉ መገዲ ዝፈጥርን ኣብ ልሙድ ነገራት ምቕጻል ኣመና ዝሰልችዎን በዓል ውዑይ ዕድመ እዩ።

***

መንእሰይ ካብቲ ክገብሮ ዘይክእል ነገራት፡ እቲ ክዓምሞ ዝኽእል ነገራት ኣመና ስለ ዝበዝሕ፡ ኣንፈት ደኣ ትሕብሮ እምበር፡ ኣይተሰንዮን ኢኻ፤ ኣይተሳልየን'ውን ኢኻ። ንመንእሰይ ብድላይካ ዓይኒ ጠምቶ፡ ባህርይኡ ክትቅይሮ ኣመና ከቢድ'ዩ። ምኽንያቱ፡ ካብቲ ብኸባቢኡ ዝጸለዎ፡ እቲ ባህርይ ዝዓደሎ ባህርያት ስለ ዝዓዘዘ።

ከም መንእሰይ ዝተሓላለኸ ባህሪ ዘሎዎ የልቦን። እቲ ሓድሽ ነገር ናይ ምንዳይ ሸውሃቱ ኣመና ግዚፍ ስለ ዝኾነ፡ ጠጥዑዩ ወይ'ውን ሐሕማቑ መረጃኻ ክትመልኦ ዝከኣል ኣይኮነን። ሓያል ዝኾነ ናይ ባዕሉ ምርጫ ናይ ምውሳድ ዓቕሚ ኣሎዎ።

***

ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ'ኮ ብዙሕ ሓድሽ ነገራት ዝሰሶተ ወይ ዘምጸአ ኢልካ ዝግለጽ፡ ቀሊል እኳ ናይ ፍጻመታት ኣይነበረን። ብቐንዱ 'ኤርትራ' እትብሃል ሕልሚ ኤርትራውያን ዝፈጠረ ድንቂ ቃልሲ እዩ። እዚ ቓልሲ'ዚ ቃልሲ መንእሰያትዶ ኣይኮነን ነይሩ!? ቃልሲ ስምዒታውያን መንእሰያት እኳ ደኣ!

ኩሉ ንቓልሲ ዝወፈረ መንእሰይ፡ ምረት ባርነትን ባህጊ ናጽነትን ነይሩዎ እዩ። ብኸመይ ከም ዝትግበር ግና ጽጹይ ሓበሬታን ንጹር መገዲን ነይሩዎ ክንብል ኣይንኽእልን ኢና። ሓንቲ፡ ኩሉ ኣሚኑ ዝወፈረላ ዕላማ፡ መስዋእቲ ንሓርነት ከም ዘምጽእ እዩ። ካልእ ኩሉ ነገር ድሕሪ'ዚ እዩ ሰሪዑዎ።

ኣብ ገድሊ ግና እቲ ሓርነት ዝኸልአ 'ሓደ ጸላኢ' ጥራይ ኣይኮነን ጸኒሑዎ። እልቢ ዘይብሉ ምስ ግዜ ዝበሰሉ ስነ-ሓሳባት፡ ምጽግብ ፍልልይ ኣረኣእያታት፡ ረቛቕትን ዝጭብጡን ብድሆታት ወዘተ.

እቲ ናይ ሽዑ መንእሰይ ወለዶ፡ ነዚም ኩሎም ብድሆታት ንኸማእዘን ዝሓለፎም ጉዕዞታት፡ እንህ ክሳዕ ሕጂ መሪሕ ኩይኖም የካይዱዎ። ቀጥ ኢሉ የማኑ-ጸጋም ከይበለ ኣጸኒዑ ዝሓዞም መትከላት ነይሮምዎ። ምስ ግዜ እናተዓጸጸፈ ዝሰገሮም ብድሆታት'ውን ኣጋጢሞሞ እዮም። ነዚ ኹሉ ዝገበሩ ግና ናይ ሎሚ ኣቦታት ናይ ሽዑ ድማ መንእሰያት እምበር፡ ብዕድመ፡ ብትምህርቲ ወይ ብተመኩሮ እምብዛ ዝበሰሉ ሰባት ኣይነበሩን። ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ዝተጠርየ ተመኩሮ፡ ቀሊል እንተ ዘኹብር፡ ኤርትራ ክሳዕ ሕጂ ኣምበይምሃለወትን።

***

ኑቶም ሽዑ ታሪኽ ዝሰርሑ መንእሰያት፡ ኣቦታቶም ወይ ኣያታቶም ጸልዮሞምን ኣንቂሖሞምን ከም ዝኾኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ግና ኸኣ ብኢደ-እግሮም ሐዚም እዚ 'ቅኑዕ' እዚ ድማ 'ጌጋ' ኢሎም "ሀ - ሁ" ናይ ቃልሲ ኣይመሃሩዎምን። መንእሲያት ሓምሳታት-ስሳታት ኣብ ምምእዛን ቃልሲን ምምጻእ ናጽነትን መራሕትን ተግበርትን ምንባሮም መን ይስሕቶ!?

እዞም ናይ ሽዑ መንእሲያት ናይ ሎሚ ድማ ኣያታትን ኣቦታትን፡ ነዚ ናይ ሎሚ መንእሰይ ከመይ ይርእዩዎ ዝብል ሕቶ'ስከ ነውግዓሉ።

ኣብ ቃልሲ ልኡላውነት ዝተፈጥኑ ውላድ ሳዋ፡ ኣብ ድሕነት ሃገር ዝገበሮን ዝገብሮ ዘሎን ዘዘርብ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ እዚ ጉዳይ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዝኣቱን ዝንጥል ኣቢልካ እትካትዓሉን ዓውዲ ኣይኮነን።

ኣብቲ ኻልእ ገጽ ናይ ልምዓት ግና ተራኡ ኣብ ምፍጣር ስራሕ፡ ምምእዛን ዕዮታት፡ ኣብ ምምራሕን ምውጣንን እስከ ብዘይቃልዓለም ነውግዓሉ። ሓቂ'ዩ ጅህ ክሕዝና ዝተወጠና ጉዳይ ዶብን ንዕኡ ሰዒቡ ዝመጸ ቀጻሊ ተጻብኦታትን፡ ዋላ'ኳ ኣሉታዊ ጽልዋኡ ዝኩሓድ እንተ ዘይኮነ፡ ኢደ-እግርና ጠሚሩ ኩፍ ከም ዘየበልና ግና ርዱእ'ዩ።

ንሕና ናይ ሎሚ መንእሲያት፡ እንጻወተሉ ሜዳ፡ ማዕዳ፡ መምርሒታት ብሓጺሩ ኣልያታት ይበዝሖ ኣሎ፡ ብዘይ ቃልዓለም።

ክንትንክፎን ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ክነእትዎን ዘይግብኣና ጉዳያት፡ 'ጉዳይ ሃገር እምበር ጉዳይ መንእሰይ ጥራይ ስለ ዘይኮነ'፡ ኣብኡ ዘረባ የብልናን።

እዛ ጉዳይዶ ቁሩብ ስክፍ ኢሉ ሐዚያ ሓቀይ!

ተሰኪፈ ኣይኮንኩን። እንታይ ደኣ፡ መንእሰያት ብሓቂ እንፍተነሉ ጸላዊ ዓውድታት ይውሕደና ኣሎ ክንብል ከሎና፡ ገለ ጉዳያት ብውህሉል ተመኩሮ 'ጥራይ' ዝተሓዙን ዝምእዘዙን ከም ዘለዉ ዘንገፀ ኣይኮንኩን። ብሓፈሻ ግና ደረት ብዘለዎ መገዲ፡ ብቑዕ ፈተነታት (Exercises) የድልየና ኣሎ ኢለ እየ ዝምጉት ዘለኹ።

"መንእሰይ፡ ጸዓት ዘላቒ ዕበየት!" ዝብል ጭርሖ ፈስቲቫል ሎሚ-ቐነ እዩ ናብዚ ዛዕባ ኣእቲዩና። መንእሰይ ኩሉ'ዩ፡ ጸዓት እዩ፡ ሞተረ እዩ፡ ስቴርሶ እዩ፡ መሕነን እዩ፡ ወዘተ.

***

እዚ ቀዲምና ዝጠቐስናዮ ነጥብታት፡ ንመንእሰይ ጠቕሊልካ ኢድካ ከተእትወሉ ዘይግብኣካ ፍጡር'ዩ ክስምዕ ይኽእል'ዩ። ከምኡ ማለትና ግና ኣይኮነን። ከመይ ጌርናሽ'ሞ ከምኡ ክንብልን ክንሓስብን!?

**እንታይ ደኣ?**

መንእሰይ ምእላይ ይደሊ - ብኻልእ ጽልዋታት ካብ ቀንዲ ሓዲድ ንኸይእለ። ግና ሓንቲ መገዲ ከም ዘላ ጥራይ ኣይኮንካን እትሕብሮ። ኣንፈት'ሞ ትህቦ ብዙሕ መገድታት ናይ ምፍጣር ባህርያት ኣሎዎ። ብፍላይ ኣብዚ ምዕቡል እዋን፡ ቴክኖሎጂን ሓበሬታን ካብ ማንም ንላዕሊ ንመንእሰይ ስለ ዝቐርቦ፡ ተመኩሮ ኻልኦት ኣብ ምዕባለ እናወሰደ ምስ ኩነታቱ ድማ እናኣዛመደ ተኣምር ክሰርሕ ዘይእግሞ ፍጡር'ዩ።

እዚ ጉዳይ ምስ ስልጣን ወይ ሓላፍነት ጥራይ ኣተሓሒዝና ክንርእዮ የብልናን። እንታይ ደኣ ብቐንዱ፡ ራእዩ ዘሎዎም መንእሰያት ምፍጣርን ነዚ ራእይታት ዘተግብሩ ድማ ምኽስኳስን ማለትና እዩ። ምኽንያቱ፡ ኩሉ ሰብ ዓቕሙን ኣበርክቶኡን ሓደ ስለ ዘይኮነ፡ ገሊኡ ኣብ ሓሳባት ዘድምዕ ኣሎ። ብርቂ ዝኾነ ሓሳባት ናይ ምምጻእ ዓቕሚ ዘሎዎ መንእሰይ ውሑድ ኣይኮነን። እዚ ራእይ ብኸመይ ክትግበር ይኽእል ድማ ጽፉፍ ውጥን ከቕርቡ ዝኽእሉ መንእሰያት ኣይሰኣኑን እዮም፡ እንተዘየለዉ ድማ ክንፈጥሮም ዘይከኣል መኣስ ኮይኑ!

ነዚ ውጥናት ዘተግብሩ ሞያውያን ምፍራይ ድማ ባህልና እዩ። ረባሕቲ ወይ ተጠቀምቲ ናይዚ ኹሉ ንጥፈታት ድማ ብቐንዱ መንእሰያት ስለ ዝኾኑ፡ እቲ ድፍኢት ምዕባለ ደው ዝብል ኣይኮነን።

ከምዚ ክብል ከለኹ፡ ተሳትፎ መንእሰያት ኣብ ልምዓት ውሑዱ ኣሎ ማለተይ ኣይኮንኩን። እዚ ኹሉ ሃገራዊ ልምዓታት ደኣ፡ መንእሰይ እምበር መንዶ ይሰርሖ ኣሎ'ዩ! ተራኡ ግና ኪንዮ ትግባረን ተሳትፎን፡ ኣብ ራእይን ውጥንን እውን ክዓዝዝ ከም ዘሎዎ ንምዝኽኻር እዩ።

ዝሓለፈ ዕስራ ናይ መኸተ ዓመታት፡ ሽዑ ንዝተወልደ ህጻን ሳዋ ኣብጺሑ፡ ነቲ ናይ ሽዑ መንእሰይ ድማ ናብ ኣቦ ቀዩርዎ እዩ። ነቶም ናይ ሽዑ ኣቦታት ድማ ናብ ኣባሓጎታት። እቲ ዘገርም ነገር ግና ኩሎም'ዞም ኣብ በበይኑ እዋን እተፈጥሩ ወለዶታት፡ ኣብ ሓደ መትከል ሰሚሮም ክምክቱ ጸኒሖም፡ ምውሓስ ልኡላውነት። እቲ ንዓመታት ዝመከቱዎ ብድሆታት፡ ድሮ ጻማኦም ክኸፍሎም ኣንፈት ይህብ ስለ ዘሎ፡ ደጊም ተራኦም ሓደ ኣይኮነን ክኸውን። እቲ ሓደ ክዕርፍ፡ እቲ ሓደ ተመኩሮ ክሰጋግር፡ እቲ ንእሽቶ ድማ ናብ ኣዝዩ ሓድሽ መድረኽ ይሰጋገር ኣሎ። ሓድጊን ጽልዋን ናይቲ ዝሓለፈ ናይ መኸተ እዋን ቀሊል ስለ ዘይኮነ ግና፡ እዞም ሓደስቲ ወለዶ ዓጸፉ እዮም ክሕተቱ። እቲ ምንታይ፡ ዝሓለፈ መድረኽ፡ ሓይሎም ኣብ ዝተመደበሎም ዕዮ ምጽማድ እዩ ጸኒሑ። ደጊም ግና ማሕለኻታትና እናተበናጠሰ ይኸይድ ስለ ዘሎ፡ እቲ ናይ ብሓቂ መጻኢ ናይዛ ሃገር፡ ብቐንዱ'ውን ናታቶም መጻኢ ስለ ዝኾነ፡ ኣዝዩ ከቢድ ዕዮ ገዛ ይጽበዮም ኣሎ። ኣብ ጽባቐ መጻኢ ናይዛ ሃገር ደጊም ዓያይትን ቀለስቲን ንክኾኑ ድርብ ሓላፍነት ዘሰክም መድረኽ መጺኡዎም ኣሎ።

እዛ ሃገር ከይተሸርመመት ከይተቘርመመት ጸኒሓቶም ኣላ፡ ሳላ እቶም ቅድሚኦም ዝጸንሑ ወለዶታት። ንዓኦም ድማ ምሕዋይ በሰላን ልምዓትን ሃገር ኣብ ቅድሚኦም ተገቲሩ ዝጽበዮም ዘሎ ረዚን ዕማም እዩ።

ኣብዚ ጉዳይ እምበኣር ክልተ ዓይነት ቃልሲታት እዩ ክህሉዎም። እቲ ሓደን ቀንዲን ዝበዝሐ ክፋል ኣእምሮኦም፡ ኣብ ምድላብ እዋናዊ ፍልጡትን ትግባረ ሕልሞምን ክኸውን ከሎ፡ እቲ ኻልኣይ ድማ ወለዶኣዊ ጋግ ንዘፈጥሮ ባህርያዊ ግርጭት ምስዓር እዩ። ነቲ ቐዳማይ ጉዳይ ንዝበዝሐ ክፋሉ ባዕላቶም ስለ ዝትግብሩዎ፡ ብተዛማዲ ቅልል ዝበለ ክኸውን ከሎ፡ ኣብቲ ዳሕረዋይ ግና፡ ክወርሱዎን ክገድፉዎን ዝግብኦም ሓድግታት መኸተ ስለ ዘሎ፡ ኣብ ምምማዩ ቀሊል ብድሆ ኣይክጽበዮምን እዩ።

በዚ ኹይኑ ቡቲ ግና እቲ ዝዓበየ ዕዮ ገዛኦም ዓቕሞም ምምዕባል ስለ ዝኾነ፡ ምስ ግዜ ድማ ኣብ ዘዘድምዑሉ ሞያ ክጸቕጡ ስለ ዝኾኑ፡ መራሕቲ፡ ወጠንቲ፡ ተግበርቲ ወዘተ. ዝኾኑ መንእሰያት ክፍጠሩ ባህርያዊ እዩ። ኣብዚ መዳይ እምበኣር፡ ተራ ናይቲ ኣብ ከቢድ ሃልኪ ዝጸንሐ ወለዶ፡ ኣብ ምውርራስ ጠቓሚ ኩበርታት ከምኡ'ውን እዚ ሓድሽ ወለዶ ተኣምር ንኽሰርሕ ብተዛማዲ 'ርትዓዊ' ሓርነት ኣብ ምሃብ ወሳኒ ምዃኑ ክዘንጋዕ ዘይብሉ እዩ።

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ኣብ ዋዜማ ናይዚ ንኣትዎ ዘሎና ሓድሽ መድረኽ ብምዃኑ፡ "መንእሰይ፡ ጸዓት ዘላቒ ዕበየት!" ይብል ኣሎ። 'እወ ኢና' ንበሎ! ስለ ዝተባሃልና ዘይኮንና ግና ስለ ዝኾንና ኢና!

# ባህርያዊ ጸዓት ንእስነት

ኢ.ንጅ. ምሉእብርሃን ሃብታይ

"ኣንታ እዞም ጎረቤትናስ ከመይ ከመይ ኣቢሎም ነዚ ግዜ ይሓልፍዎ ኣለዉ፧ ዝረብሕ ትሕዝቶ የብሎምን። እንታይ ኮን ይገብሩ ይህልዉ፧" ሰበይቲ ንሱብኣያ ዘረባ ኣጀሚራቶ።

"እንታይ ከይኮኑ ኢኺ፧ ነዞም ሸምግልና ተርኽበልና ዘላ ደኣ በልልና እምበር፥ ኣባጽሕ ዘለውዎ ገዛ ደኣ፥ ድራርም ኣብ እንግደዓኦም እንደኣሉ ዘለዉ" ሱብኣይ መለሱ።

"ኤእ! እሞ እዛ ግዜ ተመክሕ ኣይኮነትን። ነኣሸቱ'ውን እኮ፥ መንገዲ እንተረኺቡ እዮም ዝህርኩቱ።"

"እንታይ ማለትኪ እዩ፧ እቲ ንእስነቶም ባዕሉ እኮ እዩ መንገዲ። ምናልባት ንሓጺር እዋን ገለ ሕርብት እንተበሎም ከኣ፥ መንገዲ ክምህዘሉ እዮም። በዚስ ኣይትሻቐሊ። ብቐደሙስ ወዲ ሰብ፥ ከመይ ከመይ እናበለ ድዩ ተናቢሩ፧ ግድልን ጥቡብን ኣብ ዓለም ክሳብ ዘሎኻ መኻይድቲ እዮን።"

"ኣይ! ካብ በልኩም'ሲ ሕራይ፥ ኣኻእሎ ይሃቦም።" ዘረባ ሱብኣይ ስዒሩ።

ዝኾነ ውልቀ ሰብ ይኹን ስድራቤት፥ ዋላ'ውን ምሉእ ሕብረተሰብ፥ ይውሓድ ይብዛሕ፥ ከንብረኒ እዩ ዝብሎ ገለ ዕቑር ሸሻይ ክህልዎ ንቡር እዩ። ምናልባት ሕማቕ መዓልቲ እንተጋጠመ ኸኣ፥ ኑቲ ከሰግረኒ ይኽእል እዩ ዝብሎ ትሕዝቶኡ ተኣማሚኑ ክሰግሮ ይውጥን። ህይወት ፈተነታት ተዳሉ፥ ወዲ ሰብ ከኣ ትሕዝቶኡ ሒዙ መፍትሒየይ ዝብሎ መንገዲ የዳሉ። ከምኡ እናበሉ ኸኣ፥ ወዲ ሰብን ባህሪን እናተጋጠሙ፥ ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ክሳብ'ዛ እዋን'ዚኣ ክረባረቡ ይነብሩ ኣለዉ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ እሞ ኸኣ፥ ንባህሪ ጥቡብ ወሲኹ ክገጥማ ጀሚሩሉ፥ ወዲ ሰብ ኣብ'ዛ ዓለም ጸብለል ኢሉ ይረአ ኣሎ። እዚ ስልጣኔ'ዚ፥ ንኽንደይ ዘመናት ክቕጽል ይኽእል ደኣ እንድዒ እምበር፥ ቀደም ዘመን ዘይሕሰብ ዝኸበረ ብዙሕ ነገራት፥ ኣብ ኢድ ወዲ ሰብ ይርከብ ኣሎ።

ወዲ ሰብ፥ ንተፈጥሮ/ንባህሪ ገጢሙ ምንባሩ ንኸውሕስ፥ ጸዓት ካብ ተፈጥሮ እዩ ዝወሰደ። ኑቲ ዝወሰዶ ጸዓት ከኣ መሊሱ ንባህሪ ይመልሰላ። ኣብ ሕጊታት ናይ ፊዚክስ፥ "ጸዓት ኣይምስራሕን እዩ፥ ኣይጠፍእን ከኣ እዩ።" ዝብል ወድዓዊ ሕጊ ኣሎ። ስለ'ዚ እቲ ፍልልይ፥ ኑቲ ህሉው ጸዓት ከመይ ኣቢልካ ኣብ መዓላ ተውዕሎ ጥራሕ እዩ ዝፈላለ። ኩሎም ሰባት ብዙሕ ጸዓት ካብ ባህሪ ወሲዶም ኣብ ኑብሶም ከዚኖም ኣለዉ። ባህሪ ብወገና፥ ኑቶም ኑቲ ጸዓታ ከይበቕቑ ዝመለሱላ፥ ካብ ከርሳ ወሳሲኻ ዝተራብሐ ሓይሊ ትህቦም። ኢቶም ኑቲ ዝወሰድዎ ሓይሊ ከይተጠቐሙ ከዚኖሞ ሰቕ ዝበሉ ከኣ፥ ኣብ ሓንቲ ደረጃ ተዓጊዶም ይነብሩ። እኳ ደኣ፥ ባህሪ ኑቲ ዘይተጠቐሙሉ ጸዓት ወሲዳ ናብ ሓሙኹሽቲ ቀይራ ናብ ከርሳ ትመልሶ። ስለ'ዚ፥ በዚ መንገዲ'ዚ እንተረኣናዮ፥ ምንባር ማለት ምልውዋጥ ናይ ጸዓት ኣብ መንጎ ፍጡራትን ተፈጥሮን ምዃኑ እዩ።

ኣብ ዕድመ ንእስነት ምስ እንመጽእ ድማ፥ እቲ መስርሕ ምልውዋጥ ናይ ጸዓት ሰብን ባህሪን ዝለዓለ ጥርዚ እንተሓዘ ቅቡል እዩ። እቲ እንካን ሃባን ዝያዳ እንተኾይኑ ከኣ ዝያዳ ምርባሕ/ምብዛሕ ኣሎ ማለት እዩ። ዝያዳ ምርባሕ ክበሃል ከሎ፥ ሓድሽ ጸዓት ትሰርሕ ማለት ዘይኮነስ፥ ንባህሪ ዝያዳ ትብለጸላ። ትምዝምዛ፥ ኣብ ጠቕምኻ ተውዕላ። ኑቲ ጸዓቶም ብዝያዳ ዘራብሕዎ ሰባት እዮም እምበኣር፥ ንኑብሶም ኮይኖም፥ ንስድራቤቶም ኮይኖም፥ ንሃገራቶም ኮይኖም፥ ንዓለም ከይተረፈ ኣብ መዓላ ዝውዕል ፍረ ዝሁብዋ ዝኸበሩን ዘለዉን።

ነዚ ነገረ ጸዓት ከም ዘለዎ ሒዝና፥ ናብ ሕብረተሰብና እስከ ክንርኢ ንፈትን። ተማሳሳሊ ስእሊ ንረክብ እመስለኒ። ብታሪኽ ይኹን ብህሉው፥ ሚዛን ሓይሊ ናይ ህላዌና ዝጠዋዊ ዘሎ ጸዓት፥ ኣብ ኢድ መንእሰያት ከምዝኸበረን ዘሎን ዘርእዩና ኣብነታት መሊኡ እዩ። ኣብ ገጽ መንእሰያት ተስፋ እንተልዩ፥ እቲ ሕብረተሰብ ንኽዓቢ ተስፋ ኣለዎ ማለት እዩ። መንእሰያት መንገዲ ህይወት ተደናጊሮዎም እንተልዩ ከኣ፥ እቲ ሕብረተሰብ መጻኢ መንገዱ ከምዝደበርሃሉ የመልክት። በዚ ኮይኑ ቡቲ፥ መላእ ሕብረተሰብ ናብቲ መንእሰያት ዝወፍርዎ ዘለዉ ኣንፈት ገጹ ሃንቀው

እናበለ ከማዕዱ ግዴታ እዩ፡፡ እቲ ዝወፍርዎ ዘለዉ ወፍሪ፡ ካብየናይ ፍልስፍና ተበጊሶም፡ ወይ በየናይ ኮኾብ ተመሪሖም፡ ይኸድዎ ምህላዎም ምምላስ ድማ፡ ናይ'ቶም መንእሰያት ግደ ምዃኑ እዩ፡፡ ምኽንያቱ ወነንቲ ዝያዳ ጸዓት ንሳቶም እዮም፡፡ እቲ ክስዕብ ዝኽእል ሕቶ ድማ ቀሊል ዝበለ እዩ፡፡ "እቲ ዝወሰድካዮ ጸዓት፡ ኣብ ምንታይ መዓላ ኣውዒልካዮ፧ ዕድመ ንእስነት እናሓለፈ ምስ ከደ'ኸ እንታይ ዓይነት ሱበኣይ/ ዜጋ ኰንካ ክትርኸብ ትሓስብ፧ ጓል እንተኾንካ'ውን እንታይ ብቐዓት ዘለዋ ሰበይቲ፧" በቃ፡ ካብኡ ዝሓልፍ ኣይመስለንን፡፡

እቲ ጸዓት ናይ ንእስነት፡ ብስለት ወይ ጥበብ ብዘለዎ መንገዲ እንተተታሒዙ፡ ክንዲምንታይ ከነቓንቕ ዝኽእል ኣኩብ ሓይሊ ምዃኑ ታሪኽ ደጋጊሙ ምሂሩና እዩ፡፡ ናይ ሃገርና ናይ ናጽነት ዕጥቃዊ ቃልሲ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ እንተርኢናዮ፡ ስራሕ መንእሰያት እዩ፡፡ ታሪኽ መንእሰያት እዩ፡፡ ብብርዒን ወረቐትን፡ ብዘረባን ብልዝብን፡ ክምለሰሎም ዝይከኣለ ሕቶታት ንምምላስ ዝተላዕለ ስጉሚ ምንባሩ ርዱእ እዩ፡፡ ኣብ ጉዕዞ ምዕባለ ናይ ሕብረተሰባት፡ ዋላኳ ኩሉ ግዜ ብኸምኡ መንገዲ ምኻድ ኣድላዪ እንተዘይኮነ፡ ኑብሲ ወከፍ መንእሰይ ናይ ዝኾነ ወለዶ፡ ኣብ ዝጥኡ ተሰኪምዎ ዝንዓዝ ዘሎ ጸዓት ንምርኣይ ግን እኹል መምሃሪ ዛንታ እዩ፡፡

ኣብ'ዚ ሕጂ ንነብሮ ዘሎና፡ ናይ ምህላውን ዘይምህላውን ምፍትታን እዋናት እንተኾነ'ውን፡ እቲ ዛንታ ምንባርና ብስጉምቲ መንእሰያት እናተቐለሰ እዩ ዝኸይድ ዘሎ፡፡ እቶም ክሳብ ሎሚ ቡበመንገድናን ብውዱብን ዝኸድናዮም ኣንገሎታት ህይወት ተደማሚሮም፡ ክሳብ እዛ ሰዓት እዚኣ፡ ትሕመቕ ትጸብቕ ሃገር ከም እትህልወና ክገብሩ ክኢሎም ኣለዉ፡፡ ኣሳጉማናን ኣጠቓቕማ ውህሉል ጸዓትናን እናበሰለ ግዲ ከይዱ ኮይኑ ከኣ፡ ድሮ ፖለቲካዊ ቅማረታት ናይ'ዚ እንነብረሉ ከባቢ ክለዋወጥ ይረአ ኣሎ፡፡ እንተስ ፍረ ጥቡብና፡ እንተስ ፍረ'ቲ ናይ ሓባር ጸሎትና፡ ሓደስቲ ተርእዮታት ክንርኢ ንጀማምር ኣሎና፡፡

እዚ'ውን ፍረ ንእስነትና ዝወለዶ ጸዓት እዩ፡፡ እቲ ብድሕሪኡ ክስዕብ ዝኽእል ኣካል ናይ'ቲ ጸወታ ድማ፡ እናቐለለልና ክኸይድ ንቡር እዩ፡፡ ምኽንያቱ ንሕና ኑቲ ጸወታ ውሽጢን ጸወታ ደገን እናመለኽናዮ ኢና ክንከይድ፡፡ እቶም ቀመርቲ ከኣ ከምዘስተውዓልናሎም እንተኾይኑ፡ ተማሳሳሊ ኣገባብት እዮም ዝጥቀሙ፡፡ ስለ'ዚ፡ ክንኮርዓሉ ዝግበኣና ዓቢ መድረኽ ከይኮነ ኣይተርፍን፡፡ "እዚ'ኸ መን ይረኽቦ፧ እዝጊ ዝሃቦ!" ድያ ዝበለት ደራፊት፡፡ እንቋዕ ደኣ ኣብ ከምዚ ደረጃ በጺሕና እምበር፡ ኑብ'ዚ ንንየው'ሲ፡ "ልቢን ሳዕሪን እናሓደረ ይብቁል!" ዝብል ብሂል ኣቦታት ኣሎና፡፡

ህይወት ኣብ መወዳእታኡ እንተሪኢናያ፡ ቡቲ እንወስዶ ምርጫታት እያ እትቕለስ፡፡ ንመን ትግዛእ፡ ኣእዛንካ ድምጺ ናይ መን ዝያዳ ይሰምዓ፡ ንርእሱ ምርጫ እዩ፡፡ ኣብ እዋን ቁልዕነት እቲ ዕጫታትና ክበዝሕ ይኽእል ይኸውን፡፡ ኣብ ዕድመ ንእስነት ግን፡ እቲ ምርጫታትና ይዛዙ፡፡ ምኽንያቱ ኑቲ ውህሉል ጸዓት ክጠዊ ዝኽእል ሓይሊ ክንደየናይ ከይርኹቡ፡ ሸማግለ እንተኾኢሉ፡ ክዛረብ ጥራሕ እዩ ዝኽእል፡፡ መንእሰያት ኣብ ጉዕዞኦም ክዕውቱ እንተርእዩ ኸኣ፡ ኑቡቲ ሸሻዮም ክቋደስ ይጽሊ ይኸውን፡፡

እዚ ዘሎናዮ ዘበን፡ ዘበነ ሓበሬታን ተክኖሎጂን፡ ዘበነ ትምህርቲን ምርምርን፡ ብምዃኑ ድማ፡ ኑቲ ጸዓት መመሊሱ ንላዕሊ ዘራብሕ ባእታ ኣለዎ፡፡ እቲ ጸዓት እንተተራብሒ ከኣ፡ እቲ ምርጫታትና መመሊሱ ይዛይድ፡፡ ንመመኽነይታ ዝኸውን ነቓዕ ድማ ኣይርከቦን፡፡ ማለት፡ "ቀምሽ ኣደይ ዓንቂፍኒ እየ ከም'ዚ ኮይነ ዘለኹ፡" ክንብል'ሲ ኣየምሕረልናን፡፡ ምኽንያቱ ምሁር መንእሰይ መጻኢ ዕድሉይ ኣብ ምርጫታቱተይ እዩ ዝምርኮስ ኩብል እንተዘይክኢሉ፡ ካልእ ከምኡ ኩብል ዝደፍር ኣካል ሕብረተሰብ የሎን፡፡ ኣብ መሬት እናተቐመጥና፡ ብሕጊ መሬትን ሰብትን እናተገዛእና፡ ካብ ከርሲ መሬት እናተመገብና፡ ጉዳይና ንመለኮታውያን ሓይልታት ሂብና ክንጽበ እንተፈቲንና፡ ንግዜኡ ካብ ክዉንነት ተኸዊልካ ዝግበር መሕለፊ ግዜ ጥራሕ እዩ ክኸውን ዝኽእል፡፡ እቲ ክንከዶ እንኽእልን፡ እቲ ክንጽበዮ እንኽእልን፡ ምምማይ ፈቲና ጸሊእና ስራሕ ወዲ ሰብ እዩ፡፡ ካብ'ተን ንወዲ ሰብ ዝተዋህባ ስልጣናት ክንገድፍና ኣይክእልን እዩ፡፡

ስለ'ዚ ሕጂ'ውን ምስ'ዚ ኩሉ ጸዓት፡ ጉዕዞ ንእስነትና ከይዱ ከይዱ ኣብ'ዛ ዘሎናያ ነጥቢ ካብ ኣብጺሓና፡ ብዛዕባ'ታ እትቕጽል ነጥቢ ክንሓስብ ንቡር'ዩ፡፡ ምሁራት ወለዶ ብምዃንና ድማ፡ ቅድሚ እግሪ ርእሲ ከምዝስጉም ኣንዳዕዲዕና ንፈልጥ ኢና፡፡ ኣብ'ቲ ዝቕጽል ጉዕዞና፡ ዜጋታት ናይ ሓንቲ ድኻን እናተተኸብላ እትነብርን ሃገር ኬንና ክንርከብ'ዶ ይሓይሸ፧ ዋላስ ከም'ቲ ሓደ፧ እዚ ዘሎና ናይ ንእስነት ጸዓት፡ ብመንፈስን ብቑጠባን ሓርነት ረኺብና ክንነብረሉ'ዶ ይሕሸና፡ ወይ'ስ ዛንታ ባርነት እናደገምና ክነሕልፎ፧ ንሕና ብዛዕባ ዝፈጸምናዮም ቅወም-ነገራት እንብሎም ነገራት ከነውግዕ'ዶ ይሕሸና፡ ወይስ ኣብ ልዕሌና ብዛዕባ ዝተፈጸሙ ፍጻመታት ክንትርኽ ክንነብር፧ እስኪ ኑቲ ፈጣሪ ብመንገዲ ንእስነትና ጌሩ ኣኻኽቡ ዝሃቦና ጸዓት እናሓሰብና ንወስን፡፡

ኣብ ኩነተ ኣእምሮ ላንጋ-ላንጋ ዝበሃል ክስተት ኣሎ። ሓደገኛ ኩነት እዩ ክንብሎ'ውን ንኽእል። ንዘሎካ ጸዓት ብምልኣት ንኸይትጥቀመሉ፣ ንሓንጎልካ ከፋፊሉ፣ ንውጽኢትካ ብፍርቂን ልዕሊኡን ዘጓድል ባእታ እዩ። ዝበዝሕ እዋናት፣ ላንጋ-ላንጋ ዝኾነ ጠባይ ዝሕዙ፣ ኢቶም በለጻኛታት (opportunistic) ዝኾኑ ሰባት እዮም። ገዛ ገዛ እናኣተዉ ከኣ፣ ቅሩብ/ጽቡሕ መኣዲ እንተረኺቡ ሃሰው ክብሉ ይኑብሩ። ተሰፋኣም ካብ ኑብሶም ዘይኮነስ፣ ካብ ረሃጽን ጉልበትን ናይ ካልኦት ስለዝኾነ ድማ፣ ዝበለጸሉ ኣካል ክሳብ ዝረኽቡ ኣብ ላንጋ-ላንጋ ይኑብሩ።

ገለ ገለ ከኣ ኣይሰኣኑን፣ ንኹሉ ነገር ተገዲዶም ዝሽድዎ። ኑቲ ባህሪ ዝሃቡዎም ጸዓት ኣቐሚጦም፣ ኣብ ውሳነታት ናይ ካልኦት ይኑብሩ። ንኸምዚ ዝኣመሰለ ኩነተ ህላወ፣ ንኺድ ገረብ ንትከል እንተበላዮ ብዓግዴታ እዩ። ንኺድ ኩዕሶ ንጻወት'ውን ብዓግዴታ እዩ። እቲ ዝፍጽምዎ ተግባራት፣ ገለ ሳዕቤናት ንኸይመጾም ፈሪሆም እንተዘይኮይናም፣ ናይ ገዛእ ርእሶም ባህግታት ኣየበግሱን እዮም። ኣብ መወዳእታኡ ኩሎም ሰባት፣ ጥዑም ነገር ዘይጽልኡ ምኻኖም ግን ባህ ይብለካ። ካልእ ዝገርም ነገር ከኣ፣ ሓንቲ ዕዮ ፍረ እንተተረኺብዋ፣ ኢቶም ላንጋ-ላንጋን ኢቶም ግዱዳትን ሓቢሮም፣ ከም ዋናታት ናይ'ታ መደብ ተመሲሎም፣ ፍረኣም ክሓፍሱ ዝጓየዩ ምኻኖም እዩ።

ብኣንጻር ናይ'ዚ ልዕል ኢሉ ዝተጠቕሰ ድማ፣ ብርእሰ ውሳኔኦም ክኑብሩ ዝፍትኑ (proactive)፣ ዝኾኑ ሰባት ኣለዉ። እዚ'ኦም ኣብ'ቲ ባህርያዊ ጸዓቶም ክኑብሩ ዝጽዕሩ እዮም። ዓለም፣ ብመጠን'ቲ ዝሃብካያ ከምእትመልሰልካ ዝኣምኑ እዮም። ገና ብቑልዕነቶም ኑቲ ዘለዎም ባህርያዊ ጺጋታት እናፈተሸዎ ስለዝዓበዩ፣ ኣብ እዋን ንእስነቶም ብላንጋ-ላንጋ ዝጠፍእ ብዙሕ እዋን ኣይረኸቦምን እዩ። እዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ሰባት ከኣ፣ ኣዝዮም ጸለውቲን ንታሪኽ ወዲ ሰብ ቀየስቲን እዮም ዝኾኑ። ምኽንያቱ፣ ዝተራብሐ ሓይሊ፣ ከምኡ እዩ ዝገብር።

ናብ ምድምዳም'ዶ ክንብል። ምኻን ከይተደምደመ ከሎ ድምዳም እዩ - ዝመስል። ካብ'ዞም ልዕል ኢልና ዝረኣናዮም ወገናት፣ ምስ ኣየኖት ምኻን ይሕሸና ምርጫ እዩ። ጽቡሕ መኣዲ እንተረኺብና ገዛ ገዛ ክንኮልል'ዶ ይሓይሽ፣ ወይስ መኣድና ከምታ ዓቕምና ጌርና ባዕልና ክንጸብሓ፧ እቲ ዘራባሕናዮ ባህርያዊ ጸዓት ናይ ንእስነት፣ ኣብ ምንታይ መዓላ እንተውዓልናዮ ይሓይሽ፧ ወዘተ. . . እናበልካ፣ ሓደ ሓደ ሕቶታት ደርቢኻ፣ ምውዳእ ዝሓይሽ እመስለኒ። ምኽንያቱ፣ ንምህሩ ወለዶ/ኣካል ክትምህሮ ኢልካ ካብ'ዚ ንላዕሊ ብዙሕ ዝበሃል ዘሎ ኣይመስለንን። ሰናይ ናይ ምውሳን ግዜ ይግበረልና።

## . . .፣ እቲ ሓላሚ፣ . . .

ሰብ!!
እዚ ሰብ'ዚ፣
ኣብዛ ጨው ምድሪ፣
ኣብቲ ጨው ቀትሪ፣
በዓል ጅማት እንተ ሰኸረ
በዓል ንዋት እንተ ረገጸ፣
ኣብ ዙርያ ዓለም እንተ ገበለ፣
ካብ ሕልናን ርትዕን ዝፈርጠጠ፣
ኣብዛ ዓለም ትሽዓተ፣
ከመይ "ሉባ" ተሰምየ!?
ጎኑ ዘይዓረፈ፣
ከመይ ልዋም ረኸበ!?
ዓለም ዝሓቑነ፣
መን ሰኸነ!?
ጎረቤቱ ዘይሰኸነ?
መን ተረፈ!?
ኣጋ ግዜ ዝሕለፈ፣
ከብሒ ኣእምሮ፣ ነዚ እንተ ዘይጨርሐ፣
ከውሒ ልቢ፣ እንተ ዘይመርመረ
ንኽፍኣት፣ ጸይቂ እንተ ነበረ
እቲ እምነት ምስ ጸንዐ፣
ኣድማስ ሓቂ፣ ምስ ነፈሰ
እቲ ዝመንመነ . . . ምስ ተገተተ፣
ልባስ ዘረባ፣ እንታይ ጠቐመ!?
ደበስ ኢዮብ፣ ንብዓት ኣይ ነበረ፣
ወይ ሰብ!!
እዚ ሰብ።

ሰብ!!
ኣብ ውንኡ እናሃለወ፣
ቦታ ርትዒ ምስ ሰረረ፣
ጽምኣት ፍቅሪ፣ ፍቅሪ ምስ ጠለለ
ውልዶ ፈልሲ ሓሳብ፣ ምስ ነገሰ
ኽነብሮ እንተ ተመነ
መዝሙር ስኒት፣ እንተ ተዘመረ
ዳዊት ምሕረት፣ እንተ ተነበ፣
ንፍትሒ፣ ፍቅሪ እንተ ደነነ፣
ይቕረ ንዝሓተተ፣
ምሕረት እንተ ተዋህበ፣
ኣብቲ ጋብእጋብኦ፣ ሰቲ እንተ ተነስነሰ
እቲ ትሕተ-ውኖ ጽባቐ፣
ናይ'ቲ ሓላሚ ጽባቐ፣
ጽባቐ ምወለደ!!
ካብዚ ሓለፈ፣
'መን ሰሰነ!? መን ምይ'ሕ!?' በለ፣
ኣብ ፍትሒ፣ ሕልና ዝኸሓነ፣
ጨው ፈረየ።

እንተኾነ፣
ሰብ!!
እዚ ሰብ፣
እቲ ነብሮ፣ ኣድሃ፣
ሓላሚ ጽባቐ፣
ሕልናን ርትዕን ምስ ሰርዐ
ጽባቐ ምስ ወለደ፣
ንሱነቱ ተወልደ፣
ሰብ!!

መም. ኢዮብ ርእሶም

# ዘይንኽእሎ ይበዝሕ ዘይንፍትዎ?

ኣማኑኤል በርሀ

ምፍታን፡ ቀድሚ ክእለት'ዩ ዝመጽእ። ንሓደ ነገር ብፍላጥ ይኹን ብዘይ ፍላጥ ምስፈተንካዮ ኢኻ ከምእትኽእሎን ዘይትኽእሎን እትፈልጥ። ዋላ'ውን ንገለኡ ብዘውህቦ ዝመጽእ ሞያታት ክትመልኮ ከም እትኽእል ወሽጥኻ ዝግገረካ እንተኾነ፡ ክሳብ ዘይፈተንካዮ ግን ኣፍካ መሊእካ "እኽእሎ እየ" ኢልካ ክትዛረበሉ ኣይትኽእልን።

መብዛሕትና ኑቲ "ኣይክእሎን እየ" እንብሎ ሞያታት ከይፈተንናዮ ኢና ብሞገዕዶ ኳንና ክንዕዘቦ እንመርጽ። ስለዝኾነ ድማ ብዙሓት ንጥፈታት ስለዘይፈተንናዮም ጥራይ ከምዘይናትና ንጥምቶም። ብገለ ድርኺት ክንፍትኖም ምስ ተደፋፋእና ግን፡ ኣቓዲሞም ኣብ ወሽጥና ዝጸንሑን ቀለልትን ኲይኖም ንረኽቦም'ሞ፡ ኣቓዲምና ብዘይምፍታንና ንጥዓስ ወይ ድማ "እንቋዕ'ባ ፈተንክዎ" ኢልና ንሕጎስ። በዚ ምኽንያት ከይኮነ ኣይተርፍን ብዙሓት ሞያተኛታት፡ "ሃንደበት እየ ኣትየዮ" ክብሉ ዝስምዑ። ከምዚኦም ዓይነት ሰባት ከይነውነውካዮም ዘይንቀሳቐሱ'የም።

ገለሰብት'ውን ንገለ ሞያታት ከም ሕዙእቲ ናይ ወሰናት ሰባት ጌሮም ዝቖጽርዎም ኣለዉ። ኑቲ ስራሕ ንባዕሎም ከይፈተንዎ፡ "እከለ'ኳ ንዕኣ ክብል'ዩ ተፈጢሩ" እናበሉ የዕልሉ። ምናልባት ብትብዓት እንተ ዝፍትንዎ ግን፡ ንሳቶም ዝያዳ መድምዑ ክኾኑ ይኽእሉ። ከምዚኦም ዓይነት ሰባት ኣብ ግዜ ጸበባ'ዮም ዝልለዩ። ናይ መሳርሒታት ይኹን ናይ ዓቕሚ ሰብ ሕጽረታት ምስዘጋጥም፡ ኑቲ ዕማም ባዕሎም ምክፍትንዎ ይግደዱ'ሞ፡ ልዕሊ ትጸበ.ት ዝኾነ ወጽኢት የመዝግቡ። ኣብ'ቲ "ሕዙእቲ" ከምድላዮም ክዕንደሩ ከምዝኽእሉ ምስፈለጡ ድማ፡ እቲ ሃንደበትነት "ተንበድባዲ ሓይሊ" ስለዘፈጥረሎም፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ዓቕሞም ከበርኹ ኣይሸገሩን።

ዋላ'ኳ ኣፍ ኣውጺእና ብዓውታ ዘይነድምጾ እንተኾንና፡ ንኽይንኽእል እንፈርሖ ሰባት'ውን ኣለና። ገለና እቲ ንሓደ ስራሕ ንምምላኽ ዝጠፍእ ናይ ግዜ፡ ኣእምሮ ይኹን ጉልበት ጸዓት ብምምጋት ትህኪት ይፈጥረልና። ገለና ድማ ብውሑድ ሃልኪ ዝፀየ ስራሕ ከናዲ ዋላሓንቲ ከይፈተንና ኣብ ቀባሕባሕ ንሕልፍ። እቲ ዘይንፍትዎ እናበዝሐ ብዝኸደ መጠን ከኣ፡ እቲ ዘይንኽእሎ እናሰሰነ እቲ ዘይንኑብሮ ድማ እናዛየደ ይመጽእ።

"ጽባሕ ኣርክበሉ" እትብል ኣምር'ውን ሓንቲ ካብ'ተን ሰባት ህይወቶም ኣብ ምስምሳትን ዕግሶግሽን ንኸሕልፍዎ "ዝሕግዞ" ግሩም ደፋኢ ሓይልታት እያ። እዛ ኣምር ብትህኪትን ፍርሕን'ያ እትቕለስ፡ ቡቲ ሓደ ወገን ኑቲ ስራሕ ክትሰርሖ ምሉእ ዓቕሚ ከም ዘለካ ርእሱምትእምማን ይህልወካ'ሞ፡ "ሎሚ ስራሐዮ ጽባሕ ስራሐዮ እንታይ ፍልልይ ከምጽእ ኢሉ" ብምባል፡ ካብ ልዑል ምትእምማን ዝበገሰ ሸለልትነት ተጥረ። እቲ ቀሊል ዝመስለካ ስራሕ ካብ ካልእ ኣገዳሲ ሓሳብ ዓጊቱካ ምህላዉ ግን ኣይተስተብህሉን። እቲ ምንታይሲ፡ ዋላ'ውን ቀሊል ዝብሃል ስራሕ ወይ ሓሳብ ኣብ ኣእምሮኻ ይሃሉ፡ ብዘዕባ'ቲ ሰዒቡ ክዕመም ዝግበኦ ካብ ምሕሳብ ይዕንቅጸካ'ዩ። ብኣንጻሩ፡ ዕረፍቲ ዝለመደት ነፍሲ ጽልኣት ስራሕ ስለእተጥሪ፡ እናኸኣልካዮ ነፍ ኢልካ ምውዓል ድማ ብሰበን ብሕልናኻን ስለእትርበሽ፡ "ኣይክእሎን እየ" ትብል ምባል ግሩም መኸወሊ ስለዝኾነት፡ ኑቲ ስራሕ ንኸይትኽእሎ ትፈርሕ - ስለ'ዚ ድማ ኣይትፍትኖን።።

መብዛሕትና የማን ጸጋም ግልጽ ኢልና ኣብ ከባቢና ዝለዉ ጸጋታት ከስተብህል ኣይንኽእልን ኢና። ፈጠራን ምስትብሃል ዘይምህላው ድማ ወትሩ ዘይዕጉባት ኳንና ከምእንነብር ይገብረና። ገለ ሰባት ካብ'ታ ዘይብሎም ንኻልኦት ብምሕጋዝ ክዕእገቡ ከለው፡ ካልኦት ድማ ዘይትመርና እናበሉ ሕፈን ክብሉ ንኣደዳ ጸቕጢ ክኾኑ ይርኣዩን። "እንታይ ኣለኒ እየ'ሞ ክሕግዝ" ዝብል መመኽነይታ ክህልወና ይኽእል'ዩ። ንሓደ ዓይነ ስውር መራሒካ ጽርግያ እንተሳገርካዮ ጥራይ'ኳ ዕግበት ክትፈጥረሉ ክትኽእል'ያ። ሕብራ ወይ ፋሽና ስለዝጸላእካ'ያ ጥራይ'ኳ ክትሰንድዋ ዝሓሰብካ ካምቻን ሓደ ዕሩቕ እንተሃብካዮ'ውን ዕግበት ክትፈጥረልካ ትኽእል'ያ። ንመዓልቲ ኣብ ስራሕካ ትኹን ኣብ እንዳ መቕርብካ ሓንቲ ፅምባብ ማይ ኣስቲኻ ምውዓል'ውን ንባዕሉ ዕጋበት'ዩ። እዚ'ውን ስራሕ ወይ ንጥፈት እዩ'ሞ፡ ምምላኽ ስለዘድልዩ ኣዚ'ውን ፈትኖ።

ንኽይትጋገን ንኽይትሰዓርን ምፍራሕ'ውን ንሓደ ስራሕ ንኸይንፍትኖ ይዕግተና'ዩ። ሓደ ናይ ኮርሶ ሕልሚ ዘለዎ መንእሰይ፡ "እዋእ! ጭራ ምስወጽእኩኽ መሰላቕ ደቂገዘውትና ክኾውን" ብምባል፡ ነዊሕ ዓመታት ኣብ ዙርያ'ቲ ዓውዲ ኮሬረግ ክብል የሕልፎ። ገለ ድማ ናይ ተበገስ ፈልኻ ምስተዳፋሕት ክስምዖም ዝኽእል ፍርሒ ከሎኛ ይቕይዶም። እዚኣቶም'ውን እታ "እንተተሰዓርኩኽ" እትብል ቃል'ያ ሓሊኻ እትሕዞም። ኑቲ ከድምዕሉ ዝኽእሉ ዕድመ ምስሰገርዎ ከኣ፡ "ኣነ'ኳ እንተዝፍትን ኔረ ፈጺመ ኣይምሓመቕኩን" ዝበላ ቃላት ክደጋግሙ ይነብሩ። ሰም'ቶም ተባዕትን ዕወታትን እናጠቐሱ ኸኣ፡ "ምስ በዓል እከለ'ንደየ ልምምድ ዝነብር ኔረ" እናበሉ፡ ቀደም ዝሓለፎም ዓወትን ዝናን ብዕላል ከግልስዎ ህርድግ ይብሉ። ገለ'ውን ድኽመታቶም ብምኽኒት ንምጽጋን፡ "እከለ ተጻቢኡኒ'ምበር. . ." ክብሉ ይውዕሉ።

ክንመልኮ ወይ ከዕግበና ዝኽእል ንጥፈታት ኣብ ከባቢና ከምዘሎ ርግጸኛታት ንኹን'ሞ ካብ ሕጂ ጀሚርና ንፈትሾ - ንፈትኖ ድማ። ኣብ ከባቢና እንተንፍትሾ፡ ካብ'ቶም ፈቲናም ዝፈሸሉ እቶም ከይፈተኑ ብዘይዝኾኑ ክእለት ዝነበሩ ይበዝሑ። ገለ ድማ ብኣንጻሩ፡ ኣበየናይ ዕዮ ተድምዕ ከየስተብሃሉ ኣብ ዘይናኖም ጦምጦላሕ ይብሉ'ሞ፡ ማይ ዓሚኾም ምስተረፉ "ኣይከኣሉን'ዩ ምስኪናይ፡ እምበር ጻዕራም እዩ" እናተባህሉ ይነብሩ። ከምዚኦም ዓይነት ሰባት፡ ንገለኡ ሞያታት ክመልክዎ ምስቀረቡ'የም ሰኣን ዓቕሊ ወይ ዓቕሞም ምግምጋም ጠንጢኖሞ ናብ ካልእ ሞያ ዝወፍሩ። ኣብኡ'ውን ብዘይመሳሰሊ ምኽንያት ክቖሙ ስለዘይክእሉ ክጽዕሩን ክፈሽሉን ይነብሩ።

ንፈትን - ግን ከኣ ብዘውሪ ዘይኮነስ ብኣስተብህሎ!

ዳየሪ

# ናይ ህይወት ህያብ

ሳዋ፡ ሚያዝያ 2002

ኣብዛ መዓልቲ ተረኛ'የ ነይረ። ብንግሆኡ ድሕሪ ቍርሲ እቲ ልሙድ ኣሰቤዛን ቀንጠመንጢን ናይቲ ድኳን ካብ ኣብርሃም ተረኪበ ክሸቅጥ ወዓልኩ። ፋዱስ ዓጺና ተመሲሕና። ናይ ድሕሪ ቀትሪ ሰዓት ኣርባዕተ ኢና ንኸፍት። ኣብዚ ሰዓት ዝበዝሐ ሰብ ይድቅስ፣ ኣነን ከምዚ ከማይን ከኣ ባዕላትና ቡን ቁሊና ቡና ንሰቲ። ኣብዛ መዓልቲ ግን ናብ ቡን ዝተማህ ስለ ዘይነበረ መመደቂስና ሓዚና። ብቐደመይ ቀትሪ ካብ ክድቅሰሉ ከንብበሉ ስለ ዝመርጽ ዝነበርኩ ድቃስ ኣይመጽኣንን። እኳ ደኣ ቀጨውጨው በለኒ። ኣደይ፣ ኣሕዋተይ - ብፍላይ ቀንዴል ሓብተይ፣ እታ ብሰንኪ ፍርሓይ ፍቕረይ ቡቲኸ ዝገደፍኩዋ ዒቶ ኣፍቃሪተይ፣ በዚ ዓይነይ እናተመላለሱ ዕረፍቲ ከልኡኒ ናፈቕኩዎም። ኣዒንተይ ንብዓት ቍጽርጽር ምስ በላ፣ ሓደ'ኳ ክዕዘበኒ ኣይደለኹን፣ መፋትሒይ ሐዘ ናብ ድኳን ከድኩ። ድኳን ከፊተ ሰድያ ኣብቲ ጽላል ገይሩ ዝነበረ ኣፍደገ ኣውጺአ ኮፍ በልኩ። ወርሒ ሚያዝያ ናብቲ ዝበርተዐ ናይ ሃሩር ወቕቲና ተሰጋግር ብምኳና ብዓቕማ ጸላዕላዕ ተብለና ነበረት። ወርሓት ታሕሳስ፣ ጥሪ፣ ለካቲትን መጋቢትን እቲ ዝጠዓመ ወቕቲ'ዩ። ዛሕሊ ስለ ዘኸውን ጥራይ ዘይኮነ፣ ዝበዝሐ ኣሰቤዛን ፍሩታን ኣብዚ ወቕቲ ብፍላይ ለካቲትን መጋቢትን ኢና እንረክብ፣ ንሕና ንባዕልና ድማ ቡተን ዘሎዋና ናይ ጁባ ንቀዛዝየሉ ነበርና። ጸሓይ በርቲዓ፣ ጸቕጢ ሓፍሉ ብምንባሩ እቶም ዝያዳ ዝቐርቦም ደቂ-ኣሃዱይ ቡቡሓደ ማልያኦም ኣብ ዝባኖም ሰቒሎም መጺኦም ምሳይ ኮፍ በሉ።

ኤዛና (ኣምቸ) ከም ኣመሉ ዘረባ ጀመረ። ፍርቁ ህዩ፣ ፍርቁ ሓቂ ብምኳኑ ብምሉእ ልቢና ካብ ዘይንሰምዖ ነዊሕ ኢና ገይርና። ኤዛና ዳርጋ ብዕላሉ ንኸሉ ናይ ህይወት ነገር ዝፈተኖ'ዩ ዝመስል። ኣብ ኩሉ ኢዱ የእቱ። ኩዕሶ-እግሪ እንተ ተጻወትና ወናም ይመስል፣ ኩዕሶ-መርበብ እንተ ተጻወትና፣ ቴብል ተንስ፣ ቢልያርዶ፣ ቸዝ፣ ዳማ፣ ካርታ፣ … ኣብ ኩሉ። ኣነ ግን ይጸልኦ ኣይነበርኩን፣ ካብቲ ብሓሳበይ ዝጭነቐን ዝናፍቐን ጸቡቕ ገይሩ የናግፈኒ ስለ ዝነበረ። ኣርባዕተና መቸም ኮቲ ማጢጉ ዝነበረ ማንገስ ካብ ፍርጅ እናኣውጸእና ንበልዖ ነበርና።

ኣሃዱና ማእከላይ ድኳን ይብሃል። ኣብ ሳዋ ድኳን ክህሉ ዘይጽበዮ ሰብ ኣይሰኣንን። ኣብ ኩለን ክ/ሰራዊታት ድኳን እኳ እንተ'ለዋ'ንሕና ዝነበርናዮ ድኳን ግን እተፈልየ እዩ። እቲ ኩሉ እተን ካልኦት ድኳናት ዝሕዝኦ ዓይነታት ብጅምላ ክሸጦ እንከሎ፣ ንባዕሉ ግን ኣሕምልቲን ፍረታትን ብጅምላን ብሸርሻርን ይሸይጥ። ኣሃዱና ኣብ ከባቢ እንዳ ኑዳዲ ዝርከብ ሃንገራት (እንዳ ሓምሻይ ቡቲ ግዜ) ኣብ ቅድሚት ይርከብ። መቸም ዙርና፣ 15 ዙርያ፣ ብዘይካ ውሑዳት ናብ ሓይሊ ኣየር እተመደቡ - ንሳቶም'ውን ብምርጫኦም - ኩሉና ኣብ ሳዋን ኣፍሂምቦልን ኢና ተመዲብና። ሳዋ የእኪላ ምስኣ ሒዛትና። ዳርጋ ኣብ ኩለን ኣሃዱታት ሳዋ ኸኣ ተዘርጊሕና፣ ፍሉያት ከኣ ነበርና። ቅድሚና ዝነበረ ዙራት ምስ ኩነታት ወራር ወያነ ብዙሕ ገልጠምጠም ዝረኣየ ብምንባሩ፣ ድሕሪ ታሸዓይ ዙርያ ረጊእና እተዓለምና ንሕና ነበርና። ዝበዛሕና ንኣሸቱ ገጽና ብልምጺ፣ ጥቦት ነበርና፣ ኣዋልድና'ሞ ንሳዋ ገኑት ኣምሲለናኣ ነበራ።

ምሳይ ናብዛ ኣሃዱ እተመደቡ ዕስራ ዝኾኑ ደቂ ዙረይ፣ ኣብ ተመሳሳሊ ዕድመ ኢና። ኣቐዲሞም ኣብቲ ኣሃዱ ዝጸንሑና ኣባላት ብሰላትን ዓበይቲ ሰባትን ነበሩ። ንሳቶም ህዱኣት፣ እቲ ኣሃዱ'ውን ህዱእ ነበረ። ንሕና ኸኣ ሓዊ ኢና፣ እቲ ኣሃዱ ኸኣ ሓዊ ኾነ። ኣበየ ኣሃዱ እናዘርና ሌላና ኣዕቢና ኢና። ኣብ ገለኡ ኣሃዱ መተዓልምቲና፣ ኣብ ገለኡ መማህርቲና፣ እናበልና ንበጻጺሕ'ሞ ብእኡ ኣቢልና ብዙሕ ሰብ ፈሊጥና። ዝበዝሐ ዕላልና ናይ ነገር ንእሰነት፣ ኣብ ቸንትራለ ዘላ እኪሊት፣ ኣብ እንዳ ክፍሊ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘላ፣ ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ዘላ፣ እንዳ ቋንቋ ዘላ፣ ምስ ጥሊያን ዘላ፣ ክሊብ ዘላ፣ እንዳ ጉስጓስ ዘላ… እናበልና ከነውዳድር ኢና ንውዕል። ሰሕት ኢልና ኸኣ እንተ ሰለጠና ክንድውር ንኸይድ። ብእኡ ኣቢልናስ ብፍላይ እቶም ኣብ ክፍሊታት ዝነበርና ጸቡቕ ገይርና ተፋሊጥና።

ባህሪ ኣሃዱና ናይ ሸቐጥ ባህሪ'ዩ ዘሎዎ። ኩሉ ምስ ሸቐጥን ሕሳባትን'ዩ ዝተሓላለዀ። እቶም ኣብ ድኳን እንውዕል ቡብእብረ ኢና እንኣቱ። ሰንበት እቲ ዝዓመረ ሰብ ዕልቕልቕ ዝበሎ ዕዳጋና ነበረ። ቀዳም ከኣ ኣሰቤዛ ተቐቢልና ንሰንበት ድልው ክንገብር'ያ መሬት ትዓርበና። ዝበዝሓ ኣሃዱታት ንመማቕርቲ ዝዕድግኦ ኣሰቤዛ ሰንበት'ዩ። ንዓና ዝበርትዐ ንኸሉትና ዝጸምድ ስራሕ ሸዑ'ዩ። ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ግን ቡብመዓልቲና እናኣተና ንሰርሕ ነበርና። ዘስሕቕ፣ ዘደንቕ፣ ዘገርም፣ ዘሕሱብ፣ ዘናፍቕ ኣጋጣሚታት ኣብ ሃዱና መሊኡ'ዩ። ዘይርስዖንን ምስ ህይወተይ ዝተኣሳሰራ መዓልታት ብዙሓት እየን። ናይ ሎሚ ሓሙስ ቀትሪ ኸኣ ሓንቲ ካብኣን'ያ።

ኤዛና ትም ኢሉ ዓጀው እናበለ፣ ብፊትና፣ ብማእከል እንዳ ምውፋር፣ ሓንቲ ጓል ክትመጽእ ኣስተውዓልኩ። ደዘርት ሚሊታሪ ናይ ታሕቲ፣ ቀያሕ ማልያ ኸኣ ናይ ላዕሊ መሊሳ፣ ጽላላ ሒዛ ትመጽእ ነበረት። ኣትኩረ ጠመትኩ። ኣንፈታ ትኽ ኢሉ ናባና ይመስል። ቀያሕ'ያ ኸኣ። ኣብ ሳዋ ሰኑይ፣ ሰሉስን ረቡዕን ቀጠልያ ሚሊታሪ፣ ዝተረፉ መዓልታት ክሳዕ ቀዳም ድማ ደዘርት ኢና እንኸደን። ከምዚ ናይዛ ጓል ፍርቂ ሚሊታሪ ፍርቂ ሰቪል ግን ኣብ ውሽጢ ኣሃዱና እንተ ዘይኮይኑ ከምኡ ኢልና ክንወጽእ ኣይፍቀደልን ነበረ። ሓቃ'ያ ምኳን ገና ሰዓት ሰለስተ'ዩ ነይሩ። ኣብ ግዜ ዕረፍቲን ሰንበትን ሲቪል ኢና እንኸደን። እናቐረበት ምስ መጸኣት ጽብቕቲ ጓል ምኳና ካብ ኣራግጻኣን ተኸሊ ሰውነታን ተገንዘብኩ። በዚ ዋርዋር ዝበል ጸሓይ ከምዚኣ ዓይነት ጓል፣ ጓል-ሕድርቲና ክትከውን ኣለዋ ኢለ ሓሰብኩ። "በዚ ፊትና ደኣ እንታይ ትርእዩ

ኣለኹም?" በልኩምም ብጹተይ ኣብ ምብላዕ ማንኩስ ኣትኪሎም ስለ ዝበኩ፡፡ብሓንሳብ ጠሚተ፡፡ ልክዕ ከምቲ ኣነ እተገረምኩዎ ተገሪሞም ጠሚቱዋ፡፡ ኣይተጋገኹን ብጋህዲ ትንቀሳቐስ ዘላ'ያ ህያው'ያ፡፡ ብማዕዶ ከልልያ እንተ በልና ምፍላጥ ስኣንናያ፡፡ ንእሽተይ ብምዃና ግድን ጓል-ዙርና ክትከውን ነይሩዋ፡፡ ንሽለን ከኣ ሽሚዲድናየን ኢና፡፡ ዋላ ብቐርጸን ቁመተን ሕብረንን ኣካይዳአንን፡እዚአ ግን ምስጢር ኩነትና፡፡ ኣብ ማእከል ዓቢ ቀላይ ተንሳፍፍ ዘላ ማይ-ደርሆ እንክትመስል፡ ኣብዚ ጉልጉል በይና'ያ ትሰጉም ዘላ፡፡ ከምዚ ዝበለ ትርኢት ክርኢ ምኽኣለይ ተሓጎስኩ፡፡ ኣቡቲ ዘይፍቶ ተፈጥሮ፡ ዝፍቶ ትዕዙብቲ ረኺቡ፡ ብልቢ'የ ዓጊቡ፡ እታ ህሞት ክሳዕ ጸሓይ ናብ ምስታኹ ገጻ እተብል ከምኡ ኢሉ ክደርቀለይ ኣይጸላእኩን፡፡

እተን ንዓአ ክመስላ ዝኽእላ ኣዋልድ "እከሊት ድያ?" "ኣይኮነትን፣ እከሊት ድኣ ከምዚ እንድያ" እናበልና መንነታ ዘዘመሳሰልናያ እናፍረስና ምስጢር ኩነትና፡፡ ክንዲ'ዚ ዝጽባቐአ ጓል ኣብ ሳዋን ከባቢኣን ከም ዘላ ከይፈልጥና ከመይ ኢልና ክንጸንሕ ንኽእል? ዘይሕሱብ'ዩ፡፡

እዚታት ክንሓሱብ እዛ ጓል ጽርግያ ክትሰግር ጀመረት፡፡ ኤዛና "ሙሴ ዓርከይ ባዕለይ ክሰምዓ'የ፡" ብምባል መልሰይ ከይተጸበየ ናብ ውሽጢ ድኳን ተበገሰ፡፡ ብሕጊ ኣሃዱና ብዘይካ ተረኛ ካልእ ንውሽጢ ባንኮ ክኣቱ ኣይፍቀደን ነበረ፡፡ "ከም ዘይፍቀድ እናፈለጥካ?" በልኩዎ፡፡ ብጹተይ'ውን ምሳይ ነበሩ፡፡

"ኣንታ'ሞ ንሽኻ እንታይ ክትብላ? ባዕለይ ከዛርባ'የ፡፡ እንተ-ወ-ሓደ ስማ፡ ኣሃዱኣን ተለፎኖምን ክሕዝ'የ፣ያ ንሽኻ ክትዝሕላ ኢኻ፡፡ እዚአ ትመስል ዑፍ ኮሎምቦ ከይተሳለና ክትሰኣ?" ኢሉ ተረበጸ'ሞ ኢደይ ጸግ ብምባል ፈቐድኩሉ፡፡ ብዘይ ልቡ ኑቲ ባንኮ ዘሊሉ ውሽጢ ኣተወ፡፡ ንሕና ኸኣ ኣብታ ዝበርናያ ኳንና ኣብ ጫፍ ጽላል ክሳብ ጫፍ እግራ ንጥምታ ነበርና፡፡ ንጥምታ ከም ዘለና ምስ ኣስተውዓለትክትዝሕልን ክትደንን ፈተነት፡፡ ኣበይ ከም ዘላ ሃንደበት ከም ዝተረድኣ ክትመስል፡ ቅንዕ ኢላ ናባና ጠሚታ፡፡ ኣነ ከየስከፋ ብምባል ገጸይ ናብ ካልእ መለስኩ፡፡ ብኣሳጉማ ሰገን ተረጋጊኣ ኣባና በጽሐት'ሞ፡ "ከመይ ውዒልኩም?" በለትና፡፡ ኣይተፈለጠናን ትም ኢልና ድሕሪ ምጽናሕ፡ ንሓድሕድና ተጠማሚትና፣ ገለና 'ሰላም'፡ ገለና 'ቤላ'፡ ገለና ድማ ፍዝዝ ኢልና ጠሚትናያ፡፡ ክትኣቱ እንከላ ናይ ኣርባዕተና ክሳድ ደድሕሬኣ ተወርወረ፡፡ ብድድ ብድድ ኢልና ናብ ማዕጾ ብምጽጋዕ ኤዛና እንታይ ከም ዝገብር ክንሰምዕን ክንርኢን ጀመርና፡፡ ቀዲማ "ሰላም ከመይ ትውዕል?" በለቶ፡፡ ፍሽኽታኣ ምሉእ እዩ፡፡ ምሉእ ጽባቐ ተዋሂባስ ምሉእ ፍሽኽታ ኸኣ ትህብ፡፡ ከመይ ዝበሉዋ'ያ!?

"መስገኖ፣ ከመይ ትውዕሊ? እንታይ ክሰምዓኪ?"

"እ ... ብርጭቆ ኣሎ ዶ ቅድም?"

"እወ፡፡" ብርእሰ-ምትእምማን መለሰላ፡፡ ኣብ ፍርጅ ኣነ እተረኽበኩዋ ሓንቲ ብርጭቆ'ያ ዘላ፡፡ ካብ ከባቢ ክልተ ኪሎ ትኸውን፡፡ ኣምቸ ተኣማሚኑ ፍርጅ ብምኽፋት ጠሚተ፡፡ ደረቐ፡፡ ሓንቲ ምህላው'ውን ከም ዘመስገኖ ካብ ኣተናፍሳኡ ተረዳእኩዎ፡፡ ነታ ብርጭቆ ኣውጺኡ መዘና፣ 2.3 ኪሎ ነበረት፡፡

"እውይ እዚኣ ደኣ ንኢሳ፡ እንታይ ክትከውን? ዕቢይ ዝበለት'ባ ረኣየለይ?" ዘሰንበድ ሕቶ'ዩ፡፡ ንሓድሕድና ተጠማመትና፡፡ 'ንሳ ጥራይ'ያ ዘላ፡' ክንብላ እናተጸበና፡ ካብ ሚዛን ኣልዒሉ ናብ ፍርጅ መለሳ፡፡ ዝፍትሸ ዘሎ እንክመስል ሓኾትኩት ኢሉ፣ እንደገና ኣልዒሉ ናብ ሚዛን ሰቐላ'ሞ፡ "2.5 ኪሎ'ያ፣ እታ ዝዓበየት እዚኣ'ያ፡" በላ፡፡ ንሕና ሰሓቕ ክመልቀና ደለየ፡፡ እናገረመና እንታይ ከም ትብሎ ተጸበና፡፡ ሓቂ'ዩ፣ ኣነ ነይረ እንተ ዝኸውን ቀልቀል ዝኣፉ 'ሓንቲ'ያ ዘላ፡' ኢለ ምመለስኩዋ ነይረ፡፡ ጓሊያት ግን ... "እዋይ ... ኣነስ ዓቢይቲ'የ ደልየ ነይረ፡፡ በል ድሓን ክልተኣን ሃበኒ፡" ኢላቶ ሰልዳ ናብ ምፍላይ ኣተወት፡፡ ኤዛና ሓንሳእ ናብታ ፍርጅ ሓንሳእ ናብታ ጓል ምጥማት ጥራይ ኮነ፡፡ ዓቕሉ ኣጽበበ፣ ዝገብሮ ጠፊኡዎ ዕንድ በለ፡፡ ንሕና'ሞ ኣኽንዲኡ ሓፈርና፡፡

"ሙሴ ... ሙሴ ...፡" ብምባል ሃንደበትሰመይ ጸወዐ፡፡ ወያ ጓል ምንቅስቓሳ ደው ብምባል ፍሽኽ በለት፡፡ 'ዋይገጢማኑ'ያ ፍሽኽ ኢላ፡፡ ወይ ከኣ ክረኽበላ ምኽኣኑ ተስፋ ገይራ ክትከውን ኣለዋ' በልኩ ብውሽጠይ፡፡ ምሉእ ኑብሰይ ኣቓልቅል ኣቢለ "ኣቤት" በልኩዎ፡፡ ብጹተይ ከኣ መእተዊ ረኺቦም ምሳይ ኣተዉ፡፡ ኣነ ናብ ኤዛና፡ ንሳቶም ከኣ ናብታ ጓል፡፡

"እዛ ሓብተይ ብርጭቆ ደልያ'ሞ፡ እዚ ኣብዚ ዘሎ ኸእ ንኢሱዋ፡፡ ዕቢይ ዝበሉ የብልናን?" ሓተተኒ ርድኣኒ ብዘስምዕ ኣጠማምታ፡፡ብምንታይ'የ'ሞ ክረድኦ፡፡ ሓደ ዝኣፋ፡ 'ንሱ ኣይሸየጥን እዩ' ክብሎ ጥራይ'ዩ ዘሎኒ፡፡ ጓል ጸጺሒ ፍሽኽ ኢላ ትጥምተኒ ነበረት፡፡

"ኖኖ ንሱ ደኣ ዘይሽየጥ፡፡ ብርጭቆ ወዲእና ኢና፡" ኢለ ካብ ኣፈይ ምስ ኣውጻእኩ፡ እታ ትማሊ ከዕሶ ምስ ሰዓርና ኣብ ናይ ምግዙብናና ፍርጅ ዘቐመጥናያ ዓባይ ብርጭቆ ትዝ በለትኒ፡፡ ጀምዓ ዝበሉ ይብሉ ብጥርሑ ክህባ ወሰንኩ፡፡ ብጥርሑ ኸኣ ኣይኮነን፣ ኣቢ ዝመስል ጽባቐ ኣብዚ ስልቹው መዓልቲ ክርኢ ምኽኣለይሲ ዋጋኡዶ ቀሊል'ዩ፡፡ ኣረ እቲ ምስሊ ንምሉእ ቅነ ምሳይዶ ኣይኮነን ክቕጽን ከቃንዩኒን?፡፡ "ግን ..." ብምባል ተስፋኣ መለስኩዎ'ሞ፡ "... ንሽኺ ትመስሊ በዚ ጸሓይ'ዚ መጺእኪዶ ጥራይ ኢድኪ ክንሰደኪ ኢልና፡፡ ኣብ ምግዙብና ዘቐመጥኩዋ ኣላ፣ ንዕናይ ክህበኪ፡" ብምባል መራሓ ክትወጽእ ብኢደይ ኣመልከትኩላ፡፡ ኤዛና ሞራሉ ተመለሰ፡፡ "ኣይትሓዝለይ መን'ዩ'ሞ ስምኪ?" ሓተታ፡፡

"ሰማዕንዶ ... ክንደይ ደኣ ተዋሰእካ ክትክእሎ ኢኻ?" ንዘረባ ኤዛና ዕሸሽ ኢላ ናባይ እናጠመተት ሓተተኒ፡፡ ከም እተደናገርኩ ቀልጢፋ ግዲ ኣስተውዒላ፡ "ምሉእ ተስፋይ ዶ ኣይኮንካን?" ምሉእ ስመይ ዘርዘረቶ፡፡ ሰንበደ፡፡ እቲ ሕቶ ናባይ እንከሎ፡ ካብ ገጽ ብጹተይ ክምለስ ግዲ ደልየ ቡቡሓደ ኣፍጠጠ ጠሚትኩዎም፡፡ ለካ ዓንተወይ ምስ ጸወዓኒ ፍሽኽ ዝበለቶስ ስመይ መረጋገጺ ስለ ዝረኸበትሉ'ያ፡፡

"ኣይፈለጥኩኽን ደየ ኣይዘከርኩኽን እንድዒ?" በልኩዋ እናተደናገርኩ፡፡

"እዋይ ሓወይ! ጸሓይ ሳዋዶ ደኣ ኣረሳሺባትልካ ኩይና? በል ቅድም ብርጭቆይ ኣረክበኒ'ሞ ሸዑ ክነግረካ'የ፡" ብምባል መራሓትኒ ወጽአት፡፡ ሰዒበኩዋ፡፡ የማናይ ኢዳ ኣብ ጸጋማይ ቀልጽመይ ብምሓዝ ክትሰጉም ጀመረት፡፡ ልበይ ፈግ በለትኒ፡፡ "ብሓቂ ዲኻ ዘይዘከርካኒ?" ሕቶኣ ከይመለስኩ ናብ ብጹተይ ቀሊሕ በልኩ፡፡ ገሊኦም ርእሶም ሐዞም ይጥምቱኒ፡ ገሊኦም ዓባይ ዓባይቶኦም የውጽኡለይ ነበሩ፡፡ በዛ መዓልቲ ድማ ዝዓበየ ህያብ ካብ ሳዋ ተቐበልኩ፡፡

ምሉእ ተስፋይ

# ሃብሮም

# “ብውልቀ፡ ራህያ ኣይኮነን ዲጋ’ውን ክሰራሕ ይከኣል’ዩ!”

## ብንያም ዑቕቡ

ተስፋኣለም ገብረስላሴ (ጫረ)



“ሰብዮን ክልተን ሽሕ ሜተር ክዩብ እትሕዝ ራህያ እየ ሰሪሐ፡፡ ማይ ኣዋህሊሉ፡፡ ብድሕሪ’ዚ ሽሕን ሽዱሽተ ሚእትን ጉዳጉዲ ከዒተ ንገረብ ፍረታት ድሉዉ ገይረ፡፡ ክብደስ ከለኹ ኣብይ ከም ዝበጽሕ ዕላማ ኔሩኒ፡፡ ክዕወት ከኣ እየ” እዚ ቃል ምሉእ ርእሰ ተኣማንነቱ እዩ ዘንጸባርቐ፡፡ ብልሳን ዚዩካ ብዮዙበሪ ከም ዝትርገሞ የረጋግጽ፡፡ ኑቲ ቦታን ኑቲ ስራሕን ምስ እትጥምቶ ግን ብዓቕሚ ውልቀ ሰብ እሞ ድማ መንእሰይ ጥራይ ክሰራሕ ይኽእል ድዩ? ዝብል ሕቶ ተስዕቡ፡፡ ትጠራጠር፡፡ ተደራቢ ሕቶ ከተስዕብ ትግደድ፡፡

“ባዕልኻ ኣሰሪሕካዮ?” ናይ ኣደናቓት ቓላት ሓቲተዮ፡፡ ትኩር ኢሉ ጠሚቱ፡፡ ቁላሒታ ዓይኑ፡ መን ድኣ ዝብል መልሲ ነበሮ፡፡ ዕትብት ገጹ ጻዕሪ ሓርነትኮት ተስፉን እምነትን ኢዩ ዝነበቦ፡፡ ናይ ጽዓት ሰብ ምኳኑ እቲ ተረር ሰበሩቱ ይምስክር፡፡

“ሓቅኻ ኢኻ ብውልቁ ሰሪሕዎ ኢልካ ክትኣምን ኣይትኽእልን ትኸውን እቲ ሓቂ ግን ንሱ ኢዩ” ቃና ጃህራ ከየስምዕ ተጠንቀቐ፡፡ ኑቲ ራህያን ዒላን ብዙርያ ጠሚተዮ፡፡ ንምርግጋጽ ናይ ዓይኒ ኮሉላ ማሰሉ፡፡

“ሓጦን እንተሎ፡ ክሰርሕ እየ ንዝብል መንፈስ ዝኽልክሎ ሓይሊ የለን” ወሰኸ ኣቶ ኢያሱ ኣሰፋው ወድ መታብርዎ፡፡ ኣብቲ እዋን ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኢዩ ኔሩ፡፡ ኣቓዲሙ ሓበሬታኡ ዝሃበና’ውን ንሱ ኢዩ፡፡ ምህናጽ እታ ራህያ ኑቲ ከባቢ ብሉጽ ህያብ ኢዩ፡፡ ከባቢ ብትሕተ ባይታዊ ማይ ሃብቲሙ ኣሎ፡፡ ኑትዒን ሺያኸን ኑቲ ቦታ ናብ ልሙዕ ትርኢት ቀይሩዎ፡፡ መብዛሕቲ ሓሳብት፡ ኣብ ስራሕ ዝነበረ ማስርሓት ዛጊት ተረኺቡ ዘሎ ፍረ ጻዕሪ ሓበሬታ ንምእካብ መሰረታዊ ሕቶ ወሲኸዮ፡፡

“ራህያ ክትሰርሕ እንታይ ኣጠሪስካ? ወይ እንታይ ኢዩ ደሪኽኻ?” ዝቐደመ ከይመለሰ ሕቶ ወሲኸዮ፡፡ “ስራሕ!” በሉኒ፡ ሓረስታይ ብንያም ዑቕቡ፡ ብሓጺር ግን ከኣ ብተመጣጥን ተተንታኒን ሓሳብት፡፡

“ዲጋታትን ራህያትን ይሰርሓ ኣለዋ፡፡ ኣብ ከምዚ ዓዲ ዲጋ ተመሪቓ፡፡ ትሕቲ ዲጋ ዝርከብ ምህርቲ ጀራዲን ይዓብይ ኣሎ ዝብል ዜና ብተደጋጋሚ ይሰምዕ ኔረ፡፡ ናብ ሕርሻ ተጸምበረ ስለ ዝነበርኩ ኣነ’ውን ኣብዚኣ ሓንቲ ራህያ ክሰርሕ ኣሎኒ ኢለ፡፡ ተበጊሰ፡፡ ግን” ኢሉ ሰቐ በለ፡፡

“ግን እሞ እንታይ” ቀጻል ዝዓይኑቱ ምልክት ሃቢኩዎ፡፡

“ትኽእል ዲኻ ዝብሉ ሰባት መጺኦም፡፡ ክኽእሎ ደየ ኣይክእሎን ካልእ ሕቶ ኢዩ ምብጋስ ግን ክተርፍ የብሉን፡፡ ኣብ ካልእ ካብ ተሰርሐ ኣብዚ ዘይህሰሉ ምኽንያት የለን ኢለ እየ ኑቲ ሓሳብ ኣጠሪሰዮ” ንንቕሎኡ ብውሑድ ቓላት ማስከረ፡፡ “ እምነት ካብ ሓሳብ ናብ ከም ዝደፍእ ይገልጽ፡፡

ሓደ ሰብ ዝሰርሖ ካልኦት ክደግምዎ እምብዛ ዘጸግም





ኣይተሻን። ሓይሊ ኣእምሮ ወድ ሰብ ንተፈጥሮ ቀዲሑ ብናይ ምብልሓት ዓቕሙ፣ ረቂቕን ተዓጻጻፍን ወጽኢት ክፈጥር ኣይሸገርን። እቲ ቀንዲ ዘድልዮ ፍጹም ድሌት ኢዩ። እቲ ክኣብ እዚ እዋን ኣብ መመድረኹ ብሓበን ዝግለጽ ምህዞታት፡ ኑቲ ናይ ምሕሳብን ምትግባርን ዓቕሚ ወድ ሰብ ዘለኦር ኢዩ። ስለዝኾነ ከኣ፡ ንግሆን ምሸትን ኣገረምትን ድንቅን ስራሓት ንዕዙቡ። እቶም ብሓያል ጻዕርን ሓርኮትኮትን ዝተፈላለየ ስራሕ ዝፍጽሙ ሰባት፡ ቅድም ንገዛእ ርእሶም መንፈሶም ኢዮም ዘዕገቡ፡ ካብኡ ሓሊፎም ንክብበኦምን ሃገሮምን ከም ኣርማ ሓበን ኮይኖም እወታዊ ጽልዋ ይፈጥሩ። ምስ ሕርሻ ዝተኣሳሰር ሓያለ ዜጋታት ናይ ጸቡቕ ብሉጽ ኣብነት ክኾኑ ምርኣይ ሓድሽ ኣይኮነን። ብንያም ዕቑቡ ሓደ ካብ ኣብነታውያን መንእሰያት ሓረስቶት ክስመ በቒዑ።

ካብ መንደፈራ ክልተ ከሎሜተር ተፈንቲታ ኣብ እትርከብ ዓዲ ብላይ፡ ቦዱ ንዝነበረ መሬት ናብ ቦታ ሕርሻ ቀይሩ፡ ናይ ሓሙሽተ ሄክታር መሬት ጀርዲን ኣደልዲሉ፡ ኣብ ዓመት ብዘይዕረፍቲ ሰለስተ ቀውዒ ክሓፍስ ክኢሉ ኣሎ። ኣብ ርእሲ እዚ፡ ንሓያሎ ደቂ እቲ ዓዲ መኣዲ ስራሕ ፈጢሩ ኣሰሩ ንክኽተሉ እወታዊ ጽልዋ ፈጢሩ ደርኩቡ።

“ኣነ ኣብ ንግዲ ድኣ እምበር ተመክሮ ጀርዲን ኣይነበረንን። ግን ኣብ ጎልጆ ምስ ወረደኩ ናይ ሕርሻ መንቋሕቛሕታ ረኺቡ። ብድሕርዚ ናብዚ መጺአ ስራሕ ጀሚረ” ይብል፡ መንእሰይ ብንያም። ንሱ ወዲ 41 ዓመት ኢዩ። ብ1977 ኣብ መንደፈራ ተወሊዱ ኣብ መንደፈራ ዓብዩ፡ ኣብኡ’ውን ተማሂሩ። ስድራቤቱ ናይ ንግዲ ተመክሮ ስለ ዝነበሮም ንሱ ብህጻኑ ምስ ንግዲ ተላልዩ። ጎድኒ ጎድኒ ኣካዳሚያዊ ትምህርቱ ኑቲ ሞያ ንግዲ መሊኹዎ።

ብንያም ዐቕቡ፡ ኣባል ሓምሻይ ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኢዩ። ኣብ ሳዋ ግቡእ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ታዕሊም ድሕሪ ምምዛዙ፡ ናብ መካናይዝድ ኣሃዱ ኢዩ ተመዲቡ። ኣብቲ ኣሃዱ ከም ኣባል መካናይዝድ ኣሃዱ ብምኳን ኣገልግሎቱ እኳ ዛዚሙ እንተነበረ፡ ምስ ምጅማር ወራር ወያነ ኣብ ክተት ቀጺሉ።

“ከም ኣባል መካናይዝድ ኣሃዱ ኮይነ እየ ቀጺለ” ናይ ሓባር ህይወት መንእሰይ ብምጥቃስ። ኣብቲ ኣሃዱ’ውን ሰለስተ ወራራት ኣሕሊፉ። በብግዚኡ ናይ ኣጽዋርን ካልእን ወተሃደራዊ ስልጠናታት ኣብ ዝወሰደሉ ምስትጉን ምንባሩ ብዓብኡ ምስ ኣባላቱን ሓላፍቱን ጸቡቕ ምርድዳእ ከም ዝነበሮ መሳርሕቱ ይሕብሩ። ከም ኩሉ እቲ ኣብ ዘይሓሰቦ መጠነ ሰፊሕ ወራር ወያነ ዝተሳተፈ መንእሰይ ሳዋ፡ እጃሙ ኣበርኪቱ። ኣብ ኣሃዱኡ ብቅልጣፌኡን ተገዳስነቱን ብዓብኡ ብዝነበሮ ትግሃት ስራሕ ይፍለጥ። ኣብ 2002 ብምኽንያት ጥዕና ካብ ሰራዊት ተፋንዩ። ናብ መንደፈራ ተመሊሱ ናብቲ ዘዕበዮ ንግዲ ተመሊሱ። ኣብ ናይ ወለዱ ድኳን ስራሕ ቀጺሉ።

“ካብ ንግዲ ናውቲ ህንጻ ናብ ንግዲ መካይን ሰጊረ። እቲ ስራሕ ጸቡቕ ኢዩ ግን ብዙሕ ድኻም ኔሩዎ። ናይ እምነት ስራሕ ኢዩ። ገንዘብ ዘደናግሩኻ ኣለዉ። ክገርመካ” ኢሉ ፍሽኽ በለ። እቲ ወዘቢ ብምዝዛር።

“ሓደ ሰብ ገንዘብ ምኽፋል ኣብዩኒ። ናይ ብሓቂ ድማ ተሸጊሩ ኔሩ። ኣብ መወዳእታ ምስዛ ትራክተር ነወራርዳ ኢሉኒ። ኣመሪጺ ኣይነበረን ተቐቢለዮ። ብዘይተሓሰበ ትራክተር ክገዝእ ተገዲደ። እታ ትራክተር ናብ ጎልጆ ወሪዳ ብሰዓት ኩንትራት ክትሰርሕ ጀሚራ።” ይብል እሞ ብንያም ንምኽትታል ናብ ጎልጆ ከይዱ። ህይወት ማሕረስን ሓረስቶታትን ተዓዘቡ። ኣብኡ’ውን ንናይ ስራሕ መንፈሱ ዝድርኽ ምንቅስቓስን ንጥፈታትን ተዓዘቡ።

“ብዕላል ዕላል ኣብዚ ግዳ ዘይትሓርስ” ዝበሎ ሰብ ረኺቡ። ዝካረ መሬት ሕርሻ ከም ዘሎ’ውን ተሓቢሮ። እቶም ኑቲ ሓበሬታ ዝሃብዎ ክኣረይ ኣተኣዙበዕዎ። ተኻርዩ። ሓረሱ ከኣ። ቦታ ሓንቲ ክረምቲ ማእቲ ኩንታል ረኺቡ። ብተመክሮ ምህርቲ ክዕብዩን መሬት ሕርሻ’ውን ክስፋሕን ከም ዝኽእል ኣመነ። ካልኣይ ዓመት’ውን ዘርአ። ምህርቲ ብዝዓጸፈ ረኺቡ። እዚ ኣብ 2014 ዓመተ ምህረት ነበረ።

“ካብ ጎልጆ ናብ መንደፈራ ምስ ተመለስኩ፡ ኑቲ ብሩብ ሻጉ ተዛወርኩ። ሩብ ሻጉ ዓመት ምሉእ ኢዩ ዝውሕዝ። ግን ብሸንኑ ይሃልኽ። ኑቲ ዝውሕዝ ዝነበረ ማይ ተዓዘብዮ። ‘እዚ ዓገትካ ጀርዲን ክሰርሕ ይከኣል ኢዩ’ ዝብል ሓሳብ ኣበገሰ። እቲ ሓሳብ ናብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቕሪበዮ። ኑቲ ሓሳብ ተቐቢሎሞ። ሞያዊ ምኽሪ ሓጊዞሙኒ። ኑቲ ዓዲ ኣፍቂዶ ጀሚረዮ” ካብይ ናብይ ከም ዝተጓዕዘ የዘንትወ።

ብንያም እቲ ሓሳብ ተቐባልነትን ፍቓድን ምስ ረኸበ ናይ ሓደ ከሎሜተር ጽርግያ ሓመድ ጸሪጉ ከባቢ ሓደ ነጥቢ ሓሙሽተ ናቕፋ ብምውጻእ ኢዩ ኑታ ራህያ ሰሪሑዋ። ኣብ ጎድና ዓብይ ዒላ ሃኪጹ። ሓሙሽተ ሄክታር መሬት ተኻርዩ ኣሕምልቲ ኣእካልን ዘሪኡ። ሰለስተ ዓመት ድማ ቐጺሉ። ሓሳቡ ብኢኡ ኣይተሓጽረን።

“ጥቓ እዛ ዲጋ ጎቦ ዘሎ ቀላጥ ኢያ ኔራ። ዝኣ ጎቦ እዚኣ ክየርባ ኣሎኒ። ‘እቲ ገረብ ግን ናይ ፍረታት ገረብ ክኸውን ኣለዎ’ ዝብል ሓሳብ ተኸሲትሉ። በዚ ከኣ ኣሰታት ሽሕን ሽዱሽተ ሚእትን ጎናጉዲ ኣዳልየ ኣለኹ። ኣነ ኣብዛ ስራሕ እዚኣ ግዜ ጉልበት ገንዘበን ኣህሊኸ እየ። እቲ ዕግበት ዝህበኒ ግን፡ ንብዙሓት መንእሰያት ዕድል ስራሕ ፈጢረሎም። ብዓብኡ ከኣ ቅዱስ ቅንኢ ክሓድሮም ክኢሉ። ወጽኢት ሕርሻ ብቐድሚት ኢዩ። ብተሰፋ ክሰርሕ እየ” ይድምድም ዕላሉ።

መንእሰይ ርእሰ ኩናት ምዕባለ ኢዩ። ከም ሳንቃ መርከብ ድማ ንቕድሚት ይውንጨፍ። በዚ ሓዳርን ኣቦ ሓሙሽተ ውሉድን ኣብነታዊ ሓረስታይ ብንያም ዑቕቡ፡ “ ይከኣል ኢዩ” ብዝብል መንፈስ ናብ ዝሰፍሐ ልምዓት ሕርሻ ክበጽሕ ምኳኑ ኣይጠራጠርን። ኣብነት ብዋዕበሪ ኢዩ። ሓሳብ ብጻዕርን ስራሕን ከውን ዝቕየር። “ እወ ብመንእሰይ ክስራሕ ይከኣል ኢዩ!”

# ጨና ኣዳም... ፈውሲ ኣዳም

ኣሚና ኻልድ


ብብዝሒ ኣብ ቀጽርታት ኣባይቲ ይርአ, ብዘይ ዝኾነ ፍሉይ ክንክን ናይ ምብቋል ክእለት ኣለዎ። ኣብ ርእሲቲ ኣብ ምምዕራግ ከባቢ ዝጻወቶ ተራ ኣብ ገለ ገዛውቲ ከም መማቕርቲ'ውን ይጥቀምሉ እዮም። ልዕሊ ኩሉ ግን በቲ ኣፍንጫ ዝሰርስር ብርቱዕ ጨንኡ እዩ ዝፍለጥ፣ ጨና ኣዳም። ጨና ኣዳም ኣዴታትና ከም ፈውሲ ሰዓል'ውን ይጥቀማሉ እየን ከምኡ'ውን ፈውሲ ረስኒ ኣብ ቈልዑ። ረስኒ ዋላ'ኳ ከም ዓቢ ማሕበራዊ ጥዕናዊ ጸገም ዘይግለጽ እንተኾነ፣ ዝፈጥሮ ዘይምቾእነትን ከምኡ'ውን ልዑል ረስኒ ምስ'ቶም ዓብይቲ ጠንቂ ሞት ህጻናት ዝኾኑ ሕማማት ምትሕሓዝ ኣለዎ።

ካብ'ዚ ብምብጋስ እዮም ድማ ተመሃሮ ሓሙሻይ ዓመት ዓውዲ ፋርማሲ ኢብራሂም ሓሰን፣ ጃብር ሳልሕ ከምኡ'ውን ሰሚር ሰዒድ ነዚ ጠቕሚ'ዚ ብሳይንሳዊ መንገዲ ንምርግጋጽ ተበጊሶም። ነዚ ንምኽያድ ድማ ብመጀመርታ እቲ ተኽሊ ካብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዞባ ማእከል ብጥንቃቐ ከም ዝእኩብ ተገይሩ። ቀጺሉ'ውን እቲ ዝግባእ ናይ ምምማይ፣ ምንቃጽ፣ ምጥሓን ከምኡ'ውን ምንፋይ መስርሓት ሓሊፉ። እቲ ኣድላዩ ክፋሉ ንምፍላይ ድማ ኣብ ኢታኖል (ethanol)፣ ክሎሮፎርም (chloroform) ከምኡ'ውን ኢታይል ኣሰተይት (ethyl acetate) ዝተባህሉ ኬሚካላት ዝተፈላለዩ ኣገባባት ምጽማቕ ሓሊፉ፣ ንፈተነ ድሉው ኮነ። ፈተነ ዝካየደለን እንስሳታት'ውን ተዳልየን፣ እቲ ዝድለ ደረጃ ምቐት ኣካላት ማለት ረስኒ ከም ዝህልወን ክግበር ድማ ነይርዎ። ብድሕርዚ እዘን ብቑጽሪ 15 ዝኾና ማናቲለ ኣብ ሓሙሽተ ጉጅለታት ብምምቃል ሰለስቲኦም ኣሕቀቕቲ መምስ ትሕዝቶኦም ብመልክዕ መርፍእ ከም ዝወሃበን ተገብረ። እተን ዝተረፋ ክልተ ድማ ንምንጽጻር ክጥዕም ናጻ ኣሕቃቒ ከምኡ'ውን ፓራሲታሞል ከኒና ፈውሲ ረስኒ ከም ዝወስዳ ተገይሩ። ኣብ ሰሰለስተ ሰዓት ብዝተገብረ ምክትታል ድማ ኢታይል ኣሰተይት ምስ ናይ ፓራሲታሞል ዝዳረግ ውጽኢት ኣርእዩ። ብውሑድ ዓቐን ድማ እቲ ዝድለ ረስኒ ናይ ምጉዳል ተርኡ ክጻወት ክኢሉ።

እዚ ኣብ ምድላው ዝወሓደ መርዛምነት ዘለዎ መድሃኒት ሓደ ስጉሚ ንቕድሚት እዩ። ብዘለዎ ዝዋሓደ ጎድናዊ ሳዕቤን ከምኡውን ልዑል ድሕነት ድማ ብፍላይ ንህጻናት ዝሓሸ ኣማራጺ ፈውሲ ረስኒ ካብ ጨና ኣዳም ክምስራሕ ከም ዝኽእል እዚ ምርምር ከረጋግጽ ክኢሉ ኣሎ።



# ፍረ በለስ ከም ፈውሲ ሪሕ



ፍረ በለስ ኣብ ሃገርና ኣዝዩ ፍቱው ዝኾነ ፍረ እዩ። ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ድማ ብብዝሒ ይርከብ። በለስ ብዘይካ'ቲ ምቁር መግቢ ምዃኑ ካልእ ኣዝዩ ኣገዳሲ ጠቕሚ ክህልዎ ከም ዝኽእል ኣብ ቀረባ ግዜ ዝተገብረ መጽናዕቲ ኣረጋጊጹ። እዚ ኣብ ኮለጅ ስነፍልጠት ጥዕና ዝተገብረ መጽናዕቲ'ዚ ኣብ ርእሲ ቅራፍን ፍረን ናይ በለስ ዝተገብረ ኮይኑ ኣብ ልዕሊ ዩሪክ ኣሲድ (uric acid) ዝተባህለ ሪሕ (gout) ከስዕብ ዝኽእል ከሚካል ዘስዕቦ ጽልዋ ንምርኣይ እዩ ድማ ተገይሩ። ነዚ ንምግባር ድማ መስርሕ ምእካብ ጥንቃቐ ብዝመልኦ ኣገባብ ተኻይዱ። ውሽጣዊ ክፋሉን ቅራፍን ብምፍልላይ ድማ ተሓጺቡ ነቒጹ ተጣሒኑ ከምኡውን ተነፍዩ ንዝስዕቡ መስርሓት ድሉው ኮነ።

መስርሕ ምጽማቕ እቲ ኣገዳሲ ክፋሉ ድማ ብኢታኖል (ethanol) ካብ ቅራፍ፣ በንዚን (benzene) ድማ ካብ ፍረ ከም ኣሕቀቕቲ (solvents) ተጠቒሞም ተመሃሮ ኣዛንያ፣ ሊድያ ከምኡ'ውን ሰሎሞን። ብሮታቫፖር (rota vapor) ከምኡ'ውን ሶክሰለት (soxhlet apparatus) ዝተባህላ መሳርሒታት ብምጥቃም ድማ ብውሕሉል ኣገባብ እቶም ኣሕቀቕቲ ከም ዝእለዩ ተገይሩ። ንፈተነ ድሉው ብምግባር ድማ ኣብ ዝሑል ከምኡ'ውን ማእከላይ ኲነታት ኣየር ከም ዝዕቀብ ተገይሩ። ብምቕጻል መስርሕ ምድላው እተን ፈተነ ዝግበረለን እንስሳታት ጀሚሩ 12 ማናቲለ ድማ ኣብ 4 ጉጅለታት ተኸፍላን 3 ካብዘን ጉጅለታት ድማ ፍሩክቶዝ (fructose) ዝተባህለ ኣብ ሃርሃር ፍረታትን መዓርን ዝርከብ ሽኮር ንሽውዓተ መዓልትታት ብምሃብ ብብዝሒ ዩሪክ ኣሲድ ከም ዘፍርያ ተገይሩ። ብምቕጻል እቶም ኣቐዲሞም ዝተዳለዉ ናሙና ነተን 2 ጉጅለታት ከም ዝወሃበን ተገብረ። ነተን ዝተረፋ ክልተ ድማ ሓደ ጉጅለ ከም መነጻጸሪ እቲ ካልኣይ ድማ ኣሎፑሪኖል (allopurinol) ዝተባህለ ኣቐዲሙ ኣብ ጠቕሚ ዝውዕል ዘሎ መድሃኒት ከም ዝወሃበን ተገብረ። ብምቕጻል ውጽኢት ንምርኣይ ኣብ ዝተገብረ ናይ ደም መርመራ፣ ቅራፍን ፍረን በለስ ምስ ኣሉፕሪኖል ዝመጣጠን ውጽኢት ኣርእዩ። እዚ ድማ ሃብቲ ሃገርና ዝኾነ በለስ ኣብ ቦታ እቲ ንምምስርሑ ብዙሕ ወጻኢታት ዝሓትት ከምኡ'ውን ዝተፈላለዩ ጎድናዊ ሳዕቤናት ከምጽእ ዝኽእል መድሃኒት ብምዃን እቲ ዝድለ ጽልዋ ከምጽእ ከም ዝኽእል ክረጋገጽ ክኢሉ ኣሎ።

ኣብ መጻኢ ዝያዳ ዝደቀቐ ምርምር ኣብ ልዕሊ በለስ ክግበር ኣለዎ ዝበሉ እቶም መንእሰያት ድማ ብኸመይ መንገዲ እቲ ዝድለ ጽልዋ ከስዕብ ከም ዝኽኣለ እንተዝጽናዕ'ውን ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ብምትእትታው ኑቲ ኣብ ብዙሓት ዕድመ ዝደፍኡ ዜጋታትና ዝርአ ሕማም ሪሕ ከቃልሎ ከም ዝኽእል ኣይሓብኡን።

ኣሚና ኻልድ

ኣካዳሚ

# ክረምቲ ኣበይ ነሕልፎ?

ጀሚላ ስዒድ


እዚ ዘለናዮ ወርሓት ክረምቲ፡ ኣብቲ ኣብ ትምህርቲ ዝጸበርናሉ ወርሓት ቀውዒን ሓጋይን ኴንና ብሃረርታ ክንጸበዮ ዝጸናሕና እዩ። ትምህርቲ ብቐሊል ዝርከብ ንጥፈት ኣይኮነን። ንኽንመሃር ብዙሕ ነገር ክንከፍል ጸኒሕና ኢና። ሳላ ጸቡቕ ዕድልና፡ ሳላ ንዓና ዝሓሊ ህዝብን መንግስቲን ዘለና ንትምህርቲ ንኽፍሎ ክፍሊት ኣሻቓሊ ኣይኮነን። ንኽንምሃር እንኸፍሎ ዝጸበርና መስዋእቲ እምበኣር ጻዕሪ፡ ሃለኽለኽን ኮሉ ሳዕ ምምርማርን እዩ። ኣብ ነፍሲ-ወከፍ መውዳእታ ምዕራፍ ወይ ወቕቲ መገምገሚ ዝወሃበና ፕሮጀክትን ፈተናን ሕለትና እናምለቖና፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ክፍለ ግዜ ዝወሃበና ዕዮ ክፍሊን ገዛን፡ ነፍሲ-ወከፍ ምዕራፍ ካብ መጽሓፍ ናብ ጥራዝና ክንገምጥል ኢድና ክሳጡ፡ ይሕግዙና’የም ዝበልናዮም ከበንዲ ገለ መጽሓፍቲ ከሃንብ ጦቕ ኢልና ኢና ጸኒሕና። ግና ንረብሓና ምኳኑ’ዩ። ነዚ ኣብ ወጥሪን ጻዕርን ዝጸንሐ ኣእምሮና ንምዕራፍን ንምዝናይን ከኣ ድሕሪ ናይ ከባቢ 10 ወርሒ ናይ ትምህርቲ ግዜ፡ ናይ ከባቢ 2 ወርሒ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ተሰሪዑልና ይርከብ። እሞ እዚ ናይ ክልተ ወርሒ ናይ ዕረፍቲ ግዜ እንታይ ኢና ክንገብረሉ? ብኸመይ ኢና’ኸ ክንሓልፎ ንሓስብ? ቤት ትምህርቲ ስለ ዝተዓጸወ’ኸ ካብ ክንፈልጥ ምድላይ ክንሕብእ ዲና? ዝበሉን ካልኦት ሕቶታትን ይለዓሉ እዮም። ነፍሲ-ወከፍና ክታና ወደብ ክህሉወና ይኽእል’ዩ፡ ምናልባት’ውን ዝኾነ መደብ ዘይብልና ንህሉ። እቶም ኣብ ገጠር እንቕመጥ ምስ ሕርሻን መጓሰን ዝተኣሳሰር ስራሕ ቀደምና ከም ንብሩር ወሲድና ንጸበዮ ንህሉ ኢና። እቲ ኹይኑ እቲ ግን ናይ ክረምቲ ግዜ ዕረፍትና ንኡብሲና ብእተፈላለየ መገዲ ኣብ ዝጠቅም ቁምነገር ክሕልፎ ከም ዘለና ምንጋር ኣየድልዮን። እዞም ስዒቦም ተዘርዚሮም ዘለው ገለ ንኽረምታዊ ዕረፍትና ብጠዘምችእ ክንጥቀመሉ ዘተኣኽክር እዩ።

1. **ምዝንጋዕ፡**

ክረምታዊ ዕረፍቲ ስሙ ከም ዝሕብሮ ዕረፍትን ምዝንጋዕን’ዩ። ኣብ ትምህርቲ ተቐሪሩ ዝጸበረ ኣእምሮ ቀሩብ ክዛዘ ኣሎዎ። እቶም ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝርከቡ ብዙሓት ንጥፈታት ኣዝዮም ጸሚዶም ስለ ዝሕዙ ንዕረፍትን ምዝንጋዕን እተሓዝአ ፍሉጥ ግዜ ክህሉ ጽቡይ’ዩ። ተመሃሮ፡ መምህራንን ካልኦት ሰራሕተኛታት ቤት ትምህርቲ ኸኣ እዚ ግዜ’ዚ ኣዝዩ የድልዮም። ተመሃሮ ኑቲ ብዘይ ዕረፍቲ ፍልጠት ክምእርር ዝጸንሐ ኣእምሮ፡ ብእተፈላለየ ኣገባብ፡ ኣብ ርእሲ’ቲ ናይ ህይወቶም ግዴታት፡ እናተዛነግዑ ክሕልፉዎ ይመዓዱ። ዝተዛዘየ ኣእምሮ ኑቲ ድሕሪ ዝመጽእ ዓመተ-ትምህርቲ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ።

2. **ሓድሽ ነገር ምፍታሽ፡**

ዝጠዘሐ ኣዋርሕ ናይ ሓንቲ ዓመት ኣብ ትምህርቲ ተጸሚድና ስለ እንጸንሕ ንጥፈታትና ውሑድን ልሙድን’ዩ ዝኸውን። ሓዳሽቲ ንገራት ክንፍትን እንተ በልና’ውን ግዜ ኣይንረክብን ወይ ኣይፍቀዳናን ይኸውን። ሕጂ ግን ሓድሽ ነገር ንምፍታን ዝበለጸ ዕድል ኣሎና። ሓድሽ ነገር እንታይ’ዩ? ፍልጠት ብትምህርቲ ጥራይ ኣይኮነን ዝጸበር፣ ገድሊ ህይወት ብትምህርቲ ጥራይ ኣይኮነትን ትካኣል፣ ስፍሓትን ብልሒን ኣእምሮ’ውን ሚእቲ ካብ ሚእቲ ብትምህርቲ ኣይኮነን። እቲ መዓልታዊ እንሓልፎ፡ እንርእዮ፡ እንሰምዖ፡ እንትንክፎ፡ …ወዘተ. ኩሉ ብደረጃኡ ግደኡ ይጻወት። ሓደሽ ነገር ንምርካብ ብዙሕ



ነገር ክግበር ይከኣል'ዩ። ብቐረባ ምስ ልምዲ ሕብረተሰብና ዝኸይድ እምበኣር ናብ ኣዝማድን ቤተሰብን ምብጻሕ እዩ። እቶም ኣብ ከተማ እንነብር፡ ንሳልስልቲ ትኹን ንሰሙን ዓዲና በጺሕና ምስ ናብራ ገጠር ተላሊና ክንመጽእ ንኽእል ኢና። እቶም ኣብ ገጠር ንቕመጥ'ውን ዕድል እንተ ረኺብና ንሰሙን ሳልስቲ ናብ ከተማ መጺእና ብዙሕ ሓድሽ ነገር ክንርኢ፡ ክንፈልጥን ክንገብርን ንኽእል። ሓድሽ ነገር ምፍታን ኣብ ኣእምሮና፡ ኣብ ሓደ ሽንኽ ወርቂ መለኣ ተዓጽዩ ዝጸበረ ገዛ ንኽፍንሕፍት ይሕግዘ።

3. **ምንባብ፥**

ኣብ ግዜ ትምህርቲ ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ንዘርከቡ መጽሓፍቲ ግዜን ዕድልን ዘይክርከብ ይኽእል። ዋላ እንተ ተረኺበ'ውን " ... እንታይ ክዓብሰልካ'ዩ'ዚ ... ናይ ትምህርቲኻ ዘይተንቡበ ...፤" እናተባህልና ዝጸሓፍናዮ መጽሓፍቲ'ውን ይህሉ። ጥቕሚን ኣገዳስነትን ምንባብ ብዙሕ ግዜ ይንገር'ዩ። እኳ ደኣ ብዙሕ ግዜ ይደጋገም። ምንባብ ከምቲ ንኡበሲና ኢልና እንበልዕን እንሰትን፡ ንጥንካረ ኣእምሮና ኢልና ግድን ክነንብብ ከም ዘለና ፈሊጥና ክሳዕ ዘዘውተርናዮ ኸኣ መለሱ ክደጋገም እዩ። ክረምቲ እምበርኣ ንዚ ልምዲ ንምጥራይ ኣዝዩ ሓጋዚ ግዜ እዩ። እቲ እነንብቦ መጽሓፍቲ ኣብ ድለየትናን ምርጫናን ይምርኩስ። ገለና ልቢወለድ መጽሓፍቲ፡ ገለና መጽሔታት፡ ናይ ታሪኽ ጽሑፋት፡ ናይ ቴክኖሎጂ፡ ....ወዘተ. ክንመርጽ ንኽእል ኢና። እንተ መጽሓፍቲ፡ እንተ መጽሔታትን ግዜጣን፡ እንተ ኣብ መርበብ ኢንተርነት፡ እቲ ቁምነገር ምንባብ'ዩ። ንኣእምሮና ኸኣ ኣመና የገድሶ። እቲ ብምዝንጋዕን ጸወታን ዝሓልፍ ግዜ፡ ብኣዛናዪ መገዲ ፍልጠት፡ ብልሒ፡ ስፍሓት ኣጠማምታ፡ ዕቤት ግንዛቤ፡ ልቦናን ሓበሬታትን ንኸስበሉ።

4. **ንዘምባለኻ ምስዓብ፥**

ዝጠዘሐ ሱብ እተፈልየ ናቱ ዝንባለ ወይ ሓይሊ ኣሎዎ። ገለና ብእዋኑ ንፈልጦ፡ ገለና ኸኣ ኣይንፈልጦን። ዝንባለኻ ምልልይ ሓደ ካብ ዝዓበዩ ርኽበታት ህይወትካ ምኳኑ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ትምህርቲ እንከለኻ ኑቲ ዝምባለኻ ወይ ኑቲ ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ክትገብሮ እትድሊ ነገር ከተካውኖ ኣይጸጋሚ ነይሩ ይኸውን። ሕጂ ግን ዝሓሸ ዕድልል ኣሎ። ዝምባለኻ ምልልይ ኣብቲ ንብር ጉዕዞ ህይወትካ ጥራይ ዘይኮነ ኣብቲ ሕጂ ትኸዶ ዘለኻ ጉዕዞ ትምህርቲ'ውን ሓጋዚ እዩ። ዝምባለ ወይ ተውህቦ ብዘይ ትምህርቲ በይኑ ልክዕ ከም ዘፈሰመ ወርቂ፣ ወይ'ውን ከምቲ ብማዕዶ ዝርአ ዘፈሰመ ኮኾብ እዩ። ኣብ ግዜ ኩትትናኻ ወይ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲኻን ቅድሚኡን ዝምባለኻ ምልልይ እምበኣር ኑቲ ጽባሕ ንግሆ ኣብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ክትመሃሮን ክትዕወተሉን እትደሊ ዓውዲ የጽርዮ። እዚ ንብዙሓት ተመሃሮ መዋጥር ዝኾነ ምርጫ፡ ዝምባለኻ ብምልላይን ምስዓብን ክትሰግሮ ይከኣል። እዚ ኣብ ግዜ ክረምታዊ ዕረፍቲ ምስ ኑብሲኻ ብምልዛብን ምፍታንን ክተለልዮ ምጽዓር የድሊ።

5. **ሞያዊ ስልጠና፥**

ኣቐዲምና ዝምባለኻ ምልላይን ሓድሽ ነገር ምፍታሽን ዝብሉ ነጥቢታት ጸቒጥና ጸኒሕና ኢና። ሞያ ብቐሊል ኣይርከብን እዩ። እቲ ክትነብረሉ እትኽእል ሞያ ንጽባሕ ዝግደፍ'ኳ እንተ ኾነ ክእለትካን ዓቕሚኻን ምምልላይ ግን ንጽባሕ ኣይግደፍን። ብቐንዱ ጽባሕ ቡቲ ኣብ ሎሚ እነንጽፎ መሰረት ስለ እትሰራሕ፡ ሎሚ እንገብሮ ዘበለ ጽባሕ ክጠቕመና ወይ ዋጋ ከኽፍለና ይኽእል። ኣብ እዋን ክራማት ዝኾነ ዓይነት ሞያ ምፍታን፡ ክእለትን ፍልጠትን ተጥሪ። ድሕሪኡ ኣእምሮኻ ንኽበስል ይሕግዝ፡ ብዓቢኡ ኸኣ ግዜኻ ብቑምነገር ተሕልፎ ኣለኻ። ኣብ ንእስነትካ ብቐልጡፍ ናይ ምሓዝን ምርዳእን ዓቕሚ ስለ ዘሎካ ከይተፈለጠካ ዓቢ ሞያዊ ናይ ምኳን ዕድል ኣሎ። ምናልባት እቲ ጽባሕ ተማሂርካ ክትዓብየሉን ክትሰርሓሉን እትደሊ ዓውዲ ኣቐዲምካ እንተ ወሲድካ፡ ምስኡ ዝሳነ መባእታዊ ሞያዊ ፍልጠት ኣጥሪኻ ምጽናሕ መኽሰብ'ዩ። ንኣብነት፡ ብዓውዲ ኤለክትሪያውን ኤለክትሮኒክስን ምህንድስና ክትምረቕ ባህጊ እንተ ኣለካ፡ ምስኡ ዝተኣሳሰር ናይ ኤለክትሮኒክስን ኤለክትሪያዊን መባእታዊ ስልጠናታት ክወሰድ ይከኣል።

6. **ክረምታዊ ኣኩዳምያዊ ትምህርቲ፥**

እዛ ነጥቢ ምስ ረኣኹም 'ትምህር ሓጊኻዶ ትምህር ትኸርም ኢኻ?' ኢልኩም ትኾኑ። ትምህር ክትክርሙ ማለት'ውን ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ኑቲ ኣብ ግዜ ምዱብ ናይ ትምህርቲ እዋን ዝበርትዓኩም ዓይነት ትምህርቲታት እትሕገዘሉ መገዲ ስለ ዘሎ'ዩ። ኣብ ትምህርቲ ዘሎና ድኹም ጐድኒ ኣጸቢቕና ንፈልጥ ኢና። ገለና ቀጽሪ፡ ንገለና ኢንግሊዘኛ፡ ንገለና ድማ ፊዚክስን ካልኦትን ይበርትዖና ይኾኑ። ዝኾነ ዓይነት ትምህርቲ ምርድኡ ደኣ ጸገምና እምበር ብርቱዕ ዝበሃል ከም ዘየለ ክፍለጥ ይግባእ። ስለዚ ኑቶም ኩሉ ግዜ ዘሸግሩና ዓይነታት ትምህርቲ ተገዲስና ኣቀራርባና ከምሓይሾ ይብልጽ። ክረምቲ ነዚ እንተ ዘይተጠቐምናሉ'ሸ እንታይ ኢና ክንገብረሉ?

ገለ ተመሃሮ ኑቲ ዝምጽእ ዓመት ዝመሃሩዎ ዓመት ኣቐዲሞም ኣብ እዋን ክረምቲ ኣንቢቦም ክውድኡዎ ይረኣዩ እዮም። እቶም ካብ ዓሰራይ ናብ ዓሰርተው ሓደ ዝሓለፉ፥ ንማትሪክ ዝሕግዞም ምድላዋት ይገብሩ። እቶም ካብ ታሽዓይ ናብ ዓሰራይ ዝሓለፉ ብገደኦም፡ ትምህርቲ ካብ ደረጃ ናብ ደረጃ እናተተሓላለዘ ከም ዝዓቢን ዝዕምቖን ተረዲኦም፡ ኑቲ ኣብ ማእከላይ ደረጃን ታሽዓይን ዝሓለፉ ኣገደስቲ ምዕራፋት፡ ኣምራትን ክልሰሓሳባትን ተመሊሶም ክርድኡዎ ክፍትኑ ይረኣዩ እዮም። ጽቡቕ ስጉምቲ ድማ'ዩ። ንስኹምከ ክረምቲ ኣበይ ኢኹም ከተሕልፉዎ?

ሕብረተሰብ

# ትምህርቲ ኣብ ገዛ
# ካብ ወሊድ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት
## ኣስተምህሮ ብወ/ሮ ኣድያም ኣብርሃ


ተስፋሚካኤል ወልደጋብር ረድኢ

ኣብ ጁንየር ኣዳራሽ ዳዕሮ ሓባራዊ ዘተን ምስትምቃር ጥበባትን እናበራረየ ንልዕሊ ክልተ ዓመትን መንፈቕን ወትሩ ሓሙስ ዝቐጸለ መደብ ኣሎ። ኣብዚ ናይ እሂን-ምሂን ባይታ፡ ወ/ሮ ኣድያም ኣብርሃ፡ "Home Learning Environment: Birth to Five" ዝብል ኣስተምህሮ ብሚያዝያ 2018 ኣቕሪባ ነይራ። ወለዲ ኲይኖም ዘለዉ መንእሰያት ክጥቀምሉ ብምባል ከኣ፡ ነቲ ሰፊሕ ኣስተምህሮ ጸሚቕናን ዝተወከስናያ ተወሳኺ መብርሂታትን ኣወሃሂድና ኣቕሪብናዮ ኣለና። ወ/ሮ ኣድያም ኣብርሃ ብዓውደ ስነ-ኣእምሮ ድሕሪ ምምራቓ፡ ከም ኣስተምሃሪት ህጻናትን ቈልዑን (ካብ 3 ክሳብ 6 ዕድመ) ብምኧን፡ ንሸሞንተ ዓመታት ሰሪሓን ስልጠናታት ሂባን እያ። ኣብዚ ኣስተምህሮ ከኣ፡ ህጻናት ቅድሚ ናብ ኣጸደ-ቘልዑ ምኻዶም ኣብ ገዛን ኣከባብን ክመሃሩዎ ዝግባእ ምስ ምዕባለ ኣእምሮ ብምዝማድ ኣተኲሮ ገይራትሉ ኣላ። ሰናይ ንባብ!

ዕሽል ካብ ማህጸን ወጺኡ ናብ ዓለም ካብ ዝቕልቀለላ ደቒቕ፡ ክመሃር፡ ክምኩርን ከባቢኡ ክጽንዕን ይጅምር። እዋናዊ መጽናዕታት ድማ፡ ድቂ ካብ ማህጸን ወጺኡ ናብ ዓለም ... ካብ ማብል 35 ሰሙን ናይ ጥንሲ ኣትሒዙ ክምሃር ከም ዝጅምር የረጋግጹ። ኣብዚ ኣስተምህሮ'ዚ፡ ሓደ ህጻን ካብ እዋን ሕርሲ ክሳብ ሓሙሽተ ወይ ሽዱሽተ ዓመት ዝበጽሕ፡ ብወለዱ፡ ኣለይቱ ወይ ኣባላት ስድራቤቱን ንምዕባለ ኣእምሮኡ ዝሕግዝ ናይ ምህሮ ኩርናዓት ወይ ኣከባቢ ብዘዕባ ክዳለወሉ ዝግባእ ክደህስስ ክፍትን እዩ።

ሓንጎል ደቂሰብ፡ ካብ እዋን ጥንሲ (ናይ 35 ሰሙን) ኣትሒዙ ክሳብ ሽዱሽተ ዓመት ዝበጽሕ 90 ሚእታዊት ናይ ምዕባይን ምምዕባልን መስርሓቱ ይውድእ። እቲ ዝተረፈ 10 ሚእታዊት ናይቲ መስርሕ ድማ ኣብ ዝተረፈ ህይወቱ ቀስ እናበለ ይምልኦ። በዚ ከኦ፡ እዚ እንዝረበሉ ዘለና ክሊ ዕድመ'ዚ፡ ኣብ ዕድመ ደቂሰብ ብሓፈሻ፡ ኣብ ዕድመ ህጻናትን ቈልዑን ከኣ ብፍላይ፡ እቲ ኣገዳሲ ወሳኒ ወይ ተኻዋሲ ዕድመ እዩ።


ወለዲ፡ ቀዳሞት መምህራን ናይ ደቆም ምኳኖም ንቡር ኮይኑ፡ ፍልጠት ዝተሓወሶ ክኸውን ግን ይግባእ። ህጻናት ናብ ስሩዕ ትምህርቲ ክመላለሱ ቅድሚ ምጅማሮም፡ ኣብ ገዛ ብወለዲ ዝዋሃብ ንምዕባለ ኣእምሮ ህጻናት/ቈልዑ ዝሕግዝ ፈጠራዊ ንጥፈታት፡ ፈተውቲ ምህሮን ንምሉእ ዕድመኦም ወትሩ ተመሃሮ ክኾኑን ዝውስን እዩ። እቲ ደሓር ቈላቢቲ፡ ደፋእ ኣሎም ዝቖልቡ፡ ብምርኣይ ዝርድኡ ዝኾኑ ወዘተ. ኣብቲ ተኻዋሲ ዕድመ (0-6)



ዝረኸቡዎ ተመኩሮታት ዓቢ ጽልዋ ኣለዎ።

ኣብ ቅድመ-ኣጸደ-ቘልዑ ዝለዉ ህጻናትን ቈልዑን ንምምሃር ኣፍልጦ ይሓትት እዩ። ዝተፈልየን ዝረቐቐን ናይ ትምህርቲ ጥበብ'ውን ስለ ዝጠልብ፡ ኣብ ገዛ ዝግበር ትምህርታዊ ኣገባብ ካብ ዝተጸንዐ ክልሱ-ሓሳብ ክበለጽ ይግባእ። 'ብቐለልቲ ነገራት ዓበይቲ ወጽኢታት ምርካብ' ዝብል ሓሳብ ከኣ ቀለልትን ተራን ዝመስሉ ሜላታት ብምውህሃድ፡ ዝዓበየ ውጽኢት ክርከቦ ይኽእል እዩ።

ኣብዚ ዕድመ'ዚ፡ ሓንጎል-ሰብ ሓድሽ ፍልጠት ወይ ተመኩሮ ኣብ ዝረኽበሉ ኣካላዊ ዓቕሙ ልክዕ ከም ፕላስቲክ ናይ ምምጣጥ ባህሪ ኣለዎ። እዚ ምስ ሓድሽ ፍልጠት ወይ ተመኩሮ ናይ ምምጣጥ ባህሪ ናይ ኣእምሮ ክሳብ ሸዱሽተ ዓመት እናዓበየ ክኸይድ ጸኒሑ፡ ድሕሪኡ ግን ቀስ-ብቐስ እናጉደለ ይኸይድ። ሓድሽ ሓብሬታ ናይ ምኽዛን ናይ ምዝማድ ዓቕምን ተኽእሎን... እናጎደለ፡ ኣብ ጠቕሚ ንምውዓል ዘድሊ ሃልኪ ጸዓት ከኣ እናዛየደ ይኸይድ። በዚ ድማ፡ ካብ ዓቢ ሰብ፡ ህጻናት ዝያዳ ናይ ምምሃር ዓቕሚ ከም ዘለዎም ኣስተብህል። ስለዚ፡ እቲ ሓደ ሰብ ክህልዎ ዘድሊ ዓቕን ስፍሓትን ናይ ሓንጎል ዝጠዘለ ቅድሚ ሸዱሽተ ዓመት ቅርጺ ስለ ዝሕዝ፡ እቲ ኣብዚ ዕድመ'ዚ ኣብ ልዕሊ ህጻናትን ቈልዑን ዝግበር ወፍሪ፡ ምስ ዓበዩ ተዓጻጻፊ ዓወት'ዩ ዝመልስ። ኣብ እዋናት ከንትትናን ድሕሪኡን ነቲ ድሮ ቅርጺ ሒዙ ዝተረረ ኣእምሮ ንምቕያር ብዙሕ ጻዕራታትን ወጻኢታትን ካብ ምግባር፡ ኣብቲ ኣእምሮ ልዑል ዕብየት ከርኢ ተኽእሎ ዘለዎ ተዋፂ ዕድመ ብኣጋኡ ዝተወሃሃደ እታዎት ብምግባር ንመጻኢ ሕብረተሰብ ምውሓስ ዝበለጸ እዩ።




**እቶም ናብ ዓቢ ወጽኢት ዝመርሑ ንኣሽቱ ተግባራት ግን ከመይ ዝኣመሰሉ እዮም? ህጻናት ኣብ ገዛ ብኸመይ ኣገባብ ክመሃሩ ይኽእሉ?**

**ልማድ (routine)፥** ህጻናት ካብ ወለዶም እንታይ ከም ዝጽበዩን ወለዶም ካብኦም ዝጽበዩዎምን ክፈልጡ ይሕግዞም። ህጻናት ፍሉጥ፡ ስሩዕ ነገር ይደልዩ፣ ምስ ረኸቡዎ ድማ ይፈትውዎን የስተማቕርዎን። ንኣብነት፡ ሓደ ቈልዓ ንግሆ ተንሲኡ፡ ናብ ሽቓቕ ይበጽሕ፡ ድሕሪኡ ገጹን ስኑን ይሕጽብ፡ ይቑርስ፡ ተመሃራይ እንተ ኾይኑ ክዳውንቱ ቀይሩ፡ ቦርሳኡ ተሰኪሙ ናብ ትምህርቲ ይብገስ፡ እቲ መንገዲ ምስ ኣዴ፡ ኣቦ ወይ ካልእ ይኸዶ። ብሓደ ፍሉጥ መንገዲ ይኸይድ፣ ኣብ መንገዲ ዝውቱር ተግባር (ጸወታ፡ ዕላል፡ ሰቕታ) ይጉበኡ። እዚ ሓደ ስሩዕ ተግባር እዩ። እቲ ቈልዓ ነዛ ስርዓት ልምዲ ይፈልጣ፡ ይለምዳ፣ ምስ ለመዳ ድማ ይፈትዋ፡ የስተማቕራን ይናፍቓን። ቈልዑ እምበኣር ኣብ ዝተፈላለየ ሸነኻት ምዕባሌኦም ስሩዕ ተግባራት ክለማመዱ ኣለዎም። ስሩዕ ልማድ ዘይብሉ ህጻን ወይ ቈልዓ ብቐሊሉ ክመሃር ኣይክእልን እዩ።

**ምንባብ፥** ወሉዲ ፈለማ ንደቆም ከንብብሎም ይግባእ፣ ደቆም ከኣ ብድሕሪኡ ርእሶም ክኢሎም ምንባብ ይመሃሩ። ህጻናት ምንባብ ይደልዩ እዮም። መጽናዕቲታት ከም ዘረጋግጽዎ፡ ገና ደቂ ሸውዓተ ወርሒ እንከለዉ ክንበበሎም ይፈትዉ። ኣእምሮ ህጻን ነዚ ናይ ምልላይ ብቕዓት ኣለዎ። ነቲ ዝንበብ ድማ ይፈትዎን የስተማቕሮን። እዚ ስፍልጠታዊ ሓቂ'ዚ፡ ኮፍ ምባል ወይ ምንፋሕኸ ዝጀመረ ህጻን 'ቃላት ክርዳእን ክድምጽን ኣይጀመረን' ኢልና ክንገድፎ ዘይብልና እዩ።



**ምዝየም (Rhyming)፥** ምርራው፡ ምስርሳር፡ ምጽዋትን ንኣኡ ዝሰዒ ዜማታት ምድራፍን ዝምድናን ጥምረትን ሓድሕድ ዘዕቢ እዩ። ዕሽላት ኩሎም ህጻናት ስሩዕ ህርመት ዘለዎ መዚቃ፡ ዜማ፡ ቅኒት ወይ ድምጺ ይደልዩን የስተማቕሩን እዮም። እዚ፡ ኣብ ባህሊ ኩልና ብዙሕ ብሓራትና ዝውቱርን ሃብታም ውርሻ እዩ። ኣደታት ደቀን ዕሸሾ ምስ በሉ፡ ዝጠበውዎ ምእንቲ ክወሃሃድ፡ ድልዳለ ኣካላት ምእንቲ ክጥርዩ፡ ክዘናግዑ ወዘተ. ዜማታት ኣሰንየን የጻውተኦም። ንኣብነት ኣብ ትግርኛ፡ "ሕንጢጥ ጓለይ ኣንቲ ሕንጢጥ ጓለይ/ ኣምባር ኢደይ ሕንጥልጥል ክሳደይ/ መለሰዶ ክመልሰኪ ኣብ ኩብደይ// ኣንታ ዑንዱ ወደይ ዑንዱ ወደይ/... እምባ እየ በሎም ኣይጉንጽን/ ከውሒ እየ በሎም ኣይፍለጽን" እናበላ የሰራስራኦም። ማሕዘል ሻሕሻሕ እናበላ ስሩዕ ረምታ ፈጢሩ ዘደቅሶም ናይ ምርራው ዜማታትን (lullaby)'ውን ነበረና። እዚን ደቅለሚ ከኣ ነዚ ሃብታም ውርሻ ከም ኣገልግሎቱ ዘብቅዐ ያታ ከይሓሰብና ንምዕባለ ኣእምሮ ደቅና ክንጥቀመሉ ይግባእና እዩ።


**ኣገናዕ ምባል፥** ርእሱ-ተኣማንነትን ሓድሕድ ምትእምማንን ዝፈጥር ሓያል ተግባር እዩ። ህጻናት ኣዝዩም ምትብባዕ ይፈትዉ፣ ነቲ ዝተተባብዕሉ ግብሪ ከኣ'የም ክደጋግምዎ ዝደልዩ። ኢቓልቦ ከም ዝረኸቡ ስለ ዝስምዖም'ውን ንስምዒቶም እወታዊ እዩ። ኣብቲ ዝተጋጥዎ ምሕር ካብ ምድሃብ ከኣ፡ ነቲ ጽቡቕ ዝገበሩዎ ኣገናዕ ምባል ዝያዳ ውጽኢት ኣለዎ። ምስ ግዜ ድማ ነተን ቅኑዓት ተግባር ጥራሕ ብምድግጋም ይለምድወን። እዚ ምትብባዕ'ዚ፡ ምስ ስምግባር ጥራሕ ክተኣሳሰር



የብሉን። ንኣብነት፡ ዕሸላት ኣብ ሰለስተ ወርሓም ፍሽኽ ክብሉ ይጅምሩ። እዚ ከይተረፈ ምትብባዕ ይደሊ። ፍሽኽ ምስ በሉ፡ ፍሽኽታ ምስ ትመልሰሉ ክለምዳን ክደጋግማን ተተባቢዖ ኣለኻ ማለት እዩ። ፍሑኽ ክብል ክጅምር እንከሎ፡ ብእግሩ ንምኻድ ክላመድ እንከሎ፡ ክጉዩ፡ ክጻወትን ካልእን ወዘተ ክጅምርን ብዓወት ክበጽሖን እንከሎ'ውን ምትብባዕ የድልዮ። ናይዚ ረብሓ ከኣ፡ ኑቲ ህጻን ጥራሕ ዘይኮነ ንወላዲ ወይ ኣላዪ'ውን ምስቲ ህጻን ዘለዎ ምትእስሳርን ዝምድናን ዘትርር እዩ።

ዝምድና ኣላዩን ህጻንን ክዓቢ ከም ዘለዎ ርዱእ እዩ። እቲ ዕቤት ናይቲ ዝምድና ድማ፡ ኣብ ዝተወሰነ ግዜ ንእሉቱ ዝመጽእ ዘይኮነ ከም ውጽኢት ናይዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ምድግጋም ተግባራት እዩ ዝምዕበል። ኑቲ ህጻን ንምዕባለ ኣእምሮኡ ዝሕግዞ ንምምሃር፡ ስድራኡ ዘለዎም ደረጃ ኣይኮነን ቀንዲ ዘገድስ። ንወላዶም ዝህብዎ ግዜን ልዑል ዝምድናን ደኣ'ምበር፡ ኣቦ ወይ ኣደ፡ ብጽቡቕ ደረጃ ተማሂሮም፡ ጽቡቕ ስራሕ ክረኽቡ ክኢሎም፡ ጽቡቕ ደረጃ መነባብሮ ክምስርት ክኢሎም፡ ዓቢ ኣታዊ ወይ ጸፍሒ ምህላው ንብዩኑ ትርጉም የብሉን። ዝለኣኹ ከኑ ዝዋገዙ መጻወቲታት ምቕራብ ጥራይ'ውን ፋይዳ የብሉን። ህጻን ኣእምሮኡ ዝምዕበልን ዝማሃርን ብምውሳኹ፡ ብሓልዮታዊ ዝምድናን ኣቓልቦ ምሃብን እዩ።

ኣብ ገዛ ዝሰናዳእ ትምህርታዊ ሃዋሁ፡ ቡቲ ኣብ መንጎ ወላድን ወሉድን ዘሎ ዝምድና ብዓቢ ደረጃ ይጽሎ። እዚ ዝምድና'ዚ፡ ኣቡቲ ህጻን ዝገድፎ ጽልዋ ኣሎ፣ ብተመሳሳሊ ደረጃ'ውን ኣቡቲ ወላዲ ወይ ኣላዪ ጽልዋ ይገድፍ እዩ። ክልቲኦም ድማ ኣብ እወታዊ ደረጃ ይበጽሑ። ከም ውጽኢት ናይ ሓደ እወታዊ ዝምድና ኣላዩን ወሉድን፡ እቲ ህጻን ዝኾነ ተግባር ንምፍጻም ርእሱ ብጊሱ ይኽእል፣ ኣይፈርሕን፡ ኣይጠራጠርን። ዝሓሰቦ ንምግባር ድማ፡ ሓበሬታ፡ መምርሒ፡ ድፍኢት ከይተጸበየ ይበጽሕ። እቲ ህጻን ከባቢኡ ክፍትሽን ክጸንዕን ይጅምር፣ ይሓትት፡ ይመራመር ወዘተ። ንነገራት ብቐልጡፍ ይመሃሮን ይርድኦን። ንንውሕ ዝበለ ግዜ ኣድህቦኡ ትሑዝን ዕቱብን ይኸውን። ገለ ነገር ክፍጽም ምስ ዝደሊ፡ ዝሓዞ ክይወድአ ናብ ካልእ ኣይሰግርን፣ ቀደም-ተኸተል፡ ጠንቅን ሳዕቤንን፡ ቀዳምነታት ወዘተ ይፈልጥ። ጸወታ ምስ ህጻን ንዕኡ ዝበቅዕ ዛንታታት ወይ ጽውጽዋያት ምንጋር፡ ካብ ስራሕ ምስ ኣተኻ ኑቲ ህጻን ኣተኩሮን ተገዳስነትን ምሃብ፡ ዝወዓልካዮ ብዝርድኦ ሜላ ብተገዳስነት ምንጋር፡ እቲ ህጻን ብወገኑ ከመይ ከም ዝወዓለ ክነግረካ ድሌቱ ከይተሰከፈ ክገልጸን ምትብባዕ፡ ፍሉይ ኣተኩሮ ካብ ወላዲ ወዘተ. ምርካብ፡ ህጻን ጸጊሑ ንዘማዕብሎ ናይ ዝርርብን ቋንቋን ክእለት ብዓቢይ ደረጃ እዩ ዝጸልዎ።




### ኣገዳስነት ጸወታ

ትምህርቲ ምስ ህጻናት ተተሓሒዙ ክግለጽ እንከሎ፡ ከምቲ ካብ ደቂ 'ሸሞንተ' ዓመት ንላዕሊ ገደሮም ዝመሃሩሉ ኣገባብ ማለት ኣይኮነን። ህጻናትን ቈልዑን ብመገዲ ጸወታ ኣብሎም ምስ ዝመሃሩ እዩ ሓለፋ ውጽኢት ዝርከቦ። ብጸወታ ገደሮም ከኣ፡ ናይ ምሕሳብን ኣብ ኣእምሮኦም ናይ ምቕራጽን ዓቕሞም የሐይሉ፣ ግድላት ወይ'ውን ጸገማት ናይ ምፍታሕ ክእለት የጥርዩ፣ ናይ ምብህሃል ክእሎቶም የዕብዩ፣ ንዘጀመሩዎ ናይ ምውዳእ ሜላ የማዕብሉ።

ጸወታታት ኩና ኣዛናይን ተባሃግን ንጥፈት-ህጻናት ምኳኑ፡ ዝበለጸ ኣገባብ መምሃሪ'ውን ስለ ዝኾነ፡ እናተጻወቱ ክመሃሩ ክኽእሉ ኣለዎም። ንህጻን ኣብ ሓደ ቦታ ንዝተወሰነ እዋን ምስ መጻወቲታት ትገድፎም'ሞ ቃሕ ዝበሎ ተጻዊቱ ይመለስ ማለት ጥራይ ግን ኣይኮነን። ትጽቢት ዝግበረሉ ውጽኢት ክህብ እንተ ኾይኑ፡ እቲ ህጻን ቡቲ ጸወታ ክረብሖ ዝኽእል ኣቓዲምና ክለልዮ ክንክእል የድልየና።

### ሜላታት ጸወታ

ክልተ ሜላታት ጸወታ ኣለዉ። እቲ ሓደ፡ ኑቲ ህጻን ኣብ ሓደ ቦታ ምስ ዝድለ መጻወቲታት ትገድፎ'ሞ፡ ቡቲ መጻወቲ እንታይ ከም ዝገብር ትዕዘቦ። ጸኒሕካ ብምንታይ ኣገባብ ክጻወት ትደልዮ ከም ዘለኻ ትሕብሮ። ድሕሪ ምምእዛንካ፡ ባዕሉ ክመራመርን ክሓስብን ብኡ ኣቢሉ ድማ ክመሃርን ይኽእል። እዚ ትሑት ደረጃ ጽቕጢ (ኮርቲሶል) ኣብ ኣእምሮ ዘለዎ ኩይኑ፡ ኑቲ ህጻን ዝምስጦ ኣገባብ እዩ፣ "Scaffolding" ተባሂሉ ከኣ ይጽዋዕ። እዚ መስርሕ'ዚ፡ ርእሱ ዝኸኣለ ኣገባብ ዘለዎ ኩይኑ፡ ህጻን ብትምህርታዊ-ጸወታ ካብ ሓደ ደረጃ ናብ ካልእ ደረጃ እናሰገረ ዝምዕበለሉ እዩ።

እቲ ካልኣይ ዓይነት ጸወታ “Authoritarian” ዝበሃል ኲይኑ፡ ልዑል ደረጃ ኮርቲሶል ስለ ዘለዎ፡ ኑቲ ህጻን ናይ ምስልካይ ስምዒት ዝፈጥረሉ እዩ። እቲ ኣገባቡ ድማ፡ ንህጻን ቡቲ መጻወቲ ክጉብሮ ዘለዎ መምርሒ ኣቐዲሙ ይሕብሮ። ከምቲ ዝተባህሎ እንተ ዘይገይሩ ከኣ መኣረምታ ይወሃቦ። ምሕር ኣብ ቀጥታዊ ወጽኢት ዘተኮረ ስለ ዝኾኑ፡ ኣላዩ፡ ኑቲ ህጻን ኣብ ከኒታቱ ተመርኲሱ ኣረዳድኣኡ ክዓቢ ግዜ ዘይክህቦ ይኽእል’ዩ፣ ዝጸበዮ ወጽኢት ምስ ዘይረኸበ’ውን ክሓርቖን ክቃጸዕን ይኽእል። እንተኾኑ፡ እዚ ንድሌት ናይ ኣላዩ ደኣ የንጸባርቕ’ምበር፡ ናይቲ ህጻን ደረጃ ምዕባለ ኣብ ግምት ዘእተወ ኣይኮነን፣ ኣሉታዊ ሳዕቤን’ውን ኣለዎ። በዚ ምኽንያት’ዚ ከኣ ዝያዳ ኑቲ ቀዳማይ ሜላ ጸወታ ንመርጽ ማለት እዩ።

ሚኒስትሪ ትምህርቲ ኤርትራ፡ ኣብዚ ጉዳይ ዝኸተሎ ኣገባብ (position statement)፡ ቴማዊ ኣገባብ (project or thematic approach) ከም ዝኾነ’ዩ ዝገልጽ። እዚ ኣገባብ’ዚ፡ ብሓፈሻዊ ኣምር ክግለጽ ከሎ፡ ኣቐዲሙ ዝተጸንዐ ቴማ ወይ ኣርእስቲ ይህሉ’ሞ፡ እቶም ህጻናት ወይ ቈልዑ ብኽኢላታት እናተኣለዩ ኣብቲ ዝተዳለወሎም ግብራዊ ኣከባቢ ብምግባርን ዕምቈትን እናተፈተሹ ሕቶታት/ቶም ይምልሱ። ንኣብነት፡ ኣታኽልቲ ከመይ ገይሮም ከም ዝፈልሱን ዝዓብዩን ሕቶ የልዕለሎም ወይ ባዕሎም ዝሓተቱዎ ይህሉ’ሞ፡ እቲ መምህር ብስእሊ፡ ብቪድዮን ካልእን ዘድልዮ ቀረቡ ከርእዮም ይኽእል። ብቐንዱ ግን ዘርኢ ኣምጺኦ ወይ’ውን ካብ ካልእ ተኽሊ ከም ዝቘርጽ ብምግባር እናኣለዮም ይተኽሉ፡ ማይ የስትዩዎን እናዓበየ ይርእዩ። ስለዚ፡ ምስቲ ኣቐዲምና ዝርኣናዮ ሜላታት ጸወታ ክነጻጸር እንከሎ፡ ካብ ክልተኡ ዓይነታት ኣዋጺኡ ቀረቡ ኣሎ ማለት’ዩ። ቈልዑ ብግብራዊ መዳይ ዝጉበሩዎ ነገራት ናይ ጸወታ ስምዒት’ዩ ዝፈጥረሎም። ህጻናትን ቈልዑን ንኸሎም ናይ ስምዒት ህዋሳቶም ብዝሳተፍ ክመሃሩ ከለዉ ኣእምሮኦም ይምዕበል። ካብኡ-ናብኡ ከኣ፡ ኣእዳው ቀንዲ ሃጸቲ ኣእምሮኦም ስለ ዝኾኑ፡ ብኢዶም ዝህወስ ንጥፈታት ክንቕርበሎም ይግባእ። ኣብ ተለቪዥን ወይ ቪድዮ-ጌም ምውዓል፡ ኑቲ ብኣእዳዎምን ምንቅስቓሶምን ክፍጠር ዝግባእ ናይ ኣእምሮ “ጂምናዝዮም” ስለ ዘይፈጥሮ፡ ብዓቐን ከም ዘዘውትሩዎ ምርግጋጽ የድልየና።

## ዓይነታት ጸወታ

ዝተፈላለዩ ዓይነታት ጸወታ ስለ ዘለዉ፡ ወለዲ ይኹኑ መምህራን ጸቡቕ ኣፍልጦ ብዛዕባኦም ክህልዎም ኣድላዪ እዩ። እቲ ህጻን ወይ ቈልዓ ኣበየናይ ዓይነት ዝያዳ ከም ዝሰቓቕሕ ምፍላጥ’ውን ኑቲ ዝወጽእ ውጥን ይሕግዘ። ንኹሎም ድማ፡ ከም ኣድላይነቶምን ዝህቡዎ ፍሉይ ጥቕሚን እናኣገናዘብና ክንጥቀመሎም ንኽእል ኢና። እቲ ህጻን ንበይኑ (solitary play) ክጻወት፣ ወይ’ውን ብሓደ ዓይነት መጻወቲ ምስ ከምኡ ዝኣመሰሉ ካልኦት ህጻናት ወይ ምስ ኣላዪኡ (parallel and cooperative play) ክጻወት፣ ካብቲ ኩሉ ጸወታታት ባህ ዝበሎ መረጸ (self-free directed play) ክጻወት፣ ናይ ኣካላዊ ምንቅስቓስ (sensory motor play) ክጻወት፣ ድራማዊ ጸወታ (dramatic play)፣ ኣማኢዚ ወይ ሃናጺ ጸወታ ክጻወት፣ ብምልክታት (symbolic play) ክጻወት ይኽእል ወዘተ።

## ኣመዓባብላ ሓንጎል

ሓደ ሰብ ኣብ ጅነቲካዊ ባእታ ዝተወቕረ ፍልማዊ ቅርጺ ሓንጎል ይሃሉዎ’ምበር፡ ኣብ መወዳእታ ብጽልዋ ኣከባቢ እዩ ህያው ቅርጺ ዝሕዝ። ኣከባቢ ንስድራ፡ ሕብረተሰብ፡ ቤትትምህርቲ ወዘተ ይወክል። ሓደ ህጻን ብተፈጥሮኡ ልዑል ደረጃ ብልሒ (IQ) ክህልዎ ይኽእል። እቲ ኣከባቢ ዓቕሙ ክምዝምዝ ብዘይምግባእ እንተ ዘይሓጊዝዎ ግን ብልሑ ንብይኑ ፍረ ዘይክህብ ይኽእል እዩ። ብኣንጻሩ፡ ትሑት ደረጃ ብልሒ ዘለዎ ህጻን ብደገፍ ኣከባቢ ልዕሊ’ቲ ልዑል ደረጃ ብልሒ ዝወሃቦ መዛናኡ፡ ኣእምሮኡ ብቕልጡፍ ክምዕበል ይኽእል። እቲ ህጻን ካበይ ክሳብ ኣበይ ምዕባለ ከርኢ ይኽእል መጸናዕቲ ዝሓተት ኲይኑ፡ እቲ ሓፈሻዊ ወጽኢት ግን ርዱእ እዩ።

ኣእምሮ ደቅሱብ ‘ኒውሮንስ’ ብዝተባህሉ ፍሉያት ዋህዮታት ዝቖመ እዩ። እዞም በልዮናት ዋህዮታት ድማ ኣብ ሓድሕዶም ናይ ርክብ መርበባት ዘርጊሖም ርክባት የማዕብሉ። ኣብ እዋን ህጻንነት፡ ኣብ ሓደ ካልኢት ካብ 700-1000 ናይ ርክብ መርበባት (connections) ክዝርግሑ ይኽእሉ። ሓድሽ ናይ ርክብ መርበብ፡ ሓድሽ ፍልጠት ወይ ተመክሮ ምስ ዝርከብ ይፍጠር። እዚ ዝፍጠር ዓቐን ወይ ብዝሒ ናይ ርክብ መርበባት ድማ፡ ኑቲ ናይ ህጻን ኣካላዊ ዕብየት፡ ናይ ሓንጎል ዕብየት፡ ናይ ምምሃር ዓቕሚ፡ ናይ ምልዋጥ ዓቕሚ፡ ኣእምሮኣዊ ተዓጻጻፍነት ወዘተ ይውስኖ።

ኒውሮን፡ መሰረታዊ ዋህዮ ናይ ሓንጎል እዩ። ኣብ ሓደ ኣእምሮ ክንደይ ኒውሮናት ክህልዉን ብኸመይ ኣገባብ ከም ዝተሰርዑን



ብተፈጥሮ ዝተወሰነ እዩ፣ ካብ ሰብ ናብ ሰብ'ውን ይፈላለ። እዞም ዋህዮታት ካብ ኣካላቶም ዝተዘርግሑ ክልተ ኣንቴና መሰል መራኸቢታት ኣለዉዎም። እዚኣቶም ኣክሶን (Axon) ከምኡ'ውን ደንድራይትስ (Dendrites) ይበሃሉ። ደንድራይትስ ናብቲ ኒውሮን ዝመጽእ ሓበሬታ ክቕበሉ እንከለው፥ ኣክሰንስ ድማ ናብ ካልኦት ኒውሮናት ሓበሬታ ይሰዱ።

ሓደ ሓበሬታ ኣብ መንጎ ክልተ ኒውሮናት ብዝሀሉ መርበብ ርክብ ይምዝገብ። ኣብ መንጎ ኒውሮናት ርክባት ክምዕበልን ብኡ ኣቢሉ ድማ ኣእምሮ ክሰፍሕን ሓንጎል ሓድሽ ሓበሬታ ክቕበል የድልዮ። መጠን ስፍሓት ሓንጎል ከኣ ኣብቲ ዝቕበሎ ሓድሽ ሓበሬታ ይምርኮስ። ብዙሕ ሓበሬታ ማለት፥ ብዙሕ ናይ ርክብ መርበባት ተኸፊቱ ኣሎ ማለት እዩ። ኣካላዊ ቅርጺ ሓንጎል ድማ ይምጠጥን ይሰፍሕን። ሓንጎል ቅርጺ ኣብ ዝሕዘሉ ናይ ፈለማ ዓመታት ዕድመ ከኣ ዝያዳ ወሳኒ ይኸውን። ሓደ ህጻን ክሳብ ሽዱሽተ ዓመት ዝመልእ ዝቕበሎ መጠን ሓድሽ ትምህርቲ ድማ ንስፍሓት ሓንጎል ይውስኖ። ካብዚ እንርድኦ፥ ህጻናትን ቈልዑን ናብ ዝተፈላለየ ተመኩሮታት፥ ሃዋህው፥ ንጥፈታት ወዘተ. ክቃልዑ ኣለምዎም፣ ክዕጸዉ፥ ክድረቱ... ኣይግባእን። ኣበየ ክበብኦም ከኣ ውሑስ መጻወቲ ደምባታት ክሰዳልወሎም ይግባእ።

ድምጺ ናይ ምስማዕ ዓቕሚ ሰብ ምስ ምውላድ ዝፍጠር ዓቕሚ እዩ። ንምንቅስቓስ ዝመርሕን ዝማእዝንን ብቕዓት ኣእምሮ (motor connections) ግን ካብ ሽዱሽተ ወርሒ ጀሚሩ ኣብ መበል ዓሰርተ ክልተ ኣዋርሕ ኣብ ጥርዚ ዕበየት ይበጽሕ።


### ጸቕጢን ጽልዋኡ ኣብ ምዕባየ ሓንጎልን

ኮርቲሶል (cortisol) ኣእምሮና ኣብ ጸቕጢ ክኣቱ እንከሎ ዝፍንዎ ባዮከሚካላዊ ባእታ ወይ ሆርሞን እዩ። ኣእምሮና ብሰለስተ ዓይነት ጸቕጥታት ክጥቃዕ ይኽእል። እወታዊ ጸቕጢ፥ ክጸወር ዝኽእል ጸቕጢን ልዕሊ ዓቕን ጸቕጥን ኢልና ክንመቕሎም ንኽእል። እወታዊ ጸቕጢ፥ ሓደ ዓይነት ኣእምሮኣዊ ብድሆ ኮይኑ፥ እወታዊ ውጽኢት ዘስዕብ እዩ። እዚ፥ ዝኾነ ህጻን/ቈልዓ ክምኩሮ ዘለዎ ዓይነት ጸቕጢ እዩ። ምኽንያቱ፥ ኣእምሮ ንዝገጠሞ ብድሆ ክሰግር ኢሉ ሓድሽ ትምህርቲ ስለ ዝረክብ። ንኣብነት፥ ሓደ ንሓደ ህጻን ናብ ስራሕ ወይ ንዝተወሰነ ሰዓታት ኣብ ገዛ ገዲፋቶ ትኸይድ ትኸውን። እዚ፥ ኣብ ፈለማ ነቲ ህጻን ሓደ ዓይነት ጸቕጢ እዩ። እታ ኣደ ምስ ተመልሰት ግን ከይዳ ጸኒሓ ከም እትምለሶ ይርድኦ'ሞ፥ ቀስ-ብቐስ ይለማመዶ።

እቲ ካልኣይ ዓይነት ጸቕጢ ክጸወር ዝኽእል ጸቕጢ እዩ። እዚ ኣሊዮን ናብ ንቡር ንምምላስ ዝሕግዝዎን ዓይነት ጸቕጢ እዩ። ንኣብነት፥ ሞት ናይ ቀረባ ኣባል ስድራቤት፥ ኣብ ፈለማ ጸቕጢ ይፈጥር፣ ምስ ግዜ ግን ናብ ንቡር ኩነታት ክምለስ ይኽእልን ካብቲ ተመኩሮ'ውን ሓይሉ ክወጽእ ይኽእልን። እቲ ሳልሳይ ዓይነት ጸቕጢ ግን ጉዳኢ ወይ ኣዕናዊ ጸቕጢ ኮይኑ ኣእምሮ ንዘዊሕ እዋን ብኸቢድ ጸቕጢ ምስ ዝጥቃዕ ዝኸሰት እዩ። እዚ ኣብ መንጎ ወለዲ ብዝሀሉ ዘይምስናይ (ብፍላይ ድማ ኣደ ብኣቦ ብቑጽሊ ትግፋዕን ምስ ትኸውን)፣ ብስምዒት ኣድልዎ፣ ብስምዒት መንጸግቲ ወዘተ. ዝኸሰት እዩ። ብተወሳኺ፥ መዕቆቢ-ብቤት ዘይምህላው፥ ኣሊዩቲ ውሉፋት ሓሸሻትን ግዙኣት መስተን ምስ ዝኾኑ፥ ነቲ ህጻን ኣገዳሲ ሃሳዩ እዩ። ኣቐዲሙ ከም ዝተገልጸ፥ ሓደ ህጻን ኣብ ትሑት ደረጃ ኮርቲሶል እዩ ክመሃርን ብኡ ኣቢሉ ኣእምሮኡ ክምዕበልን ዝኽእል። ልዑል ደረጃ ኮርቲሶል ግን ንኣእምሮ ኣዕናዊ እዩ። ኣእምሮ ድማ ኣብ ክንዲ ዝዓቢን ዝሰፍሕን ብኣንጻሩ ይጭብጦ። ስለዚ፥ ወለዲ ናይ ደቆም ምዕባለ ኣእምሮን ብቕዓት ትምህርትን ክረጋገጹ እንተ ኾይኖም፥ ብሕልፊ ኣብ'ተን ወሰንቲ ዓመታት ካብ ከቢድ ጸቕጢ ወጻኢ ዝኾነ ግዘን ክቡብን ክሃንጽሎም ይግባእ።

ዓቐን ሓንጎል

ቈልዓ 3 ዓመት



ንቡር ዓቐን ኵቱር ኣቓልቦ ዝሰኣነ/ት

### ሽግራት ምዕባሌ-ሓንጎል ህጻንን ቈልዓን

እቲ ህጻን እናዓበየ ብዝኸደ፥ ሓንጎል ድማ ብዝተፈላለየ መንገድታት ወይ ሸነኻት ይዓቢን ይምዕበልን። ኣብዚ ተጠቒሶ ዘሎ ደረት-ዕድመ፥ ምልክት ምንቅስቓስ ቀንዲ መሓውራት (Gross motor skills)ን መጠኑ-ንኡስ ናይ ምንቅስቓስ ኣካላት (Fine motor skills)ን፥ ልቦውት "Cognition" (ቋንቋን ስርዓተ-ጽሕፈትን፣ ኣርቲመቲክ፣ ስነ-ፍልጠት፣ ኣከባቢ ወዘተ) ከምኡ'ውን ኑብሰ-ምኽኣል፣ ድሕነትን ጥዕናን፣ ማሕበራውን ኣእምሮኣውን ግንዛበ ወዘተ ይዓቢ። እዚኣቶም እቶም ሸነኻት ምዕባለ ተባሂሎም ብትምህርቲ ደረጃ ተታሒዞም፥ ኣተኩሮ ተዋሂብዎም ምዕባለኦም ክስረሓሎምን ክረጋገጸን ዘለዎም እዮም።

### ሕቶታት ካብ ኣንበብቲ

#### ሙሴ

ኣብ ስነ-ቑጽሪ ካብ ሓደ ክሳብ ትሽዓተ ዘለዉ ቑጽራታት ክትወክሎምን ከተረድኦምን ቅልል ዝበለ እዩ። ካብኡ ንድሓር ግን ልዕሊ ክልተ ቀጽሪታት ስለ እንጥቀም፥ ትርጉምን ሓሳብን ናይ "ባዶ" ኣብ ኣእምሮ ናይቲ ህጻን ንምስራጽ እንታይ ሜላ ክንጥቀም ንኽእል?

= ቀጽርታት ኣብ ፈለማ ብቡሓደ ምልክታት ወይ ብጠዝሊ ከሪራት ወኪልና እናኣተኣሳሰርና ክንምህሮ ንኽእል ኢና። ኣብ ዓሰርተ ክንበጽሕ እንከለና ግን "ባዶ" ቦታ ከም ዝሕዝ ትሕዝዎ ግን ከም ዘይብሉ ገይርና ከረድኦም ይከኣል እዩ። ዝ. ምስ ተረድኡ፥ ነቶም ካልኦት ቀጽርታት ከከም

ትሕዝቶኡ ንምርዳእ ዘጸገም ኣይኮነን፡፡ ጸሓፉ ድማ ዝድለዩ ክእለታት ከም ንዱ-ሓደ፡ ዓዲ-ዓሰርተ ክምሃር ይኽእል፡፡ ቅድም "ባዶ" ከም ቁጽሪ ምስ ምስሉን ቅርጹን ንምህሮም፡፡ ቀጺልና ድሕሪ ካልእ ቁጽሪ ክሰርዕ ወይ ክላገብ ከሎ ነርእዮም፡፡ ብሓፈሻኡ ግና፡ ቁጽሪታት ብምሽምዳድ ጥራይ ክመሃሩዎ ኣይግባእን፣ ንትሕተኦም ብዘስኣሎም መገዲ ክኸውን ይግባእ፡፡ ብተደጋጋሚ ምቑጻር (ምፍቃድ)፡ ቁጽሪታት ክርእዩዎ ኣብ ዝኽእሉ ቦታታት ምጽሓፍ ወይ ምልጣፍን ምስ ነገራት ምውሳብን ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ሜላታት ስለ ዘለው፡ ዘጸግም ኣይኮነን፡፡

ኤፍሬም ሃብተጸዮን (ካብ ህግደፍ)

ዋላ ምስ ዓበና ኣደህቦ ነጥፍእ ኢና፣ ኣብ ትምህርቲ፡ ኣኼባ ወዘተ. እቲ ንጠፋት ኳንና እንከታተሎሉ ማጠን ግዜ ውሱን እዩ፡፡ ሕጂ ክሓስቦ ከለኹ፡ ኣብ ኣተዓባብያና ብዙሕ ከም ዝጐደለና ክርዳእ ክኢለ ኣለኹ፡፡ ስለዚ፡ ሓደ ህጻን ናይ ኣደህቦ (concentration) ዓቕሙ ንምዕባይ እንታይ ክግበር ኣለዎ፡፡ ብተወሳኺ'ውን፡ ሓደ ህጻን ኣበየናይ ዕድመ እንታይ ክመሃር ኣለዎ ብኸመይ ይድረት?

= ኣብ ባህልና ቀስ-ብቐስ ዝዛሰሰ ንህጻናትን ቈልዑን ብዝተፈላለየ ማእዝናት ኣደህቦ ዝሃንጹ ጸወታታት ነይሩ እዩ፡፡ ንሱ እናጠፈአ ብድጃታላዊ መጻወቲ እናተተክአ ምምጺኡ ዘሻቕል እዩ፡፡ ህጻን ብምርኣይን ብምስማዕን ጥራይ ብዙሕ ክመሃር ከም ዘይክእል'ዩ መጸናዕቲታት ዝገልጹ፡፡ ሓደ ቈልዓ ናይ ኣደህቦ ዓቕሙ ንምዕባይ ክግበር ካብ ዘለዎ ነጥብታት ቅድሚ ምዝርዛር፡ ንና ካብ ንኣሰዕድመ ክጅምርን ክምልመልን ዘለዎ ኣገባብ ምኽንያት ከዘኻኽር እደሊ፡፡ ምስ ጉብዝና ከተተኣታትዎን ክንመልኮን ካብ ዘጸግም ወይ ብርቱዕ ጻዕሪ ዝሓትት እዩ፡፡ ብኣደህቦ ንነዊሕ ግዜ ክጸመድ ዘይክእል ህጻን ክመሃር ኣጸጋሚ እዩ፡፡ ንህጻናት በዚ ዝስዕብ ኣገባብ ክንሕግዞም ንኽእል፡፡

(1) ዝተፈላለየ ሕብርታት ዘለዎ መላጉም ፋሕ ኣቢልካ በብሕብሩ ክፈልዩዎ፣ ናብ ጸቢብ ኣፉ መትሓዚ ከእትዎ ወዘተ. ነተባብዕዮም፡፡ (2) ብማይ ምጽዋት ኣዝዩ ብዙሕ ረብሓታት ኣለዎ፡፡ ማይ ኣብ ገፊሕ ሸሓኒ መለእካ ዝተፈላለየ መቕድሐታት፡ ጉማታት፡ ስፖንጅ ወዘተ ቀሪብካ ክመልኡ፡ ከምዝድሕሉ ነተባብዕዮም፡፡ (ዓቕሞም ኣብ ሳይንስ ክዓቢ'ውን ይሕግዞም እዩ) (3) ስሩዕ መዚቃ ክሰምዑ ምዕዳም፡፡ ምስ ዕድመኦም ዝኸይድን መጠኑ ዝተሓለወን ናይ ቈልዑ ፊልምታት ምርኣይ'ውን ሓጋዚ እዩ፡፡ ወዘተ

ነታ ካልኣይቲ ሕቶ ከኣ፡ ህጻናትን ቈልዑን ካብ ዝኾነ ካልእ ዕድመ እኹዮም ዝያዳ ተመሃርቲ እኳ እንተ ኾኑ፡ ብዋጋ ቲ ካልእ ክስተማቕሩዎ ዝግባእ ምእንቲ ክይከውን ግን፡ እቲ ዝወሃብ ትምህርትን ዕድመን ክሳነ ኣለዎ፡፡ እዚ፡ ብቐጻሊ ዝጽናዕን ዝሕደስን ስለ ዝኾነ ክኢላታት ብምውካስ ክግበር ይኽእል፡፡ ብሕልፊ ግን፡ ትምህርቲ ህጻናት ናብ ስርዓተ-ጽሕፈት (ፊደላት፡ ቃላት፡ ኣሃዛት) ዝቐየ ክኸውን ኣይግባእን፡፡ እቲ ቅድመኡ ዘድሊ ክግበር ኣለዎ፡፡ ወሰዲ፡ ነቲ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዓለሞ፡ "ስትታንዳርድታት ትምህርትን ምዕባለን ቈልዑ ኣብ ቀዳሞት ዓመታት፡" ዝበል ደረጃኡ ዝሓለወ 'ማንዋል' ምስ ዘንብብዎ፡ ብዙሕ ሓገዝ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም፡፡



መሓመድሰዒድ ዐሰማን (ኮምሽን ባህልን ስፖርትን)

እዚ ኣስተምህሮ ብኮም ደረጃ፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ብሚድያ እንተ ዝፍኖ ጽቡቕ እዩ እብል፡፡ ንመምህራን ኣጸደ-ቈልዑ'ውን እንተ ዝወሃብ ሓጋዚ ምኾነ፡፡ ሕቶ'ውን ኣለኒ፡፡ ኣብ ሕብረተሰብና ዘሎ ጸወታ ቈልዑ




ብስነፍልጠታዊ ዓይኒ ክርአ ከሎ ከመይ እዩ? ነዚ ዝምልከት ዝገበርክዮ መጽናዕቲ ኣሎዶ?

= ዛጊት ዝገበርክዎ ፍሉይ መጽናዕቲ የለን፡፡ ግን ከኣ ብስነፍልጠታዊ መገዲ ተጸኒዑ ኣብ ስርዓተ-ትምህርትና ክኣቱ ኣገዳሲ እዩ፡፡ እቲ ጸወታታት ክሳብ ክንደይ ሃብታም ምኻኑ ግን ንምርዳኡ ኣየጸግምን፡፡ ገለ ኣብነታት'ውን ምጥቃስ ይከኣል፡፡

- ሓንዳይ፡ ንስነቑጽሪ ብምቑጻር ስለ ነቃልለ፦ (1) ሓንዳይ እናተጻወታ/ቱ ይቖጽሩ፣ (2) ቀጺሎም ነቲ ዝኣከብዎ ይደምሩ፣ (3) ኣእምሮ ምስ ዓይኒ፣ ኣእምሮ ምስ ኣእዳው፣ ዓይኒ ምስ ኣእዳው ክወሃሃድ'ውን ዓቢ ግደ የበርክት፣ (4) ርሕቀት ምሕላው ወይ ምግምጋት ይመሃሩ ማለት፡ እምኒ ካብ እምኒ ዘህልዎ ርሕቀት፣ ሜላ ኣቈላልባ ካብ ላዕሊ ንታሕቲን ካብ የማን ንጸጋም'ውን የማዕብሉ፡፡ ወዘተ.

- ዕንክሊል፡ ኣዒንቲ ምስ ኣእምሮን ኢድን ክወሃሃድ ይሕግዝ፡፡ ሚዛን ምሕላውን ምንቅስቓስ ኣካላትን'ውን ካልእ እወታዊ ጎድኑ እዩ፡፡

ያላኺያላኻ (ንቓላት፡ ረምታን ናዕታን ይምህር)፡ ሕንቅል-ሕንቅሊተይ፡ ሃኮቲ፡ ቴምፖ፡ ኩብዕ ወዘተ. በብናቱ ደረጃን ዓይነትን ኣብ ምዕባለ ኣእምሮ ይሕግዝ እዩ፡፡ ክኢላታት ስነ-ምምህርና፡ ባህሊ፡ ደረስቲ ወዘተ. ከኣ ተወሃሂዶም ከም ኣካል ትምህርታዊ-ጸወታ ክማዕብልዎ ዝግባእ እዩ፡፡

## ባህልን ስነጥበባትን

# “ሽልማት ሻሞት ውጽኢት ናይ’ቲ ዝኸድክዎ መንገዲ እዩ”

# ድምጻዊ ቃልኣብ ተወልደመድህን

ሚኪኤል በርሀ (ወዲ በርሀ)



ቃልኣብ ተወልደመድህን ሓደ ካብ’ቶም ከዋኽብቲ ድምጻውያን ናይ’ዚ እዋን’ዚ እዩ ተበልና ምግናን ኣይኮነን። ቃልኣብ ኣብ ኣኽርያ ተወሊዱ ኣብኡ ድማ ዓብዩ። ኣብ ከባቢ`ቲ ዓንዲሩ ዝዓበየሉ ኣኽርያ ኣብ ዝርከባ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ናይ መባእታን ማእከላይ ደረጃን ትምህርቱ ብጽቡቕ ተኸታቲሉ። ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ ብዝሓደሮ ሃንቀውታን ድሌትን ገና ዕድመ ንእስነቱ ከይጸገበ፡ ሃገራዊ ግቡኡ ንኽፍጽም ምስ ኣባላት 6ይ ዙርያ ናብ ሳዋ ወሪዱ። ኣብ ሳዋ ግቡእ ታዕሊምን ማሕበራዊ ትምህርትን ድሕሪ ምውሳድ ድማ ናብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ኤርትራ ብምኻድ ንሃገሩ ግቡእ ኣገልግሎቱ ኣበርኪቱ። እቲ ካብ ግዜ ንእስነቱ ፈኺም እናበለ ዝዓበየ ናይ ምድራፍ ድሌቱ፡ ኣብ ጉጅለ ባህሊ ሓይልታት ምክልኻል ምስ ተጠርነፈ ብግቡእ ክሰርሓሉ ጀሚሩ። በዚ ዝጀመረ መስርሕ ድማ ሕጂ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ኣጋጣሚታት ዝነጥፍ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ውድድራት ዝዕወት ኮኾብ ድምጻዊ ክኸውን ኣብቂዕዎ ኣሎ። ንሓፈሻዊ ህይወቱ፡ ብፍላይ ድማ ንሞያ ስነ-ጥበብ ብዝምልከት ዘካየድናዮ ዕላል ቀጺሉ ይስዕብ፥

**• ብእዋን ቁልዕነት ክንጅምር፥ ብዛዕባ ኣተዓባብያኻ ከተዕልለና፧**

ኣብ ኣኽርያ እየ ተወሊደ፡ ኣብኡ ድማ ዓብየ። ናብራ ገዛና ብዙሕ ጽቡቕ ኣይነበረን። ሕማቕ`ውን ኣይነበረንምስ’ቶም ማእከላይ ናብራ ዘሕልፉ ዝነበሩ ስድራቤታት ኣና ንጽብጸብ። ኣተዓባብያይ ካብቶም ካልኦት መዛኖይ ዝተፈልየ ኣይኮነን። ብላዕሊ ከዐሶ ንጸወት፡ ተኣኪብና ነዕልል፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ብምእካብ ድማ ከራር ንጸወት ነይርና። ብሓፈሻ ክርአ ከሎ፡ ካብ’ቶም ካልኦት ደቂ ገዛውተይ ዝተፈልየ ኣተዓባብያ ኣይነበረንን።

**• ኣዚኻ ወዐይ ምንባርካ እዩ ዝዝረብ፥ ሓቂ ድዩ፧**

ሓቂ ጥራይ! ናይ ብሓቂ ወዐይ እየ ነይረ። ብሸኺ ዋዒ ብዙሕ ሃርየ ገይረ። እቲ ዋዒ ለሚ`ኳ ቁሩብ ምስ ዕቤት ይሓይሽ እምበር። ክሳብ እዋን ኩትትናይ እዩ ሰዒቡኒ።

**• ኣብ እዋን ቁልዕነትካ ብፍሉይ ትዝክሮ እንተሎ፧**

ሓቂ ንምዝራብ፥ ብዙሕ ዝተፈልየ ዝዝከሮ ኣጋጣሚ የብለይን። ግና እቲ ብላዕሊ ተኣኪብና ንጸወቶ፡ ንሕንብሶ፡ ተኣኪብና ብኽራር ዝዓንግዮ ዝነበርና ካብ’ቶም ተዘክርቲ ኣጋጣሚታት ናይ ህይወተይ እየም። ዳርጋ ብንኡሰይ ንሳዋ ስለ ዝወረድኩ እዩ መስለኒ ብዙሕ ናይ ቁልዕነት ዝኽሪ የብለይን።

**• ኣብ ግዜ ቁልዕነትካ ክትገብሮ ትምነ ዝነበርካ እንታይ እዩ ነይሩ፧**

እዋእ! እንድዒ፥ ብንጹር ከምዚ ክኸውን እየ ኢብል ኣይነበርኩን። እቲ ዋዒ ዘምጽኦ ደዩ ወይስ ካልእ ነገር ብዙሕ ንኽፀማዚታት ዝኸውን ግዜ ኣይነበረናን። ቡቃ ከዐሾ ትጻወት፡ ምስ መሳኣ ድማ ተኣኪብካ ተዕልል።

ከም ዝዘከረ፡ ብገጾር ከፃዚ ክኸውን እየ ዝብል ኣተሓሳስባ ኣይነበረንን። ግን ከበቢ ናቱ ጽልዋ ስለዘለዎ፡ ብውሽጢይ ከይተረዳእኒ ናይ ደርፌ ስምዒት ነይሩኒ ከይከውን እጠርጥር።

**• ኣተዓባብዮኻ ዝኢ ሕጂ ከም ሞያ ሒዝካዮ ዘለኻ ሱጥበብ ከተቅብዮ ሓጊዙካ`ዶ ትብል፧**

ብርግጽ እምበር። ከቡብን ሕብረተሰብን ኣብቲ ምስ ዓበኻ እትኾኖ ዓቢ ጽልዋ እዩ ዘለዎ። ኣኽርያ ድማ ኣብቲ እዋን`ቲ ብደረፍቲ እያ ትፍለጥ ነይራ። ወረግ ዳርጋ ከም ባህሊ ናይቲ ግዘውቲ እዩ ዝውሰድ ነይሩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ግዘውቲ፡ ዝተፈላለየ ዓይነት ባህሊ እዩ ነይሩ። ንኣብነት ማይ ተመናይ ተዓቢኻ ተጻዋታይ ናይ ምኳን ተኽእሎኻ ዓቢ እዩ። ኣብ ኣኽርያ ተዓቢኻ ድማ ደረፋይ ናይ ምኳን ተኽእሎኻ ዝዓበየ እዩ። ግዝ ጥንዳ እንተ ኢልካ ድማ ብሰይክል ፍልጥቲ እያ ነይራ። ኣብ ካልእ ግዘውቲ ድማ ኳናቱ ባህሊ እዩ ነይሩ። ጉብዝ ዝበለ ወዲ ኣኽርያ፡ ክራር ሒዙ ኣብ ፈቖዶ ኣንገሎ እዩ ዝወጽእ ነይሩ።

**• ኣብቲ እዋን`ቲ ኣብ ኣኽርያ ብዙሓት ደረፍቲ ነይሮም ማለት ድዩ፧**

ኣዝዩም ብዙሓት እምበር። እሞ ድማ ብደረጃ ሃገር ኣዝዩም ስሙያት ዝኾኑ ደረፍቲ። ኣኽርያ ብደረፍቲ ኣዚያ ፍልጥቲ ግዘውቲ እያ። ካብ ቀደም ከምጊ። ከም ኣብነት በዓል በረኸት ኣርኣያ፡ ሙበራህቱ ኣርኣያ፡ ረዘነ ባርያ (ዝተሰወአ)፡ ብዙሓት እዮም። ብሓፈሻ ኣኽርያ ማዕከን ናይ ደረፍቲ እያ ተብልና ምግናን ኣይኮነን። ኣብ ከፃዚ ከበቢ ዝዓበዩ እንታይ ከም ዝኸውን መቸም ኣይጠፍኣካን ይኸውን። ናይዚ ውጽኢት ድማ ኣዚና ብዙሓት ደረፍቲ ክንፈሪ ክኢልና። ከም በዓል መርሃዊ (ወዲ ሃለቃ)፡ ዓንዲት፡ ወዲ ያሬድ፡ ንኡብሰይ ከእትዋ`ዶ (ሱላቕ) ናብዚ ሞያ`ዚ ክንጥርንፍ በቒዕና። ዚያዳ ኣብነት ክኸውን፡ ኣነን ወዲ ያሬድን ኣብ ሓንቲ ጎደና ኢና ዓቢና። ናይዞም ቀዳምና ዝነበሩናዮም ዓበይቲ ድምጻውያን ጽልዋ ዘምጽኦ ኮይኑ እዩ ዝስመዓኒ።

**• በል ናብ ግዜ ንእሰነትካ ክወስደካ፧ ዋዒኻ ክሳብ ግዜ ኩትትናኻ ኣይገደፈትካን ሰማዕ(ናይ ሓብር ሱላቕ)። ዋዒኻን ንእሰነትካን ከመይ ትዝክሮ፧**

ዋዒ ብቐሊል ኣይተጋደፈትንን። ግና ዘይጉዳእ ዋዒ እዩ ነይሩኒ። ሳላ ዋዒ እየ ድማ ኩሉ ሃገር ክርኢ በቒዐ። ናይ ጉዳይ ንእሰነት ተኾይኑ ድማ ኣነ ዳርጋ ንእሰነት ኣየሕለፍኩን ተብልኩ ምግናን ኣይኮነን። እቲ ዋዒ ዘምጽኦ ዳርጋ ብንኡሰይ እየ ምስ ኣባላት 6ይ ዙርያ ሃገራዊ ጉብኣይ ክፍጽም ንሳዋ ከይደ። ሕጂ ክዘክሮ ከለኹ፡ ይግረመኒ ደዩ ኣይግበኣንን ይጠራጠር እየ። ዳርጋ ወዲ 16 ዓመት ከለኹ እየ ንሳዋ ወሪደ። ብንኡሰይ ከለኹ ንሳዋ ስለ ዝወረድኩ ዳርጋ ንዕድመ ንእሰነት ብዙሕ ኣየስተማቐርክዎን።

**• ኣብ ፍቕሪ`ኸ ከመይ ኢኻ ነይርካ፧**

ድሓን`ዩ። ዓቕሚ ኑበሰይ ይፈታትን ነይረ እየ። ምስ መዘኖይ ብምውድዳር ግና ብዙሕ ኣይነበርኩን። ሕጂ ታሪኽ እንደኣሉ ኣለ ክሕሱ ኣይደልን እየ። ብዓይኒ ሓቂ ኣብ ደቀንስትዮ ክሳብ ክንድቲ ንጡፍ ኣይነበርኩን።

**• ኣብ ግዜ ንእሰነትካ ንመጀመርታ ኣብ ፍቕሪ ዝወደቕካላ መዓልቲ ከመይ ትዝክራ፧**

ሓደ መዓልቲ ኣብ ፍቕሪ ወዲቐ ነይረ። ሕጂ ክዘክሮ ከለኹ ግና ብፍላጥ ዝገበርክዎ ኮይኑ ኣይስመዓንን። ምሽ ኣለካ ከፃዚ እገለ ዓርከይ ገይርዎ፡ ወዲ እገለ ፈጺምዎ ኢልካ ናይ ዓርከ መዛኻ ምቅንናእ ዘምጽኦ ኮይኑ እዩ ዝስመዓኒ። እቲ ዋዒ ዘምጽኦ`ውን ክኸውን ይኽእል እዩ። እንተ ዘይኮይኑ ከፃዚ ስጡም ፍቕሪ ክትብሎ ዘድፍር ኣይኮነን።

**• ናብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ክንስኻ ኣብጋጥሞኻ ከመይ እዩ ነይሩ፧**

ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩኻ ኣነ ምስ ሻድሻይ ዙርያ እየ ንሳዋ ወሪደ። ብዝዕባ ኣወራርዳይ እንተ ኾይኑ ድማ ካብቶም ካልኦት መዛኖይ ዝፍለ ኣይመስለንን። ናይ ዓርከ መዛኻ ምጽልላውን ምቅንናእን ዝተሓወሶ እዩ ነይሩ። ኣብቲ እዋን`ቲ ንሳዋ ምኻድ ዓቢ ሃገር እዩ ነይሩ። ሳዋ በጺሑ ዝመጸ ልክዕ ከም ሓደ ኣንበሳ እዩ ዝርአ ነይሩ። ንሳዋ ምኻድ ኣብቲ እዋን`ቲ ዓቢ `ፋሽን` ናይቲ ግዜ እዩ ነይሩ። ሕጂ ክዘክሮ ከለኹ፡ እዞም ልዑለ ዝጠቐስኩልካ ነጥብታት ምኽንያት መኸደየይ ነይሮም ክብል እኽእል።

**• ካብ ናይ ሳዋ ህይወት ዘይትርስዖ ኣጋጣሚ፧**

እቲ ዝበረኒ ዋዒ ግዲ ሓጊዙኒ፡ ምስ ሰቡት ዝበረኒ ዝምድና ጽቡቕ እዩ ነይሩ። ምስ ኣባላት ዝበረኒ ሌላ`ውን ከምኡ። ክራር ይሃርም ስለዝበርኩ፡ ብዙሕ እዋን ይጽውዑኒ ነይሮም እዮም። 24 ሰዓት ናይ ምዝንጋዕ መደብ ስለ ዝበርኖም፡ ክራር ከጻውቶም ኢሎም ይጽውዑኒ። ኣነ ድማ እናጻወትኩዎም ካብቲ ንምዝንጋዕ ኢሎም ዝቐረብዎ ብተምሪ ዝተሰርሐ ሰዋ ክሰቲ ኣምስዩ። ከተረዳኣኒ ድማ ብዙሕ ሰትዩ። ኣብ መጀመርታ ብዙሕ ኣይተረደኣንን። ግና ብርኡይ ከውዕዮኒ ጀሚሩ። ዳርጋ ሳዋ ኣብ ኢደይ ዝጨበጥክዋ ኮይኑ እናተሰመዓኒ ኮሩዕ እየ ክደርፍ ወዓሉ። እንታይ እሞ ኣብ መውዓእትኡ`ዶ ተኸሺሑ። መውጽኢ ጠፊኡኒ ደንበርበር በልኩ። ሓደ ብሩኽ ብኢደይ ሒዙ ናብ ሓይለይ ወሰዱኒ። ኣብ ግርማይካ ተመዲባ ዝበረት ኣባል 4ይ ዙርያ ዝኾነት ሓብተይ ኣጋጣሚ ክትርእየኒ መጺያ ኣብ ዓራተይ ጸኒሓትኒ። ናይ ብሓቂ እታ ኣጋጣሚ ኣይርስዕን እየ። ዘይሸዓ ኣብ ሳዋ ሰትዩ፡ ሸዓ ድማ ሓብተይ ረኺባትኒ። ሓብተይ፡ ሳዋ ዋዕየይ ዘሕድጊ መሰልዋ ነይሩ፡ ግን.......

**• ብድሕሪ ሳዋ`ከ ናበይ ኣበልካ፧**

ኣብ ሳዋ ግቡእ ታዕሊምን ትምህርትን ምስ ወሰድኩ ናብ ሓይልታት እየ ተወዚዐ። መጀመርታ ኣብ ከበቢ ማይውዑይ ተመዲበ። ብዕድመ ንእሽተይ ስለ ዝበርኩ ድማ ኣብ ክፍሊ ኢምዳድ እየ ተመዲበ። ድሕረ ድማ ምስ ኣሃዱይ ናብ ደማስ ዝበሃል ዓዲ ተንቀሳቒሰ ነይረ። ኮታ ዳርጋ ናብ ብዙሕ ቦታታት ናይ ኤርትራ ተንቀሳቒሰ እየ።

**• ኣብ ወራራት ተሳቲፍካ፡ ኣብ 3ይ ወራር`ውን ተወጊእካ ሰሚዐ። እቲ ኩነታት ከመይ እዩ ነይሩ፧**

ወራራት ምስ ተጀመረ፡ ኣብ ግንባር ዓሰብ እየ ተመዲበ ነይረ። ኣብቲ ዝበረ መሪር ኲናት ከም ኩሉ ኤርትራዊ መንእሰይ እቲ ካብዩ ዝሕተት እናፈጸምኩ ከለኹ ኣብ ሳልሳይ ወራር ተወጊአ። መውጋእተይ ኣብ ርእሰይ እዩ ነይሩ። ልክዕ ሰዓት 4 ናይ ምሸት 24 ግንቦት ኣብ መዓልቲ ናጽነትና እየ ተሃሪመ። ኣብ ምድፋእ ዋልታ ዝበሃል ኣብ

ግንባር ዓሰብ ዝርከብ ቦታ እየ ድማ ተዛሪሙ፡፡

**• ናይ ብሓቂ ፍሉይ ኣጋጣሚ እዩ፡፡ ንናጽነት ክትብል ኣብ መዓልቲ ናጽነት ኢኻ ተወጊእካ፡፡ እዚ ድማ ንጅግንነትካ ዘንጸባርቕ እዩ፡፡ እታ ኣጋጣሚ ከመይ ትዝከራ፧**

ዝተዓበበ ጉዳይ ኣይነበረን፡፡ ብዓይኒ ሓቂ ከም ጅግንነት ተሓሲቡ ኣብዚ ዕላልና ክኣቱ ከማን ኣይነበሮን፡፡ ናትይ ኣበርክቶ ምስ ካልኦት ኣነጻጺርካ ክትርእዮ ከሎኻ፡ ፍጹም ንእሽተይ ነገር እዩ፡፡ ከጥቀስ ኣይነበሮን ካብ ተላዕለ ግን...እታ መዓልቲ ኣዝያ ከብድ እያ ነይራ፡፡ ዳርጋ ካብ ሞት እየ ተንሲአ፡፡ ክሳብ ሕጂ ድማ ኣብ ገዛይ ብየብ ክብርትየ ዝዝክራ፡፡

**• ናትካን ናይ ካልኦትን ኣበርክቶ ተደማሚሩ እዩ እዚ ኣብ ተማቕርዎ ዘለና ናጽነት ተረኺቡ፡፡ ናትካ እንተተዘራብሉ ድማ ክፉል ናይቲ ታሪኽ ተዘራብሉ ማለት እዩ፡፡ ስለዚ ግድን ክትዛረበሉ ዘለካ ኣጋጣሚ ኮይኑ እዩ ዝስመዓና፧**

ኮይኑስ እኳ ንዛረበሉ ኣለና፡፡

**• ብዛዕባ ኩናት ዘለካ መረዳእታ ከተካፍለና፧**

እዋእ! እቶም ፈላጦት ይተሓተቱ እምበር ኣነ ድኣ እንታይ ክብል፡፡

**• ባህልኻ ንዘተሳተፍካዮ ኣጋጣሚ ካብኻ ንላዕሊ መን ክገልጾ ይኽእል፡፡ ኣነ ድማ ብናትካ ኣረዳድኣ እየ ዝሓተካ ዘለኹ፧**

እንታይ እሞ፡ ካብ ኩናት ዝርከብ ጸቡቕ ነገር የለን፡፡ ኩናት ሓውኻ ይወስደልካ፡ ትፈትዎ ዓርክኻ የሕድገካ፡ መራሒኻን ኣላዩኻን ዝበረ ኢዮኻ ይወስደልካ፡፡ ኮታ ኩሉ ሕማቕ ነገር ኣብ ኩናት ኣሎ፡፡ ኣዚኻ ትፈትዎ ዓርክኻ ብበረት ክምንጠል ከሎ ዝስመዓካ ስምዒት መግለጺ የብሉን፡፡ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ውሕስነትካ ዘረጋግጸልካ ነገር ስለዝኾነ ክትካፈሎ ትግደድ፡፡ ከምቲ የማነ ባርያ ኣብ ደርፉ ዝገለጾ `ሓደ ሓደ እዋን ኩናት መጸወዒ ሰላም እዩ`፡፡

**• በል ናብ ስነጥበባዊ ስርሓትካ ክንወስደና፡፡ ምስ ስነጥበብ ብፍላይ ድማ ምስ ሞያ ደርፊ ኣበይን ብኸመይን ኢኻ ተራኺብካ፧**

ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩኻ እቲ ናይ ምድራፍ ድሌትን ብዓቕመይ ምፍታንን ኣብ ጎደናታት ገዛውተይ እየ ጀሚረዮ፡፡ ፈኸም እናበለ ክየብ ድሕሪ ምጽናሕ ድማ ሓደ መዓልቲ ተበግሶ ብምውሳድ ንሞያ ደምጻዊ ክቕልቀሎ ጀሚረ፡፡ እቲ እዋን ኣብ 3ይ ወራር ተወጊአ የዕረፍ ኣብ ዝበርከሉ እዩ፡፡ እቲ ሰራዊት`ውን ኩናት ወዲኡ ኣብ ዕረፍቲ ስለዝነበረ፡ ክዘናጋዕ ኣለዎ ተባሂሉ ብበጦሎኒ ደረጃ ጉጅለ ባህሊ ክጥርነፉ ጀሚሮም፡፡ ኣነ ድማ ምስ ቦጠሎኒየይ ኣብ መንካዕዕ ዝበሃል ቦታ ተጻንበረ፡ ክደርፍ ጀሚረ፡፡ ጸቡቕ ተቐባልነት ምስ ረኸበ ድማ ናብ ናይ ብርጌድ ተሰጋገረ፡፡ ዱሓር`ውን ምስ ግንባር ዓሰብ ብምኳን ናብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ኤርትራ ዑደት ኣካይደ እየ፡፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ምርኢት ጎደና ናይ መዓልቲ ናጽነት`ውን ኣርእየ እየ፡፡

**• ፋልመይቲ ምስ ህዝቢ ዘለዎትካ ፍርያት እንታይ እያ ትብል ነይራ፧**

ኣብቲ እዋን`ቲ ቀልጢፍካ ምስ ህዝቢ ናይ ምልላይ ነገር ኣዝዩ ከቢድ እዩ ነይሩ፡፡ መጀመርታ ክትሓልፎም ዘለካ መስርሓት ነይሮም፡፡ ቅድም ብዑደታትን ብናይ ቀጥታዊ ደርፍን (live) ክትብስል ኣለካ፡፡ በዚ እየ ድማ ምስ ህዝቢ ድሕር ኢለ ዝተላለኹ፡፡ ኣጋጣሚ ሓደ ግዜ ንሓጺር እዋን ኣብ ተሃድሶ ኣትየ ነይረ፡፡ ኣብኡ ድማ ብዙሓት የዕሩኽ ኣጥርየ፡፡ ሓደ መዓልቲ ጨንገራ ዝበሃል ዓርከይ `እቲ ምስጢር ፍቕርና` ትብል ደርፊ ብኽራር ክደርፍ ይሰምዕ፡፡ ናይ መን ምኳና ምስ ሓተትክዎ ናቱ ምኳና ይነግረኒ፡፡ ክደርፋ ምስ ኣፍቀደለይ ድማ ናብ ጉጅለ ባህለይ ምስ ተመለስኩ ክደርፋ ጀሚረ፡፡ ጉጅለና ነታ ደርፊ ብዙሕ ምትዕርራይ ገይሮምላ እዮም፡፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ዜማኣ፡፡ በዛ ደርፊ ኣብ ዝተፈላለዩ ዑደታትን ጎደናታት ኣስመራን ክላለ ጀሚረ፡፡ ኣጋጣሚ ኣብቲ እዋን`ቲ ብሓባር ኮይንና ናይ ግንባር ካሴት ዘይነሕትም ዝብል ሓሳብ ይበጽሕ፡፡ ስለጠና ድማ ካሴት ነሕትም፡፡ እዛ ደርፈይ ድማ ብኸምዚ ምኽንያት ናብ ኩሉ ሰማዒ ክትበጽሕ ጀሚራ ማለት እዩ፡፡

**• ብዛዕባ እንታይ እያ`ኸ ትገልጽ፧ ኣብኡ ከሎኻ ድማ ገለ ካብ ትሕዝቶኣ ከተስምዓና፧**

እዛ ደርፊ ፍቕራዊት ኮይና፡ ሓደ ዝተጠልመ ኣፍቃሪ ንኣፋቅራቱ ዝበረት ዝዛረቦ እያ ተንጸባርቕ፡፡ እቲ ጠባይ ኣብ ዘረብኡ፡ እታ ኣፍቃራቱ ክልተ ልቢ ሒዛ ከም ዘታለለቶን ድሕሪ`ውን ሽግር ከም ዘጋጠማን እዩ ክገልጽ ዝፍትን፡፡ ኣብ መወዳእታ`ውን ክፍለያ ከሎ ሰናይ ብምምናይ፡ ንዑኡ ትመስል ጓል ሄዋን ከይደሊ ምኳኑ እዩ ዝዛረብ፡ ንገለ ካብ ትሕዝቶኣ ከስምዓኩም፡፡

እቲ ምስጢር ፍቕርና እንተዘይትናዘዚ

ከምቀደም ተትኾኒ ነይርኪ፡ ሓደ ልቢ ተትሕዚ

ብናይ ፍቕሪ ኣምሳኽ እንተትግዝኢ

ኣይምተኾንፈልክን ነይሩ እቲ መርዝም ሕጊዚ.......

**• ድሕሪኣ ፍርያት ናብ ህዝቢ ዘቕረብካዮ እንታይ እዩ ነይሩ፧**

ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽኩኹ ኣብቲ እዋን እቲ ኣዝዩም ብዙሓት ጸለውትን ህቡባትን ደረፍቲ ስለ ዝነበሩ ኣብ ህዝቢ ተቐባልነት ክትረክብ ኣዝዩ ኣሸጋሪ እዩ ነይሩ፡፡ ዕድል ግዲ ገይሩ፡ እዛ `እቲ ምስጢር ፍቕርና` እትብል ደርፈይ ቀልጢፋ እያ ተቐባልነት ክትረክብ ጀሚራ፡፡ በዚ ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ቀላሒታ ክረክብ ጀሚረ፡፡ በዚ ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ብዙሓት ሃገራውያን ደርፍታት ከፍሪ ክኢለ እየ፡፡ ኣብ ሲኒማ ኣስመራ፡ ሲኒማ ሮማ ከምኡ`ውን ሜዳ ባትቲ ማስከረም ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ደርፍታተይ ሐዘ ቀሪበ እየ፡፡ ድሕሪ`ዛ `እቲ ምስጢር ፍቕርና` ትብል ደርፈይ ጸቡቕ ተቐባልነት ዝረኸበት ግና እዛ `ይሓው` እትብል ደርፈይ እያ፡፡

**• ሄም ሕጂ ዘለዉ ደምጻውያን ብናይ ሳይፍ ምድራፍ ከመይ ትግምግሞም፧**

ኣነ ክግምግም ዓቕሚ የብለይን እንድዩ፡ ብሓፈሻ ክርእ ከሎ ግና ድሓን እዩ ዝብል እምነት እዩ ዘለኒ፡፡ ድሓር ድማ ኣየናይ ትምህርቲ ረኺቦም እየም`ሞ ከምዚ`ዶ ከምቲ`ዶ ኢልና ክንግምግሞም፡፡ ከሎኻ`ቆም ኢና ከማን ዘለና፡፡ ኩሉ ግዜ ግና በቲ ዘለካ ክትፍትን ስለዘለካ፡ ውልቃዊ ጻዕሪ ኣገዳሲ እዩ፡፡

**• ቅድሚ`ታ `ግርማ ከተማ` ዝስመኻያ ኣልበምካ ገለ ገለ ፍርያት ኣበርኪትካ**

**ነይሮም። ብዝዕባኡን ክተዕልለና።**

እወ ቅድሚ`ታ ካሴተይ ገለ ብርክት ዝበለ ስርሓት ኣፍርየ ነይረ እየ። ከም ኣብነት `ንሕና` እትብል ኑቲ ዘይምኸኑይ እገዳ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ትገልጽ ንጽል ደርፊ ክንጠቅስ ይከኣል እዩ። ካልእ ኣብ ድራማ ናይ ወዲ ኳዳ ዝደረፍክዋ `ቤተ ሳይዳ` እትብል ደርፊ`ውን ክንወስኽ ይከኣል እዩ። ኣብ መዓልቲ ናጽነት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ዝተደርፈት `ሰማ` ዘርእስታ`ውን ሓንቲ ካብኣን እያ።

- **`ሰማ` ሓንቲ ካብተን ጸቡቕ ተሰሚዐን ዝረኸበ ደርፍታትካ እያ። ብዛዕባ እንታይ እያ ትገልጽ፣ ኣቢታ ደርፊ ዘለካ ጦብላሕታ`ኸ ከመይ ትገልጾ፣**

እዛ ደርፊ ግጥማ ብበየነ ሃይለማርያም ክትሰርሓ ከላ ዜማ ድማ ሙኽታር ሳልሕ እዩ ኣዳልዩዋ። ኣብቲ መጀመርያ ክትሰርሓ ከላ ብጠለብ ሄለን ጳውሎስ እያ ተሰሪሓ። ግና ብጠለ ምኽንያት ክትመጽእ ኣይከኣለትን። ሽላን ክደርፉ`ውን ተሓሰቡ ነይሩ፣ ብጠለ ምኽንያት ንዕኡ`ውን ክጥዕም ኣይከኣለን። በዓል ጣሂቖ`ውን ፈቲኖማ ነይሮም ማስለ፡ ንዕኦም`ውን ኣይሰለጠየምን። ኣብ መወዳእታ ድማ ኣነ ምስ ፍረህይወት ክንደርፋ ተወሲኑ፣ ከምቲ ዝረኣኸዮ ድማ ደሪፍናያ። ኣብ ህዝቢ ድማ ጸቡቕ ተቐባልነት ረኺብናሉ። ናይ ብሓቂ ምስ ህዝቢ ጸቡቕ ቅርበት ዝፈጠረትለይ ደርፊ እያ።

- **ብዙሕ እዋን ኣብ ደርፍታትካ ሓይልን ስምዒትን ተንጸባርቕ ኢኻ። እዚ ካብ ምንታይ እዩ፣**

ኣብ ዝሓለፉ ዝገበርክዎም ዝተፈላለዩ ዕላላት`ውን ኣብሪሀዮ ነይረ እየ። ኣነ መጀመርያ ግጥምን ዜማን ክመጽኒ ከሎ፡ ኣቐዲመ ከስተማቕሮ እየ ዝፍትን። ኣብ ውሽጠይ ጸቡቕ ገይረ ምስ ኣስተማቐርክዎ፡ ስምዒት ዝፈጥረለይ ኮይኑ እዩ ዝስመዓኒ። ከም ኣረዳድኣ`ውን ብሓይልን ስምዒትን ዘይድረፍ ደርፊ ብዙሕ ኣይምስጠንን (sence ኣይህበን) እዩ። እዚ እምነት`ውን ናቱ ተራ ክህልዎ ይኽእል እዩ።

- **ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራዊ ኣጋጣሚታት ብዙሕ ፍርያት ኢኻ ኣፍሪኻ። ብዚይካ ኣብ መዓልቲ ናጽነት፡ መዓልቲ ሰማእታት፡ ምጀማር ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ሃገራውያን ፈስቲቫላት`ውን ተሳቲፍካ ኢኻ፣ ገለ ብዛዕባ እተን ኣብ ሳዋ ዝደረፍካየን ደርፍታት ክተዕልለና፣**

ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ኣብ ሳዋ ሰሪሐ እየ። ብፍላይ ድማ ኣብ ፈስቲቫል መንእሰያት። ኣብ 2012 እዩ ማስለ፡ `ኢታ ዋና ግዜ` እትብል ኣፍርየ ነይረ። ጸኒሐ`ውን ኣብ 2014 ሓሚመ ከለኹ `ዝተኸሰረ የለን` እትብል ንመንፈዓት መንእሰይ እትገልጽ፡ ኣብ ዝሓለፉ ናይ መኸተ እዋናት ዝተኸሰረ ነገር ከም ዘየለ እትገልጽ ሰሪሐ ኣቕሪበ ነይረ።

- **ኣብ 2014 ብጽኑዕ ሓሚምካ ነይርካ ሰሚዐ። ሓቂ ድዩ ወይስ ወረ ናይ ሰብ እዩ፣**

ሓቂ እዩ። ናይ ብሓቂ ብርቱዕ ሕማም ሓሚመ ነይረ። ንሱዳን ከይደ ከባቢ ሸድሽተ ወርሒ ኣብ ዓራት ደቂሰ እየ። ሕጂ ክበዝሮ ከለኹ፡ ኣዝዩ ሕማቕ እየ ነይረ። ናብ ኣስመራ ምጽእ ምስ በልኩ ድማ ፈስቲቫል ናይ መንእሰያት ኣርከብ ትጽንሓኒ። ምስ ዘርእሰናይ ተሰፋይ ተዘራሪብ ድማ ክደርፍ ኣሰኒ ይብሎ። ንሱ እኳ ምስ ሕማምካ ኣይትኸይድን ኢኻ ኢሉ ኣብዩኒ ነይሩ። ኣነ ግና ክሳተፍ ስለዝደለኹ፡ ምስ ሕማመይ ከለኹ ተጸሚመ ደሪፈ፡ ተሳታፊ ናይቲ ዓቢ እንግዶት ድማ ክኸውን በቒዐ።

- **ደርፍታትካ በብሓደ ዘርዚርና ክንውድኦ ኣይኮነልን ኢና፣ ናብታ ኣልበምካ ተሰጋርና ይሓይሽ።**

እታ ካሴት ኣብ ከባቢ 2008 እያ ክትሰርሓ ጀሚረ። ኣብ 2010 ድማ ናብ ህዝቢ ክትዝርጋሕ በቒዓ። ናይ ብሓቂ ከቢድ ስራሕ ዝሓለፉ ኣልበም ድማ እያ። ዓሰርተ ደርፍታት ሒዛ ድማ ናብ ሕትመት በቒዓ። ብሓፈሻ ክትርኢ ከላ ኩሉ ዝማልኣት ካሴት እያ ነይራ። ኣብ ውሽጣ ማሕበራዊ፡ ፍቕራውን ሃገራውን ትሕዝቶታት ዘለወን ደርፍታት ዝሓቖፈት ድማ እያ።

- **ብዙሓት ሰዉጣበኛታት ካሴት ክተወጽእ ከቢድ ምዃኑ እዮም ዝገልጹ። ዝሓለፍካዮም ብድሆታት ምስዚ ኣብዚኣ ኣዛሚደካ እንታይ ምበልካና፣**

ናይ ብሓቂ ሓቂም እዮም። ካሴት ክትሰርሕ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ካብ ቁጠባ ጀሚርካ ክሳብ ሃለኸለኹ ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ኣነ ኢጋጣሚ ዕድል ዝገበርክዎ፡ ናተይ ራኢ ዝበርም ብዙሓት ሰባት ብምንባርም እዩ። እምበር በይነይ ኣይመውጻእክዎን። ካብ በዓል ኤርምያስ ተስፋይ (ወዲ ጥልያን) ጀሚርካ፡ በዓል ግራይ ኣይትበል በዓል መም.ወልዳይ ኣይትበል ስለዝተሳተፍዋ እየ ከምኮት ክኣሉ። ካሴተይ ብዙሓት ሓያላት ገጠምትን ዘዮምትን ዝተሳተፍዋ ካሴት እያ ነይራ። ከም በዓል ሳሚኤል ኣልመደ (ወዲ ኣልመደ)፡ ሃብቶም ሃዱ፡ ጎይትኦም ኒጋሽን ካልኦትን ዝተሳተፍዋ ካሴት እያ ነይራ። ብሓፈሻ ብዙሕ ድኻምን ገንዘብን ዝሓተተት ካሴት እያ ነይራ። ዝርመካ እቶም ኣብኣ ዝተሳተፉ ሰጣበኛታት ግቡእ ዓሰቦም ከማን ኣይረኸቡን። ግና ኣብ መወዳእታ ዕግበት ዝፈጥር ብምዃኑ ብምስራሓ ሕጉስ እየ።

- **ኣብዚ ቀረባ እዋን `ሻሞት` ዝተሰምየ ኣብ ሰጣበዊ ስርሓት ዘተኮረ ሸልማት ኣብ ሲነማ ኣስመራ ተዓዲሉ ነይሩ። እዚ ሸልማት ኣብ መንእሰያት ሰጣበውያን ዝህልዎ ጽልዋ ከመይ ትገልጾ፣**

እዚ ሸልማት እዚ ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ ምስ ዋርሳ ማዘናግዒ ማእከል ብምትሕብባር ዘዳለዎ ሸልማት እዩ። ብቐንዱ ድማ ኣብ `ሾርት ሙቪን ክሊፕን` ዘድሃበ ሸልማት እዩ ነይሩ። ናይ ብሓቂ ኣዝዩ ደስ ዘብለን ዘተባብዕን ተበግሶ ድማ እዩ። ሓደ ኣርቲስት ኣብቲ ናይቲ ዝሰበር ዘሎ ሕብረተሰብ እዩ። እቲ ዝብሎ ድማ ንሕብረቱ ናይቲ ዝሰበሮ ከባቢ እዩ። ነዚ መሪሓ ድማ ሞራልን ምትብባዕን የድልዮ። ወደብቲ ናይዚ ሸልማት፡ ነዚ ሓቂ እዚ ተገንዚቦም ተበግሶ ምውሳዶም ደጊመ ኣመስግኖም። ናይ ብሓቂ ኣብ ሰጣበ ሃገርና ዓቢ ሰውራ ዘምጽእ ተበግሶ እዩ። ግና ክዕቀብን ክቕጽልን ክገፍሕን ማለትሲ ንብዙሕ ዓውድታት ኣብ ግምት ዘእተወን ክኸውን ዘለዎ ሸልማት እዩ። ኣብ መንእሰያት ዝህልዎ ጽልዋ መግለጺ ከማን የብለይን። ምኽንያቱ ናይ ምውድዳር መንፈስ ስለዘኸትል።

- **ኣብዚ ውድድር ብምንታይ ብምንታይ ደርፍታትካ ኢኻ ተወዳዲርካ፣ ብምንታይ`ከ ተዓዊትካ፣**

ብክልተ ደርፍታት እየ ተወዳዲረ።

`ካንዶ`የ`ን `ክንራ`ኹብ ኢና`ን ብዙሖ ደርፍታት እየ ተሳቲፈ። ብኡኣን ድማ ተዓዊተ፡፡ `ካንዶ`የ` ትብል ደርፈይ ዝበለጸ `ኤዲቲን` ዝተኻጸብረቆላ ተባዚላ ክዕወት ከሎ፡ እታ `ክንራ`ኹብ ኢና` ትብል ደርፈይ ድማ ብሰለስተ ካገራት እያ ተሸሊማ፡፡ ዝበለጸ ዳይረክቲን፡ ዝበለጸ ቪድዮ ክሊፕ፡ ዝበለጸት ደርፊ ተባዚላ ተዓዊታ፡፡ ኣብ ኤዲቲንግ ከማል ዲኖ ክዕወት ከሎ፡ ኣብ ዳይረክቲንግ ድማ የናስ ምሕረተኣብ (ማይናስ) እዩ ዝ.ሸልማት በቒዑ፡፡ ብሓፈሻ ኣሃን መሳርሕተይን ብምኳን ከባቢ 80 ሽሕ ክንዕወት ክኢልና ኢና፡፡

• **እሞ ኣብቲ ኢጋጣሚ እንታይ ተሰሚዑካ፧**

ሓጎስ፡ ናይ ብሓቂ ልዑል ሓጎስ እዩ ተሰሚዑኒ፡፡ ማለት`ሲ ዝጸዓርካሉ ክዕወት ክትርእዮ ከለኻ ዘየሐጉስ ኣይኮነን፡፡ ግን ከኣ እታ ምሸት ሓለፍት ዘሰከመትኒ ምሸት እያ ነይራ፡፡

• **ብኽመይ ኢኹም ኸሽኻን መሳርሕትኻን ዝ.ዓወት ክትበቕዑ ክኢልኩም፧**

እዋን! ብጻዕርና፡ ዝብል እምነት እዩ ዘለኒ፡፡ ክንንጸተሉ ኣይንደልን ኢና፡ ግና ከኣ ወጽኢት ጻዕርና ምኳኑ ኣይንስሕትን፡፡ ብዙሕ ክንሰርሕ ከም ዘለና ኣይሰሓትኩን፡፡ ከም ዝመስለኒ ኩሉ ሰብ በብዓቕሙ ጸዒሩ እዩ፡፡ ንሕና`ውን ከም ሰብና ሰሪሕና፡፡ ብሓፈሻ ሸልማት ሻሞት ወጽኢት ናይቲ ዝኸድናዮ መንገዲ እዩ፡፡

• **ብዘይካ እዚን ኣብ ሸልማት `ሻሞት` ዝተሸለምኩምን ኣብ ካልእ ሃገራዊ ውድድር ዝተዓወትኩም ኣሎ`ዶ፧**

እወ ኣሎ፡፡ ካብተን ዝዘከረን ንኣብነት `ንሕና` ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል 10ይ ደርጃ ክትሕዝ ከላ `ሰማ` ትብል ምስ ፍረህይወት ኮይንና ዝደረፍናያ`ውን 7ይ ደርጃ ሒዛ ተዓዊታ እያ፡፡ እዚኣን ካብተን ዝዘክረን ዓወታተይ እየን፡፡

• **ምስ ሞያኻ ዝተኣሳሰር ዝወሰድካዮ ስልጠና ነይሩ`ዶ፧**

ብዙሕ ዝጥቀስ ኣይኮነን፡፡ ኣብ ዓሰብ ከለኹ ምስ መዚቃ ብዝተኣሳሰር ሓጺር ስልጠና



ወሲደ ነይረ፡፡ ብሕጂ ድኣ ይፍጠረለይ እምበር ብዙሕ ዝወሰድክዎ ስልጠና የለን፡፡

• **ኣብ ግጥምን ዜማን`ከ ከመይ ኢኻ፧**

ግጥምን ዜማን ብሓባር ኣብ ሓይልታት ከለኹ ይፈታትን ነይረ፡፡ ዜማ ግና ክሳብ ሕጂ ኣየቋረጽኩን፡፡ ኣብ ብዙሓት ደርፍታተይ`ውን ባዕለይ ዝሰራሕክዎም ዜማታት ተጠቂመ ኣለኹ፡፡ ከም ኣብነት ናይ 20 ሰብ ብዙሓት ፍርያት ኣለውኒ፡፡ ብዓል `ካንዶ`የ` ዝበሉ ደርፍታተይ`ውን ዜማ ናተይ እየን፡፡ ንሰብ`ውን ብዙሕ እኳ እንተዘይኮነ ብዓቕመይ ብዙሕ ዝበለ ሂበ ኣለኹ፡፡ ብዋዘኡ ይዛረበሎም ይኾኑን ድኣ እምበር ብሕጂ ናብ ሰማዕቲ ዝመጹ ንሰብ ዝሃብክዎም ዜማታት`ውን ኣለው፡፡

• **ክሳብ ሕጂ ክንደይ ዝኣኽሉ ፍርያት ናብ ህዝቢ ኣቕሪብካ ኣለኻ፧**

እዋእ! እንድዒለ፡፡ ክንደይ እሞ ክንብሎ ኢና፡፡ ብዙሕ ኣይኮነን ኣመና ውሑድ ድማ ኣይኮነን፡፡ ብሓፈሻ ግና ዝጽብጸበሉ እዋን ኣይበጽሐን እየ ዝብል ኣለኹ፡፡ ምኽንያቱ ኣብ ስራሕ እየ ዘለኹ፡፡ ብዙሕ ድማ ክፍሪ ከም ዘለኒ ይርዳእ እዩ፡፡ ብሓፈሻ ግና ዝጽብጸበሉ እዋን የምጽኣለይ ጥራይ፡፡

• **ቀጺለ ሕጽር ሕጽር ዝበሉ ሕቶታት ክሓተካ፡ ደርፊ ኣቋርጽ እንተ ትብሃል እንታይ ምገበርካ፧**

ኣይፋል ምባልኩ፡፡

• **ዝሓረቕካሉ እዋን፧**

ሓደ ግዜ ወዲ ትካቦ እምኒ ዓረ ትብል ደርፊ ምስ ሰርሐ፡ ብሓንሳብ ክንደርፋ ይሓተኒ፡፡ ኣነ ድማ ተሓጊሰ ተቐቢለዮ፡፡ ናይ ብሓቂ ዝተመሳሰጥኩላን ክደርፋ ዝበሃግክዋን ደርፊ እያ ነይራ፡፡ እንተ ኾነ ንዓሰብ ግድን ተበገስ ስለዝተባህልኩ ክደርፋ ኣይከኣልኩን፡፡ ክሳብ ሕጂ ተሕርቐኒ ኢጋጣሚ ናይ ህይወተይ እያ፡፡ ነታ ደርፊ ድማ ብቑጻሊ ከም ናተይ ገይረ እየ ዝዝረባ፡፡

• **ክትውንኖም ትደልዮም 3 ነገራት፧**

ቀዳማይ ድሌተይ ሰላምን ቅሳነትን ናይ ህዝቢ ኤርትራ፡፡ ካልኣይ ኣብ ሓዳረይ ቅሳነትን ዕቤትን፡፡ ሳልሳይ ድማ ኣብ ሞያይ ዕቤትን ዓወትን፡፡

• **ክትበጽሖ ትደሊ ቦታ ናይ ኤርትራ፧**

ኣብታ ዝተሃረምኩላ ቦታ ናይ ምድፋእ ዋልታ ደጊመ ክበጽሕ ምደለኹ፡፡

• **በዚ ኢጋጣሚ ንመንእሰያት እትህቦ ምኽሪ፧**

ኣፍቅርቲ ሃገርም ክኾኑ ኣለምም በሃሊ እዩ፡፡

• **ደርፊ ንዓኻ እንታይ እዩ፧**

ደርፊ ቀስቃሲ ስምዒተይ፡ ሓብሪ ኣንፈተይ እዩ፡፡

• **ንኽተመስግኖ ዕድል ክህበካ፧**

ካብቲ ታተ ኣለ ናብ ስጉምቡብ ዓለም ዝኣተኹሉ ኢጋጣሚ ጀሚርም ክሳብ እዛ ዕለት ኣብ ጎኒይ ኮይናም ሓጊዞም ዘበርክቱለይ ኩሎም ገበርቲ ጸቡቐይ ኣመስግን፡፡ ኣብ ግዜ ሕማመይ ካብ ጎኒይ ዘይተፈልዩ፡ ኣብ ግዜ ጸገመይ ዝደገፉኒ ካብ ስድራይ ጀሚርካ ኩሎም ፈተውተይ ኣመስግን፡፡ ንኽብርቲ በዓልቲ ቤተይ ጋዜጠኛ ሰምሃር ተስፋሚካኤል ድማ ሕልፊ ኩሎም ብልቢ የመስግና፡፡

• **ንሕና`ውን ስለቲ ምቕሉል ኣቀራርባኻን ክቡር ግዜኻን ብልቢ ነመስግን፡፡**

# ሻሞት፡ መንጎ ምቕጻልን ምቕጻይን

ኢንጅ. ኣኽደር ኣሕመዲን

ብባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ ተወዲቡ፡ ብዋርሳ ኢንተርፕራይዝ ዝተመወለ፡ ንብሉጽ ስነጥበባዊ ስርሓት ክብርን ኣፍልጦን ንምሃብ ብዙባል ዕላማ፡ ኣብዚ ፈላማይ መድረኹ ኣብ ሓጺር ፊልምታትን ቪደዮ ክሊፕን ብምትኳር፡ ብ 7 ሰነ 2018፡ "ሻሞት" ዝተሰምየ ሽልማት ኣብ ኣዳራሽ ሲነማ ኣዝመራ ንዕዉታት ተዋሂቡ። ሻሞት ዝብል ቃል ከተድምጾ ጥዑም 'ስም' ኰይኑ ትርጉሙ ብመሰረት ዘመናዊ መዝገበ ቃላት ትግርኛ - ተክአ ተስፋይ ብኸምዚ ዝስዕብ ይግለጽ፦

ሓደ ካብቶም ብዙሕ ዝዘርኡ (ኣስፓራጉስ) ምሉእ ዓመት ዘብቊል፡ ብፍላይ ደማ እቲ ውልዶ ጨናፍሩ ንመግቢ ኪኸውን ተባሂሉ ብሰፊሑ ዚዝራእን ዚኸስኩሱን ተኽሊ...።

ካብዚ ቀሩብ ፍልይ ብዝበለ ኣገላልጻ፡ ሻሞት ዝብል ሲያመ ብትግራይት ኩይኑ፡ ኣብ ሳሕልን ካልኦት በረኽቲ ከባቢታት/ በረኻታት (ባዕሉ) ዝበቊል፡ ፍረኡ ዝብላዕን ዓመት ምሉእ ልሙዕን ገረብ ምዃኑ ይግለጽ። እዚ ስም ዝተሓረየሉን ምኽንያትን ምትሕሓዙ ምስ'ቲ ሽልማትን፡ ኣብቲ ኣጋጣሚ ብወደብቲ ናይ'ቲ መደብ ብሰፊሑ ተገሊጹ እዩ። እቲ ኑቲ ሽልማት ዝተጉበረሉ መለለዩ ኣርማ፡ ዋላ'ኳ ሽዑ እንተ ዘይተገልጸ፡ ካብቲ ብኣርቲስት ኤርሚያስ ዕቑብ ንመማጼት ኮሚቴ ደረጃታት ፊልም ኤርትራ ኣሉ ዘዳለዎ ማራኺ ስነጥበባዊ ክእለት ዝተንጸባረቐ ንድፈ-ስእሊ ዝተወሰደን ሓደሓደ ምምሕያሽ ዝተጉበረሉን እዩ። እቲ ስእሊ፡ ኑቲ ትካል ዘውክል ኣብ መንከባ 'ሳንጌዳ' ተሰኪማ ሚዛና ሓልያ እትጓዓዝ ጉርዞ ኩናማ የርኢ፡ ኣብቲ ብሚዛን ጠልጠል ዝበለ ዓታሩ ከኣ 'ሪል' ናይ ፊልም ይርኢ። ኣብ ሰለስተ ማእዝናዊ (3D) ሞልድ እንተ ዝኸውን ዕምቈትን ገላጽነትን ናይ'ቲ ጥበብ ዚያዳ ምጕልሐ። ኣብ ዝቐጽል እዋን ወደብቲ ክሓስቡሉ ተስፋ እገብር።

እዚ ናይ ሉምዝበን ሽልማት ሻሞት እምበኣር፡ ኣብ ሓጺር ፊልምን ቪደዮ ክሊፕን፡ ካብኡ ናብኡ ኣብ ዝተፈላለዩ ባእታታት ቪደዮ ክሊፕ ጠመተ ብምግባር ናብኡ ዛዘዩ እዩ ተዛዚሙ። (ፍሉይነቱ፡ ኣውዳድባኡ፡ ወግዑን ማዕረጉን፡ ደረጃኡ ዝሓለወ ብፍላይ ቡቲ ንጸቡቕ ዘቖድም ዓይኒ፡ ዓጅብ ዘብል እዩ ነይሩ።) ዕላማ'ዚ ጽሑፍ'ዚ እምበኣር፡ ነዚ ንበዙሓት ስነጥበበኛታትን ኣፍቀርቲ ስነጥበብን ተስፋ ዝፈጠረ መደብ፡ ዓመት መጸ ብቐዓትን ጽሬትን ከሉ ዓይነት ስነጥበባዊ ስርሓትና እንልክዓሉ ሃገራዊ ኣጋጣሚ ክኸውን ብምሕላን፡ ኑቲ ጺህያይ (ክርዳድ) ክኸውን ዝኽእል ጉታቲ ኣተሓሳስባታትን ስሩፍ ዝምባለታት ኣለሊኻ ንምውቃዕ ዝኽእል ሓገዝቲ ነጥብታት ንምእማት ዝዓለመ እዩ።




**ድሕረ-ባይታ**

ኣብ ሃገርና ስነጥበባዊ ስርሓት ምውድዳርን ሽልማት ምሃብን ናይ ፈለማ ኣይኮነን። ባህሊ ምትብባዕን ምሽላምን ብሉጻት ስነጥበባዊ ስርሓት፡ ካብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ እትሕዞ ከም ዝጸንሐ ዝፍለጥ እዩ። ኣብ እዋን ቃልሲ ኣብ ሳሕል ካብ 1984-1987 ዝተኻየዱ ሰለስተ ውድድራት፡ ስነ-ጽሑፍ ንምምዕባል ዓቢይ ዕድል ከፊቶም እዮም። ካብ'ዞም ውድድራት እቲ ናይ መወዳእታ፡ ኣብ መስከረም 1987 ኣብ ዝተኻየደ "ባህላዊ ቅነ" ገምጋሙ ዝተዋህበ ብኽፍሊ ባህሊ ህ.ግ ዝተወደበ "ሳልሳይ ውድድር ስነ-ጽሑፍ" ብዓይነቱን ኣውዳድባኡን ዝተፈለየ ምንባሩ ዝፍለጥ እዩ። ከም በዓል መኾነ (ብሰለሙን ድራር) ብፍሉይነትን ቀዳማይ ደረጃን ከምኡ'ውን ካልኦት ዓሰርተ ብሉጻት ሓጻርቲ ዛንታት ዝፈረያሉ ኣጋጣሚ ኣብ ታሪኽ ስነጽሑፍ ትግርኛ ኤርትራ ኣገዳሲ ምዕራፍ እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ እቶም ብድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ኣብ ሳሕል ዝተኻየዱ ክልተ ቀዳሞት ውድድራት'ውን፡ ከም "ቀያሕ መሰብይ" (ብሚከኤል ኣደናይ)፤ ኣብ 1988 ኣብ ሳሕል - ዞባ እሮታ፡ ብኣጋጣሚ ባሕቲ መስከረም ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ስነ-ጽሑፍ "ዓይኒ ትጸም" ብዝትት ስዩም (ሽጉም) ዝኣመሰላ መወከሲ ክኾውን ዝኽእል ስነጽሑፋት ክፈሪ ዓብ ኣርሒዩ እዩ። እዚ ባህሊ ምውድዳርን ንብሉጽ ምሽላምን ኣብ ጽባሕ ናጽነት'ውን ቀጺሉ እዩ። ከም ዝዓበየ ንጥፈት ክውሰድ ዝኽኣል ድማ እቲ ብራይሞክ ዝፍለጥ ዘበረ ሽልማት እዩ።

ሃገራዊ ኣወሃሃዲ ሽማግለ በዓላት ምስ ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ ብምትሕብባር፡ ስነጥበባዊ ስርሓት ድሕረ-ናጽነት ኤርትራ ብኸሉ ሸነኻቱ ንኽዕቢ ዝድርኽ ዓመታዊ ዝግበር ገምጋምን ደረጃን ዘውሰን ሽልማት ራይሞክ ክህሉ ወሲኑ። እዚ ሽልማት'ዚ፡ ንሸሞንተ ዓመታት ማለት 1995 - 2002 ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሑ፡ ኣብ መወዳእታ ብሰንኪ ዝቐረበ "ዝተፈላለየ ምዕዝምዛም ስነጥበበኛታት. . ." (ሽዑ ኣብ ዝተኻየደ ገምጋም ዝተገልጸ) ደው ክብል ተወሲኑ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሃገራዊ ፈስቲቫል ይኹን ፈስቲቫል መንእሰያት - ሳዋ'ውን ኣብ ስነጽሑፍ ዘተኮረ ብፍላይ ካብ 2004 ንነጀው ዝተፈላለዩ ውድድራት ተኻይዱን ሽልማታትን ተዋሂቡ እዩ። ብፍሉይነት ድማ ካብ 2005-2008 ብሉጽ ሓጺር ዛንታት

ውድድር ፈስቲቫል ኤርትራ፣ ኣብ ሰለስተ ቅጺታት (12 ዛንታታት፣ 20 ዛንታታት፣ 14 ዛንታታት ኣብ ዝተሰምያ መጻሕፍቲ) ተሓቲሙ ተዘርጊሑ እዩ። ዳርጋ ኩሉ'ዚ ዝተጠቕሰ ውድድራትን ሽልማታትን ብበናይ ግዚኡ-ርእሱ ምኽንያታት ክቕጽል ኣይከኣለን። መብዛሕትኡ ተዓንቂፉ ተሪፉ እዩ። እቲ ብውልቀሰባት ዝጀመረ ዕንቅፋት ክሳብ ኣበይ ከም ዝበጽሐ ንኽንርድኦ ግን ኑቲ ናይ 2010 ኣጋጣሚ ምሽላም ፊልምታት ንዝከበረ ኩነታት ምርኣይ ሓጊዚ እዩ።

ኣብ 2010 ብመማጸኢት ኮሚቴ ደረጃታት ፊልም ኤርትራ ን42 ፊልምታት፣ (ክሳብ ሽዑ ንደረጃ ዝቐረበ ፊልምታት) ብ16 ባእታታት ፊልም ንምሽልማ ዘንቀደ ዓቢይ መደብ ተወጢኑ ምንባሩ፣ ብፍላይ ብሰራሕቲ ፊልም ኣይርሳዕን። ኣብቲ ናይ ፈስቲቫል ኣጋጣሚ ብመሰረት'ቲ ብቤት ጽሕፈት ደረጃታት ፊልም ኤርትራ ዝቐረበ መውዳደሪ ባእታታት ፊልም፤ ዳይረክቲንግ፡ ፍሉይ ወጥሪ (suspense) ናይ ምፍጣር ክእለት፣ ዛንታ፣ ኣወሳስኣ ካብ ደቀንስትዮ፣ ኣወሳስኣ ካብ ደቂተባዕትዮ፣ ስእሊ፡ ድምጺ፡ መዚቃ፡ ኣርትዖት (ኤዲቲንግ)፡ ምኽና (ሴቲንግ)፡ ሓፈሻዊ ምምስሳል (ሜክኣፕ)፡ ፍሉይ ምምስሳል፡ ኣልባስ (ኮስትዩም)፡ ንብረት (ፕሮፕስ)፡ ቴክኒክ ኣጸሓሕፋ ጽሑፍ-ፊልም ዝበሉ ባእታታት ነይሮም። ባእታታት ክበጽሕ ዝተገብረሉ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ፡ ፊልም ብዙሕ ክእለታት፣ ሞያታትን ግዝኡበን ዝፈሶ ዓውዲ ብምዃኑ፣ ብዝከኣል መጠን ንኹሉ ሞያታት ክብርን ኣፍልጦን ንምሃብ ዕላማ ዝገበረ እዩ ነይሩ።

በዚ መሰረት፣ ብ7 ነሓሰ 2010 ኣብ ኣዳራሽ ዌስት-ኤንድ ኣብ ዝተዳለወ ኣጋጣሚ፡ ቤት-ጽሕፈት ደረጃታት ፊልም ኤርትራ ኣብዚ ዝተጠቐሰ መውዳደሪ ባእታታት ፊልምታት ንምውድዳር ዝተኸተሎ ኣገባብን ኣብ ናይ ነፍሰወከፉ ሰለስተ ሕጹያት (Nominees) ፊልምታትን/ሞያውያንን ብግልጸኛን ብወግዕን ኣፍሊጡ፣ ዕውታት ድማ ኣብ ወግዓዊ መዛዘሚ ጽንብል ፈስቲቫል ኤርትራ ክርቐሑን ሽልማቶም ክወስዱን ምዃኖም ኣፍሊጡ።

እንተኾነ፡ እቲ ከምዚ ዝበለ ኣብ ታሪኽ ምፍራይ ፊልም ሃገርና እምነ ኩርናዕ ክኸውን ተሰፊ ዝተነብረሉ ኣጋጣሚ፡ መን/ኣየኖይቲ ፊልም ትሽለም ብዘዋገድስ ኣገዳሲ ምዕራፍ ክኸውን ዝተበገሰ መደብ ኣብ ዕሽሉ ንምሕናቕን ንምቝጻዩን ላዕልን ታሕን ዝበሉ ቀንጣሮ 'ስሩዓበኛታት'፣ ኣብ መወዳእታ እቲ ሽልማት ናብ ሓሙሽተ ባእታታት ከም ዝወርድ ድሕሪ ምግባር፡ ንኸይድገም ከይተሓለሉ ጽዒሮም። ናይ ግዚእ-ርእሱ ሓደ-ሓደ ምኽንያታት፣ ናይ ባጀት ሕቶን ካልእ ሕጽረታትን ተወሲኽዎ ክቕጽል ዘይምኽኣሉ፣ ምናልባት ንግዚኡ ከም ዓወት ይሓሰብዎ ይኾኑ - ግን ኣይኮነን። እቲ ናይ ምትዕንቓፍ ሃቐነ ክሳብ ናብቲ ንኽዕምኡ ዝበለ ዕዮ ክዓምም ዝቖመ ትካል ንምፍራስ ዝኸይድ እዩ ነይሩን ዘሎን። ምስቲ ብምሉእ ግዚኡ (Full timer) ንኽዕምዚ ዝበለ ንጸቡቕ ተበግሶ ዝጸየን ክትጓየ፡ ጺጋታት ኣእምሮ፡ ግዜ፡ ዘፍሪ ሕልና ምብኻን ኣብ ርእሲ ምዃኑ ናብቲ ትሑት ደረጃ ምውራድ'ውን እዩ። ስለዚ፡ መፍትሒኡ ብኸምዚታት ዘይናጸወጽ ጽኑዕ ትካላት ምህናጽን፡ ብሕጊ፡ ብስርዓት፣ ብፍልጠትን ሓለፍነታዊ መገድን ዕብየት ምርግጋጽን ጥራይ እዩ። ዝታት ዕድል ንምኽላእ እምበኣር ዝምልከቶም ኣካላት ብዕቱብ የጽንዕዎ ክህሉውን፡ ከከም ኣድላይነቱ ስርንቀል መአረምታ ክወሰዱሉን ከኣ መድረኻዊ ኩይኑ እስምዓኒ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣብ ክሊ ማሕበረሰብ ስነጥበብ ሓደ ኣሰካፊ ባህሊ ጸኒሑን ኣሎን። ኣብ ንሓድሕድካ ዘይምኽባር፡ ምንዕዓቕ፡ ንዘሰርሐ ንምጽላምን ንምንጻልን ድቃስ ምስኣን፡ ብሓፈሻኡ ክብሪ ክህብ ዝጸገም፡ ንብሉጽ ስራሕ ክቕበልን ክኣምንን ዘይክእል ደረቕነትን ስዒሩ ግዚኡና ጥራይ ዘይኮነስ ዳርጋ ባህሊ ዝኾነ ይመስል።

ብሓፈሻኡ እምበኣር ምስ ሽልማት፣ ኣፍልጦን ክብርን ምሃብ ዝዛመድ ዝጸንሓና ተመኩሮ፡ ትዕዝብትን ልማድን እዚ ተቘንጢሩ ዝተጠቕሰ ኩይኑ፣ መደብ ሽልማት ሻሞት እምበኣር፡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ዘይቀርጻዩ ባህልን ባይታን ኣብ ዘለዎ ስነጥበባዊ ኩባቢ እዩ ብተበግሶ ውሑዳት ግዱሳት መንእሰያት ስነጥበበኛታት ኑቒሉ። ነዚ ምርኩስ ብምግባር ከኣ እንክርአ ኣብ መጻኢ ብኸመይ እዩ ክተሓዝ ዝበል መሰረታዊ ሕቶ ብኣጋኡ ንቤት ጽሕፈት ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ ይኹን ኣካየድቱ ቡዳኒ ክኸውን ከም ዝኽእል ድሮ ምልክታት ሂቡ'ሎ።

እዚ ሽልማት'ዚ (ደሓር እዩ 'ሻሞት' ተባሂሉ ዝተሰየመ) ፈለማ፡ ኣብ ሓጺር ፊልምታት ኣተኩሩ ንኽሰርሕ'ዩ ኑቒሉ። ኣካየድቱ ከም ዝገለጽዎ፡ ኣብ ከይዲ ኝዚጋጠሞ ሕጽረታትን ዝተፈላለየ ዕንቅፋታትን እናሰገረ፡ ጸኒሑ ንሺደዩ ክሊፕ ከጠቓልል ኣብ ርእሲ ምግባሩ፣ ኣብ መወዳእታ ከኣ ናብኡ ብምዝዛው፣ ንገለ ባእታታት ክሊፕ ኣፍልጦ ብምሃብን ብምሽላምን'ዩ ተኻይዱ። ከምቲ ክብ ኢሉ ተጠቒሱ ዘሎ፡ እቲ ቀዲሙ ክርአ ዘለዎ፡ ድምቀትን ማዕርግን ናይቲ ኣጋጣሚ እዩ። እዚ ሽኾኽ'ዚ ድማ ደረጃኡ ዝሓለወ፡ ንኣካየድቲ 'ዓመት ዓመት ተዓጠቑዎ!' ዝበል ኣብ ሃገራና ፍሉይ ኣጋጣሚን ምሽት ስነጥበብን ኩይኑ እዩ ሓሊፉ። ኣብ ታሪኽ ስነጥበብ ሃገርና ድማ ከምቶም ዝቐደሙ ኣጋጣሚታት ናይ ግዚእ ርእሱ ግን ከኣ ዝተፈልየ ምዕራፍ ዝሰከደ ምዃኑ ዘከራኽር የብሉን። እዚ ክበሃል እንከሎ ግን ዝወጸ ዘይብሉ ብኸሉ መለከዒታት ቢቃ ዘበለ ብዞዕባኡ ምንም ክዝረብ ዘይግባእ እዩ ንምባል ኣይኮነን። ብሓፈሻኡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ዓቢይ ኣጋጣሚ ብዞዕባ ክጠቓልሎ ዝግባእ ዓውዲታት ስነጥበብ፡ ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ ከም ዝለዓለ ኣካል ባህልን ስነጥበብን ሃገርና ከቃልበሉ፣ ክሕብሕቡ፣ ክናብዩ፣ ኩተባብዕዎን ክድግፉን ብዞዕባ ዝግባእ ዓውድታት ስነጥበብ፡ ንዝተሸለመን ዘይተሸለመን ምውድዳር፡ ንውድድር ዝተጸወዓሉን ፍርያት ዝተኣከበሉን ኣገባብ፡ ብዞዕባ ዝሸፈኖ መቓን ዓመት ፍርያት ስነጥበብ፡ እዚ መደብ፡ ካብ ምፍላሙ ክሳብ'ቲ ወግዓዊ ጽንብልን ዝሓለፎ መስርሕ፡ ከም'ኡ'ውን ምስ ቅድመኡ ዝከበሩ ሽልማታት ዘመሳስሎ፡ ዝፈላልዮ፡ ብልጫታቱን ድኽመታቱን ንምግምጋም. . . ወዘተ ርእይቶን ሓሳባትን ክህሉ ጸቡይ እዩ። እቲ ዝወሃብ ርእይቶ ይኹን ነቐፌታ ግና፡ ብፍልጠት፣ ብርትዕን ሓቅነትን ቅንዕናን ዝተሰነየ ክኸውን ይግባእ። ብስምዒት፣ ውልቃዊ ድሌት/ረብሓ፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ድኹም፡ ጸቢብን ትሑትን ስምዒታት ውልቀሰባት ዝደፍኦ እንተ ኾይኑ ግን ሓደገኛ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ብኣጋ ክግናሕን ክቕጻዕን

ከም ዝግባእ ምግንዛብ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ከምዚ ዝበለ ናይ ሽልማታት ኣጋጣሚታት ዝተሸለሙን ዘይተሸለሙን ስልጡን ኣተሓሳስባ ክንጽባርቑ ንቕጻልነት ናይ ከምዚ ዝበለ መደብ መሰረታዊ እዩ። ዝተቐመጠ መዐቀኒታት ይቐመጥ ስነጥበብ ምስ ተዓዘቢኡ ዝፈጥሮ ስምዒታዊ ግብረመልሲ ኣገዳሲ ምኳኑ ክዘንጋዕ ኣይግባእን። እዚ ከኣ ስነ-ጥበባዊ ስርሓት ንምውድዳር ምሉእ ብምሉእ ቀጽራዊ ቀመር ክትጥቀም ዘይከኣል ዘይምኳኑ ክዘንጋዕ ዘይግባእ ኣገዳሲ ነጥቢ እዩ። ሓደ ስነጥበባዊ ስራሕ በቲ ተዓዛቢኡ/ሰማዒኡ/ኣንባቢኡ፣ ካብ ኣተዓባብያኡ፣ እምነቱ፣ ደረጃ ትምህርቱ፣ ፍልስፍናኡ ብሓፈሻ ውህሉልን ክዙንን ተመኩሮኡ፣ ዥቒሉ ዝህቦ ስምዒታዊ ግብረ-መልሲ ኣብሉ እዩ ህይወት ዝህልዎ። እዚ ሸንኽ ክውንነት ስነጥበብ ክገሰ ዘይግባእ እዩ። ስለዚ፣ ኣይተሸለምካን ማለት ብቑዕ ስራሕ ኣይሰራሕካን ማለት ከም ዘይኮነ፣ ንዝተዋህበ ውሳነ ከነኽብርን ብሉጽ ስራሖም ንዝተሸለሞ ከሰድንቖን ኩብሪ ክንሂብን ግቡእ እዩ። ናይ ህይወት ክውንነት ከኣ ከምኡ እዩ። ኩሉ ግዜ ዝሸለምን ዘይሸለመን ክህሉ ግድን እዩ። እንተኾነ፣ ብዘዕባ ግዝኣ ስራሕካ ብሉጽነቱ ከተረድእ ምፍታን፣ ክሸለም ነይሩኒ ዝበል ስምዒት ክሓድረካ ጥዑይ ነገር እዩ። ኣኽፊኡ ዘሎ ግን (ኣካል'ቲ ባህሊ ኩይኑ'ሎ ዝበልክዎ እዩ)፣ 'ዝሰርሐ ይሰራሕ ስለምንታይ እገለ ተሸለመ? ዝሰርሐ ይሰራሕ ስለ ምንታይ እገለ ዘይተሸለመ? ንበዓል እገለ ዘይሸልም ሽልማት ይትረፍ. . .፣ ራእስታት ስነጥበብ እዚ ዓዲ ንሕና ኢና፣ ንሕና ዘይፈተናሉ፣ ንዓና ዘኖኽበረን ዘይተማእዘዘን ውጉዝ ይኹን. . .' ዝዓይነቱ መስደመም ዘረባ ዝለመድናዮ ይኸውን እምበር፣ ዘይበሊ ሕማም ምኳኑ ድማ ኑቶም ንጸቡቕ ዝኸቕሉ ትጉሃት ከየሰንበድ የሰክፍ። ኑቲ ንብርን ናይ ዘይተሸለምኩ ስምዒታት ዓዲግካ ክትክስበሉ ምፍታን ከኣ ዝሸፍአ ስራሕ ሰሩት ኩይኑ፣ ስልጡን ኣጠማምታ ዝደሊ ምኳኑን ምዝኽኻር ግን የድሊ።

ስለዚ፣ ንቕጻልነቱን ንጽኑሕ ልምዲ ምቕጻይ ተበግሶታት ንምስዓር ግን ኣስተብህሎ ዝደልዩ መሰረታውያን ነጥብታት ኣለው። ብቑዳምነት፣ ሻሞት ኑቲ ኣብ ዝሓለፈ መደባት - ንኣብነት ሽልማት ራይሞክ - ዝተጠርየ ወህሉል ተመኩሮ ብዕምቈት ክድህስሶን ብግቡእ ክጥቀመሉን መሰረታዊ እዩ። ምስዚ ብምትሕሓዙ፣ እቲ ንደው ምባል ሽልማት ራይሞክ ዝደረኸ - ኑቲ ክቕየር ዘይተኻእለ ዘሎ ዘሰክፍ ባህሊ፣ ምንፅዓቕ፣ ዘይምኩብባር፣ ምትፍናን . . . ገዲፍካ - ዝቐረበ ነጥብታት ከይድገም ብኣጋ ዓቲብካ ምስራሕ ይደሊ። ጌጋታት ይኸውን ዝፍጠር ዘረባታት ንምውሓድ እቲ ሽዑ ዝተጠርየ ተመኩሮን ትዕዝብትን ብዘድልዮ መጠንን ዓቕንን ክጥቀመሉ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ክልተኡ እዚ መደባት ዝሰርሓሉ ስነጥበባዊ ከባቢ ተመሳሳሊ ስለ ዝኾኑ። እቲ መሰረታዊ ፍታሕ ኢለ ዝሓስቦ ግን ትካላውነት (Institution-alization) ናይዚ መደብ እዩ። ናብዚ ዝመርሕ ከኣ ዕላማ ብንጹር ምቕማጥ እዩ።

ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ከም ዝተገልጸ፣ ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣድላይነት ሓደ ሃገራዊ ሽልማት ስነጥበብ ዝገልጸሉ መርሓ ኣለዎ። ዓላማ ሓደ ሃገራዊ ሽልማት፣ ስነጥበብ ኣብ ሃገርና ህዝባዊ ተፈላጥነት፣ ኩብሪን ናእዳን ከም ዝረኸብ ንምግባር፣ ብሓፈሻ ንዕበየትን ድንፍዐን ስነጥበብ ሃገርና ንምድራኽን ንምትብባዕን፣ ስነጥበባዊ ጸጋቐኡ፣ ክብሩን ትሕዝቶኡን ዝተሓለወ ብሉጽ ስራሕ ክፈሪ፣ ሓቀኛ ኤርትራዊ ታሪኽ፣ ባህሊ፣ ምስሊን መንነትን ዘድምቕ ስነጥበብ ንምሕያል፣ ብሉጽ ስነጥበባዊ ስርሓትን ብሉጻት ስነጥበበኛታትን ከኣ ኣፍልጦ፣ ኩብሪን ሽልማትን ንኽረኽቡ እዩ። እዚ ከኣ ከም ኣካል ናይቲ ዘዩቋርጽ ኩሉ-ሸነኻዊ መስርሕ ህንጸት ሃገር፣ ስነጥበብ ግቡእ ቦታኡ ንኽረክብን፣ ምዕቡል ሃገራዊ ስነጥበብ ንምኽሳኽስ እዩ።

ካብዚ መርሓ'ዚ ነቒልካ እምበኣር ርሑቕ ዝጠመተ ትካላዊ ህንጸት ክህሉ ግድነት እዩ። ዕላማ ናይቲ ብሓደ መንግስታዊ ኣካል ዝወሃብ ሽልማት ስነጥበብ እዚ ዝተጠቕሰ ካብ ኮነ፣ ኑቲ ዓቢይ ዕላማ ንምብጻሕ ዝካይድ ኣካል፣ ብወለንታን ተበግሶን ብግዚያውነትን ዘይኮነስ ቀዋሚ ትካላዊ መልክዕ ክህልዎ ግዴታ እዩ። በዚ መሰረት፣ ሻሞት ብዘየወላውል መገዲ ናብ ትካላውነት ክሰጋገር ምስ ዝኽእል ጥራይ እዩ ካብ ምንሻው፣ ምሕንቃቕ፣ ምህዳድ፣ ምቕጻይን ድሒኑ ህይወት ክረክብ ዝኽእል። ስለዚ፣ ህንጸት ትካላትና፣ ንሒደት ዝኾረዩን ኣፍንጫኦም ዝፍሑን መተንፈሲ ዘይኮነስ፣ ኣብ ራእይ፣ ዕላማ፣ ኣጠማምታን ብዓቢኡ ድማ ፖሊሲ መንግስቲ ኣብ ባህልን ስነጥበብን ምርኩስ ዝገበረ ክኸውን፣ እንፈጥሮ ትካላት ድማ ንዕኡ ዘሰጉምን ዘተግብርን ክኸውን እዋን ዝጠልቦ እዩ።

እዚ ንምግባር ከኣ ቤት ጽሕፈት ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣብ ሕጋጋት መንግስቲ ኤርትራ ምርኩስ ዝገበረ መምርሒ ክኽተል ይግባእ። እዚ ቤት ጽሕፈት ኣብ ስነጥበብ ሃገርና ክሰርሕ ዝጸንሐ ትካል እዩ። በዚ መሰረት፣ ባህላዊ ጉዳያት ይኸውን ኣብ ትሕቲኡ ዝሰርሓ ብመንጽር ዕላማታቱ ዘቘመን ትካላት፣ ዓንቀጽ 8(4)(ለ) ኣዋጅ 1993 ብዝእዝዞ መሰረት ክቘማን ውሽጣዊ ሕጋጋት ከውጽኣን ስልጣን ኣለወን። እቲ ሕጋጋት ከኣ ብዝኾነ ዝምልከቶ ዜጋ ክኽበር ግዴታ ኣለዎ።

እዚ ሕጋዊ መሰረት ሐዙ ዝተሃንጸ ትካል፣ ምሉእ ግዜኡም ዝሰርሑ ኣባላት ሐዙ፣ ንስርሑ ዝምችኦ ትካላዊ ቅርጺ ብምግባር ክየጼ፣ ናጽነትን ሓላፍነትን ምስ ዝወሃቦ ቀያሪ ክኸውን ትጽቢት ኩሉ'ቲ ዕብየት ስነጥበብ ሃገርና ዝናፍቕ ወገን እዩ። እዚ ሕጋዊ ከይዲ ምስ እንኽተል ከኣ እዩ ብውሑዱ ንትካላትናን ኑቶም መዘኑት ዝተዋህቦም ሰባትን ከነኽብርን፣ ብዘወሰድዎ ውሳነን ስጉምትን ክንቅየድ፣ ዘይዕግበት ምስ ዝህሉ ብሕጊ ኣቤቱታ ከነቕርብ እንኽእል። እንፈጥሮ ትካል ከኣ ንትሑት ኣተሓሳስባታት ኣሪሙ፣ ካብኡ ዝሓለፈ ጸልጺሉ፣ ናብ ዓበይቲ ሸቶታቱ እናነጸረ ዝሰርሕ ይኸውን። እቲ ካብ ኣብ ቅኑዕ ስነጥበብ ብፍልጠትን ጻዕርን ምዕያይ እናዓምበበ፣ እቲ ኣብ ዙርያኡ ወይ ጓል-መንገዲ ግዜኻን ግዜ ካልኦት ምጥፋእን ከኣ እናተዳኸመ ምኸይድ።

ኣብ ምጽውዋር ዘለና ባህሊ፣ መሰረታዊ እዩ። ብፍላይ ኣብ ዓውዲ ስነጥበብ እንዛረብ ሰባት ብመንከምግደይነትን ንቕጽናን ተጋሪድና ንቑልቍል ተተፋኒካ ምኻድ ንብዙሓት ዘዕገበና ካብ ዝኾነ ነዊሑን ዒቕ ኢሉናን እዩ። ምርኢይ ባህላዊ ዕብየት ዝመጽእ ድማ፣ ነዚ ክጥቀስ ዝጸንሐ ሕማም ነሲሕካ ካብ ምውጻእ እዩ ዝጅምር። እዚ ብንኡስ-ደረጃ ዝጀመረ ስልማት ሻሞት ንኸሉ ስነጥበባትና ዝሓቕፍ ኩይኑ ምእንቲ ክቕጽል ከኣ፣ ነዚ ጉዳይ'ዚ ብዕቱብ ክሰርሓሉ ዘድሊ እዩ።

## ሓጺር ልቢ-ወለድ ዛንታ

# ወርቅነሽ

መለስ ንጉሰ

ፋይል ቤት ፍርዲ ሒዙ ሳዕልን ታሕትን ክብል እንከሎ ዝረኣይዎ ፈለጥቱ ገሊኦም ይስሕቁ ገሊኦም ድማ ቡቲ ዝወረዶ ጉዳይ የስተንክሩ ነበሩ። ሓደ ካብ ብጾቱ፡ ኰንታቱ ዘይፈለጠ መምህር፥

"ኣንታ ተኽለ ሓወይ እንታይ ደኣ ፋይል ቤት ፍርዲ ሒዝካ? ኣይደሓንካን ዲኻ?" ክብል ተወከሶ። መምህር ተኽለ ደሓን ዘይምዃኑ ክነግር ኣይደለየን። ነታ ፋይል ሒዙ ብታህዋኽ ይስጉም ነበረ።

"ንዓኻ እንድየ መምህር እንታይ'ዩ ተረኺቡ?" ክብል እንደገና ኣርኪቡ ሓተቶ። መምህር ተኽለ ነቲ ወረድዎ ዘሎ ብሰንኪ ሳዕቤኑ ዘይተረድኦ ዝፈጸሞ ጠንቂ ክሓስበሉ ጀመረ።

ቅድሚ ነዊሕ እዋን ዋዜማ ዕርበት ስርዓት ደርግ፡ መንእሰይ ተኽለ ሕጹይ መምህር ጸኒሑ ሞያ ምምህርና ኣብ ዝኣተወሉ፥ "ደሞዝ ክበዝሓለይ" ብምባል ነቲ ታሪኽ ህይወት ኣብ ማህደር ሰራሕተኛታት ዝምዝገብ ዝነበረ ሰብ ምርዐው ምዃኑን በዓልቲ ቤቱ ወርቅነሽ ከም ትብሃልን ብድፍረት ኣመዝገበ። ኣብ ደሞዝ ሰራሕተኛታት ምርዑው እንተዀንካን ውሉዳት እንተለዉኻን ደሞዝካ ብኡ መጠን ይበዝሕ ነበረ። ቡቲ ዝነበረ ስርዓት ድማ ደሞዙ ካብ ብጾቱ ብቐሩብ በሪኹ ተራእየ። ጸኒሑ 'ሓደ ቆልዓ ወሊደ ካልኣይ ወሲኸ' እናበለ ንደሞዙ እናኣሻዕ ሓፍ ኰበሎ ጀመረ። መምህር ተኽለ ኣይተመርዓወ ኣይወለደ ክነሱ በታ ሓንሳብ ዝኣተዋ ጌጋ 'ኣበይ ከይፍለጥ' እናበለ ቡቲ ዝመሃዞ ሜላ ነዊሕ ተሳለየ።

ምህዞኡ ሰሚርሉ ክሳብ ዕለተ ናጽነት ብርክት ዝበለ ደሞዝ እናወሰደ ቐጸለ። ድሕሪ ናጽነት 10 ዓመት ንበር ክፍትን ደለየ። ጸገም ኣይፈጠረሉን ተመርዓወ። ድሕሪ መርዓ ንበዓልቲ ቤቱ ኣብ መዝገብ ክብሪ ከስፍር ስለ ዘለዎ ቡቲ ዝሰርሓሉ ትካል ጀመረ። ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንበዓልቲ ቤቱ ከም ካልኣይቱን መርዓቱን ሕጋዊ ቃል-ኪዳን ከም ዝኣሰረ ክረጋገጸሉ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ኣበለ።

"ክብሪ መዝገብ ከውጽእን ሕጋዊ ቃል-ኪዳን ምእሳረይ ክረጋገጸለይን'የ መጺአ፡" ክብል ነቲ ጸሓፊ መዝገብ ተወከሶ።

እቲ ጸሓፊ፥ "ሕራይ ኮፍ በል፡" ኢሉ ኮምፒተሩ ኣዋዲዱ ንስም ሓታቲ ኣብ መዝገብ ረኣየ። መምህር ተኽለ በዓል ሓዳርን ኣቦ ሰለስተ ቆልዑን ኮይኑ ተረኽበ።

"መምህር ተኽለ!"

"ኣቤት!"

"ቅድሚ ሕጂ ተመርዒኻ ኔርካ ዲኻ?"

"ኣይፋለይን ኣይተመርዓኹን፡" መለሰ።

"መምህር ተኽለ ሰባህቱ መዓሾ ዲኻ?"

"እወ"

"እሞ ንስኻ ቅድሚ 10 ዓመታት ተመርዒኻ ኣቦ ሰለስተ ቆልዑ ኢኻ!" ምስ በሎ ኣዝዩ ሰንበደ። እንታይ ይዛረብ ምህላዉ ገረሞ።

"ስምዓኒ ኣነ ኣይተመርዓኹን ግን ቅድም ኣብ ግዜ ደርግ ደሞዝ ክበዝሓለይ ኢለ ሓሰየ 'ተመርዕየ' ኢለ ኔረ" ተዛረበ።

"እሞ መምህር ኣብ ሕጊ ሓሶት የቐጽዕ'ዩ፣ ሓሶትካ ድማ ቐጺልካዮ ኢኻ፡ ሕጂ ንድሕሪት ምምላስ የለን፡" በሎ እቲ መዝጋቢ።

መምህር ተኽለ ዝሕዞን ዝጭብጦን ሰኣነ። እንታይ ኢሉ ከምዝምጉት ሓርበቶ። እምበር ንወርቅነሽሲ ዋላ ስማ ከይተረፈ ረሲዕዎ ነበረ። ወርቅነሽ ኣብ ኣፉ ዝመጸቶ ስም እምበር ዝኾነ ምትእስሳር ምስ ህይወቱ ዘይነበራ ናይ ፈጠራ ሰብ'ያ። ገለ ክብል ግን ደለየ፡ ብዝተሰባበረ ስምዒት፥

"ስምዓኒ ኣነ'ኮ ነቲ ዝነበረ ስርዓት'የ ኣደናጊረ፡ ሓሶት ድማ'ዩ፡ ክሳብ እዛ ዕለት ኣይተመርዓኹን፡" ደገመ።

"ብሕጊ ተመርዒኻ ኢኻ! ወርቅነሽ ትብሃል ሰበይቲ ኣላትካ ሰለስተ ቆልዑ ዝወለደትካ!"

"ኣንታ እንታይ ኢኻ ትብል ዘለኻ!? ኣረ ከይተፋትሓኒ ምስ ሰበይተይ፣ ኣነ ኣይተመርዓኹን ወርቅነሽ ትብሃል ኣይፈልጥን'የ ነዛ ናይ ሕጂ መርዓተይ ጥራይ'የ ዝፈልጥ!" በለ።

እቲ መዝጋቢ ብሕጊ ይዛረብ ነበረ። መምህር ተኽለ ቀሊል ዝመስል ከቢድ ገበን ከም ዝፈጸመ 'ክሕበሮ ኣለዎ' ብምባል እቲ ዝግብኦ የስምዖ ነበረ።

"ሕጊ ድማ ንወርቅነሽ እዩ ዝፈልጥ፡ ሕጂ ክትፋታሕ ኣለካ!" ተኩሰሉ።

ንመምህር ተኽለ ፍትሕ ዝበል ቃል ርእሱ ዘበጦ። ኣብ ግዜ መርዓኡ ፍትሕ ክሰምዕ ኣይተጸበዮን። 'ፍትሕ ምስ መን?' ሓሰበ።

“ናይ ምንታይ ፍትሕ ትዛረብ ኣለኻ? ሕጂ ተመርዕየስ ሕጂ ፍትሕ?” ሓተተ።

“መምህር ትፈልጥ ኢኻ ክልተ ውዕል መርዓ የለን፣ ንስኻ ድማ ቅድሚ 10 ዓመታት ተመርዒኻ ኢኻ። ኣብ መዝገብ ከም ምርዕው ሰፊርካ ኣለኻ። ዘይትፈልጥ ኣይኮንካን ትፈልጥ ኢኻ፣ ሕጂ ሓድሽ ኣይትኹን ንሓዲኣን ፍትሓየን!” ደገመሉ።

“ኣንታ ሰብ በጃኻ'ባ ተረድኣኒ፣ ወርቅነሽ እኮ የላን፣ ይርድኣካ ደሎ? ወርቅነሽ ትብሃል ሰብ ኣይፈልጥን'የ፣ ኣብ ኣፈይ ዝነበረት እያ። ሕጂ'የ ዝምርያ ዘለኹ ይብለካ'ለኹ!” ነዲሩ ተዛረበ።

“ኣነ ብዛዕባ ሕጊ ይሓተካ'ለኹ፣ ፍለጣ ኣይትፍለጣ ኣብ መዝገብ ከም በዓልቲ ቤትካ ሰፊራ ኣላ። ንስኻ ድማ ትፈልጥ ኢኻ፣ ንልዕሊ 10 ዓመታት ስቕ ኢልካ ጸኒሕካ ሕጂ ‘ኣይፈልጣን'የ’ ክትብል ክሕደት'ዩ ዝቐጽር። ንበለካ ዘለና ስማዕ፣ ፈቲኻ ጸሊእካ ምርዑው ኢኻ። ሃዲእካ ተዛራበኒ ነዲርካ ተዛራበኒ ዘምጽኦ ለውጢ የለን” በሎ መዝጋቢ። መምህር ተኽለ ጉዳዩ ናብ ዕቱብ ገጹ ይኸይድ ምህላዉ ኣስተውዓለ። ኣዝዩ ደንጸዎ። ኣማሰይኡ፥

“እሞ ሕጂ እንታይ'የ ክገብር?” ሓተተ።

“ትገብሮዶ?” መለሰ መዝጋቢ፣ “ነታ ወርቅነሽ ትብሃል ሰበይቲ ናይ ፍትሕ ፋይል ከፊትካ ፍትሓያ። ብድሕሪኡ እዚ ፈጺምካዮ ዘለኻ ሓድሽ መርዓ ክጸድቀልካ ይኽእል።”

“ንዘየላስ ክፈትሓ?”

“እወ ትፈትሓ ኣብ ሕጊ እኮ ሰፊራ'ላ፣ ኣይሞተትን ከኣ ስለዚ ክትፈትሓ ኣለካ፣ ”

ድሕሪ እዚ ክትዕ መምህር ተኽለ ናብ ሰብ ሕጊ ኣምርሐ። በይኑ እናተዛረበ እቲ ጉዳይ ኣብ በይኑ ክኸውን ምስ ኑብሱ ተማሕጺኑ ናብ ኣማኸርቲ ሕጊ ክኸይድ ወሰነ። እንደገና ምልስ ኢሉ፣ “ስማዕ ዝሓወይ እዛ ጉዳይ ኣብ መዕለቢኣ ክሳብ ዝበጽሓ ንኻልእ ከይትሕብረለይ በጃኻ” በሎ ነቲ መዝጋቢ። መዝጋቢ ናይ ሕራይ ርእሱ ነቕነቐሉ።

መምህር ተኽለ ዝገጠሞ ጉዳይ ንሓደ ናይ ሕጊ ኣማኻሪ ኣዕለሎ። እቲ ናይ ሕጊ በዓል ሞያ በቲ ቅድሚ ሕጂ ኣጋጢሞዎ ዘይፈልጥ ፍሉይ ጉዳይ ተገሪሙ ክጥምቶ ጀመረ። ቀጺሉ፥

“እወ ኣብ ሕጊ ብዙሕ ነገራት'ዩ ዝፍጸም። ሰባት ንሕጊ ኣይፈልጥዎን እዮም፣ ብእኡ መጠን ከይተፈለጦም ገበን ይፍጽሙ። ንስኻ ገበን ኢኻ ፈጺምካ” ኢጋዲዱ ነገሮ። መመሊሱ ክሕደሶ ጀመረ። ናይ ሕጊ በዓል ሞያ ዘረብኡ ቀጸለ፥

“ሙብዛሕቱኡ ሰብ ዘይተኸሰ ኹይኑ እምበር ገበነኛ'ዩ!” ወሰኸ። መምህር ተኽለ መመሊሱ ገረሞ።

“ከመይ እንተኢልካኒ፣ ካብ ሕጊ ወጻኢ ብዙሕ'ዩ ዝፍጸም፣ ሰብ ድማ ከም ንቡር ይወስዶ'ሞ ገበን ኮይኑ ምስመጾ፣ ‘እሞ ዘይፈለጥኩ’ ይብል፣ ዘይምፍላጥ ግን ካብ ተሓታትነት ዘናግፍ ኣይኮነን። ሕጊ ዝወጽእ እኮ ሰብ ንኽፈልጦ እዩ። ሕጂ ንስኻ---” ኢሉ እናቐጸለ መምህር ኩለፎ።

“ኣምጺእኒ ዘሎ ጉዳይ ከምቲ ዘሓበርኩኻ ‘ብኸመይ ምስ ወርቅነሽ ይፋታሕ’ ዝብል እዩ ንስኻ ግን ገበን ከም ዝፈጸምኩ ኣምሲልካ ትዛረብ ኣለኻ እሞ፣ ሕጂ ወርቅነሽ ድያ ክትከሰኒ ዋላ እንታይ ኢኻ ትብለኒ ዘለኻ?” ኣንጸርጺሩ ሓተተ።

“ወርቅነሽ ኣይትኸሰካን'ያ፣ የግዳስ ዓቃቢ ሕጊ ክኸሰካ ይኽእል። ብዝኾነ ብዛዕባ ሕጊ ክትፈልጦ ስለ ዘለካ'የ ዝነገርካ ዘለኹ እምበር እቲ ክትገብሮ ዝግባእካ እኮ ቀሊል እዩ” ሕጂ መምህር ተኽለ ቀሩብ ፈኹሶ። በዓል ሞያ ሕጊ ዘረብኡ ቐጸለ፣

“ቅድሚ ፍትሕ ናይ ጥፋእ ውሳኔ ኢኻ ክትወስን፣ ነዚ ውሳኔ ከይፈጸምካ ፍትሕ ክትሓትት ኣይክኣልን እዩ።”

“ኣንታ እንታይ ኢኻ ትብል ዘለኻ? እንታይ'ዩ ናይ ጥፋእ ውሳኔኸ?” መምህር ተኽለ እንደገና ደንጸዎ። እቲ ጉዳይ ኣብ ክንዲ ዝፍታሕ መመሊሱ ምግሕታኑ ክርድኦ ኣይከኣለን።

“ብቐጥታ ፍትሕ ከይትሓትት፣ ዝገበረቶ ናብ ፍትሕ ዘምርሕ ገበን ይኹን ጽዩፍ ስነ-ምግባር የለን፣ ንሳ'ውን ንባዕላ ‘የላን’ ትብል ኣለኻ ካብ ዘይሃለወት ጠፊኣ'ላ ማለት እዩ፣ እንተጠፊኣ ድማ ከም ዝጠፍኤት ንስኻ ናይ ጥፋእ ውሳኔ ከተወስን ቤት ፍርዲ ይሓትት እዩ። ብድሕሪ እዚ ‘ኣለኹ’ ክሳብ ዘይበለት ድሕሪ'ቲ ዝተወሰነልካ ናይ ግዜ ገደብ ፍትሕ ትሓትት ወይ ናይ ፍትሕ መሰልካ ይሕሎ። ብድሕሪ እዚ ኢኻ ሕጋዊ መርዓ ትፍጽም፣” መምህር ተኽለ ክጻወሮ ኣይከኣለን። ነቲ በዓል ሞያ ክጥሕሮ ደለየ።

“ስማዕ እንዶ እሞ ሕጅስ ንርዱእ ነገር ኣብ ቤት ፍርዲ ኮለል ምባል ናይ ኪኢላታት ፍርዲ ኩብሃል ድዩ? ምሉእ ኣእምሮ ዘለዎ ሰብከ ነዚ ሸንኮለል እዚ ይጻወሮዶ ትብል?”

“ሓደ ሰብ ንርዱእ ነገር ባዕሉ ኣብ ከቢብ ዓንኬል ኣእትዩ ሸንኮለል እንተቢልዎ፣ ማዕረ እቲ ሸንኮለል ኣቢሉ ዝኣሰሮ ንኽፍታሕ እውን ሸንኮለል የድልዮ እዩ። እዚ ወሪድካ ዘሎ ጉዳይ ባዕልኻ ዘምጻእካዮ እዩ። ቤት ፍርዲ ነቲ ጸገምካ ተኻፊሉ ንኽፍታሕ እዩ ዝተሓባበረካ ዘሎ። እንተዘይኮይኑ ኣብ ርእሲ ቃል-ኪዳን ቃል-ኪዳን የለን። ወርቅነሽ ድማ ከምዘየላ ቤት ፍርዲ ኣይፈልጥን'ዩ፤ ብሕጊ ምስ ተወሰነ እዩ ህላወኣን ዘይህላወኣን ዝፍለጥ። በዚ ኣብ መዝገብ ሰፈርዎ ዘሎ ግን ወርቅነሽ ኣብ ሓዳር ኣላ፣ እኳ ደኣ 3 ወሊዳ” እንደገና ርእሱ ኣዘረሉ።

“ንቶም ቆልዑ'ኸ ናይ ጥፋእ ውሳኔ ከድልዮም ድዩ?” ሓተተ።

“ኣየድልዮምን እዩ። ካብ ሓንቲ ሰብ ቆልዓ ኣብ ርእሲ ቆልዓ ምውላድ ብሕጊ ዘቐጽዕ ዓንቀጽ የለን፣ ቃል ኪዳን ኣብ ልዕሊ ቃል ኪዳን ግን ገበን እዩ።” ሓጺር መልሲ ሃቦ።

መምህር ተኽለ ካልእ ኣማራጺ ኣይነበሮን። ፋይሉ ከፊቱ ክፋታሕ

መስርሕ ክጅምር ጥራይ ኣለዎ። ኑቲ መንገዲ ክኸዶ ጀመረ።

ብመንገዲ ቤት ፍርዲ ናይ ጥፉእ ውሳኔ ኣውጽኤ። ቤት ፍርዲ ድማ ብናቱ ኣገባብ ኑቲ ናይ ጥፉእ ውሳኔ ኣብ ጋዜጣ ኣውጽኦ።

"ኣነ ተኽለ ሰባሁቱ መዓሾ ዝተበሃልኩ በዓልቲ ቤተይ ወርቅነሽ ተኣምራት ካብ ገዛ ምስወጸት ከይተመልሰት 10 ዓመታት ስለዝሓለፈት ናይ ጥፉእ ውሳኔ ክወሃበኒ እሓትት። ጠፊኣ ዝተባህለት ወይዘሮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት እንተዘይተረኺበት ከም ጥፍእቲ ትቑጸር" ዝብል ምልክታ ቤት ፍርዲ ኣብ ጋዜጣ ወጸ። እዚ ስጉምቲ እዚ ካልእ ሰቡብ ፈጠረ። ፈተውቱን ኣዕሩኽቱን ብዛዕባ መምህር ተኽለ ዝወጸ ሓበሬታ ደንጽዎም። መምህር ተኽለ ኑቲ በይኑ ሒዝዎ ዝጸንሐ ጉዳይ ናብ ዕዳጋ ስለ ዘውጽኦ ብዙሕ ምድንጋራት ፈጠረ። 'ናይ ሕሶት ቃል-ኪዳን ኔርዎ' ዝብል ኣይተረኽበን። 'ወይ ጉድ ሰብ ዝብልዎስ ጉዱ ዘይፍለጥ' ጥራይ ዝብል በዚሑ። መምህር ተኽለ 'ወረ ሰብ ዘምጽኦ ለውጢ የለን' ኢሉ ብምሕሳብ ኑቲ ሕሜታ ዋጋ ኣይሃቦን። እቲ ሓበሬታ ቤት ፍርዲ ኣብ ጋዜጣ ምስወጸ ድሕሪ ሰሙን ግን ንመምህር ተኽለ ካብ ፖሊስ መጸዋዕታ መጾ።

ብሓገራት እቲ መጸዋዕታ እኳ እንተተገረመ እንታይ ምኽንያቱ ንምፍላጥ ግን ናብ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ኣምርሐ። ሓደ ናይ ሕጊ ሰብ፣ ፋይል ኣብ ቅድሚኡ ጌሩ ክሓቶ ጀመረ፦

"ንወይዘሮ ወርቅነሽ ትፈልጣዶ?" ዘዋደቀ ነገር መጾ። ወይዘሮ ወርቅነሽ ብቐሊሉ ከም ዘይትሓድግ ፈለጠ። ብውሽጡ ክስሕቕ ደለየ። ሕርቃንን ግርምታን ወረሮ። ኑቲ ፖሊስ ቀው ኢሉ ጠሚቱ፣ ኣብ ሕጊ ስለ ዘሎ ናይ ዋዛ ዘይምዃኑ ፈለጠ።

"ጉዳይ ወርቅነሽ ተወዲኡዶ ኣይኮነን? እንታይ ኣምጽኦ ሕጂ ጸውዒት? ዶ ዋላስ ኣይጠፋእኩን ኢላ'ያ መጺኣ?" ሓተተ።

"ወይዘሮ ወርቅነሽ በዓልቲ ቤትካ ዝነበረት ትፈልጣዶ ኢና ንብል ዘለና?" ኣዋጠሮ።

"እንታ ሓወይ ኣነ ብዛዕባ ወርቅነሽ ኩሉ ዘኻኽረ ንቤት ፍርዲ ነጊረ ናይ ጥፉእ ውሳኔ ኣብ ጋዜጣ ኣውጺኤ እየ። ሕጂ እንታይ'ዩ ተረኺቡ?"

"ሕቶ ኢኻ ትሕትት ዘለኻ። ወይዘሮ ወርቅነሽ መንያ? መዓስያ ጠፊኣ? ኣብ ሓዳር ክንደይ ጸኒሕኩም? ብኸመይ ጠፊኣ? ክሳብ ሎሚ ደሃያ ዘይምፍላጥካ ንምንታይ? ስለምንታይከ ቃል-ኪዳን ከየውረድካ ተደራቢ ቃል-ኪዳን ኣሰርካ? መልስለይ!"

"ከመይ ከመይ ደዩ እዚ ጉዳይ! ብሕጊዶ ኣይኮንኩን ዓጽየዮ ጉዳይ ወርቅነሽ" ብምባል ኩሉ ዘኻኽሮ ኑቲ መርማሪ ነገሮ።

እቲ መርማሪ ኩሉ ነገራቱ ገሪሞ፦ "ስለምንታይ'ሞ ንበዓልቲ ቤትካ ከይነገርካያ ጸኒሕካ?" ሓተቶ።

"ኣጉዳሲ ኮይኑ ኣይተራእየንን"

"ዓቢ ጉዳይ ምኳኑ ኣይትፈልጥን?"

"ኣይመሰለንን፣" መለሰ። ብውሽጡ ግን ይሻቐል ነበረ።

"በል ኣብዚ ኣምጺእካ ዘሎ ክሲ'ዩ" ኢሉ ኑቲ ክሲ ኣቕረበሉ።

"ክሲ ናይ መን ክሲ?"

"ናይ በዓልቲ ቤትካ፣" ድሕሪ እዚ ሰንበደ።

"እዛ ዝዛረብላ ዘለኹ ወርቅነሽ እኮ ዘይተወልደት'ያ፣ ካበይ ተፈጢራ'ያ ትኸሰኒ? ምሽ ነጊረካ ኣበይከ'ላ? 'ወርቅነሽ እየ' ትብል ተመጺኣ ሓሳዊት እያ" ኑዲሩ ተዛረበ።

"እቲ ክሲ ሕሶት ኣይኮነን፣ እንካ እዚ ኣንብቦ" ብምባል ኑቲ ወረቐት ኣቐበሎ። ፍሽኽ እናበለ ከንብብ ድሕሪ ምጅማሩ ሃንደበት ገጹ ተጸወገ።

እቲ ክሲ ከምዚ ይብል ነበረ፦

"መምህር ተኽለ ሰባሁቱ መዓሾ ዝተባህለ ናይ ሕጊ በዓል ቤተይ ኣቐዲሙ መርዓ ከም ዝፈጸመን ሰበይቲ ከም ዝነበሮን ሓቢኡ ቃልኪዳን ከየውረደ ንጽህናን ቅንዕናን ብዘጉድሎ ኣገባብ ንዓይን ንስድራቤተይን ብምትላል ካልኣይ ቃል-ኪዳን ኣብ ርእሲ ቃል-ኪዳን ብምእሳር ስለ ዘታለለንን ብህይወተይ ስለ ዝተጻወተን፣ ቃል ኪዳን ከውርደለይን ሕጋዊ መቕጻዕቲ ክፍረዶን እኸሶ ኣለኹ፣ ጺጋ በላይ" ይብል ነበረ።

መምህር ተኽለ ከም ዓንዲ ጨው ደሪቑ ተረፈ።



# ኣኻዓየ

መሓሪ ዑቕባሚካኤል (ጠዊል)

# መንእሰይ፡ ብዕራይ ሰኑይ

ሰንበት ወዲ ሰብ ዘዕርፈላ መዓልቲ ጥራሕ ይመስለኩም ይኸውን፡፡ ብዕራይ'ውን ከም ሰብ የዕርፍ'ዩ፡፡ ብፍላይ ሰንበት ካብ ምብላዕን ምስታይን ሓሊፉ ዝገብሮ የብሉን፡፡ ግዳ ካብ ናብ ፍልልይ ኣለዎ፡፡ ተቐጥቂጡ ተሰታይኑት ዝተቐበለ ወይ ተሰታይ ዝኾነ ብዕራይ፡ እዋን እንተዘይ ሓሚቑ ኾገሐ. ዘዩርግጽ ስራሕ ኣይወሃብን፡፡ ብዘይካ ማሕረስ ካልእ ዕዮ ኣይወሃቦን ንማለት፡፡ መጓሰስ ይኹን ጀልጢ ኣይወፍርን፡፡ መጓሰስ ትፈልጥዎ ኢኹም፡ ብዙሓ ጀልጢ ግና ቀንጥሮ ትደልዩ ይመስለኒ፡፡ ዓዲታት ማሕረስ ክሳመድ ንዘይደልያኦ መንእሰይ ዝፈልያኦ ቦታ ኣሎ፡፡ ማሕረስ ክለምድ ዝደሊ መንእሰይ ከኣ ኣብዑሩን ኣብዑር ፈያውቱን ሐዚ ናብቲ ቦታ ይወፍር፡፡ እቲ መንእሰይ ማሕረስ ክሳመድ እንከሎ፡ ኣብዑር ግና ድኻም ክውድኦ ይውዕሎ፡፡ ብዘይካ ንመንእሰይ ማሕረስ ምልማድ ካልእ ዝምጽኦ ፋይዳ ስለዘይብሉ'ም ከኣ'ዩ እቲ ወፍሪ ጀልጢ ዝበሃል፡፡ ንኸምኡ ተባሂሉ ኣብዑር፡ ብስሉዕ ብዕራይ ይጅለጡ፡፡ ንሓደ እቶት ወይ ጻማ ኣብ ዘይብሉ ነገር ዝዋፈር ሰብ ሕብረተሰብ ትግርኛ ብዕራይ ጀልጢ ብምባል ይገልጾ፡፡ ካብ ከማዚ ይኽደሃንን ይኽደንኩምን!

ብዕራይ ሰኑይ፡ ንህርከት መንእሰይ ዝወሃብ መግለጺ'ዩ፡፡ ብዕራይ ሰኑይ፡ ጻዕዳ ስራሕ ንዘኾኑት ሰኑይ፡ ቀዳመ ሰንበት ኣዕረፉ ይቕበሎ፡፡ ከብዱ ረጊጡ ንሰኑይ ክኣትዋ ምእንቲ ካብ ሰምበት ምሸት ብርኪ ዝመልእ መግቢ ይወሃብ፡፡ ጓሶት ነዚ ኣገባብ ከም መግዘኣቲ ይሓስቡዎ፡፡ ብዕራይ ንኽሓርስ ኢልካ መግቢ ዝወሃብ እንተደኣ ኮይኑ ካብ ወጹእ ስራሕ ሓሊፍካ ዝወሃቦ መግለጺ የለን፡፡ እንስሳ ቤት ብሓፈሻ፡ እቲ ጸዋር ገዛ ዝኾነ ብዕራይ ከኣ ብቐንዱ ዘውትር ዘድሊ መግቢ ክወሃቦ ኣለዎ፡፡ ካብኡ ዝሓልፍ ኣካይዳ እንተሃልዩ ግና ከም ዋጽዓ ይሕሰብ፡፡ ግዳ እዝን እቲ ሓደን ኣይተረፍን፡፡ ሰብ ክውጽዕን ዝጥጥኡ ክገብርን ዝኽልክሎ የለን፡፡ እዋን ክርሁን ክረቐቕን እናተባህለ ዝቐርብ ምኽንያት'ውን ኣሎ፡፡ እዋን ማሕረስ ኣኺሉ ሰንበት ገጽ ምስ ሃበት፡ ብዕራይ ከቡዲ ካልእ ከለእካ ድራር ይወሃብ፡፡ ብዓል ሓሰር ሓሰር፡ ብዓል ቃንጫ ቃንጫ፡ ብዓል ቡቕቡቕ ቡቕቡቕ፡ ብዓል ኩረን ኩረን፡ ብዓል ቁረቚንዳ እውን ከምኡ፡፡ ዒተል ዘለዎ ዒተል፡ ካርማ ዘለዎ ካርማ፡፡ እዚም ኩሎም ያታውያን መግቢ. እንስሳ ቤት'የም፡፡ ካዘን ካልእን ዝበልዐ ብዕራይ ካኑው ይሓድር፡፡ ዋናኡ ዝኣክል ክንክን ዝገበረሉ ብዕራይ ከኣ'ዩ ብዕራይ ሰኑይ ዝበሃል፡፡ ኣቦታት ክምስሉ "ብዕራይ ሰኑይ ኣይትዘርዕ" ይብሉ፡፡ ሰኑይ ጠሰዕ ሄህ ኢሉ ዝጸበዮ ሓረስ ብዕራይ ካብ ግራት ንእሹቶ ጫዕምጊዱ ኢልካ ክትዳገኖ ኣይግባእን፡፡ ኣመሉ ኩይንዎ ካብ ሕዝእቲ እንተገዓገፈ ኣርዑት ሰኑይ ተመሪሑ እናጸውየ ዛርዓ ክሰብ ዘይከፈልካ ኢልካ ክተጥቕዖ ኣይግባእን፡፡ መላእ ናይ ማሕረስ ግዜ ተኹዲሙ እናሃለወ ካብ ሓጸቢ ኣሓ ለኺማሽካ ኢልካ ሰኑይ ኣይዳግምን፡፡

ብዕራይ ሰኑይ ኣብ ሕዝእቲ ብዕራይ ይምገብ፡፡ ሕዝእቲ ብዕራይኸ'ም ስሙ ኣብዑር ጥራሕ ዝምገበሉ ሕዝእቲ'ዩ፡፡ ዘርዓይ ክሓልብን እተፈቕደሉ ኣሓ'ውን ኣብ ሕዝእቲ ብዕራይ ይምገቡ'ዮን፡፡ ግዳ እምበረ መጠን ዝበናኸን ዋና ዘለዎ ብዕራይ'ዩ እዚ ስም ዝወሃብ፡፡ መጓኹር ብዕራይ ሰ፡ እዋን ክጥዕምን ክሓስምን መኽደን ጥርሙዝ ይመስል፡፡ ዓቦር ጭራሽ ኣይትትንክፍዎምን ንምባል'ዩ ከምኡ ዝበሃል፡፡ ክሳውዶም ብዱላ ወቒዕካ ኣይሰምብድን፡፡ እምበኸ ዝወቅዮም በትሪ ካጢሩ ይምለስ፡፡ ዋናኦም ንደቒቕ እውን እንተኾነ ካብኦም ኣይፍለን፡፡ እናሸምጠጠን እናጉጠጠን ካብ ባህቕ የድሕኖም፡፡ ባህቕ ዝበልዕ ስኢንካ ንማለቱ ምንበሾቕ ማለት'ዩ፡፡ ዝጥዕመኩም መግለጺ እንተረኸብኩምሉ እውን ዝበለኩም የብለይን፡፡ ዋና ብዕራይ ሰኑይ ንኣብዑሩ፡ ሰብስ ይትረፍ ጠፍ ከብሎም፡ ሃመማ ክየሰሉም እውን ኣይደልን፡፡ ከም ወጽኢት ናይዚ ኩሉ ምኽንኻን ብዕራይ ሰኑይ ተሓረሱ ከምህ ኣይብልን፡፡ ጅናን ወዲ ጅናን ኣብ ሳልስቲ ትሓርሶ ግራት ኣብ ረፋድ ይቐልጦ፡፡ ብዕራይ ሰኑይ ክሓርስ እንከሎ፡ ቀዳማይን ዳሕራይን መሓወሩ ብማዕረ ይሰጉም፡፡ ብሓደ ወገን ክረኣዩ እንከለው ኣብዑር ሰኑይ ሓደ ብዕራይ ይመስሉ፡፡ ክሕርሱ እንከለው፡ ብዘይካ ተንጻፍ ጉርብን ድርብ ሰርን ኣጽንዑ ዝሕዞም ኣይርከቡን፡፡ ከም ሰብ ዘረባ ዋናኦም ይሰምዑ፡፡ እንተውሓደ ግደፍን ተመለሱን ብዘዮኡ ይፈላለይዎ፡፡ ኣብዑር እከለ ሰበ'ዮም ይብሃሉ፡ ኣብዑር ሰኑይ፡፡



# ፍቕሪ ሳዋ

መቸም ንዘረባ ዘረባ'ዩ ዘምጽኦ፡፡ ንሓመድ እውን ድጉሪ የውጽኦ ከም ዘይትብሉኒ ርግጸይና እየ፡፡ ከመይ ሲ ሎሚ ንሓመድ ድጉሪ ጥራሕ ኣይኮነን ዘውጽኦ፡፡ ካልኦት ዘመን ዘምጽኦም ንሓመድ ክንዲ ዕጽፊ ዕጽፍጻፍ ናይ ድጉሪ ገይሮም ዘውጽእዎ እዋናውያን መሳርሒታት መሊኦም ኣለው፡፡ ንዘረባ ግና፡ ከም ዘረባ ገይሩ ዘምጽኦ ካልእ ነገር ክሳብ ሕጂ ኣይረኸብኩን፡፡ ግዳ ኣብ ገለ ገለጻታት ቋንቋና ንዘረባ ባይቶ የምጽኦ ዝብል ኣይሰኣንንዩ፡፡ ከመይ ሲ ቀደም ዘረባ ክተደቅስን ካልእ ዘረባ ክተምጽእን ናብ ባይቶ ምእካብ ልሙድ ስለዝነበረ፡፡ እዚ ኣርእስቲ'ውን ከም ሃገሩ፡ ብዘረባ'ዩ መጺዩ፡፡ ንሓደ ቅድሚ ሰለስተ ወርሒ ዝኸውን ዝተመርዓወ ዝፈልጦ መንእሰይ "እዛ መርዓትካ ካበይ ኢኻ ኣምጺእካያ" ክብል ምስ ሓተትክዎ፡ ክንዲ ብቐጥታ ዝምልስ "ካበይ ኢልካ ትግምት" ኢሉ በለኒ፡፡ ንዘፈልጦ ኣተዓብብያኡ፡ ደረጃ ትምህርቱ፡ መጺኢ መደባቱ,,,,,, ኣብ ግምት ኣእትየ ይኸውን'ዩ ዝበልክዎ ፈተነታት ኣካየድኩ፡፡ ግዳ ክምልስ ኣይከኣልኩን፡፡ ንኹሉ ፈተነታተይ ኢፋል ዝብል መልሲ ምስ ሃበኒ ንወየን ምሳኡ ሻሂ ዝሰትያ ዝነበራ ሓንቲ ብሓንቲ እናጠቐስኩ ከም ዝፈልጦ ክመስል ፈተንኩ፡፡ ሕጂ'ውን ከምቲ ቀዳማይ ፍሹል ፈተነ፡፡ ኣይትፈልጣን ኢኻ ዝብል መልሲ ምስ ሃበኒ ጭራሽ ንዓኡ'ውን ዘይፈልጦ ኰይኑ ተሰምዓኒ፡፡ "ከመይ ድኣሉ እዚ ዘረብ ከም ብዕራይ ዓዲ ሰጉዶ ወደይ" በልክዎ፡፡ ካብ ኣርእስትና ወጺዩ ንእግረ መንገዱ ብዛዕባ ብዕራይ ዓዲ ሰጉዶ ክፈልጥ ደለየ፡፡ ሓው'ኹም'ውን ነገርክዎ፡፡ ንዓኻትኩም'ውን ዝበለኩም የብሉን፡፡ ብዕራይ ንወዲ ሰብ ሓንሳብ ምስ ወግኦ ኣይደግሞን፡፡ እቲ ሓደ ጓሳ ንመርዓቱ "ወይለይ ኣዳጊማ" ዝበሎ'ውን ምስ'ዚ ዕላል ኣተሓሕዝዎ፡፡ ቀደም ዘመን ብዕራይ ዓዲ ሰጉዶ ንሓደ ሽበት ዘር ዘበሉ ሰብኣይ ብዓል ዓዲ ጉበኑ፡ ንዓዶም እናኸዱ እንከለው፡ ዝቐትል ድኣ ኣይነበረን እምበር፡ ብኸልተ ቀርኑ ኣልዒሉ ፈሰሮም፡፡ እዚ ከይኣኽሎም ኣብ ርእሶም መጺዩ ደው በለ፡፡ ምስ ተንስኡ እንደገና ክፍሰሮም ምኽኑ ተረድኦም፡፡ ኣብ ዘለውዎ ኰይኖም ድማ ኣእወዩ፡፡ ሰብ መጺዩ ረድኦም፡፡ እቶም ሰብኣይ ከኣ ንዓዶም ዓዲ ጉበኑ ምስ ተመልሱ "ብዕራይ ዓዲ ሰጉዶ ካብ ቀዳማዩ ዳሕራዩ ይገድድ" ኢሎም መሰሉ፡፡ እዚ ሎሚ ካብ ቀዳማይካ ዳሕራካ ወይ ካብ ቀዳማዩ ዳሕራዩ እናተባህለ ዝለዓል ዘሎ ምስላ መንቀሊኡ እዚ ዛንታ'ዩ፡፡ ዛንታ ዘይብሉ ዘረባ ኣይትዛረቡታ!

ዓርከይ ድሕሪ ኩሉ ዘይዕወት ፈተነታተይ ባዕሉ ክምልስ ጀመረ፡፡ "ካብ ሳዋ ነጥቢ ጥራሕ ኣይኮንኩን ረኺበ,,,,,,,,,,,,ክምህር ምስ ከድኩ'ውን ካብ ነጥቢ እትበልጽ ሰብ,,,,,,," ኢሉ ዘረባኡ ጀመረ፡፡ "ክላ,,,, ክላ ተረዲኡኒ" ኢለ ኣብ መንገኡ ኩለፍክዎ፡፡ ኣባዩ ይኩለፍ ዶ ኢልኩም፡፡ ፍሉጥ እንደዩ፡ ካብ ሳዋ ነጥብን ጓልን ሒዙ መጺዩ፡፡ ቀጻለለይ'ውን "ቅድም ተመሃራተይ ሕጂ ብዓልቲ ቤተይ" ብምባል፡፡ ንሱ ኣብ ኩሊጅ ማይነፍሒ ትምህርቲ ወዲኡ ክምህር ኢሉ ንሳዋ ምስ ወረደ እዛ ናይ ሕጂ ብዓልቲ ቤቱ፡ ተማሃሪት ነበረት፡፡ መቸም ከምቲ ኣብ ሳዋ ዝግበር ንሱ ክረድእ ንሳ ክትርዳእ፡ ፍቕሪ ስርሑ ይጉበር ነበረ፡፡ ፍቕሪ ሳዋ ክጅምርም እንከሎ፡ ይስወጦም ኣይነበረን፡፡ ምሽ ኣለኩም,,,,, ንሳ ንማይ ነፋሒ ምስ ኣተወት፡ ፍቕሪ ሳዋ'ውን ምስኣ ንማይ ነፋሒ ኣትዩ፡፡ ከምቲ ገለ ጦብላሕታታት ሳዋ፡ ድሕሪ ሳዋ ምስ ልቢ ዋናታቱ ነንዓዱ ዝኸይድ፡ ፍቕሪ ሳዋ ኣይከደን፡፡ ኣብ ልቦም ኣእትዮም ጸናዕ ምስ በልዎ፡ ናብ ዝኸድዎ ተረኣእዩ እናተብገሰ ክፈላለ ኣይከኣለን፡፡ ነገር ዓለም ኰይኑ ካልእ ክጥምቱን ክጥሙቱን እንከለው ንልቦም "ምስ ዘለኻዮ" እናበሉ ኣብ ዘለዎ ኣጸኒሐምዎ፡፡ ካልእ ጽባቐ ምስ ዘወናውኖም ንልቦም ዓካስ እናበሉ ኺሒሞዎ፡፡ ንሓድሕዶም ምስ ዝፋፈቑ ስሕተት እናበሉ ፈስካ ፍቕሪ ይነፍሑ ነይሮም፡፡ ሓሓሊፎም ይራኸቡ ግዲ፡፡ ካብኡ ሓሊፎም ኣብ ዓይኒ ዘኣቱ ተወዛሕዚሕ ኣየሕለፉን፡፡ ንሱ ከም ዝብሎ እንተድኣ ኰይኑ፡ እቲ ሳዋ ትህቦም ዝነበረት ውሑድ ግዜ ከም ቀደሙ'ዩ ቀጺሉ፡፡ ብፍላይ ንሳ ኣብ ሳዋ ንዝተማህረቶ ምስጢራውነት ኣብ ፍቕሪ ተግቢራቶ፡፡ ኑቲ ካብ ሳዋ ኣትሒዙ ብጨመተ ልባ ዝሃረመ መምህር ኣብ መመረቕታ ክሳብ እትበጽሕ ኣብ ውሽጣ ገይራቶ ጸኒሓ፡፡ መመረቕትኣ፡ መመረቕታ ትምህርትን መመረቕታ ፍቕርን ገይራቶ፡፡ ስድርኣን መሓዙታን ኑቲ ነጥሪ ምስኣ ዝርእይዎ ዝነበሩ ወዲ ተባዕታይ ኣብ መመረቕታኣ ካትም ክወድየላ ተዓዘቡዎ፡፡ ንዘረባ ዘረባ ምስ ኣምጽኡ፡ ስድራኣን መቕርባን ብዘይካ ኣብ ሳዋ መምህራ ምንባሩ ካልእ ዝፈልጥዎ ኣይተረኸበን፡፡ ንስድራኣ፡ ኣብ መመረቕታኣ ሓደ ንዓኣ ዝደሊ ሰብ ክመጽእ ምኻኑ ቅድሚ ክልተ መዓልቲ ናይ መመረቕትኣ'ያ ነጊራቶም፡፡ ዝሓሰቡዎ ካብ ምትግባር ድሕር ከም ዘይርብል ዝፈልጡ ስድራኣ፡ ፍቓዳ ካብ ምምላእ ሓሊፎም ዝጉበርዎ ኣይነበሮምን፡፡ ኣብ መመረቕታኣ ኩሉ ነገር ኣንፈት ሒዙ፡፡ ኣብ ዝጉበርዎ ኩሉ ንጥፈታት ስድራ ቤቶም ሰብ ሰናይ ድሌት ጥራሕ እናኸኑ ንኹሉ ድሌታት ደቆም ጸቡቕ ድሌት ሓዊሶምሉ፡፡ ሳዋ ንዝበጽሑ ደቆም፡ ኪኸዶ ትምህርቲ ካልእ ኣብ ህይወቶም ንዘጋጥም ዓበይቲ ውሳኔታት ብልቦና ከም ዝዋጽእዎ ኣሚኖምሎም፡፡ ኣብ መውዳእታ ፍቕሪ ሳዋ ብምስጢር ኣብ ልብታቶም ሰለይ ክብል ድሕሪ ምጽናሑ፡ ቅድሚ ሰለስተ ወርሒ መዓልቦ ረኺቡ፡፡ "ተመሃራቱ ዝነበረት፡ መምህራ ዝነበረ..." ዝብሉ ሓረጋት መግለጺ እቲ መርዓ ነይሮም፡፡

## ተክኖሎጂ


# ገለ ካብ ኣገረምቲ ምህዞታት 2018

ሚከኤል በርሀ (ወዲ በርሀ)

### 1. ዶልፊ፡ ሓጻቢት ክዳውንቲ

ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ካብ ዘጋጠሙና ተደጋገምትን ኣህለኽትን ስርሓት ሓደ ምሕጻብ ክዳውንቲ እዩ። ምሕጻብ ክዳውንቲ፡ ብፍላይ ብዙሕን እሞ ድማ ብኢድካ ዝሕጸብን እንተ ኮይኑ ኣዝዩ ኣድካሚ፡ ኣሰልቻዊ ብዙሕ ግዜ ዝሓትትን እውን እዩ። እዚ ዘለናዮ እዋን፡ እውን ጥርዚ ምዕባለ ስለዝኾነ ግና ዳርጋ ኩሎም ብጉልበት ዝስርሑ ነገራት እናተወገዱ እዮም ዝመጹ ዘለዉ። ከም ኣብነት ድማ ነዚ ዶልፊ ዝተሰምየ ሓድሽ ርኽበት ክንጠቅስ ይከኣል።

ዶልፊ ኣብ ምሕጻብ ክዳውንቲ ንዘጋጥም ሃልኪ ግዜን ጉልበትን ዘቃልል ሓድሽ ርኽበት እዩ። ዶልፊ ቅርጹን ዓቐኑን ልክዕ ከም ሳምና ኮይኑ ብሓገዝ "ኡልትራሶኒክ" ቴክኖሎጂ ንኩሎም ኣብ ክዳውንቲ ዝርከቡ ርስሓት ዝኣሊ ምህዞ እዩ። ንኣብነት ሓንቲ ዝረሰሐት ክዳን ብሓገዝ ዶልፊ ከነጽርያ ተደሊና፡ መጀመርያ ነታ ክዳን ኣብ ዝተወሰነ ዓቐን ማይ ነእትዋ። ብድሕሪኡ ንዕኡ ተባሂሉ ዝተዳለወ ባእታ ንንሰንሰላ። ቀጺልና ንዶልፊ ናብቲ ማይ ብምእታው ጸዓት ከም እትረክብ ብምግባር ንውልዓ። እታ መሳርሒት በቲ ዝረኸበቶ ጸዓት ተሓጊዛ "ኡልትራሶኒክ" ዝበሃሉ ጩራታት ብምስዳድ ነቲ ርስሓት ኣብ ውሽጢ ፍርቂ ሰዓት ዘይመልእ ተጽርዮ።




ካብ ውሽጢ ኣካላት ናይዛ ዶልፊ ተባሂላ ተሰምያ ዘላ መሳርሒት፡ ቀጻልን ብርቱዕን ዋሕዚ ድምጻዊ ማዕበል(ultrasonic sound waves) ተሰሪሑ ብምውጻእ በቲ ማይ ብምጉዓዝ ናብቲ ክዳውንቲ ይበጽሕ። ብሓይሊ ናይቲ ዝፍጠር ድምጻዊ ማዕበል፡ ሓያል ጸቕጢ ብምፍጣር ነቲ ርስሓት ካብቲ ክዳን ከምዝፈላለ ይገብሮ። በዚ ድማ እቲ መስርሕ ናይ ምጽራይ ብቐሊል መንገድን ብሓጺር ግዜን ይዛዘም ማለት እዩ።

እዛ ብክኢላታት ስዊዘርላንድ ዝተማህዘት ኣገራሚት ምህዞ፡ ኣብ ሕብረተሰብ ክህልዋ ዝኽእል ኣበርክቶ ልዑል ምኳኑ እዩ ዝእመን። በዛ መሳርሒት ዝጸረየ ክዳን ካብ ምትዕጽጻፍ፡ ካብ ምህሳስ ሕብሩ፡ ብሰንኪ ሕጽቦ ዝመጽእ እርጋን ነጻ ምኳኑ እዮም ክኢላታት ናይቲ ዓውዲ ዝሕብሩ።

### 2. ኣብ ኢድ እትእሰር ኮምፕዩተር


ታሪኻዊ ኣመዓባብላ ኮምፕዩተር እንተ ድኣ ተዓዚብና፡ ናይ ምግራም ስምዒታት ከም ዝወረና ርጉጽ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ኮምፕዩተር ዝተራእየ ገስጋስን ቀጻሊ ምዕባለን ንዓለምና ናብዚ በጺሓቶ ዘላ ምዕባለ ካብ ዘብጽሕዋ ኣገደስቲ ነጥብታት ስለ ዝኾነ። ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኮምፕዩተራት ብዓቐንን ብሓይልን እናተማሓየሻ እየን ዝመጻ ዘለዋ። ካብተን ኣብ 70ታት ዝነበራ ከክንዲ ገዛ ዝኾና ኮምፕዩተራት ናብ ኣብ ጁባኻ የእቲኻ ድላይካ ትገብረለን ኮምፕዩተራት እየን ማዕቢለን ዘለዋ።

እዛ ኣብዚ ቀረባ እዋን ዘወጸት ሲርኩት(circet) ተባሂላ ተሰምያ ዘላ ኮምፕዩተር ገለ ኣብነት

ካብቲ ኣብ ኮምፕዩተር ዝርአ ዘሎ ቀጻሊ ምዕባለ እዩ። እዛ ኣብ ጉንቦ ኢድ ልክዕ ከም ብራችለይት እትእሰር ምዕብልቲ ኮምፕዩተር፡ ኩሉ ኣገልግሎታ ልክዕ ከም ሓንቲ "ታብለት" ኮይና ናይ ምግልጋል ዓቕሚ ኣለዋ። ዘለወን ፍልልይ፡ ኣብ ታብለት እቲ ሓበሬታታት ኣብቲ ንመርኣዩ ተባሂሉ ዝተዳለወላ ስክሪን ኢኻ ትርእዮን ትቆጻጸሮን። ኣብዛ ልክዕ ንብራችለይት እትመስል ኮምፕዩተር ግና እቲ ኩሉ ሓበሬታን ትሕዝቶታት ናይታ ኮምፕዩተርን ኣብ ኢድና ኢና ንርእዮን ዘድልየና ትእዛዝ እንሰድድን።


ኣብ ታብለት ዘድልየና ትእዛዝ ኣብ ስክሪን ምስ ጠወቕና፡ ቡቶም ኣብ ትሕቲ ስክሪን ዝተገጥሙ ሰንሰራት ብምንባብ ዝተደልዩ ስርሓት ይሰላሰሉ። ኣብዛ ሓዳሽ ምህዞ ግና ካብዚ ዝተፈልየ እዩ። እዛ ኮምፕዩተር ካብ ውሽጣ እትዝርግሖም 8 "ፕሮክስሚቲ" ዝተባሃሉ ሰንሰራት ኣለዋ። ነቲ ኣብ ኢድና ዝተዘርግሐ ሓበሬታ (display ዝኾነ) ንምጥዋቕ፡ ንሓደ ካብቶም 8 እንተድኣ ዓጊትናዮ እቲ ሰንሰር ብትኽክል ኣበየናይ ቦታ ከም ዝተዓገተ፡ ንሓንጎል ናይታ ኮምፕዩተር (processer) ይሕብር። ፕሮሰሰር ናይታ ኮምፕዩተር ድማ ብልክዕ ነገራት ኣበየናይ ተቐሚጦም ከም ዘለዉ ስለ ዝፈልጥ፡ ስርሑ ብቐሊሉ የሳልጥ ማለት እዩ። በዞም ልዒሎም ዝተጠቐሱ መስርሓት ድማ እታ ኮምፕዩተር ግቡእ ስርሓ ተሰላስል። እዛ ኮምፕዩተር ሓይላ ካብተን ኖርማል ኮምፕዩተራት ዝተፈልየ ኣይኮነን። ሓይላ ኣብቶም ዓጢቓቶም ዘላ ክፋላት ኣካላታ ድኣ እምበር ኣብ ዕቤታን ምንኣሳን ኣይምርኮሰን እዩ።













## 3. በሊሕ ፕሮጀክተር (smart beam projector)

ኣብ ዝተፈላለየ ናይ መግለጺታት እዋን፡ ንሓበሬታና ብዝዓበየን ብዝጸፈፈን ንተዓዘብትና ከንርኢ ክንብል ፕሮጀክተራት ንጥቀም ኢና። እዞም ፕሮጀክተራት ኣብ ርእሲ`ቲ ዘለዎም ዕቤትን ክብደትን ቀጥታዊ ጸዓት ስለዝጠልቡ፡ ሓይሊ ኤለክትሪክ ኣብ ዘይርከበሉ እዋን ብዙሕ ክንሸገር ንርአ ኢና። ካብ ሕጂ ንደሓር ግና እዞም ልዒልና ዝጠቐስናዮም ጸገማት ክውገዱ እዮም።

እዛ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተማህዘት `ስማርት ቢም` ተባሂላ ተሰምያ ዘላ ፕሮጀክተር ብኹሉ መለክዒታት ኣዝያ ብልጽቲ ፕሮጀክተር እያ። ስማርት ቢም ፕሮጀክተር፡ ብምንኣሳን ብፍኹስታን መወዳደሪ የብላን። እዛ ብኹሉ ወገናታ 4.5 ሲ.ሜ እትዕቀን ፕሮጀክተር፡ 129 ግራም ጥራይ እያ`ውን እትምዝን። ኣብ ርእሲ`ዚ ምስ ሞባይላትን ካልኦት መሳርሒታትን`ውን ብስልኪ ኣልቦ መረዳድኢ ቋንቋ(wireless) ብምርኻብ፡ ትሕዝቶታት ናይቶም መሳርሒታት ከተንጸባርቐ ትኽእል።




ስማርት ቢም ንእተንጸባርቐም ትሕዝቶታት ፍሉይ መዕለቢ ኣይትደልየሎምን እያ። ኣብ ዝኾነ ዓይነት መንደቕ ወይ`ውን ጋራዲ ነገር ከተንጸባርቖም ትኽእል። ኣብ ርእሲ`ቲ ዘለዋ ብሉጽን ንጹርን ምንጽብራቕ ክሳብ 100 ኢንች ዝዘርጋሕ ዓቐን ስክሪን እውን ክትፈጥር ትኽእል እያ። ክንደይ ዓቐን ኢንች ትፈጥር፡ ኣብ ዘለኻዮ ርሕቀት ማለት ካብቲ ጋራዲ ነገር ክሳብ ክንደይ ርሒቕካ ኣለኻ እዩ ዝምርኮሶ። ከም ተወሳኺ`ውን ሓይሊ ኤለክትሪክ ኣብ ዘይብሉ እዋን ይኹን ቦታ ክትጥቀመላ ዘኽእል ቻርቻብል ባትሪ ተገጢምላ እዩ። ሓንሳብ ቻርጅ ምስ ገበርካያ ክሳብ ክልተ ሰዓት ናይ ምጽናሕ ዓቕሚ ኣለዋ።

# መላሳ

## ተንካፊት ዛንታ

# እቲ ሽማግት ሲዲ

ሓደ ኮተቴ ናብ ሓደ ድኳን ሲ.ዲ. ክገዝእ ምስ ኣተወ ብውሽጢ እቲ ባንኮ ሓንቲ ጕርዞ ርኣየ። እዛ ጕርዞ ፍሽኽ ምስ በለት ልቡ ምልሕ በለቶ። ኣብ ዓለም ከምዚ ዝበለ ጽቡቕ ፍሽኽታ የለን ኢሉ ሓሰበ'ሞ፡ ሽዓ ንሻዓ ክስዕማ በሃገ። ጕርዞ ገና ፍሽኽ ኢላ ንዘእዝዞ ትእዛዝ ክትሰምዕ ትጽበ ነበረት።

"እ...ም... ሲ.ዲ. ክገዝእ ደልየ'የ ነይረ" ብምባል ካብ ጁባኡ ሰልዲ ኣውጺኡ ኣቐበላ። ድሮ ዘድልዮ ሲ.ዲ. ካብ'ቲ ኣኹብሕ ናይ'ቲ ድኳን ኣልዒሉ ነበረ።

"ክሽፈን ትደልዮ እንተ'ኼንካ ክጥቕልለልካ" ብምባል ምቕልል ኢላ ሓተተቶ። ወዮ ኮቴተ ንተወሳኺ ካልኢታት መጽንሒ ምኽንያት ግዲ ረኺቡ፡ ጸሓይ ዝመስል ፍሽኽታኣ እናረኣየ ነታ ሲ.ዲ. ኣቐበላ። ንሳ ነታ ሲ.ዲ. ሒዛ ናብ ድሕሪ እቲ ባንኮ ተኸወለት። ቀሩብ ጸኒሓ ብመጠቕለሊ እተሸፈነ ሲ.ዲ. ሒዛ ብምምጻእ ሃበቶ። ንሱ ሲ.ዲ. ተቐቢሉ ናብ ገዛኡ ኣምርሐ። ካብታ መዓልቲ እቲኣ ጀሚሩ መዓልታዊ ኣብታ ድኳን እናመጽአ ሲ.ዲ. ምግዛእ ስርሑ ገበሮ። ንሳ ኸኣ ነቲ ልቡ ዝኣተዎ ፍሽኽታኣ እናሻዕ እና'ድመቐት፡ ዝገዝኦ ሲ.ዲ. ብድሕሪ ባንኮ እቲ ድኳን እናተኸወለት ጠጠቕሊላ ተረክቦ ነበረት። እቲ መዓልታዊ ዝገዝኦ ዝነበረ ሲ.ዲ. ኣብ መደቀሲኡ ኣብ ዝርከብ ኣርማድዮ የቐምጦ ነበረ።

ነዛ ልቡ ዝኣተወት ጕርዞ ሻሂ ክስትያ'ኳ እንተ ደለየ፡ ንኽሓታ ሓፈረ። ድልየት ኣመና ዓዚዙ እናሃለወ፡ ግን ኣይከኣለን። ኣደኡ ነገራት ወዳ ተስተውዕለሉ ስለ ዝነበረት፡ ምስጢሩ እንታይ ምዃኑ ፈሊጠት እሞ፡ "ሕተታ፡ ንሳ እንታይ ትሓስብ እንታይ ትፈልጥ?" ብምባል ኣተባብዓቶ። ንጽብሒቱ ድማ ክሓታ ወሰነ።

ኣብዛ መዓልቲ ኮሉ ትብዓቱ ኣኻኺቡ ናብቲ ድኳን ከደ። ከም ኣመሉ ሓንቲ ሲ.ዲ. ኣልዒሉ ሰልዲ ሃባ። ንሳ ኸኣ ክኣቱ እንከሎ ኣትሒዛ ዓይኒ ዓይኑ እናረኣየት ነቲ ኣብ ልቡ ዝኣተወ ዘጸብቐላ ፍሽኽታኣ ብምልጋስ፡ ነታ ሲ.ዲ. ተኸዊላ ድሕሪ ምጥቕላል መለሰትሉ። ንሱ ኸኣ ነታ ሲ.ዲ. ክትጥቕልል ኢላ ሕቛኣ ምስ ሃበቶ ናይ ገዛኡ ተለፎን ኣብ ወረቐት ብምጽሓፍ ኣብ ጣውላ ኣቐሚጡ፡ ነታ ሲ.ዲ. ምስ ሃበቶ ተቐቢሉዋ ቀልጢፉ ተሰወረ።

እዛ ጕርዞ ኑቲ ንሱ ክወስዶ ዘይከኣለ ስጉምቲ ባዕላ ክትጅምረሉ ግዲ ሓሲባ፡ በታ ዝገደፈለ ተለፎን ደወለት። እታ ተለፎን ጸውዐት። ኣደኡ ንልዓት ብምልዓል "ሃለው?" በለት። እታ ወዳ ዝፈተዋ ድኳን እትሕሉ ጕርዞ ምዃና ምስ ፈለጠት ኣደኡ ክትብኪ ጀመረት።

"ኣይፈለጥክን ዲኺ? ወደይ ትማሊ እንድዩ ዓሪፉ።"

ኣብ'ቲ መስመር ተለፎን ብዘይካ ንኽንኽታ ኣደኡ ዝስማዕ ኣይነበረን። ንዳሕራዩ ኣደኡ ኣብ ዙርያ ወዳ ክትከውን ብምባል ናብ መደቀሲ ክፍሊ ወዳ ኣተወት። ኮሉ ንወዳ ዘዘክራ ነገራት ክትርእዮ፡ ክትሕዞን ክትሸትቶን ኢላ ብኽዳውንቱ ኣቢላ ጀመረት። ኣርማድዮኡ ምስ ከፈተት ብዙሕ ተጠቕሊሉ ዘይተኸፈተ ሲ.ዲ.ታት ተደርዲሩ ጸንሓ። ሓንቲ ካብተን ሲ.ዲ.ታት መዚዛ ኣብ ዓራት ወዳ ኮፍ ብምባል ከፈተታ።

"ሃይ... ምቁር ወዲ ኢኻ ትመስል፣ ምሳይ ሻሂ ክትሰቲ ምደለኻዶ? .... ትፈትወካ ሜሪ!" ዝብል ጽሑፍ ዝሓዘ ወረቐት ምስቲ ሲ.ዲ. ጸንሓ። መመሊሳ ኑቲ ዝተረፈ ሲ.ዲ.ታት እንተ ከፈተት፡ ለውጢ ኣይነበሮን። ኩሉ "ሃይ... ምቁር ወዲ ኢኻ ትመስል፣ ምሳይ ሻሂ ክትሰቲ ምደለኻዶ? .... ትፈትወካ ሜሪ!" ይብል ነበረ።

⊙ reallifelovestories.com

**መንእሰይ**

መን ኣሎ ከማኻ
ንኹሉ ዝኽእል ንሸግር ማሕለኻ
እንትርፎ ክሰርሕ ዘይትብል ከዕርፍ
ስጉም ጥራይ ንቕድሚት ተወንጨፍ
ይብል መንእሰይ ናይ ብሓቒ ንዕቤት ትጸድፍ

ጾዳል እንዲኻ ብርሃን ሃገር
ዓቢ `ዩ ሞያኻ  ከም ተሰኮሚ ማእገር
ትልሚ ናይ ትማል ኣብ ምግዛሙ ትኣብር
ዘይ ናትካ ዘበለ ኣይትኣምነሉን
ኣዕልን ታሕትን ትብል ንምዕባለ ክትውንን
ቂያታት ትሰርሕ ንዓለም ዘወናውን

ዕድመ ንእስነትካ ብዘፈቓዶ
ብበልሕን ብሓይልን ትኸዶ
የለን ዝዳረግ ምሳኻ ፡ ኣብ ቀረባ ኮነ ኣብ ማዕዶ
ትግበር ንእስነትካ ክሳብ ሽምግልና ትወስዶ

ኢንጂ በረኸት ሃብተጽዮን

# ኣነ ከፍቅሮ ዝብህን ወዲ...?

1. ማይ እናሃረመ ኣብ ደገ ምሳይ ዝውቃዕ፣

2. ምሳይ ኩይኑ ጸብሒ ዝሰርሕ ወይ ዝሰርሓለይ፣

3. ምስ ራድዮ ወይ ተለቭዥን ክደርፍ ዘፍቕደለይ፣

4. ወትሩ ልበይ ዘንጠጥሉ፥ ሃንደበት ዘሐጉሱ፥ ነገራት ገይሩ "ሳርፕራይዝ" ዝገብር፣

5. ኣብ ኣሰልቻዊ መዓልታት ምሳይ ኮፍ ኢሉ ፊልም ዝዕዘብ፣

6. ደቀቕቲ ነገራት ዘይርስዕ፣

7. ንፍርሒይ ክገጥሞም ዘተባብዓኒ፣

8. ቃልሰይ ምሳይ ኩይኑ ዝጅምሮም፣

9. ምሳይ ምጽዋትን ምቅላስን ዘይምነዎ፣ ማይ ምግጭጫጭ፥ ብሙተርኣስ ምትህርራም፥ ቅድድም ጉያ፥ ማማ ኩተማ ምሳይ ምጻዋት፥ ወዘተ. ዝፈቱ፣

10. ፍቕራዊ ደብዳቤታት ብፖስታ ሳጹነይ ዝልእከለይ፣

11. ወትሩ ኣብ ርእሱ ዘሎ ዝዛረብ፣

12. ኩዓኑ ክኽደን ዘፍቕደለይ፣

13. ብስዕሞኡ ዘረባይ ዝኹልፍ፣

14. "ፍትውተይ፥" "ድራረይ፥" "ፍቕርተይ፥" "ምቅርተይ፥" "ወለላይ፥" "ንግስተይ፥" "ዓለመይ፥" "ብሌን ዓይነይ፥" "ሓላለይ፥" "ዝያዳይ፥" "መቕሰነይ፥" "መኽሰበይ፥" "ሩሒይ፥" ወዘተ. እናበለ ልበይ ዘረስርስ፣

15. "ድሓን'የ፥" እናበልኩዎ፥ "እንታይ ኮይንኪ ደኣ!" ኢሉ ኣብዛ ሕቑፉ ኣእትዩ ዘሐንቅቕኒ፣

16. ሓደ ሓደ ግዜ ከም ቈልዓ ዝኣልየኒን ዝሕሉወኒን፣

17. ሓደ ሓደ ግዜ ከም እኽልቲን ብስልቲን ዝጥምተኒ፣

18. ጾግ ኢሉ ዝሰምዓኒ፣

19. ልዕሊ ኹሉ ኸኣ ዓጸፋ ዘፍቅረኒ፣

20. ምስ እናገበርና ኩሓዝለኒ ዝብርሆ።

***

J.S.

# ንፋለም'ዶ?



## ብሰዱኮ

- ኣብ ሓደ ሳንዱቕ ካብ 1-9 ይምላእ፣
- ንትኹልን ንጋድም፥ ሓደ ቁጽሪ ኣይድገምን

| | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 9 | | | | 4 | | | | 6 |
| | | 4 | | | | 5 | | |
| | 1 | | 7 | 6 | 5 | | 8 | |
| | | 6 | | | | 7 | | |
| 7 | | 8 | | 5 | | 2 | | 9 |
| | | 1 | | | | 4 | | |
| | 8 | | 4 | 7 | 1 | | 9 | |
| | | 7 | | | | 8 | | |
| 4 | | | | 2 | | | | 7 |

## ብፈልፋሊት ቁጽሪታት

- እዞም ኣብ ካልኣይ ሳንዱቕ ቡብመስመር ዘለው ቁጽሪታት፥ ምስቶም ኣብ ቀዳመይ ዘለው ይዛመዱ እዮም፣
- ነዚ ናይ ክልተኦም ዝምድና ብምኽታል ኣብ ሳልሳይ ሳንዱቕ መካመን ቁጽሪታት ክኣትዉ ይግባእ ኣለሊ.

| | | |
|---|---|---|
| 1 | 3 | 2 |
| 2 | 0 | 1 |
| 1 | 6 | 1 |

→

| | | |
|---|---|---|
| 2 | 6 | 4 |
| 4 | 0 | 2 |
| 3 | 2 | 2 |

→

| | | |
|---|---|---|
| | | |
| | | |
| | | |

## ብኣልጀብራ

- 1 ምስ 5 ተደሚሩ 12 ኣይመጽእን'ዩ። ኣብዞም ኣብ ሰደቓ ዘለዉ ቁጽሪታት ኑናቶም ዝምድና ኣሎዎም። ዝምድናኦም ብምልላይ ኑቲ ምልክት ሕቶ ዘሎዎ ምልኡ?

| | |
|---|---|
| 1 + 5= | 12 |
| 2 + 10= | 24 |
| 3 + 15= | 36 |
| 5 + 25= | ?? |

# ቋንቋ ጥበብ

## “ስፍሓት ኣድማስ ካብ’ቲ ዝሰኣለና ኣዝዩ ይዓቢ’ዩ።”

– ሄንሪ ዴቪድ ቶርዩ

ኣብ ሓደ ቦታ ኳንካ ጸሓይ እናዓረበት ትምልከታ ነበርካ። እታ ጸሓይ ቡቲ ማዕዶኻ ዝነበረ ጎቦ ተጸጊዓ ክትዓርብ ትርኣየካ ነበረት። ነጢቕካ ናብታ ጎቦ ምስ በጻሕካ ግን እታ ጸሓይ ኣብቲ ጎቦ ኣይጸንሓተትካን። እኳ ደኣ ቡቲ ካብኻ ኣዝዩ ዝረሓቐ በረኻ ዓድኻ ኣቢላ ክትሰቱኽ ተራእየትካ። መሊስካ ነጢቕካ ኣብ’ታ ዘማዕዳኻያ ገረብ ዓለቦ። ሕጂ’ውን እንተኸነ ጸሓይ ኣብታ ገረብ ኣይጸንሓተትካን። ቡቲ ርኢኻዮ ዘይትፈልጥ ዝረሓቐ ዘይትፈልጦ መሬት ኣቢላ ትዓርብ ነበረት። እቲ ፈለማ ማዕዶኻ ዝነበረ ጎባ ጫፍ መሬት ኣይነበርን፣ እንታይ ደኣ ጫፍ ናይቲ ኣብታ ቦታ ኳንካ ክትርእዮ እንትኽእል ደረት ትርኢትካ’ዩ። ኣብኣ ምስ በጻሕካ ኸኣ ቡቲ ጫፍ ናይ ደረት ትርኢትካ ኣቢላ ክትሃትፍ ተራእየትካ፣ ንሱ’ውን መወዳእታ መሬት ኣይነበረን። እኳ ደኣ ድሕሪኡ ርኢኻዮን በጺሕካዮን ዘይትፈልጥ መሬት ጸኒሑካ። ኪዋዮኡ እንተ ኸድካ’ውን መመሊሱ ዝሕድሰካ ደረት ኢኻ ክተማዕዱ። ብዘኸነ ኣድማስ ድማ ከምኡ እዩ። እቲ ጫፍ ናይ ኣድማስ ዝመሰለካ፣ እቲ ንስኻ ክትበጽሖ ዝኸኣልካ ጫፍ እምበር ጫፍ ኣድማስ ኣይኮነን።

ኣድማስን ኣእምሮ ወዲሰብን ክመሳሰል ሰሚዕካ ትኸውን ኢኻ። ብርግጽ ይመሳሰል እዩ። ኣእምሮና ልክዕ ከም ኣድማስ ደረት የብሉን። እቲ በጺሕናዮ ኢልና እንፈልጦ ጫፍ ፍልጠትና፣ ኣተሓሳስባና፣ ትዕዝብቲና ኩነ ግንዛበና፣ እቲ ንሕና ንፈልጦ ጫፍ እምበር ኣእምሮና ክበጽሖ ዝኽእል ጫፍ ኣይኮነን። ስለዚ ኣብ ሓደ ደረጃ ምስ በጻሕካ፣ እቲ ዝበጻሕካዮ ደረጃ መሳግሮ እምበር መወዳእታ ንስኻ ክትበጽሖ ወይ ክትገብሮ ትኽእል ኣይኮነን። ክንደይ ኳብኡ ዝዓቢ ርኸበት፣ ክንደይ ኳብኡ ዝዓቢ ዓወት፣ ክንደይ ኳብኡ ዝበልጽ ኣተሓሳስባ ገና ተደጒሉ ይጽበየካ ኣሎ። ኣስተውዕል፣ ሰብ እቲ ተኣምራታዊ ህዋሱ መወዳእታ ንኽህሉዎ ኣይተሰርሐን። እቲ መወዳእታ ናይ’ቲ ካልእ መጀመርታ እዩ።

***

## ኣብ ዘይናቱ

ዝተቑምጠዐ፣ ገና ዘይጠጠዐ

ዝተተኸለ፣ ገና ዘይፎኾኸ፣

እቲ ኣየጽልል፣ እቲ ኣይሰንከት፣

ዝፎኾኸ፣ ግን ዘይፈረየ

ዘጉላዕለዐ፣ ግን ዘይተሰንከተ

እቲ ኣይስላዕ፣ እቲ ኣይብላዕ፣

ኩሉ ኮንቱ

ኣብ ዘይናቱ።

***

ሱራፌል ተ. /ጥቅምቲ 2012/

## መልሲ ‘ንፋለም’



ፈልፉሊት ቍጽሪ



ኣልጀብራ

| | |
|---|---|
| 1 + 5= | 12 |
| 2 + 10= | 24 |
| 3 + 15= | 36 |
| 5 + 25= | 60 |

8th FESTIVAL ERI YOUTH

# መንእሰይ፡ጸዓት ዘላቒ ዕብየት!

# الشباب: قوة دفع التنمية المستدامة

## Youth : the vigor of sustainable development

# 8th ERI·YOUTH FESTIVAL

## JULY 13-15 2018

# SAWA

الشباب: قوة دفع التنمية المستدامة
Youth : the vigor of sustainable development
መንእሰይ፡ጸዓት ዘላቒ ዕብየት!